# ወ ይ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1065 | www.woyengazeta.org | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

# “ክብርታት ውድብ ህወሓት ብሓዱሽ ወለዶታት ትግራይ ተዓቂቡ ክቕፅል ምርብራብ ይሓትት፡፡”

ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት፤ ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል

መሊእና ዘይሰገርናዮ ሕሉፍ ጉዕዞ 50 ዓመት ሓያልነትን ተፃዋርነትን ህዝቢ ትግራይ ብምሓዝ፣ ክብርታት ውድብና ብሓዱሽ ወለዶ ትግራይ ተዓቂቡ ብምቕፃል ትንሳኤ ትግራይና ክነግህድ ክንረባረብ ኣለና፤ ክብሉ ኣቦመንበር ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ገሊፆም።

ዶ/ር ደብረፅዮን ነዚ ዝገለፁ፤ ምጅማር ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዩቤልዮ 11 ለካቲት 2017 ዓ/ም ኣብ ከተማ መቐለ ስታድዮም ትግራይ ብፍሉይ ድምቀት ኣብ ዝተኽበረሉ እዋን እዩ።

ወፅዓን መፅቀጥትን ህዝቦም ምሒር ተሰሚዕዎም ሓሙሽተ ብረት ሒዞም ንበረኻ ወፂኦም ቃልሲ ዝጀመሩ 11 ተጋደልቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተፃዒኑ ዝነበረ ኩለ መዳይ ጥፍኣትን ዕንወትን ንምቕራፍ ከምዝኾነ ዘዘኻኸሩ ዶ/ር ደብረፅዮን፤



እዞም ሓቀኛ ዕላማ ዝተሓንገጡ ውሑዳት ደቂ ህዝቢ መሬት ንሓረስታይ ንምክፍፋል መሰል ዓርሰ ውሳነ ንምኽባር ሰብኣዊን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምርግጋፅ ዓሊሞም ታሪኽ ኣብ ዝዓደላ በረኻ ደደቢት ሽግ ሓርነት ብምውላዕ ህዝቢ ትግራይ ካብ ምብትታንን ጠቕሊሉ ካብ ምጥፋእን ዘድሓነ ህዝባዊ ቓልሲ ብምጅማር ህልውንኡ ምርግጋፁ ሓቢሮም።

ህወሓት ኣብ መስመሩን ፅንዓቱን ሓያል ውድብ ከምዝኾነ ዝሓበሩ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ህዝቢ ትግራይ ዝተወደበ ህዝቢ ተዓዋታይ እዩ ኢሉ ስለዝኣምን ከምዝተዓወተ ወሲኾም ሓቢሮም። ህወሓት ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ ንፈለማ ግዜ ወዲቡ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ ኣረጋፁ ኣብ ዓወት ዘብፀሐ ህዝባዊ ታሪኻዊ ውድብ ከምዝኾነ ድማ ኣረዲኦ።

ህዝቢ ትግራይ ብውድብና ህወሓት እናተመርሐ ልዕሊ 60 ሽሕ መስዋእቲ ህይወት፣ ልዕሊ 100 ሽሕ ኣካላዊ መጉዳእቲ ብምኽፋል ዋርድያ ብሄራዊ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር





# ህዝባዊ ዘተ ዱሮ 11 ለካቲት ወርቃዊ እዮቤልዩ!

* “ፈተናታት ዘስግር ብሕታዊ መንገዲ ህዝባዊ መስመር ህወሓት እዩ፤” ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ገ/እግዝኣብሄር
* “ህወሓት ሃገር ዘድሕን ፖሊሲ ሓንፂፁ ዘተግበረ ውድብ እዩ፤” ዶ/ር ኣብርሃም ተኸስተ
* “መግለፂ ህዝቢ ትግራይ ዘይኮኑ ኣከያይዳታት ‘ኣይናትናን’ ንበሎም፤” ዶ/ር ኣዲስ ኣለም ባሌማ

ውድብ ህወሓት ብዙሓት ከበድቲ ፈተናታት እናሰገረት፣ ዓበይቲ ለውጢታት እናመዝገበት ዝወፀት፣ 50 ዓመት ብፅንዓትን ፈተናታትን ብምጉዓዝ ኣብዚ ሐዚ ዘላቶ ብርኪ ዝበፅሐት ጠንካራ ውድብ ምኳና ሓላፊት ቤት ፅሕፈትን ኣባል ፈፃሚት ስራሕን ህወሓት ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ገ/እግዝኣብሄር ገሊፃ።

ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ነዚ ዝገለፀት፤ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዩቤልዮ ልደት ውድብ ህወሓትን ምጅማር ዝተወደበ ብሄራዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ምኽንያት ብምግባር ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣብ ዝተኻየደ ፓነል ምይይጥ እዩ።



ዶ/ር ኣብርሃም ተኸስተ



ዶ/ር ኣዲስ ኣለም ባሌማ

“ውድብ ህወሓት 50 ዓመት ናይ ፅንዓትን ዓወትን ዓመታት ተሳጊራ ኣብዚ ብርኪ በፂሓ ኣላ፤” ዝበለት ተጋዳሊት ፈትለወርቅ፤ ኣብዚ ጉዕዞ 50 ዓመት ብዙሓት ፈተናታት እናሰገረት፣ ዓበይቲ ተኣምራዊ ለውጢታት እናመዝገበት ህዝባዊ ዕላማ ተሓንጊጣ ዝተጉዓዘት መርኣያ ፅንዓት ምኳና ኣብሪሃ።

ኣብቲ ፓነል ምይይጥ ካብ 1967 ዓ/ም ክሳብ 1971 ዓ/ም ዝነበሩ ዓመታት ህልውና ውድብ ህወሓት ናይ ምርግጋፅ ምዕራፍ ከምዝኾነ ተጋዳሊት ፈትለወርቅ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



**50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፤ ፅንዓትን ዓወትን!**

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጐ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

25 ለካቲት 2017 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1065
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

## መልእኽተ ወይን

# ህወሓት ሕዚ እውን ናይ ወለዶታት ውድብ ኮይና ክትቕፅል እያ!!

**ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዮ በዓል 11 ለካቲት ዝተውሃበ ውድባዊ መግለፂ**

ውድብና ህወሓት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዮ በዓል 11 ለካቲት ንመላእ ህዝብና፣ ኣባላትናን ደገፍትናን እንትተብስር ዝለዓለ ክብርን ሓበንን ይስመዓ።

11 ለካቲት ልደት ውድብና ህወሓትን ዝተወደበ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ ዝተጀመረላን ሽግ ሓርነትና ዝተወለዐላን ዕለት ብምዃና ንዝሓለፉ 50 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ብዝለዓለ ድምቀት እናኽበራን እናዘከራን እዩ መፂኡ። እነሆ ሎሚ መበል 50 ዓመት በዓልና "50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን" ብዝብል መራሒ ሓሳብ ንሓደ ዓመት ምሉእ ማለት እውን ካብ ለካቲት 2017 ዓ/ም ክሳብ ለካቲት 2018 ዓ/ም ክኽበር ብውድብና ብዝተወሰነ መሰረት ብልዑል ናይ ቃልሲ ወነ ምኽባር ጀሚርና ኣለና።

11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ብመሪሕነት ህወሓት ዝተጀመረ ዝተወደበ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ መቐፀልታን ውፅኢትን ናይቲ ህዝቢ ትግራይ ንዘበናት እናካየዶ ዝመፀ ቃልሲን ዝኸፈሎ መስዋእትን እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ዋላ እኳ ብዙሓት ፈተናታት ክሰግር ዝተገደደ እንተኾነ ሳላ ብፅንዓት ዝመከተ ግና ትግራዋይ መንነቱን ኽብሩን ሓልዩ ክዘልቕ ዝበቕዐ ህዝቢ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘበነ ኣክሱማዊ ስልጣን ይኹን ቅድሚኡ መሰታ ወይ እውን ልዕሊ. እቶም ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ስልጣነታት ዓለም በፂሑ ከምዝነበረ ብታሪኽ ዝተረጋገፀ ሓቂ እዩ። ቕድሚ ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ ዓመታት ቅድመ ኣክሱማዊ ተባሂሉ ኣብዝፍለጥ ስልጣነ ደኣማታውያን ህዝቢ ትግራይ ጥንኩር ሕጋውን ፖለቲካውን ውዳበ ዝንበሮ ጥንታዊ ሕብረተሰብ ምንባሩ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ትግራይ ዝርከቡ ቅርስታት ህያው ምስክር እዮም። ኣክሱማዊ ስልጣነ ድማ ካብ ቅድመ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ንልዕሊ ሓደ ሽሕ ዓመት ዝዘለቐት ብፍላይ ኣብ መወዳእታ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ድማ ካብተን ሽው ዝንበራ ኣርባዕተ ሓያላት መንግስቲ ዓለም /ሮም፣ ፋርስን ቻይናን/ ሓደ ብምንባራ ህዝቢ ትግራይ በፂሕዎ ዝነበረ ጠርዚ ምዕባለ ዘርኢ እዩ። ጥንታውያን ኣክሱማውያን ናይ ባዕሎም መበቆል ፍልስፍና ዝነበሮምን ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲታት ዓበይቲ ምዕባለታት ዘመዝገቡን እዮም ነይሮም። ኣብ ንግዲ፣ ሕርሻ፣ ምርባሕ እንስሳ፣ ምህንድስና፣ ስራሕቲ መርከብ፣ ስራሕቲ ሓፂን መፂንን ጥርሙዝን፣ ካብ ክባራት መዓድናት ዝተሰርሑ ሳናቲም፣ ኣብ ምርምር ስነ ኮዋክብቲ፣ ኣብ ሒሳብ፣ ኣብ ስራሕቲ ስነ-ፅሑፍ ቋንቋን ፊደል ቀረፃን፣ ወዘተ- - - ተዋፊሮም ብብርኪ ዓለም መሪሕነቶም ዘረጋግፁ ምንባሮም ፀሓፍቲ ታሪኽ ዘረጋገፅዎ እዩ። ብወድዓውን ባዕላውን ምኽንያታት ስልጣነ ኣኽሱማውያን ምስተዳኸመ ግን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ቐፃልነት ዘለዎ ጉዕዞ ቑልቁለት ኣትዩ ሓሳሪ መከርኡ ኽርኢ ተገዲዱ እዩ። ኣብዚ ናይ ፀልማት ዘበን ካብ ውሽጢ ኣብ መንጎ መሳፍንቲ ብዝካየድ ሕድሕድ ኲናትን ካብ ደገ ብዝመፁ ወረርትን ምኽንያት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘይዛሪ ኩናት ክነብር፣ ኣደዳ ሞትን ሕሱም ድኽነትን ኮይኑ እዩ። ብፍላይ ድሕሪ ምስረታ ማእኸላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ብሄራዊ ዕብለላ ሱር ሰዲዱ ንብሄራዊ መንነቱ ዘጥፍእ ተኸታታሊ መጥቃዕቲታት እንዳበፅሐ ብቑጠባውን ማሕበራውን ምዝመዛታት ሰንሰን ኢሉ ብኲናት፣ ጥምየትን ሕማማትን ዝሳቐ ህዝቢ ክኸውን ተገዲዱ።

ህዝቢ ትግራይ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሕ በደልን መከራን ግን ኣሜን ኢሉ ዝተቐበለሉ ጊዜ የለን። ኣንፃር ናይ ውሽጢ ገዛእትን ናይ ደገ ወረርትን ናይ ምቅላስ ታሪኽ ዘለዎ ህዝቢ እዩ። ናይ ህዝቢ ትግራይ ታሪኽ ናይ እምቢ ኣይምብርከኽን፣ እምቢ ኣይግዛእን በሃላይነት ታሪኽ እዩ። እዚ ክብሪ እዚ ካብ ውሉድ ወለዶ ንኣሽሓት ዓመታት እናተሃነፀን እናተሰጋገረን ዝመፀ መግለፂ መንነት ህዝቢ ትግራይ እዩ። ናይዚ ናይ ቀረባ እዋን ሓደ መርኣያ ገይርካ ዝወስድ ብ1935 ዓ/ም ዝተወለዐ "ቀዳማይ ወያነ" ብዝብል ዝፍለጥ ህዝቢ ትግራይ ዘካየዶ ዓመፅ እዩ። ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓደርን ማዕርነት ኽረጋገፀሉን ብምሕታት ንብሄራዊ ጭቆና ተቓዊሙ ወይኑ ነቲ ስርዓት ነቕነቕ ክብል ገይርዎ ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ይኹን እምበር ዘውዳዊ ስርዓት ሃፀይ ሃይለስላሴ ነፈርቲ እንግሊዝ ብምምፃእ ኣብ መዓልቲ ዕደጋ ኣብ ከተማ መቐለ ብዘስካሕክሕ መልክዕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ደብዳብ ነፈርቲ ብምክያድ ምንቅስቓስ ወየንቲ ክዳኸምን ንግዚኡ እቲ ቓልሲ ኽድኅልን ኽኢሉ። ህዝቢ ትግራይ ተመሊሱ ርእሱ ኸየቕንዕ እውን ብሄራዊ ጭቆናን መግዛእትን ብዝኸፍአ መልክዑ ተጠናኺሩ ቐፂሉ።

ምሒር ወፅዓ ቃልሲ ክወልድ ግድን እዩ እሞ ቓልሲ ቀዳማይ ወያነ ንሳላሳ ዓመት ተደጉሉ ድሕሪ ምፅናሕ ቕድሚ 50 ዓመት ኣብ 11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ሽግ ሓርነት ዳግማይ ወያነ ተወሊዑ ልደት ህወሓት ክብሰር ኽኢሉ እዩ። ህወሓት ነቲ ንዘበናት ህዝቢ ትግራይ ዘካየዶ ዝነበረ ቓልሲ ብዝተወደበ መልክዕ ክቕፅልን ብቑዕ ኣመራርሓ ኽረክብን እዩ ገይሩ። ዝሓንፀዖም ህዝባዊ ዕላማታት ንምስኻዕ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምክያድ በቲ ሽው ኣብ ስልጣን ዝነበረ ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ዕፅው ስለዝተገበረ መማረፂ ስኢኑ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምር ተገዲዱ።

ብመሪሕነት ህወሓት ዝተኻየደ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ ንፁር ዕላማ፣ ኣገባብ ቃልስን ውዳበን ዝነበሮ፣ ብውሑዳት ጀሚሩ ንመላእ ህዝቢ ትግራይ በዓል ዋና ናይቲ ህዝባዊ ቓልሲ ዝገበረ፤ ከም ህዝቢ መስዋእቲ ብምኽፋል ኣብ ልዕሊኡ ተፃዒኑ ዝነበረ ኣርዑት ብሄራዊ ዕብለላን ደርባዊ ጭቆናን ቐንጢጡ ብምድርባይ ብሄራዊ መንነቱን ክብሩን ምሕላው ዘኽኣለ፤ ህዝቢ ትግራይ ካብ ክርፋሕ ናይ ድኽነት ናብራ ዘላቕቕ መንገዲ ዝጀመረ እዩ። ንኢትዮጵያ እውን ካብ ምብትታንን ጉዕዞ ቑልቁለትን ብምውፃእ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ኽትከል፣ ኣብ መላእ ሃገር ሰላም ክሰፍን፣ ስሉጥ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ልምዓት ተረጋጊፁ ህዝቢ በቢደረጅኡ ፍትሓዊ ተጠቃሚ ክኸውን፣ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዘረጋግፅ ህንፀት ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክጅመር፣ ወዘተ- - - ኣብ ምግባር ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኮርን መርኣያን ብምዃን ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ብብቕዓት ፈፂሞም እዮም።

መቑሕ ባርነት ንምስባር ብዝተኻየደ መሪር ተጋድሎ እቲ ዋርድያ ድሕረት ዝኾነ ኣሃዳዊ ሓይሊ ካብ ስልጣን እኳ እንተተወገደ ብተናፀል ይኹን ብውዳበ ነቲ ዝተጋገፀ ናይ ስርዓት ለውጢ ምቅዋም ኣቋሪፁ ኣይፈልጥን። ነቲ ለውጢ ኣብ ምምፃእ ግደ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ግልፂ ብምንባሩ እዚ ዘይወሓጠሉ ሓይሊ ምድሕርሓር ኣብ ልዕሊ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዘየቋርፅ ወፍሪ ፀለመን ተግባራት ጥፍኣትን ከካይድ ፀኒሑ። እዚ ሓይሊ በትረ ስልጣን እታ ሃገር ድሕሪ ምጭባጡ ሃፍቲ ሃገርን ኩሉ መንግስታዊ ዓቕሚን ብምጥቃም ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ብህዝቢ ኢትዮጵያ ንኽፅልኡን ንኽንፀሉን ብፅዑቕ ተረባሪቡ ቐሊል ዘይበሃል ምድንጋር እውን ፈጢሩ እዩ። በዚ ተደናጊሩ ፅልኣት ዘሕደረ ኣካል ድማ ትግራዋይ ክበሳበስ፣ ብግፍዒ ክቕተል፣ ክፈናቐል፣ ንዓመታት ሰሪሑ ዘፍረዮ ሃፍቱ ኽዝረፍ፣ ወዘተ- - - ተገይሩ። ትግራዋይ ካልኣይ ዜጋ ዝኾነላን ኩሉ ዓይነት ግፍዕን ኣድልዎን ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሓላን ሃገር ናብ ምዃን ተቐይራ። ኣብ መወዳእታ ድማ እዚ ብሄር ተኮር ጥቕዓታት ናብ ዝለዓለ ጭካነ ተሰጋጊሩ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ካብ ምድረ ገፅ ንምጥፋእ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ተኻይዱ ንኽልተ ዓመት ምሉእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ፍፁም ክባን ዕፅዋን ኣትዩ ካብ ቀልቢ ዓለም ሰዊርካ ትግራዋይ ንምጥፋእ ዘርዚርካ ዘይውዳእ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብልፍንታውያን ሓይልታት ፅንተት ተፈፂሙ።

ይኹን እምበር፤ እዚ ውህሉል ናይ ቃልሲ ተመኩሮ ዘሎዎ ንቑሕ ብመንነቱን ህልውንኡን ፍፁም ዘይደራደር ህዝቢ ትግራይ ዕላማ ናይቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኣወጀ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ንኽግንዘብ ጊዜ ኣይወሰደሉን። ኩሉ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃእን ዝነብር ህዝቢ ከም ንህቢ ዓሲሉ ከም ኣርቃይ ረቢቡ ሓፂናዊ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ብጀግንነት መኪቱ። ኣብ ሓፂር እዋን ገዚፍ ሰራዊት ሃኒፁ ንዓለም ዘስደመመ ቓልሲ ተኻይዱ ፅንተት ህዝብና ኽዕገት ኽኢሉ። ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ጨፍሊቕካ ምጥፋእ ከምዘይከኣል ደጊሙ ኣረጋጊፁ። መሪሕ ውድብና ህወሓት እውን ብተግባር ኩሉ ኣመራርሓን ኣባልን ውድብ ንባዕሉን ንህዝቡን ወዲቡ ኣብ መኸተ ክሰለፍን ክዋፍርን ገይራ ታኻዊ ግቡእ ፈፂማ እያ። ካብ መሰረትቲ ውድብ ነባራት ኣመራርሓ ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ዝነበሩ መሪሕነታን ኣባላታን ክቡር መስዋእቲ ህይወት ብምኽፋል ህዝባውነቶም ብደሞም ኣመስኪሮም። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ኣባላት ህወሓት ቅድመ ግንባር መናእሰይ ትግራይ ብምዃን ናብ ሰራዊት ተፀምቢሮም ግቡኦም ፈፂሞም። በዚ ድማ ህወሓት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ብምዃን መሪሕ ግዴኣ እትፃወት ውድብ ምዃና ደጊማ ኣረጋጊፃ።

ህዝቢ ትግራይ ብዘካየዶ መስተንክራዊ ቃልስን ዝኸፈሎ መስዋእትን ቕድሚ ኣስታት ክልተ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍረም ብምኽኣሉ ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣቲና ኣለና። እዚ ናይ ባዕሉ ዕድላትን ፈተናታትን ሒዙ ዝመፀ እዩ። እቲ ዝዓበየ ዕድል ቶኽሲ ጠጠው ኢሉ ኣብ ዝበዝሕ ኸባቢታት ትግራይ ዝነብር ህዝብና ሰላም ምርካቡ እዩ። ብተወሳኺ ዋላ እኳ ከምቲ ክኾኖ ዝግባእ እንተዘይኮነ ህዝቢ ዝተፈላለየ ግልጋሎታት ኽረክብ ምኽኣሉ እውን ብእወንታ ዝረአ እዩ።

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ግን ዘለናዮ መድረኽ ዓበይቲ ፈተናታት እውን ዝሓዘ እዩ። ስምምዕ ፕሪቶርያ ብግቡእ ክፍፀም ብዘይምኽኣሉ ፅንተት ህዝብና ብሰላሕታ ዝቕፅለሉን ስቓዩ ዝተናወሐሉን ኩነታት እዩ ዘሎ። ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዝነብር ዘሎ ህዝብና ብዙሕ ግፍዕን በደልን ይበፅሖ፣ ብሄራዊ መንነቱ ንኽቕየር ይግደድ ኣሎ። ዳግም ግዳይ ብሄራዊ ጭቆና ኮይኑ ይርከብ። ባዕሉ ኽኢሉ ህይወቱ ዝመርሕ ዝነበረ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመታት ብቑርን ሃሩርን እናተሳቐየ ብጥምየት ሓለንጊ እናተገረፈ ኣደዳ ሕማምን መከራን ኾይኑ ትሕቲ ህልዋት ዝኾነ ህይወት ኽነብር ተገዲዱ ኣሎ። ሕዚ እውን ወረርቲ ካብ ሕገ መንግስታዊ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ኣይወፁን። ኣብ ልዕሊ ህዝብና ንዝበፅሐ ጀኖሳይድ ተሓታትነት ንምርግጋፅ ዘኽእል መስርሕ ገና ኣይተጀመረን። ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስቲ ኢትዮጵያን ፖለቲካዊ ድርድር ኣይተጀመረን። ስራሕቲ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ብቕጥዑ ኣይተጀመረን። ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ፈራሚትን ተደራዳሪትን ዝኾነት ውድብ ህወሓት ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተሰረዘ ሕጋዊ ሰብነት ንምምላስ ፖለቲካዊ ድልየት ከምዘየለ ዘረጋግፁ ውሳነታት በብእዋኑ ብምውሳን ስምምዕ ፕሪቶርያ ናብ ሓደጋ ክወድቕ ዝገብር ተግባር ይፍፀም ኣሎ።

እቲ ካልእ ኣብዚ መድረኽ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ገጢሙና ዘሎ ዓብይ ፈተና ድማ ኣብ ውሽጢ ውድብና ዘጋጠመ ንውድብና ናብ ቀልቀል ምፍራስ ዘብፅሐ ሓደጋ እዩ። ዋላ እኳ ኣመራርሓን ኣባልን ውድብ ከምኡ እውን መላእ ህዝብና ውድቡ ንምድሓን ብዘካየዶ ዘይሕለል ቓልሲ ንውድብ ካብ ውሽጢ ንምፍራስ ዝነበረ

☞



**ህወሓት ተምሳሌት ፅንዓትን ዓወትን እያ!!**

ሽርሒ ክብርዕን እንተኽኣለ እቲ ሓደጋ ግን ከቢድ እዩ ነይሩ። ብዙሕ ሕልኽላኻት ብምስጋር "ጉባኤ ድሕነት" ብዝብል ዝተሰየመ ታሪኻዊ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤና ንውድብና ተመዓራርዩ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ክበፅሕ ገይርዎ እዩ። ሕዚ እውን ግን ህወሓት መድረኽ ዝጠልቦ ብቕዓትን ጥንካረን ንኽህልዎ ቐፃላይ ቃልስን ርብርብን ምክያድ ግድን እዩ። ብኣንፃር ህልውና ውድብ ምርግጋፅ እውን ዋላኳ ህወሓት ኣብ ልቢ ነብሲ ወከፍ ትግራዋይ ዝሰፈረትን ብቐሊሉ ዘይትፈርስን ውድብ እንተኾነት ተመሳሳሊ ድልየትን ዕላማን ዘለዎም ናይ ውሽጥን ናይ ደገን፣ ናይ ቀረባን ርሑቕን ተፃባእቲ ሓይልታት እንተኾይኑሎም ህወሓት ንምፍራስ ወይ ንህወሓት ዓርሲ ንምግባር ብኹሉ ዓቕሞም ይረባረቡ ስለዘለው ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ቃልሲ ኣጠናኺርካ ምቕፃል ግድን እዩ።

ህወሓት ን50 ዓመት ኣብ ቃልሲ ዝዘለቐትን ፈተናታት እናበድሀት ዓወታት እናመዝገበት ዝመፀትን ውድብ እያ። ሕዚ እውን ህዝባዊ ዕላምኣ ኣፅኒዓ ብምሓዝ ነቲ ሕዚ ገጢምዋ ዘሎ ፈተና ኽትሰግሮ እያ ጥራሕ ዘይኮነስ ነታ ንብህጋ ትግራይ ኽትጋሃድ ዝገብር ራእይ ሰኒቓ ናይ ቐፀልቲ ወለዶታት ውድብ ኾይና ከምትቕፅል ኣየጠራጠርን።

## ዝኸበርካ መርኣያ ፅንዓትን ጅግንነትን ዝኾንካ ህዝቢ ትግራይ፤

ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመት ብውድብካ ህወሓት እናተመራሕካ ተቓሊስካ ተኣምር ሰሪሕካ ኢኻ። መሰረታዊ ጠለባትካ እውን ክምለሱ ጀሚሮም ነይሮም እዮም። ሰላምካ ሓሊኻ ምሉእ ቀልብኻ ኣብ ልምዓትን ህንፀት ዲሞክራስን ገይርካ እናሃለኻ ኣብ ዝባንካ ዝወረደ መዓት ጀኖሳይዳዊ ኩናት ብሳላ ፅንዓትካ ኸዕገት ገይርካ ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ሰጊርኻ ኣለኻ። ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ትነብር ዘለኻ፣ ተሰዲድካን ተመዛቢልካን ዘለኻ ህዝብና እውን ኩነታት ክንዲ ዘፍቀደልካ ብፅንዓት ዘካየድካዮ ቃልሲ ሓበን ኩሉ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ስምምዕ ፕሪቶርያ ንኽትግበር እውን ብዝኽኣልካዮ ኹሉ ትቃለስ ኣለኻ። ሕዚ እውን ብስምምዕ ፕሪቶርያ መሰረት ክምለሱ ዝግበኦም ሕቶታትካ ግቡእ ምላሽ ንክረኽቡን ስግር ንሶም ዘለው ፖለቲካዊ ዕላማታት መኸተኻ ኣብ ሸቶኦም ንኽበፅሑን ቓልስኻ ክተሕይል ውድብካ ህወሓት እንትትፅውዕ ሎሚ እውን ከም ወትሩ ካብ ህዝባዊ ዕላማኣ ፈተኽ ከምዘይትብል ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ቃላ ብምሕዳስ እዩ።

## ዝኸበርኩም ኣመራርሓ፣ ኣባላትን ደገፍትን ህወሓት፤

ውድብኩም ህወሓት ህዝባዊ መትከላ ኣፅኒዓ ብምሓዝ 50 ዓመታት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን ዝዘለቐት ውድብ እያ። ኣብ ታሪኽ ቃልሳ መሰረታዊ ሕቶታት ህዝቢ ንምምላስ በቢመድረኹ ኣንፈታት እናነፀረት፣ ካብ ተመኩሮኣ እናተምሃረትን እናተመዓራረየትን ንቅድሚት ናይ እትግስግስ ውድብ ህወሓት ኣባላትን ደገፍትን ብምኽንኩም ኽትሕበኑ ይግባእ። ሕዚ እውን ውድብኩም ንፈተናታት እናሰገረት ከምወርቂ ኣብ ሓዊ እናተፈተነን እናተኾለዐትን ኽትቕፅል እያ። ውድብኩም ንምድሓን ዘካየድኩምዎ ቓልሲ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ብድሙቕ ቀለም ተፃሒፉ ወለዶታት ዝመሃርሉ ክኸውን እዩ። ሕዚ እውን ውድቡኩምን ንምዕራይን ንምጥንኻርን እጃምኩም ኽትፃወቱን ንህዝብኹም ብቕንዕናን ብልዑል ህዝባዊ ወነን ኽተገልግሉን ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ውድብኩም ፃውዒታ እንትተቕርበልኩም ሕድሪ ህዝብኹምን ስውኣት ብፆትኩምን ከምዘይተዕብሩ ብምትእምማን እዩ።

## ዝኸበርካ ተምሳሌት ጅግንነት፣ ፅዋርነትን ህዝባውነትን ዝኾንካ ሰራዊት ትግራይ፤

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝፈሰሰ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕታት ሓሪንካ ንህዝብኻ ካብ ፅንተት ንምድሓን ዝወፈርካ ሰራዊት ትግራይ ሳላ እቲ ንዓለም ዘገረመ መዘና ኣልቦ ፅንዓትካን ጅግንነትካን ምስ ሸሾ ሰራዊት ልፍንታውያን ሓይልታት ፅንተት ገጢምካ መኪትካ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ብመስዋእትኻ ክቕፅል ገይርካ ኢኻ። ሕዚ እውን ዝወፈርካሉ ዕላማ መኸተ ስለዘይተዛዘመ ዘይፅወር ፀይርካ ኣብ መትከልካ ፀኒዕኻ ኣብ ምቅላስ ትርከብ። ህወሓት ንኹሉ እቲ ዝፈፀምካዮ ድሙቕ ታሪኽ ዘለዋ ዝለዓለ ክብሪ እናገለፀት ትማሊ፣ ሎሚ ይኹን ፅባሕ ኣብ መሰረታዊ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ከምዘይትዋገን ዕላማት መኸተ ንምዕዋትን ስግር እዚ ዘለውና ባህግታት ንምስኻዕን ከም ውድብ ዝለዓለ ድልውነትን ውፍይነይን ከምዘለዋ ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ተረጋግፀልካ።

ዝኸበርኩም ስድራ ስውኣትን ስድራ ተጋደልትን፣ ጉድኣት ኩናት፣ ተጋደልትን ነባር ዓቕምታት ቃልስናን ቅድም ክብል ብዝኸፈልኩምዎ ከቢድ መስዋእቲ ሰላምና ተረጋጊፁ መፃኢ ብሩህ ጉዕዞና እናመዓደና ኣብ ልምዓትን ህንፀት ዲሞክራስን እናሃለና ብዝተኣወጀልና ጀኖሳይዳዊ ኩናት እንደገና ክባር ዋጋ ኽትከፍሉ ተገዲድኩም ኢኹም። ግን ድማ ሳላ ብፅንዓት ዝተቓለስኩም ፅንተት ህዝብና ተዓጊቱ እዩ። ጀጋኑ ሰለስተ ምዕራፍ ቃልስናን ናይ ሕዚ ወለዶን ተጎራሪስኩም ኣብ መኸተ ዝፈፀምኩምዎ ድሙቕ ታሪኽ መላእ ህዝቢ ትግራይ "እንኳዕ ናተይ ኮንኩም" ኢሉ ኮሪዑልኩም እዩ። ህወሓት እውን ነዚ ወርቃዊ ታሪኽኩም ዘለዋ ክበሪ እንትትገልፀልኩም ሓበን ይሰምዓ። ዋላ እኳ ዝኸፈልኩምዎ ዋጋ ብጣዕሚ ኽባር እንተኾነ ምእንት ሃለዋት ዝተኸፈለ ዋጋ ስለዝኾነ ክትሕበኑሉ ይግባእ። ሕዚ ድማ ሰላምና ውሑስ ንምግባር፣ ብኩናት ዝዓነወት ትግራይና ንምሕዋይ ዳግመ ህንፀት ንምክያድን ብሓፈሽኡ ዕላማታት መኸተና ኣብ መፈፀምታ ክሳዕ ዝበፅሕ ቃልስኹም ክተሐይሉ ውድብኩም ህወሓት ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ፃውዒታ ተቕርበልኩም ኣላ።

## ዝኸበርክን መርኣያ ፅንዓት፣ ብልሓትን ጅግንነትን ዝኾንክን ዋዕሮታት ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ፤

ኣብዚ ናይ 50 ዓመት ታሪኽ ህዝባዊ ቓልስና ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዘይተነገረን ዘይተፅሓፈን እምበር ዘይሰራሕኽንኦ ተኣምር የለን። ውድብክን ህወሓት ካብ ዕሸላ ጀሚርክን ከምውላድክን ሓብሒብክን ኣዕቢኽንኣ ኢኽን። ኣብ ኩሉ ምዕራፋት ቃልሲ ንባዕልኽን ተጋዲልክን ንሕብረተሰብ ኣለዓዲልክን ወዲብክን ኣብ ቃልሲ ክስለፍ ገይርክን ትግራዋይ መንነት ክኹላዕ ገይርክን ኢኽን። ብፀላእቲ ብዝበፅሓክን ግፍዕን ደበልን ከይተሰኮንክን እኳ ደኣስ ዝያዳ እናሓረንክን መርኣያ ትብዓትን ፅንዓትን ኾይንክን ኢኽን። ኣብ ሰላም፣ ኣብ ልምዓት፣ ኣብ ምንጋስ ፍትሕን ዲሞክራስን ሞዴላት ኾይንክን ርኡይ ግደ ተፃዊትክን ኢኽን። ኣብ እዋን መኸተ እውን መርኣያ ሓቦ ፅንዓትን ጅግንነትን ብምኽን መዘና ኣልቦ ታሪኽ ሰሪሕክን ኢኽን። ውድብክን ህወሓት ድማ "እንኳዕ ካባኽን ተፈጠርኩ" እናበለት ኩሉ ጊዜ ብኣኽን ትሕበን።

ሕዚ እውን ሰላም እንትዝረግ ዝለዓለ ተጠቃዕቲ ንስኽን ስለዝኾንክን ስምምዕ ፕሪቶርያ ንኽትግበር ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድብክን ህወሓት ብምኻን ቃልስኽን ንክተሐይላ ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ፃውዒታ እንተቕርበልክን እትፍፅምኦ ምኻንክን ብምትእምማን እዩ።

## ዝኸበርኩም ዋልታ ቃልስናን ተስፋ መፃኢናን ዝኾንኩም መናእሰይ ትግራይ፤

ኣብ ታሪኽ ጉዕዞ 50 ዓመት ውድብና ህወሓት መናእሰይ ትግራይ ዝተፃወትዎ ግደ ኣብ ታሪኽ እናተዘንተወ ዝነብር 'ዩ። ኣብ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልስና እቲ ቃልሲ ዝሓቶ ኩሉ ዓይነት መስዋእትነት ብምኽፋል ናብ ዓወት ዘብፅሕዎ መናእሰይ ትግራይ እዮም። ኣብ እዋን ህንፀት ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራስን እውን ህዝብና ተጠቃሚ ዝገብር ለውጢታት ክምዝገብ ኣብ ምግባር ወሳኒ ዓቕሚ ብምኻን ግቡኦም ፈፂሞም እዮም። ሕዚ ዝገጠመና ወራር ፅንተት ንምምካት ዘርኣኹምዎ ፅንዓትን ጅግንነትን ድማ ንዓለም ዘስደመመን ንወገን ዘሐበነን እዩ። ብመስዋእትኹም ናብ ምዕራፍ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ካብ ንሰግር ልዕሊ ክልተ ዓመት ኮይንዎ ኣሎ። ዝተረኸበ ሰላም ውሑስ ኾይኑ ክቕፅል ኣብ ምግባር ግደ መናእሰይ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ሕዚ እውን ብሽም መጨበጢ ዘይብሉ ለውጢ ንመናእሰይ ብምድንጋር መሳርሒኦም ገይሮም ናብ ዓመፅን ህውከትን ንምእታው ሓዊ ንዘሳውሩ ኣካላት ኣደብ ግበሩ ኢልካ ተስፋ ኽተቑርፆም ይግባእ። ውድብካ ህወሓት ሰላምና ውሑስ ንምግባር ናይ ትግራይና ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ንኽረጋገፅን ባህጊ መፃኢት ትግራይና ጋህዲ ንምግባርን መንእሰይ ትግራይ ሓለፍነትካ ንክትዋፃእ ኣብዛ ክብርቲ ዕለት 11 ለካቲት ፃውዒት ተቕርበልካ ኣላ።

## ዝኸበርኩም ምሁራንን ሰብ ሃፍትን ትግራይ፤

ቅድሚ 50 ዓመት ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ እንትጅመር ትግራይ ብኣፃብዕቲ ዝቑፀሩ ምሁራትን ሰብ ሃፍትን እዮም ነይሮምዋ። ሎሚ ግን ውፅኢት ዕላማታት ለካቲት ዝኾኑ ብዓሰርተታት ኣሻሓት ምሁራትን ሰብ ሃፍትን ፈርዮም እዮም። ይኹን እምበር ብምኽንያት እቲ ፀላእትና ዝወልዕዎ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ዓዲ ክቕይር ዝኽእል ብዙሕ ምሁርን በዓል ሃፍትን ተሳቕዩ፣ ተበታቲኑን ጠፊኡን ኣብ ፍልጠትን ሃፍትን ዓዲ ከቢድ ዕንወት በፂሑ። በዚ ኸይተሰኮንኩም መኸተና ንምዕዋት ህይወትኩም፣ ፍልጠትኩምን ሃፍትኹምን መስዋእቲ ብምኻን ዘካየድኩምዎ ቓልሲ ታሪኻዊ እዩ። ሕዚ ድማ ተጀሚሩ ዘሎ ተስፋ ሰላም ክሰፍሕ፣ ኣብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ከምኡ'ውን ኣብ ኢንቨስትመንትን ኢንዱስትሪን ትግራይ ብፍልጠትኩምን ሃፍትኹምን ክትነጥፉን ክትረባረቡን ህወሓት ፃውዒታ ተቕርበልኩም ኣላ።

## ዝኸበርኩም ኣብ ወፃኢ እንትነብሩ ኣምባሳደራት ህዝቢ ትግራይ ዝኾንኩም ደቂ ትግራይ፤

ኣብ ወፃኢ ዝነብር ትግራዋይ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ብምኻን ብኹሉ ዓቕሙ እናተቓለሰ እዩ መፂኡ። ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ናብ ዓለም ብምፍላጥ፣ ንቓልሲ ዘድሊ ፋይናንሳውን ማተርያላውን ደገፍ ብምግባር፣ ናብ ዕጥቂ ቃልሲ ተፀምቢርካ መስዋእቲ ብምኽፋል፣ ወዘተ . . ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ልዑል ስፍራ ዝሕዝ ግደ ተፃዊቱ እዩ። ኣብ እዋን ህንፀት ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራስን 'ውን በቲ ዝተፈጠረ ምቹው ኩነታት ተስፋ ሰኒቕኩም ብዙሓት ናብ ዓድኹም ተመሊስኩም ብፍልጠትኩምን ብገንዘብኩምን ናብ ዝተፈላለየ ዓውደ ስራሕ ምውፋር ጀሚርኩም ነይርኩም።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ምስተጀመረ ድማ ድምፂ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝተዓፈነሉ እዋን ካብ ሰገናት ደቅኹም ጀሚሩ ድምፂ ህዝብኹም ብምኻን ዘካየድኩምዎ ቃልሲ፣ ካብ ቑዕርኩም ንላዕሊ ፅዕንቶ ብምዕራፍ እዞም ህዝቢ እዚኦም መን እዮም? ኢሉ ዓለም ክሳዕ ዝግረም ገይርኩም ዘመዝገብኩምዎ ዲፕሎማሲያዊ ዓወት፤ ብሓፈሻ ብሞራልን ብገንዘብን ነቲ ብኽባን ዕፅዋን ተዓፊኑ ዝነበረ ህዝቢ ንምድጋፍ ዝገበርኩምዎ ቓልሲ ኣብ ህሊና ህዝቢ ትግራይ ተፃሒፉ ዝነብር 'ዩ። ክሳብ ሕዚ ብዘካየድኩምዎን ተካይድዎ ብዘለኹምን ቃልሲ ድማ ህወሓት ዝለዓለ ሓበን ከምዝሰምዖ ክገልፀልኩም ይፈቱ።

ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና ምዕራፍ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ እውን ዝተረኸበ ሰላም ውሑስ ንምግባር፣ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ክቀላጠፍ ንምግባር፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ዝፈፀሙ ብዓለም ለኸ ሕጊ ተሓታቲ ክኾኑ ንምግባር ብሓፈሻ ስምምዕ ፕሪቶርያ ተግባራዊ ንምግባር ሓድነትኩም ኣደላዲልኩም ኣምባሳደራት ህዝብኹም ኾይንኩም ቃልስኹም ኣጠናኺርኩም ንክትቕፅሉ ህወሓት ኣብዚ ታሪኻዊት ዕለት 11 ለካቲት ፃውዒት ተቕርበልኩም።

## ዝኸበርኩም ተነሓናሕቲ ፖለቲካ ውድባት ትግራይ፤

ህወሓት ኣብ ሕብረተሰብና ዝተፈላለዩ ድልየታትን ካብዚ ዝፍልፍሉ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታትን ስለዘለዉ ነዚ ዝውክሉ ዝተፈላለዩ ፓርትታት ምህላዎም ግድን 'ዩ ኢላ እያ ትኣምን። ካብቶም ዝተቓለስናሎም ዕላማታት ሓደ 'ውን ህዝብና ብዝመሰሎ ክውደብ ምኽኣል እዩ። በዚ መሰረት ኣብ ትግራይ ዝተፈላለያ ፖለቲካ ፓርትታት ምህላወን ህወሓት ከምፀጋ እያ ትሪኦ። ምኽንያቱ ፍርያት 11 ለካቲት እየን በዓል ለካቲት እውን በዓለን እዩ ኢላ እያ ትኣምን። ፖለቲካ ፓርትታት ዕላመአን ናብ ህዝቢ ኣቕሪበን ህዝቢ ክድግፈን ዝሰርሓ እምበር እታ ሓንቲ ነታ ካልእ ክተጥፍእ ትንቀሳቐስ ክትኸውን የብላን። ንህወሓት ይኹን ንካልእ ፓርቲ ክጠፍእ ኣለዎ ኢልካ ምብጋስን ምልዕዓልን ንህዝቢ ትግራይ ዘይምጥን፣ ዘይስልጡን ኣካይዳን ፀረ-ዲሞክራስን 'ዩ።

ህወሓት ኣብ መኸተ ህዝቢ ትግራይ እጃመን ንዝተፃወታ ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ዓብይ ክብሪ ኣለዋ። ከም ናይ መኸተ ሓይሊ ብሓባር ተቓሊስና ኢና። ሕዚ እውን ከምተጋሩ ሓደ ዝገብሩና ብዙሓት ጉዳያት ኣለዉ ኢልና ንኣምን። ስለዚ ፖለቲካዊ ኣፈላላያትና ብስልጡን ኣገባብ እናኣለና ኣብቶም ዘቀራርቡና ናይ ሓባር ጉዳያት ንክንሰርሕ ህወሓት ፃውዒታ ተቕርብ።

## ዝኸበርኩም ህዝብታት ኢትዮጵያ፤

ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ንፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ብምድምሳስ ኣብ ኢትዮጵያ ሓዱሽ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክትከል፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ከርፋሕ ናይ ድኽነት ናብራ ዘውፅእ ስሉጥ፣ ተኸታታልን ፍትሓውን ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕብየት ክረጋገፅ፣ ኣብ መላእ ሃገር ሰላም ክሰፍን ንምግባር ዝተፃወትዎ ግደን ዝኸፈልዎ ሕልፊ መስዋእትን ኣይትክሕድዎን ኢኹም። ይኹን እምበር ኣብ ክንዲ ነዚ ክብሪ ምሃብ ኣብ ልዕሌና ጀኖሳይዳዊ ኩናት ተኻይዱ ዘርዚርካ ዘይውዳእ በደል በፂሑና እዩ። በቲ ኩናት ድኻ ኢትዮጱያዊ እውን ከምቆፅሊ ረጊፉ እዩ። ሃፍቲ ሃገር በቲ ኩናት ተበሊዑ እዩ። ሕዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ብሰላም እዩ ክነብር ዝደሊ። ሰላምና ተዘሪጉ ኩልና ናብ ዝለዓለ ጥፍኣት እንደገና ከይንኣቱ ንኩሉ ደላይ ሰላም ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ንሰላም ክስለፍ ህወሓት ፃውዒታ ተቕርብ።

## ፃውዒት ንመንግስቲ ኢትዮጱያ፤

ሕቶታትን መሰላትን ህዝቢ ብሓይሊ ምዕፋን ከምዘይከኣል፣ ኩናት ኣብ ህይወትን ሃፍትን ዓዲ ከቢድ ኪሳራን ዕንወትን ካብ ምብፃሕ ሓሊፉ ትርፊ ከምዘይብሉ ግቡእ ትምህርቲ ተወሲዱሉ እዩ ኢልና ንኣምን። ሕዚ 'ውን ስምምዕ ፕሪቶርያ ንኩሎም ህዝብታት ብዝረብሕን ዘላቒ ሰላምን ምትእምማንን ብዝፈጥርን መንገዲ ንምፍፃም ህወሓት ዘለዋ ድልውነት ደጊማ እናረጋገፀት ብወገን መንግስቲ ኢትዮጱያ እውን ተመሳሳሊ ድልውነት ንክህሉ ፃውዒትና ነቕርብ።

## ዝኸበርኩም ማሕበረሰብ ዓለምን ደገፍቲ ህዝቢ ትግራይን፤

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ኣብ ምቅላዕን ምዃናንን ከምኡ እውን እቲ ኩናት ሰላማዊ መዕለቢ ክረክብ ንምግባርን ማሕበረሰብን ሚድያታትን ዓለም ንዝወሰድኩም ተበግሶን ዘካየድኩምዎ ፃዕርን ዘለና ምስጋና ንገልፅ። ሕዚ 'ውን ዝተጀመረ ፃዕሪ ሰላም ኣብ መወዳእትኡ ንክበፅሕ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝኾነ ውድብ ህወሓት ናይ ዝሓለፈ ክይኣክል ሕዚ 'ውን ምንቅስቓሱ ንምእጋድን ንምስራዝን ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ዘይግባእ ምንቅስቓስ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ናብ ሓደጋ ብምእታው ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፅሕ ብምኻኑ መኣረምታ ንኽግበረሉ እጃምኩም ክትፃወቱ ውድብ ህወሓት ትፅውዕ።

***50 ዓመት ኣብ ቃልሲ ፅንዓትን ዓወትን***

***ዘልኣለማዊ ክብርን ምጎስን ንስውኣትና***

***ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት***

***11 ለካቲት 2017 ዓ/ም መቐለ***

# ዝ ቐፀለ ዜና

### ክብርታት ውድብ ...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዕብለላ፣ ጭቆናን ምዝመዛን ሕሱም ድኽነትን ድሕረትን ድንቁርናን ዝነበረ ስርዓት ደርግ ስዒሩ ዝወፀ ህዝቢ ከምዝኾነ ዘመላኸቱ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ዘመናዊ ብረት ክሳብ ኣፍንጭኡ ዝተዓጠቐ፣ ካብ ኣፍሪካ ቀዳማይ ተባሂሉ ዝቕመጥ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ወታደር ዝነበሮ ፋሽስታዊ ወታደራዊ ስርዓት ደርግ ቅድሚ 34 ዓመታት 20 ጉንበት 1983 ዓ/ም ሓመድ ድበ ክኣቱ ዝገበረ ጅግና ህዝቢ ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

ዶ/ር ደብረፅዮን ኣብ መብርሂኦም፤ መሊኦም ዘይተሰገሩ ጉዕዞ ሕሉፍ መንፈቕ ክፍለዘመን ከምወትሩ ተፃዋራይነትን ሓያልነትን ህዝቢ ትግራይ ሒዝና እወንታዊ ለጋሲታትን ክብርታትን ወርቃዊ ጉዕዞ 50 ዓመት 11 ለካቲት ኣስጢምና ብሓዱሽ ወለዶ ተዓቂቡ ክቕፅል ክንረባረብ ይግባእ ኢሎም። ውድብና ህወሓት ዝውረስ እምበር ዝብተን ከምዘይኮነን ነዚ ተረዲእና ዘይንሰግሮ ፀገም ከምዘይህሉ ብእምነት ጨቢጥና ድሕሪ 25 ዓመት እነኽብሮ መበል 75 ዓመት "ኣልማዝ እዮቤልዮ" በዓል 11 ለካቲት ኣብ ሸትኡ ብምብፃሕ፣ ህልውናና ብምውሓስ፣ ትንሳኤ ትግራይ ብምርግጋፅ፣ ህዝቢ ትግራይ መለኡ ንኽድበስ ኲሉ ክረባረብ ከምዝግባእ ፃውዒቶም ኣመሓላሊፎም።

ኣባል ስራሕ ፈፃሚት ውድብ ህወሓትን ሓላፊት ቤት ፅሕፈትን ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ገ/እግዝኣብሄር ብወገና፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት በደልን ኣድልዎን ኣሜን ኢሉ ተቐቢሉ ዘይፈልጥ፤ ናይ ኣይግዛእን በሃላይነት ክብሩ ካብ ውሉድ ወለዶ እናተወራረሰ መንነቱን ክብሩን ሓልዩ፣ ሃለዋቱ ንምርግጋፅ ዘየቋርፅ ታሪኽ ቃልሲ ዝወነነ ህዝቢ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ብተወሳኺ ኣብ 1967 ዓ/ም ዝተጀመረ ቃልሲ ካብቲ ቅድሚኡ ህዝቢ ትግራይ ዘካየዶ ዝነበረ ቃልሲ ዝፍለየሉ መሰረታዊ ጉዳይ ነቲ ናይ ህዝብና ናይ ቃልሲ ታሪኽ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ሓፍ ክብል ዝገበረን ብዝተወደበ መንገዲ መሪሑን ህዝባዊ ዕላማ ተሓንጊጡን ቅኑዕ ውድብ ህወሓት ዝፈጠረሉ ዕለት ብምዃኑን እዩ ኢላ።

ህወሓት ንብዙሓት ዓመታት ሓደራ ህዝቢ ንፃት እውን ከይሰሓተ ዝገጥምዎ ፈተናታት ብውሑሉል ቃልሲ እናኣለየ ብዓወት ናብዚ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዮ ክበፅሕ ከምዝኽኣለ ዝሓበረት ተጋዳሊት ፈለወርቅ፤ ህወሓት ካብ ህዝቢ ዝተፈጠረን ህዝቢ ዘዕሰለን ኣብ መሰረታዊ ረብሓታት ህዝቢ ዝቃለስ ህዝባዊ ውድብ ከምዝኾነ እዚ ድማ ክሳብ ሕዚ ዝመፀሉ ጉዕዞ ዓርሱ ዝኸኣለ ምስክር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብዛ ታሪኻዊት ዕለት 11 ለካቲት ፀረ ህዝቢ ሓይልታት ንግዚኡ ረኺበዎም ብዘለው ጉልበት ተጠቒሞም ንህወሓት ዘይኮነ ምስሊ ክጥቅንዎ እንተፈተኑ እውን ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕነት ውድቡ እናተመርሐ ኣብ ረኺብዎ ዝነበረ ኲለመዳይ ለውጢ ማንም ነጋሪ ከምዘየድልዮ ኣዘኻኺራ።
ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ብዘይካ እዚ፤ ኣብዚ ሐዚ ዘለናዮ ኲነታት ውድብ ህወሓት ንምፍራስ ዝተፈላለዩ ዝተሓላለኹ ውዲታት ይፍፀሙ ከምዘለው ብምሕባር እዚ ድማ ህወሓት ኣብ ክልተ ክምቀልን ሕጋዊ ሰብነት ከይረክብን ብሓፈሻ ውድብን ህዝቢ ትግራይን ኣብ ሓደጋ ንምእታው ከቢድ ርብርብ ዝግበረሉ ዘሎ እዋን ከምዝኾነ ነዚ ድማ ብርቱዕ ቃልሲ ዘድሊ ምዃኑ ኣፅንኦት ሂባትሉ። ዝገጠመና ፈተና ከምዘሎ ኮይኑ 11 ለካቲት ብድምቀት ከይኽበር እንተተኸቢሩ ድማ እቲ በዓል ክድብዝዝ ንምግባር ብዙሕ ሽርሒ ከምዝተፈፀመ ዝገለፀት እንትኾን ህወሓት 11 ለካቲት ንምኽባር መሰል ከምዘይብላ ብዕሊ ብመግለፂ ከምዝተኣወጀ እዚ ድማ መግለፂ ናይቲ ህወሓት ንምብታን ዝግበር ሽርሒ ምዃኑ ወሲኻ ሓቢራ።
ኣብ መወዳእታ 11 ለካቲት ተሞክሮ 50 ዓመት ፆሚቅካ ዝውሰደሉን፣ ታሪኽናን ክብርታትናን ብግቡእ እንስንደሉን እንዕቅበሉን፣ ሓድነት ህዝብና ከጥንክርን ክብርታት ህዝብናን ውድብናን ጎሊሆም ክወፁን ዘኽእሉ ስራሕቲ ከምዝሰርሑ ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ኣፍሊጣ።

### ህዝባዊ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ትገልፅ። ኣብቲ እዋን ውድብ ህወሓት ዝተፈላለዩ በዳህቲ ፈተናታት ገጢሞም ብምንባሮም ነቶም ዘጋጠሙ ፈተናታት ብውሕሉል ዲሞክራሲያዊ መንገዲ ኣብ መትከል ፀኒዓ ሰጊራ ነቲ ቃልሲ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ክሰጋገር ዝገበረትሉ ምዕራፍ ከምዝኾነ ኣገንዚባ።

"ኣብዚ ሐዚ እዋን ውድብ ህወሓት ከቢድ ዝኾነ ፈተና ኣጋጢሙዎ ኣሎ፤" ዝበለት ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ይኹን እምበር ድሕንነት ውድብ ዘረጋግፅ መበል 14 ጉባኤ ብምክያድ ውድብና ከጋጥማ ካብ ዝንበረ ሓደጋ ምብትታን ድሒና ኣብዚ ሐዚ ኣብ ዝሓሸ ቁመና ከምእትርከብ ሓቢራ። ሐዚ እውን ካብዚ ሓደጋ እዚ ዘውፅእ ብሕታዊ መማረፂ ህዝባዊ መስመር ህወሓት ከምዝኾነን ነዚ ድማ ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕን እዋን ዝሰርሑ መደባት ተነፂሮም ናብ ተግባር ምእታው ከምዝተጀመረን ዕውትነቶ ድማ ከምዘየጠራጥርን ኣመላኺታ።

ኣብቶም ዝሓለፉ 27 ዓመት ኣብ ጉዕዞ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ውድብ ህወሓት ዝኸዶ ርሕቐት ኣመልኪቶም መመያየጢ ፅሑፍ ዘቕረቡ ኣባል ፈፃሚ ስራሕ ውድብ ህወሓት ዶ/ር ኣብርሃም ተኸስተ ብወገኖም፤ ወታደራዊ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ ብኸናት ምስተስዓረ ብዙሓት ዕጡቃት ውድባት ኣብ ዝነበረሉ፣ ብዙሕ ተመዛባላይን ዝተበተነ ወታደር ደርግን ኣብ ዝበዝሐሉ፣ ቁጠባ እታ ሃገር ኣብ ዝወደቐሉ፣ ሰላም ንምርግጋፅን ንምፍጣርን ዓበይቲ ሓደጋታት ኣብ ዝነበርሉ እዋን ህወሓት ኢህወዴግ ኣብ 1983 ዓ/ም ኣብዛ ሃገር ምንጋስ ሰላምን ምርግጋእን ቀልጢፉ ንኽምልስ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምትዕርራይ ከምዝገበረ ገሊፆም። ህወሓት ኢህወዴግ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ስልጣን ንበይነይ ከይበለ ሓቋፊ ስግግር መንግስቲ ብምጥያሽ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ምክፍፋል ስራሕ ብምስራሕ ንሰላም ምቹው ዝኾነ ኲነታት ከምዝፈጠረ እውን ዶ/ር ኣብርሃም ግልፂ ገይሮም።

ዶ/ር ኣብርሃም ብተወሳኺ፤ ዲሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ቻርተር መሰጋገሪ መንግስቲ ኣፍልጦ ክረክብ ድሕሪ ምግባር ኣብ ሕገ-መንግስቲ እዛ ሃገር ብዘይምሽርራፍ ክሰፍር ከምዝተገበረ ሓቢሮም። ካብዚ ብተወሳኺ ፖለቲካዊ እሱራት ክፍትሑ፣ መንግስታዊ ግልጋሎት ብዝነበረ ዓቕሚ ክምለስ፣ ተበቲኑ ዝነበረ ሰራዊት ደርግን ካልኦትን እውን ተሃድሶ ወሲዶም ክጣየሹን ናብ ሕብረተሰብ ክሕወሱን ከምዝተገበረ ኣዘኻኺሮም።

ከም ኣገላልፃ ዶ/ር ኣብርሃም ህወሓት ኢህወዴግ ናብ ስልጣን ምስ መፀ ናይ ኢኮኖሚ ሪፎርም ኣተኣታትዩ እቲ ዝነበረ ምእኹል ኮሚኒስታዊ ስርዓት ኣፍሪሱ ብዕዳጋ ዝምራሕ ኢኮኖሚ ክኸውን፣ ሓረስታይ ብፍርያቱ ተጠቃሚ ዝኾነሉ፣ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ብዘይገደብ ክዋፈሩ፣ ብሓፈሻ ተዛቢሉ ዝነበረ ማይክሮ ኢኮኖሚ ጉዳያት እውን ክረጋጋእ ናይ ምግባር ስራሕቲ ከምዝተሰርሑ ኣፍሊጦም።

"ክብርታት ህወሓትን ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ትሕዝቶ መመያየጢ ፅሑፍ ዘቕረቡ ካልእ መዳለዊ ፅሑፍ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዶ/ር ኣዲስ ኣለም ባሌማ እዮም። ንሶም ከምዝበልዎ፤ ህዝቢ ትግራይ ወናኒ ብዙሓት ክብርታት እንትኾን ራእይ ዘለዎ ህዝብን ወናኒ ሓቀኛ ዕላማ ዘለዎ መሪሕ ውድብን ብምዃኑ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ዘለዎም ክፍላት ሕብረተሰብ ናብ ሓደ ጠሚሩ ክቃለስ ዝኽእል፣ ናበይ ክበፅሕ ከምዘድሊ ዝፈልጥ ከምዝኾነ ሓቢሮም። "ህዝቢ ትግራይ ኣርሒቕካ ናይ ምግማት (ስትራተጂያዊ ኣረኣእያ) ኣብ ምህላው ኣብ ነዊሕ ከይዱ ኣበይ ክበፅሕ እዩ? ነዚኦም ድማ ብሓፂር መንገዲ (ብልሓት) ከመይ ይበፅሖም? ኢሉ ዝእምት ህዝብን ውድብን እዩ፤" ኢሎም ዶ/ር ኣዲስ ኣለም።

ከም ኣገላልፃ ዶ/ር ኣዲስ ኣለም እዚ በዓል ነዊሕ ራእይ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ፈለማ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ቐፂሉ ድማ ኣብ ሰላማዊ ቃልሲ ተኸቲልዎ ዝመፀ ከይዲ ከምዝኾነን እዚ ናይ ነዊሕ ራእይ ሓይልታት ንምትእኽኻብን ንምልዕዓልን ሓጋዚ ከምዝነበረ ሓቢሮም። በዚ መንገዲ እዚ ድማ ኢትዮጵያ ን11 ዓመታት ድርብ ኣሃዝ ዕብየት ቁጠባ ዘመዝገበትሉ ኲነታት ከምዝነበረን በዚ ድማ "ናይ ኣፍሪካ ነብሪ" ዝብል መፀውዒ ሽም ክትውንን ዝገበረ ስትራተጂካዊ መሪሕነት ዝወነነ ውድብ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ "መግለፂ ህዝቢ ትግራይ ዘይኮነ ካብ ሓቅን ሞራልን ህዝቢ ትግራይ ወፃኢ ዝኾኑ ኣከያይዳታት ኣይናትናን ኣይመግለፂናን ክንብሎም ይግባእ፤" ዝበሉ ዶ/ር ኣዲስ ኣለም ምሕሳውን ምጭብርባርን ተኣማንነትካ ዘጉድል ስለዝኾነ ብኣግኡ ክእረም ይግባእ ኢሎም።

ብኣንፃሩ ሒዝናዮም ዝመፃእና ክብርታት ሓቂ፣ ተኣማንነት፣ ሓልዮት፣ ምትሕግጋዝ፣ ተዓፃፃፋይነት፣ ብፃዕርኻ ሃፍቲ ምፍራይ መግለፂታት ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ከምዝኾኑን እዚኦም ተዓቂቦም ክቕፅሉ ከምዘለዎምን ኣፍሊጦም። ኣብዚ ሐዚ ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ዋላ እኳ እንተሃለወ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ሓደ ክንከውን፤ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ክሸይጥ ዝፈተነ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ድማ ኣይናትናን ኢልና ክንቃለሶ ኣለና፤ ክብሉ ኣገንዚቦም።

## ትብፃሕ

# "ብጦፈኛ ዝፈርስ ውድብ ይኹን ህዝቢ የለን፤"

ትብፃሕ ናብ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን። ኣቐዲመ እንኳዕ ንመበል 50 ዓመት ምጅማር ዝተወደበ ብሄራዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ልደት ህወሓትን ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና እናበልኹ ናብቲ መበገሲ ፅሑፈይ ክኣቱ።
ዝኸበርኩም እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን፣ እቲ "ንግስና ኣብይ ተቐቢልካ ኣሜን ኢልኻ ትግዛእ ኣይፋለይን እንተኢልኻ ድማ ብሓይሊ ኣምበርኪኽ ክገዝአካ እየ" ተባሂሉ "እምቢ!" ዝበለ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ብልፍንቲ ኲናት ፅንተት ተፈፂሙዎ እዩ። ከምህዝቢ "ብመንነተይ ኣይዋገይን፣ ኣይንብርከኽን!" ኢሉ ብሓደ ግዜ ከምንህቢ ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ብመረፃ ዘጣየሾ መንግስቱን ዓሲሉ ንልፍንታውያን ሓይልታት ፅንተት መኪቱ ህልውንኡ ብቅልፅሙ ኣረጋጊፁ ይርከብ። ሳላ ከምህዝቢ ሓድነቱ ኣስጢሙ ዝተቓለሰ ድማ ፀላእቲ ከይፈተዉ ናብ ስምምዕነት ውዕሊ ፕሪቶርያ ክኣትዉ ገይሩ እዩ። ይኹን እምበር ብውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተረኸበ ተነፃፃሪ ሃዋህው ሰላም ተጠቒሙ ብሰላማዊ መንገዲ ቓልሱ ንምጥንኻርን ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅን ጉዕዞኡ ሓደ ኢሉ እንትጅምር ኣብ ውሽጢ ውድብና ህወሓት ናይ ክሕደት ሓይሊ ከምዝተፈጠረ ይፍለጥ። ፀላእቲ ድማ ነዚ ኣብ ውሽጢ ህወሓት ዝተፈጠረ ናይ ክሕደት ሓይሊ ተበሊፆም ነቲ ካብ መጀመርታኡ ተገዲዶም እምበር ሓቀኛ ድልየት ሰላም ሓዲሩዎም ናብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘይኣተዉ መንግስቲ ፌደራልን ሓይሊታት ትምክሕትን ንውዕሊ ፕሪቶርያ ብዘፍርስ መንገዲ ንህዝቢ ትግራይ ኣምበርኪኽካ ናይ ምግዛእን ምፅናትን ሕልሞም ንምስኻዕ ሕርዲግ ይብሉ ኣለዉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ነቲ ናይ ውዕሊ ፕሪቶርያ ቀንዲ ተዋሳኣይን በዓል ዋናን ዝኾነ ውድብ ህወሓት ምፍራስ ቐዳማይ ኣጀንዳኦም ገይሮም ሰሪፆም ንክልተ ዓመት ዝተፈላለየ ሽርሒ እናሰርሑ ክንቀሳቐሱ ፀኒሖምን ኣለውን። ነዚ ናይ ምፍራስ ኣጀንደኦም ንምዕዋት ከምመሳርሒ ዝጥቀምሎም ዘለው ተለኣኣኽቲ ጦፈኛታት ድማ ነቶም ንህዝቦምን ውድቦን ጠሊሞም ብክሕደት ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት ዝተባረሩን ካልኦት ባንዳታትን እዮም። እዞም ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኮይኖም ተለኣኣኽቲ ጦፈኛታት ብልፅግና ኮይኖም ዘለዉ ኣካላት ነቲ ብህዝባዊ ኮንፈረንስ ዝተውሃቦም ልኡኽ ምፍፃም ውዕሊ ፕሪቶርያ ንጎኒ ገዲፎም ኣብ ትግራይ ሕፅቦ ፖለቲካ ብዝብል ኣምር ንውድብ ህወሓት ንምፍራስ ለይትን ቀትርን ሕርዲግ ዝብሉ ዘለዉ እዮም። እዚ ድቃስ ዝሰኣነ ሓይሊ ክሕደት፣ ውልቃዊ ቂም ዘለዎምን ሓደሽቲ ተስፈኛታትን እናኣከበ ኣብ ልዕሊ ውድብ ህወሓት ወፍሪ ፀለመን ፕሮፖጋንዳ ሓሶትን ምንዛሕ መዓልታዊ ስርሑ ገይርዎ ኣሎ።
ብዘይካ እዚ፣ እቲ ብብልፅግና (ኣብይ ኣሕመድ) ዝዝወር ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ እውን ብሽም ምሃብ ኣፍልጦ ሕጋውነት ውድብ ህወሓት ናብቲ ነባር ኣፍልጦኡ ከይምለስ በብጊዜኡ መሰናኸሊ ኣጀንዳ እናፈጠረ ፀኒሑን ኣሎን። ብኡ ኣቢሉ ድማ ውድብ ህወሓ ኣፍልጦ ስኢኑ ንክቕህም ሽርሒ ዝተመልአ መደብ ውድብ ብልፅግናን ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያን ምዃኑ ተቓሊዑ ዝሓደረ እዩ። ኣነ ብወገነይ ነዚ ፅሑፍ እንትፅሕፍ፣ እቲ ብሕቡእን ብቕሉዕን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝስራሕ ዘሎ ሽርሒ እናፈለጥኹ ስኽ ኢለ ክሓልፎ ህሊናይ ክፈቅደለይ ብዘይምኽኣሉ እምበር ህዝቢ ትግራይ ይጠፍእ እዩ ኢለ ሓሲበ ከምዘይኮነ ኣምንብቲ ክትርዱኡለይ ይደሊ።
ብምዃኑ እውን ፀላእትና ውዕሊ ፕሪቶርያ ንምፍራስ ብቐዳምነት ነቲ በዓል ዋና እቲ ስምምዕነት ዝኾነ ውድብ ህወሓት ብምፍራስ ኣቢልካ ክዕወት ተሊሞም ይሰርሑ ኣለዉ። ህዝቢ ትግራይ፣ ስምምዕነት ውዕሊ ፕሪቶርያ በዓል ዋና ዘይብሉ ገይርካ ንበለል ክተርፍ ንምግባር ፀላእቲ ዝኸድዎ ዘለው መርዛም ኣካይዳ ፈሊጡ ሕዚ እውን ብዘይ ኣፈላላይ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ክቃለስ ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ። ብፍላይ ኣብዚ መበል 50 ዓመት ቓልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን ፅምብል በዓል 11 ለካቲት ቃሉ ብምሕዳስ ንትግበራ ውዕሊ ፕሪቶርያ ክንረባረብን ዕላማታት 11 ለካቲት ዓትዒቱ ክሕዝን የተሓሳስብ። ይኣክል! "ብጦፈኛ ዝፈርስ ውድብን ህዝብን የለን" ዝብል ድምፂ ብሰላማዊ መንገዲ ከስምዕ ይግባእ እናበልኩ ሓሳበይ ይኽምብት።

**ኣስረስ ኣረሩ (ጫሕማይ)**
**ካብ መቐለ**

## እዋናዊ ዛዕባ

# ምሉእ ቁመና ውድብና ብምግሃድ ናብ ዘይተርፍ ዓወት!




11 ለካቲት፤ ልደት ህወሓትን ምጅማር ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ዝተበሰረላ ብርሃን ውፁዓት ብምዃና ንዝሓለፉ 50 ዓመት ህዝቢ ትግራይ ብድሙቕ ኣገባብ እናኽበራ ከምዝመፀ ዝፍለጥ እዩ። ሎሚ ዓመት ድማ መበል 50 ዓመት በዓልና "50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!" ብዝብል መሪሕ ቃል ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ንሓደ ዓመት እንትኽበር፣ ካብ ሕሉፍ ጉዕዞና ትምህርቲ ብምውሳድ መፃኢና ብሩህ ንክኸውን ዝትለመሉ እዋን እዩ። ከምቲ ዝፍለጥ፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ብዙሓት መረርቲ እዋናት ከሕልፍ ዝተገደደ እኳ እንተኾነ ሳላ ሓደ ኮይኑ ብፅንዓት ዝተቓለሰ እቶም በብእዋኑ "ትግራዋይ"ካብ ምድረ ገፅ ከጥፍኡዎ፣ ትግራይ ካብ ካርታ ዓለም ክፉሕቑዋን ትግራዋይነት ካብ ሕልና ደቂ ሰባት ንክስረዝን እናተሃንደዱ ዝመፁ ፀላእቲ ብምምካት ህልውንኡ እናረጋገፀ ኣብዚ ደረጃ እዚ በፂሑ ኣሎ።

ድሕሪ ውድቀት ስልጣነ ኣክሱም ንብዙሕ ኣማኢት ዓመታት ዝቐፀለ ጉዕዞ ቁልቁለት ትግራይ ዋላ እኳ ኣብ እዋን ንግስነት ሃፀይ ዮሃንስ ቁሩብ ሰገጥ ክብልን ከምብሄር ምስካልኦት ማዕረ ክረኣን ዝጀመረሉ እዋን እንተነበረ፤ ድሕሪ መስዋእትነት ሃፀይ ዮሃንስ ንተኸታታሊ ሓሙሽተ ዓመት (ካብ 1882 ዓ.ም ክሳብ 1887 ዓ.ም) ናይ ፀላም እዋን እናተበሃለ ዝፍለጥ ፀበባ ኣጋጢምዎ ነይሩ። ብድሕሪኡ እውን ኣብ ስርዓት ሃፀይ ምኒሊክ ህዝቢ ትግራይ ብትሉም መንገዲ ንምጥፋእ ብዙሕ ግፍዒ ተፈፂሙ እዩ። እዚ ኮይኑ፤ ህዝቢ ትግራይ ይፀግሞ ኣይፀግሞ ብዘየገድስ ምሉእ ታሪኹ ዳርጋ ምሉእ ንምሉእ ታሪኽ መኸተ እዩ ነይሩ ምባል ይከኣል። እዚ ታሪኽ መኸተ፤ መሬት ዓደቦን ዓዲኖን ትግራይ ካብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ጀሚሩ ክሳብ መበል 21 ክፍለ ዘበን ካብ መኸተ ወራራት ቱርኪ፣ ግብፂ፣ ኣሕመድ ግራኝ፣ ወራር ፋሽስታዊ መንግስቲ ጣልያን፣ ወራር ስርዓት ደርጊ፣ ወራር ኤርትራ፣ ወራር ተስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ኣምሓራን ካልኦትን ኣብ ምክልኻል እዩ ዝርከብ። ነዚ ከምዚ ዝበለ መዋእል መኸተ ህዝቢ ትግራይ ኣመልኪቶም ኣብ እዋን ሃፀይ ምኒሊክ ዝነበሩ ትግራዋይ ምሁር ነጋድራስ ገብረህይወት ባይከዳኝ ኣብ ፅሑፎም ከምዝስዕብ ገሊፆሞ ነይሮም።

"ህዝቢ ትግራይ ነታ ዓደይ ዝብላ ትግራይ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ርሑቕን ቀረባን ወረርቲ ተኸላኺሉ ኣፅኒሑዋ እዩ" (ገብረሂወት 1912፣ ካብ ገፅ 8 ክሳብ ገፅ 10)። ብምኽንያት እዚ ህዝቢ ትግራይ ናብ ትግራይ ብዘይፍቓድ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ናብ ግዝኣቱ ዝኣተዉ ኩሎም ወረርቲ ሓይልታት እናመከተ፣ መሬት ትግራይ መዐንደሪ ወረርቲ እንተይኮነትስ መቓብር ወረርቲ እናገበረ ዝመፀ መርኣያ ፅንዓት፣ ሓቦን ጅግንነትን ዝኾነ ክቡርን ሕቡንን ህዝቢ እዩ። እዚ ኮይኑ፤ ዋላ እኳ ናይ ደገ ወረርቲ እንትመፁ "ሆ" ኢሉ ብምልዓል እናመከተ እንተመፀ፣ እቲ ዝግበር ቃልሲ ዝተወደበ ብዘይምንባሩ ብፍላይ ገዛእቲ ደርብታት ከምህዝቢ ውሽጡ እናኸፋፈሉን ብቑጠባ እውን ጥሪቱ ብምብራስን ብምዝራፍን ሰንሰን ክብሉዎ ዓብይ ዕድል ፈጢሩሎም እዩ። ናይዚ ሓደ ዓብይ መርኣያ ድማ ተደጉሉ ዝፀንሐ ቓልሲ ቀዳማይ ወያነ እዩ። ድሕሪ እዚ ኹሉ መከራ ቅድሚ 50 ዓመት፣ ልክዕ ከምዚ ወርሒ፣ 11 ለካቲት፣ 1967 ዓ/ም ዝተወለደት ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) ቀንዲ ሱር እቶም ፀገማት ተረዲኣ ነቶም ፀገማት ብዝፈትሕ መልክዑ ንፁር ዕላማታት ሓንቲፃ ናብ ዝተወደበ ቃልሲ ዝኣተወት ውድብ ብምዃና ዘመናት ዝተሳገረ ክብርታት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ተሓንጊጣ ከቢድ መስዋእትነት ብምኽፋል ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊባ እያ።

ከምቲእንዝክሮ፤ ድሕሪ ምቕሃም ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ እቲ ወፅዓን ኣድልዎን ኣዐርዩ ብዘስካሕክሕ መልክዑ እናገደደ እዩ መፂኡ። ብፍላይ ሰብ ዝበልፆ ስኢኑ ብሕሱም ጥምየት እንትማስን፣ ብዝተፈላለዩ ሕማማት እንትጥቃዕ፣ ዘዝኸኣለን ዓቕሚ ዘዝረኸበን እግሩ ናብ ዝመርሖ እናተሰደደ፣ ዘይከኣለ ዝሪኦ ዘይብሉ ክረግፍ ተገይሩ እዩ። ብተወሳኺ ህዝቢ ትግራይ ሰኣን ትምህርቲ ደንቆሩ ክነብር፣ ሰኣን ሕክምና እናተሳቐየ ክነብር፣ ሰኣን ፍትሒ ሰብኣውነቱ ክቕንጠጥ፣ ከምሰብ ብባዕሉ ከይተኣማመን፣ ዓርሰ እምነቱ ክሸርሸር፣ ከምሰብ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ከይውስን፣ ብምሰለኔ ክመሓደር ኮታስ ርእሱ ከድንንን ክደሃልን ዘይተገበረ ውዲት ኣይነበረን። ብፍላይ እዋን ሃፀይ ሃይለስላሰ ኣብ ዘበነ ኣንበጣን ድሕሪኡ ዝነበረ 15 ዓመትን ህዝቢ ከምህዝቢ ኣብ ሕማቕ እዋን ከምዝነበረ ይፍለጥ። ብተመሳሳሊ ኣብ 1966 ዓ.ም ዘጋጠመ ሓሪ ኣዝዩ መስካሕክሒ ብምንባሩ ብብርኪ ዓለም ጉድ ዘበለ ህልቂት እዩ ህዝቢ ትግራይ ክሸከም ተገዲዱ።





ፅምብል መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓትን ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን (ብኸፋል)

2 መስከረም 1967 ዓ.ም ደርጊ ስልጣን ብሓይልን ብኣቋራፅን ምስሓዘ ሰላማዊ ቃልሲ ንምክያድ ተፈቲኑ እዩ። ይኹን እምበር ስርዓት ደርጊ ካብ ኣመፃፅኣኡ ሰላማዊ ስለዘይነበረ ብሰላማዊ መንገዲ ምቅላስ ፍፁም ኣይተኻኣለን። ብርግፅ ህዝቢ ትግራይ ከምህዝቢ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ዘጋጥምዎ ዝነበሩ ውግኣት ኩሎም ተወሪሩ ሃለዋቱን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ዝገበሮም እዮም። እቲ ስርዓት ደርጊ ንምድምሳስ ዝተገበረ ቃልሲ፣ ደሓር እውን ወራር ሻዕብያን መኸተ 2013 ዓ.ምን እውን ከምኡ ምእንተ ሓርነቱን ህልውንኡን ዝተኻየደ እዩ። ህወሓት፤ 11 ለካቲት 1967 ዓ.ም እንትትውለድ ቅድሚኡ ዝተመስረታ ውድባት ነይረን። ድሕሪኡ ዝተመስረታ እውን ነይረን እየን። ብፍላይ ደርጊ ናብ ስልጣን ኣብ ዝመፀሉ ፈለምቲ ዓመታት ብብርኪ ሃገር ብዙሓት ውድባት ፖለቲካ እየን ነይረን። ንኣብነት፤ ኢድዩ፣ ኢህኣፓ፣ ጠራናፊትን ካልኦትን ከምዝነበራ ይፍለጥ። ኮይኑ ግና እዘን ውድባት ዳርጋ ኩለን እንትቕህማን "ፋሕፋሕ" ኢለን እንትብተናን፤ ህዝባዊ ዕላማን መትከልን ሒዛ ዝተበገሰት ህወሓት ግና ቀፂላ። እነሆ ድማ ሕዚ መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓት ብዝለዓለ ፅምብል ነኽብር ኣለና። ናይዚ ቀንዲ ምሽጥር ድማ ውድብ ህወሓት ሒዛቶ ዝተልዓለት ዕላማ ንፁርን መሰረታዊ ሕቶታት ህዝቢ ዝምልስን ስለዝነበረ እዩ። ህወሓት እንትትጣየሽ ዝነበረ እዋን ኣብ ኣብዝሓ ከባብታት ትግራይ መንግስቲ ዳርጋ ዘይብሉ፣ ብፍላይ ካብ ከተማታት ወፃኢ ዘሎ ቦታታት ሽፍታ ዘመሓድረሉ፣ ገለገሊኦም ሽፋቱ ካብ 20 ክሳብ 30 ዝኾኑ ሓሻኽር ዝነበርዎም እንትኾኑ ህወሓት ኣብቲ ዕሸል ዕድሚኡ ነዚኣቶም ስርዓት ክሕዙ ብምግባራ ህዝቢ ውሱን ሰላም ዝረኸበሉን ብዛዕባ ተጋድሎ (ውድብ) ዘሰላስለሉን ኩነታት እናተፈጠረ መፂኡ።

☞

ውድብና ህወሓት፤ ህዝቢ ትግራይ ባይቶ መስሪቱ ስልጣን ንህዝቢ ከርክብ፣ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድርን ፍትሒ ከረጋግፅን ኣኽኢላ። ቅድሚ ልደት ህወሓት ዝነበረ ኩነታት ትግራይ እንትዝከር ውሑዳት መሳፍንቲ ጣብያ ምሉእ ከበሃል ብዝኽእል መሬት እንትውንኑ ኣብዝሓ ህዝቢ ድማ ቁርማም መሬት ዝስእነሉ ኩነታት ነይሩ። በዚ እውን ዳርጋ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ሕሱም መነባብሮ ከመርሕ ፀኒሑ። ካብ 1968 ዓ.ም ኣትሒዙ ብውድብ ህወሓት ተግባራዊ ምግባር ዝተጀመረ መቐሎ መሬት ንገባር ትግራይ ቀንዲ ሕቶኡ ዝመለሰን ተጠቃምነቱ ዘረጋገፀን ከይዲ ኾይኑ። ኣብ ሓራ መሬት ንዝነበረ ህዝብና መሰረታዊ ሕቶታቱ ዝመለሰትሉን ቀንዲ ረብሓታቱ (ሰላም፣ ፍትሒ፣ ቁጠባዊ ተጠቃምነት) ዘረጋገፀትሉን ውድብ እናኾነት ቐፂላ። ረብሓታትን ባህግታትን ህዝቢ (ቁጠባ፣ ሰላም፣ ፍትሒን ካልኦትን) ንምርግጋፅ ሕድሕድ ተጋዳላይ መስዋእትነት ክኸፍል ከምዝኽእል ብብርኪ ድልውነት ጥራሕ ዘይኮነስ ብተግባር እውን ገሊኦም ናይ ወለዶም መሬት ባዕልቶም ገመድ ገቲሮም ንህዝቢ እንተከፋፍሉ፣ ንተፈፃምነት እዞም ዕላማታት ዘድሊ መስዋእትነት እንትኸፍሉ ዝተዓዘበ ህዝቢ፤ "ናትና ውድብ እያ" ክብል ኣኽኢልዎ እዩ። "ውድብና" እናበለ ክፅውዓ፣ ባዕሉ ተጋዲሉ፣ መላምል ደቁ ኣጋዲሉ መስዋእትነት ከፊሉ። ካብዚ ዝተልዓለ ድማ ክብርታት ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ሓደን ዘይነፃፀሉን ኾይኖም ቐፂሎም። ስለዝኾነ "ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ሓደ እዮም፤ ክነፃፀሉ ኣይኽእሉን" ዝብል ኣገላልፃ ካብዚ ቅኒት ዝተቐድሐ ከምዝኾነ ምርዳእ የድሊ። ህወሓት ብወገና ንክብርታት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝያዳ ትካላውን ውድባውን መልክዕ ብምትሓዝ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ኣብፂሓቶም።

ካብ ልደት ህወሓት ኣትሒዙ ክሳብ ሕዚ ዘሎ ግጥም ኣብ መንጎ ክብርታት ህዝቢ ትግራይን እቶም ብብእዋኑ ዘጋጥሙ ፀላእትን ዘሎ ኣፈላላይ፤ ማለት እውን (ሓቅን ሓሶትን፣ ምሽጥር ምዕቃብን ምሽጥር ምብታንን፣ ህዝባውነትን ፀረ ህዝብነትን፣ "ክገዝኣካ እየ" ዝብልን "ኣይግዛእን" በሃላይነትን፣ መድልዎን ርትዕን) ኮይኑ እዩ ቀፂሉ። እቲ ጉዕዞ ቃልሲ 17 ዓመት "ቃልስና ነዊሕን መሪርን እዩ! ዓወትና ናይ ግድን እዩ!" ብዝብል መሪሕ ጭርሖ እናተመርሐ ዋላ ፈተናታት ኣብ ርእሲ ፈተናታት እንተተደራረቡን ብድሆታት ኣብ ልዕሊ ብድሆታት እንተተኾመሩን ምስህዝቢ ኾይንካ ብፅንዓት ተመኪቱ። ህዝቢ ትግራይ ሓደ ኮይኑ፣ ምሽጥራቱን ምሽጥራት ውድቡን ዓቂቡ "ዝኾነት ትኹን ንቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክትጎድእ እትኽእል ነገር ወይ ንባዕሉ ይሕዛ ወይ ድማ ንዝምልከቶ ኣካል ጥራሕ ይነግር" ነይሩ። በዚ ኣገባብ ን17 ዓመት ዝተገበረ መሪር ቃልሲ ብተዓዋታይነት ህወሓትን ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ተዛዚሙ። ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ብምፅዳቕ ናብ ካልእ ዝበረኸ ምዕራፍ ቃልሲ ተሰጋጊሩ። ህዝባውነት ንፀረ ህዝብታት ፀራሪጉ፣ ፅንዓት ናብ ዓወት ኣብቂዑ። ዋርድያ ድኽነት ዝነበረ ስርዓት ደርጊ ምስተደምሰሰ እቲ ዝቐፅል ውራይ ሓዱሽ ስርዓት መስሪትካ ነቲ ውልደት ህወሓትን ምጅማር ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ቀንዲ ምኽንያታት ዝኾኑ ሕሱም ድኽነት፣ ድንቁርና፣ ሕማም፣ ስእነት ሰላም፣ ኣድልዎን ናይዚኣቶም ውፅኢት ዝኾኑ ጥምየት፣ ሕማም፣ ሞትን ስደትን ክዕገቱ ምግባር ድሕሪኡ ድማ ናብ ዝተማለአ ልምዓት ምስግጋር እዩ።

ብመሰረት እዚ፤ እቲ ካልኣይ ምዕራፍ ቃልሲ 27 ዓመት ቀንዲ መግለፂኡ ልምዓታውነት ኮይኑ ምርግጋፅ ውሑስ ሰላም እውን ማዕረ ክብደት ተዋሂቡዎ ዝተወገነ እዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ምስፋን ዴሞክራስያዊ ስርዓት ዝተሰርሐ ስራሕን ዝመፀ ለውጥን ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። እዚኣቶም ንምውጋን ንቕደም ሕገ መንግስቲ ብተሳትፎ ህዝቢ ፀዲቑ። ብምቕፃል ህዝብን ሃገርን ካብ ፀገማት ኣናጊፎም ናብ ልምዓት ዝወሰዱ ኣድለይቲ ዝበሉ ፖሊሲታትን ስትራቴጅታትን ተቐሪፆም ክትግበሩ ተገይሩ። ብመዳይ ቁጠባዊ ዕብየት እንትርአ፤ ዓለም ዝመስከረሉ ለውጢ ክምዝገብ ክኢሉ እዩ። እዚ ድማ ብዋናነት ንሕርሻን ገጠር ልምዓትን ማእኸል ብምግባር ዝተረጋገፀ ለውጢ እዩ። ነዚ ብኣብነት ንምድጋፍ፤ ኣብ መፈለምታ 1984 ዓ.ም ማእኸላይ እቶት ነብሲ ወከፍ ዜጋ 120 ዶላር፣ እንትኾን ኣብ 2010 ዓ.ም ናብ 850 ዶላር ዓብዩ እዩ። ከምኡ እውን ንልዕሊ 10 ዓመት ቁጠባ እዛ ሃገር ክልተ ኣሃዝ ዕብየት ኣርእዩ። እቲ ዝምዝገብ ዝነበረ ቁጠባዊ ዕብየት ፍትሓውነቱ (ኣብ መንጎ ዜጋታት፣ ገፀርን ከተማን፣ ክፉላት ማሕበረሰብ) ፅቡቕ ክበሃል ዝኽእል ምንባሩ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ናይዚ ድምር ውፅኢት ድማ ኣብ 1984 ዓ.ም ልዕሊ 60 ምኢታዊ ዝኾን ትሕቲ ፀፍሒ ድኽነት ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ 2010 ዓ.ም ናብ 23 ነጥቢ 5 ምኢታዊ ወሪዱ ነይሩ። ብብርኪ ትግራይ እውን ካብ ልዕሊ 70 ምኢታዊ ናብ 27 ምኢታዊ ወሪዱ ምንባሩ ይዝከር።

ብመዳይ ማሕበራዊ ጠለባት ክርአ እንተሎ፤ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ዝመፀ ለውጢ ተኣምራዊ ክበሃል ዝኽእል እዩ። ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ፖሊሲ ጥዕና ካብ ምቕራፅ ብፍላይ ኣብ ሞት ኣዴታትን ህፃናትን ብዝተሰርሐ ስራሕቲ ዓበይቲ ለውጥታት ተመዝጊቦም ነይሮም። ከምዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ ብምስርሖም ድማ ማእኸላይ ዕድመ መነባብሮ ደቂ ሰባት ካብቲ ብ1984 ዓ.ም ዝነበሮ 45 ዓመት ኣብ 2010 ዓ.ም ናብ 65 ክብ ክብል ክኢሉ። እዚ ድማ ሓደ ውፅኢት 11 ለካቲትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ምዃኑ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። እቲ ካልእ ኣብ ሓለዋ ከባቢ ዝተሰርሐ ስራሕ እንትኸውን፤ ትግራይ ብብርኪ ዓለም ልዑል ኣፍልጦ ዝረኸበትሉ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ሃፍቲ ተፈጥሮ ናብቲ ቅድሚ 100 ዓመት ዝነበረሉ ብርኪ ልሙዕነት ዝተመለሰሉን ወሓዝቲ ሩባታት ናብ ንቡር ዝተመለስሉን ኩነታት ተፈጢሩ ምንባሩ ባይታና ዝምስክሮ ህያው ሓቂ እዩ። እዚ ኣብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመት ብክፍሊ ሕርሻ ተጀሚሩ ዝተነፀረ ውፅኢት ዕቀባ ማይን ሓመድን ኮይኑ ደሓር እውን ተጠናኺሩ ቐፂሉ እዩ።
እቲ ካልእ ኣብ ምውሓስ ሰላም ዝተሰርሑ ስራሕትን ዝተመዝገቡ ለውጥታትን ዝምልከት እዩ። ኣብዚ ጉዳይ፤ ውሽጣዊ ሰላም ኢትዮጵያ ካብ ምውሓስ ብተወሳኺ እዛ ሃገር ኣብ ምኽባር ሰላም ብብርኪ ዓለም ይኹን ብብርኪ ኣፍሪካ ልዑል ክብሪ ዝረኸበትሉ፣ ብፍላይ ኣብ ሃገራት ደቡብን ሰሜንን ሱዳን ሰላም ንምስፋን ዝተሰርሐ ስራሕ ዝነኣድ ውፅኢት ኣምፂኡ እዩ። እዚ ድማ ውፅኢት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፣ ውፅኢት መሪሕነት ህወሓት /ኢህወዴግ ምዃኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ህንፀት ዴሞክራስያዊ ስርዓት ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ ተሰሪሑ እዩ። ከምቲ ዝፍለጥ ስርዓት ደርጊ ምስተደምሰሰ ንኩሎም ህዝብታትን ብሄር ብሄረ ሰባትን እዛ ሃገር ዝውክል ሕገ መንግስቲ ብምልኣተ ተሳትፎ ህዝቢ ፀዲቑ እዩ። ካብቲ ሕገ መንግስቲ ዝፍልፍሉ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ስትራቴጅታትን ተቐሪፆም ዓበይቲ ትካላት ክጣየሹን ናብ ተግባር ክኣትዉን ተገይሩ።

ህወሓት፣ ኢህወዴግ ሓቀኛ ዕላማ ተሓንጊጦም ከምዚኦም ዝበሉን ካልኦትን ዓበይቲ ስራሕቲ ብምስርሖም ካብ ባዶ ካዝናን ኣልቦ መሰረተ ልምዓትን ብምብጋስ ኣብ ውሽጢ 27 ዓመት ንዓለም ዘደነቐ ማሕበረ ቁጠባዊ፣ ዲፕሎማስያዊ፣ ህንፀት ዴሞክራስያዊ ስርዓትን ዘተኣማምን ሰላምን ክምዝገቡ ክኢሎም ነይሮም እዮም። ናይዞም ለውጥታትን ምዕባለታተን ቀንዲ ምሽጥር ድማ ውድብና ህወሓት ካብ ምስረታኣ ኣትሒዛ ህዝባዊ ዕላማ ዝተላበሰት፣ ህዝባዊ መስመርን መትከልን ተሓንጊጣ ዝተቓለሰትን ዘቃለሰትን፣ ናይ ሰላምን ልምዓትን ውድብ ብምዃና፣ ክብርታት ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ከምማይን ፀባን ዝተወሃሃደ ጉዕዞ ብምንባሩ እዩ። ውድብና ህወሓት ነዞም ክብርታትን መትከላትን ተሓንጊጣ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ድኽነትን ድሕረትን ነበረ ንምግባር ዘይተሓለለ ቃልሲ ኣካይዳ። ናይዚ ውፅኢት ድማ ብድኽነትን ጥምየትን ኣብ መዝገበ ቃላት ሰፊራ ዝነበረት ሃገር ንተኸታተልቲ ዓሰርተታት ዓመት በዓል ክልተ ኣሃዝ ዕብየት ብምምዝጋብ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየት የመዝግባ ካብ ዝነበራ ዓድታት ኣብ ቅድሚት ንክትስራዕ በቒዓ።

ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ እንትለምዕን እንትምዕብልን ዓይኖም ደም ዝመልእ ፀረ ህዝቢ፣ ሰላምን ልምዓትን ዝኾኑ ሓይልታት ነቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ጉዕዞ ልምዓትን ዕብየትን ኾሊፎምዎ። እዞም ፀረ ልምዓትን ህዝብን ሓይልታት ትምክሕትን ካልኦት ፀላእትን በዚ ኣየብቀዑን። ህዝቢ ትግራይ ካብ ገፅ ምድሪ ንምጥፋእ ነጋሪት ኩናት ኣዊጆም። ብተግባር ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኩናት ፅንተት ፈፂሞም። እዞም ፀላእቲ፤ ብኣተሓባባርነትን ዓዳማይነትን መንግስቲ ኢትዮጵያ ከካብዘለውዎ ተፀዋዊዖም ህዝቢ ትግራይ ከምህዝቢ ምሉእ ንምሉእ ንምጥፋእ፣ ትግራይ ካብ ካርታ ዓለም ንምሕኻኽ፣ ትግራዋይነት ካብ ሕልና ደቂ ሰባት ንምስራዝ ዓቕሞም ክንዲ ዝፈቕዶ ዝከኣሎም ኩሉ ፈፂሞም እዮም። ከምቲ ዝፍለጥ ኩናት ቅድሚ ምጅማሩ ህዝቢ ትግራይ፣ ውድብና ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን "ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ይከበር፤ ሰላምና ይተሓሎ፤ ኣፈላላይ ብሰላማዊ ዘተ ይፈታሕ፤ ኣብ ልዕሊ ሓደ ብሄር ዝግበር ጥቕዓት ጠጠው ይበል! ወዘተ" ብምባል ብሰላማዊ ሰልፊ፣ ብመግለፅታትን ካልኦትን ፃውዒት ሰላም ኣቕሪቦም እዮም። ይኹን እምበር ነዚ ፃውዒት ዝሰምዕ ኣካል ኣይተረኸበን። የግዳስ ፀማም እዝኒ ተዋሂብዎ ናብ ኩናት እዩ ተዋፊሩ።

ንፃውዒት ሰላም ህዝቢ ትግራይ፣ ውድብና ህወሓትን መንግስቲ ትግራይን ፀማም እዝኒ ዝሃበ ፀረ ህዝቢ፣ ሰላምን ልምዓትን ዝኾነ ሓይሊ፤ ኩሎም መላፍንቲ ሓይልታት ኣኽቲቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ትሉም ዝኾነ ኩናት ፅንተት ፈፂሙ። ህዝቢ ከምህዝቢ ንምጥፋእ ዓለም ዘፍረየቶም ውፅኢታት ቴክኖሎጂ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ክዘንቡ ገይሩ። ትካላት፣ ሃፍትን ንብረትን ህዝቢ ትግራይ ምሉእ ብምሉእ ክበሃል ብዝኽእል ደረጃ ዓንዮም። ማሕበረ - ቁጠባ ትግራይ ብቐሊሉ ከምዘይለዓል ተደቍሱ። ብኣውርኡ ድማ ክሳብ ሓደ ሚልዮን ዝግመት ህዝቢ ክፀንት ተገይሩ። ደቂ ኣንስትዮ ብግፍዒ ተደፊረን። ህፃናትን ሽማግለታትን ተቐቲሎም። ኮታስ ማእለያ ዘይብሎም ግፍዕታት ወሪዶም። እቲ ከምዚ ዝበለ ዘስካሕክሕ ግፍዒ ዝወረዶ ህዝቢ ትግራይ ብወገኑ፤ ህልውንኡን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ብረቱ ኣልዒሉ ክምክት ተገዲዱ። ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብር ትግራዋይ ከምሓደ ሰብ ኾይኑ መኪቱ። መንእሰይ፣ "ትግራይ ኣይትድፈርን፤ ኣብ ገዛ ኣይሕረድን፤ ኣነ እናሃለኹ ኣደይን ሓፍተይን ኣይድፈራን፣ ኣቦይ ኣይቕተልን፤ ኮታስ ህዝቢ ትግራይ ኣይጠፍእን" ኢሉ ናብ በረኻ ውሒዙ። እቲ ነባርን ሓዱሽን ወለዶ ተጎራሪሱን ተናቢቡን፣ ደጀንን ግምባርን ተኣሳሲሮም ነቲ መኸተ ዘድሊ ኩሉ ዓይነት ቃልሲ ኣበርኪቶም። ሳላ ከምዚ ዝበለ ህዝባዊ ቃልሲ ምክያዱ ድማ ህዝቢ ትግራይ ከምህዝቢ ካብ ምጥፋእ ድሒኑ። ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ተኣምራዊ ጅግንነት ብምፍፃም ዓለም፤ "እዚ ህዝቢ መን እዩ? ብዝግባእ ክፅናዕ ኣለዎ" ኢላ ክሳብ ክትግረም መስተንክራዊ ጅግንነት ተፈፂሙ። ታሪኽ እውን ኸቲብዎ ኣሎ።
ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ከምዚ ዝበለ ተኣምራዊ ጅግንነት ብምፍፃሞም እቲ ሰላም ተሓሲሙ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ኩናት ፅንተት ዝኣወጀ ሓይሊ ዝሓሰቦን ዝተለሞን ክሳኽዐሉ ስለዘይከኣለን ንህዝቢ ትግራይ ክስዕሮ ከምዘይኽእል ስለዝተረደአን ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ክፍርም ተገዲዱ። ብድሕሪ እዚ ነቲ ዝተረኸበ ውሱን ሃዋህው ሰላም ብምጥቃም ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተጀሚሩ። ኣገልግሎታት 'ውን ተጀሚሮም። ነዚ ስዒቡ ድማ ኣብ ትግራይ ግዝያዊ ምምሕዳር ተጣይሹ። እዚ ግዝያዊ ምምሕዳር ካብ ዝጣየሽ ክልተ ዓመት ዘቑፀረ እኳ እንተኾነ ክሰርሖ ዝግባእ ስራሕ ብዘይምስርሑን ዝተወሃብዎ ተልእኾታት ብዘይምፍፃሙን ኣብዚ ክልተ ዓመት እዚ ዝበሃል ውፅኢት ኣይተረጋገፀን። የግዳስ እዚ ኣብ ውሽጢ ግዝያዊ ምምሕዳር ዘሎ ሓይሊ ተልእኾታቱ ንጎድኒ ገዲፉ ውድብና ንምጥፋእ እዩ ተንቀሳቒሱ። ኣብ ክንዲ ግዝኣታዊ ሓድነትና ክረጋገፅ ብምግባር እቲ ኣብ ኢድ ፀላእቲ ዘሎ ህዝብና ሓራ ኣውፂእኻ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ምግባር፤ ዓቕምታት መኸተ ፋሕ ጭንግራሕ ኣቢሉ ንልዕሊ ዓመትን ፈረቓን እታ ቀንዲ ዓቕሚ መኸተ ዝኾነት መሪሕ ውድብ ህወሓት ፈለማ ንምጭዋይ፣ ቀፂልካ ድማ ክትቅህም ንምግባር ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩ። ብፍላይ መናእሰይ ኣደናጊሩ "ሆ" ክብሉ'ሞ ብናዕቢ "እንተዘይበላዕኹስ ኣየፍስስንዶ" ዝዓይነቱ ትግራይ ኣብ መቋረፂ ዘይብሉ ዕግርግር ንክትኣቱ መንግስታዊ ስልጣኑ ተጠቒሙ ላዕልን ታሕትን ክብል ፀኒሑን ኣሎን።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ህዝብና፤ ተግባራት እዚ ናይ ክሕደትን ጥልመትን ጉጅለ ስለዝተረደኦን ሓይልታት መኸተ እውን ይሰጣጠሙ ስለዘለዉን ኩሎም ፈተነታት እዚ ጉጅለ እናፈሸሉዎ እዮም። ካብዚ ብምብጋስ ህወሓት ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዘለዎ 50%+1 ብፅሒት ዘመዓራርየሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ። እቶም ካልኦት ሓይልታት መኸተ እውን ነቶም ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝወከሉዎም ኣባላቶም ኣፈፃፅማ ስርሖም ብምግምጋም ብቑኑዓት ክትክኡ ኣለዎም። ብመሰረት እዚ፤ ኩሉ ከምብሓዱሽ ተመዓራርዩ ሕሉፍ እነከሓሕሰሉ ጉዕዞ ክጅመር ምዃኑ እነረጋግፀሉ ፅምብል በዓል 11 ለካቲት እዩ። ስለዚ እተን ቀንዲ ዕማማት ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ዝሓፀረ እዋን ብምዝዛም ናብ ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ከምእንሰጋገር ምሉእ እምነት ብምሓዝ ኢና መበል 50 ዓመት በዓልና እነኽብሮ ዘለና።

ውድብና፤ ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤና ናይ መጀመርያ ብርኪ ድሕነት ከምዘረጋገፀት፣ ነዚ ስዒቡም ምስመላእ ህዝብን ኣባልን ብዝተኻየዱ ተደጋገምቲ ዘተታትን ምይይጣትን ሕዚ ናብ ምሉእ ቁመናኣ ትምለስ ከምዘላ ምርዳእ የድሊ። ሕዚ እውን ፅምብል 11 ለካቲት ንምሉእ ሓደ ዓመት ዝኣክል እንትነኽብር፤ ውድብና ህወሓት መሊኣ ብምድሓን ንመድረኻዊ ተልእኾኣ ድልውቲ ንክትኸውን ናይ ኣባላትን ኣመራርሓን፣ ናይ ህዝቢ ትግራይን ፈተውቲ ቃልስናን ዘይተሓለለ ሞራላዊ፣ ፋይናንሳዊ፣ ንዋታውን ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ደገፍ ከምዘድልያ ኣሚንካ ምውፋር ይግባእ። ብፍላይ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተማለአን ዘላቒ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ብዘረጋግፅን ንምትግባር ብዕቱብ ክስርሐሉ እዩ። ብመሰረት እዚ፤ ወረርቲ ሓይልታት ካብ መሬት ትግራይ ክወፁ፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ንክምለሱ፣ ሕገ መንግስታዊ ሉኣላውነት ትግራይ ክምለስን ክኽበርን ዝኽእል ስራሕ ንክዕመም ዝተዋደደ ቃልስና ክጠናኸር ኣለዎ። ውድብና ብኩለ መዳያዊ ብምጥንኻር ክብርታት ለካቲት ተላቢስና ናብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ብቕልጡፍ ምእታው ግድን ይኸውን። ከምዚ ዝበሉ ስራሕቲ ኣብ ዝውገንሉ፤ ጉጅለ ጥልመትን ካልኦት ሓይልታትን ክፈጥሩዎ ዝኽእሉ ዓንቀፍቀፍ ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ ክብርታት ለካቲት ዓትዒትና ሓድነትና ኣጠናኺርናን ብምቅላስ ሕውየት ውድብና መሊእና ንምርግጋፅን ዕማማትና ንምውጋንን ዝዓግተና ነገር ኣይህልውን። ውድብና ካብዚ ብምብጋስ ንመድረኻዊ ተልእኾኣ እናብቀዐት ግቡእ ናይ መሪሕነት ተራኣ ከምእትዋፃእ ኣብዛ ወርቃዊት ወርሒ ለካቲት ቃላ ኣሓዲሳ እያ። ህዝቢ ትግራይ፣ ኣባላትን ኣመራርሓን ከምኡ 'ውን ደገፍቲ ቓልስና ድማ ኣብ ጎድኒ ውድቦም ዓሲሎም ብዝለዓለ ፅንዓት፣ ወነን ሕራነን ክቃለሱ ኣለዎም።

**50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!**

# ኣብ መበል 50 ዓመት በዓል 11 ለካቲት ወርቂ እዮቤልዩ፤ ኣቦ መንበር ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ዘስምዕዎ ዘረባ

**ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ዓድን ዝተፈላለዩ ወፃኢ ሃገራትን ትነብር ህዝቢ ትግራይ!**
**ዝኸበርኩም ወለድን ስድራን ጀጋኑ ስውኣት ደቂ ትግራይና!**
**ዝኸበርኩም መራሕቲ ዝተፈላለየ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ትግራይና!**
**ዝኸበርኩም በብደረጃኡ ዘለኹም ኣዘዝትን ኩልኩም ጀጋኑ ሓይልታት ፀጥታን ትግራይና!**
**ዝኸበርኩም ላዕለዎት ኣመራርሓ ውድብና ህወሓትን ሓለፍቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን!**
**ዝኸበርኩም ኣባላት ደገፍቲ ውድብና ህወሓትን ፈተውቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን!**
**ዝኸበርኩም መራሕትን ኣባላትን ተናሓናሕቲ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን!**
**ዝኸበርኩም ነበርቲ ከተማ መቐለ!**
**ዝኸበርኩም ኣብ ከተማ መቐለን ከባቢኣን ትነብሩ ተመዛበልቲ ወገናትና!**
**ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ ወርቃዊ እዮቤልዩ በዓልና 11 ለካቲት!!**
**ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!**

ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን፣ 50 ዓመታት ንድሕሪት ብቐረባ ርሕቐት ድማ ህልውና ብዘተኣማምን ብምርግጋፅ፣ ትንሳኤ ትግራይና ብጭቡጥ እንሪኣሉ ቀፃላይ 25 ዓመታት እናኣመትና "50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን" ብዝብል መራሒ ሓሳብ፣ ካብ ሎሚ ጀሚርና ክሳብ 11 ለካቲት 2018 ዓ/ም ዓመት ሙሉእ እናኽበርና እንውግኖም ዝተፈላለዩ ስራሕትና ሀ ኢልና ምጅማርና ናብ እነበስረላ ዘለና ወርቃዊ እዮቤልዩ በዓልና ለካቲት 11 ልደት መሪሕ ውድብና ህወሓትን ምጅማር ዝተወደበ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን እንኳዕ ኣብፀሐኩም!! ኣብፀሐና! ዝብል መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት ብስም ውድብና ህወሓትን ብስመይን እንትገልፅ ዝተሰመዐኒ መዘና ዘይብሉ ክብሪ ክገልፀልኩም ይፈቱ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

በዓል ዋና ናይ ነዊሕ ዘመን ስልጣነ ረዚን ታሪኽ መስተንክራዊ ጅግንነትን ሓዊስካ ወናኒ ነቕ ዘይብሉ ዝተፈላለዩ ህያው ክብርታት ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፣ ብፆታ፣ ዕድመ፣ ሃይማኖት፣ ኩነታት ስራሕ ወዘተ ከይተፈላለየ ከምኣርቃይ ረቢቡ፣ 11 ለካቲት ከም ብሌን ዓይኑ እናረኣየ ካብ ኩሎም ህዝባውን ብሄራውን በዓላት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዘኽብረሉ ምኽንያት ብመሰረቱ ሕድሕድ ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ፣ ኣብ ደጀንን ግንባርን ብወነ፣ ንቕሓትን ውነን ተሳቲፉ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ዝኸፈለሉ ብቐንዱ ድማ ግንባርኩም ንዓረር ኢሉ መሪቑ ዘጋደሎም መላምል ደቁ ዝተሰውእሉ፣ ሕድርና ከይተዕብርዎ ኢሎም ዝገደፍዎ፣ ቅዱስ ህዝባዊ ዕላማ ተረባሪቡ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ቃል ኪዳኑ ደጋጊሙ ብምህዳስ ንቐፃላይ ቃልሲ ድልውነቱ ዘረጋግፀሉ ዕለት ብምዃኑ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ግና ካልኦት ብዙሓት ምኽንያት ኣለውዎ እዮም። ካብዚኦም ሓደን ቀንድን ጉዳይ ቅድሚ 50 ዓመት ዝነበረ ወለዶ ትግራይ፣ ብምኽንያት መስፍናዊ ስርዓት ካብ ኣብ ዓለም ዝጥቀሱ ዝነበሩ ኣርባዕተ ስልጣነታት ሓደ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ ንድሕሪት ክምለስ ብምግባር ብፍላይ ብገዛእቲ ነገስታትን ቢሮክራስያዊ ዓፋናይ ስርዓትን፣ ንልዕሊ 100 ዓመት ኢዱን እግሩን ተመቒሑ ምሒር ብሄራዊ ዕብለላ ኣብ እንግዲዑ ተዳዕኒኑ፣ ግዳይ ዓሚቕ ድኽነት፣ ድሕረትን ድንቁርናን ክኸውን ብምግባሩ እዩ። ከምካልኣይ ዜጋ ተቖፂሩ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ፣ ከም ኋል

> እዚ ሓደጋ ዝኽበሰሉ ዕድልን ዓቕምን ኣሎ እዩ። ንሱ'ውን ስትራቴጂክ ዓቕምታት ትግራይና ዝኾኑ ህዝቢ ትግራይ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ነቲ ዘለናሉ ንኡስ መድረኽ ተረዲኦም ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝወሰንዎም ዓበይቲ ውሳነታት ኣዋዲዶምን ሓድነቶም ኣስጢሞምን ብጊዜ የለን መንፈስ ተረባሪቦም ናብ ነገራዊ ሓይሊ እንተድኣ ቀይሮምዎም ኣንፀላልዩ ዘሎ ደመና ጥፍኣት ከምዝኽበስ ኣየጠራጥርን። ስለዚ ስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይ ምስጊዜ እናተኋየዩ ዝተወሰኑን ዝውሰኑን ውሳነታት ብምትግባር ወርቃዊ እዮቤልዩ ብዓልና እንትነኽብር ኣብ ሰለስቲኡ ምዕራፋት ቃልሲ በጃ ህዘቦም ናይ ዝወደቑ ስውኣት ደቂ ትግራይ ሕድሪ ከይሸራረፍን ንምዕዋት ግቡእና ክንፍፅም በዛ ዕለት ቃልና ክነሕድስ ኣለና።

ዛግራ ተበቲኑ ይጠፍእ ምህላው ተረዲኦም ውሑዳት ደቂ ህዝቢ፣ ኣብ ቀዳማይ ወያነን ቅድሚኡን ዝተገበሩ ተጋድሎታት ህዝቢ ትግራይ ገምጊሞም፣ ትምህርቲ ቀሲሞም "ህዝባዊ ወያነና ነዊሕን መሪርን እዩ፣ ዓወትና ናይ ግድን እዩ"!! ዝብል መሪሕ ሓሳብ ሒዞም ህዝብን ህዝባዊ ዕላማን ኣሚኖምን ርሑቕ ኣሚቶምን ቅድሚ 50 ዓመት ኣብ 11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ሽግ ሓርነት ዝወልዑሉ ልደት ህወሓት ዝተበሰረሉ ዕለት እዩ።
እዞም ብሓሙሽተ ብረት ምግዳል "ሀ" ኢሎም ዝጀመሩ 11 ተጋደልቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተፃዒኑ ዝነበረ ኩለመዳያዊ ጥፍኣትን ዕንወትን ንምውጋድ፣ መሬት ንሓረስታይ ንምክፍፋል፣ መሰል ዓርሰ ውሳነ ንምኽባር፣ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምርግጋፅ ዝብሉ ዓበይቲ ዕላማታት ተሓንጊጦም፣ ታሪኽ ኣብዝዓደላ ደደቢት ሽግ ሓርነት ብምውላዕ ህዝቢ ካብ ምብትታን ጠቕሊሉ ምጥፋእን ክናገፍ፣ ህዝብና ተኣኻኺቡ ባዕሉ በዓል ዋና ኮይኑ ተወዲቡ ዳግም ትንፋስ ሰሪዑ ህልውንኡን ቀፃልነቱን ዘረጋገፀት ዕለት ስለዝኾነትን ካብቶም መስተንክራውን መስደመማትን ታሪኻት ህዝቢ ትግራይ መቐይሮ ነጥቢ ዝኸውን መሰረታዊ ለውጢ ስለዘምፀኣትን እዩ ህዝብና ን11 ለካቲት ብፍሉይን ልዕሊ ኩሎም ህዝባዊን ብሄራዊት በዓላት ብዝተፈለየ ኣገባብ ብድሙቕ ፅምብል ዘኽብራ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

"ፖለቲካን ኤሌትሪክን ብርሑቑ፤" ኣብዝብሃለሉ ዝነበረ ፀልማት እዋን ብኣፃብዕቲ ዝቑፀሩ ሰብ ዕላማ ቆራፃት ደቂ ትግራይ ዝጀመርዎ ተጋድሎ 11 ለካቲት፣ ሰሲኑ ብሚልዮናት ዝቑፀር ህዝቢ ኣዕሲሉ እቲ ቃልሲ ኣብ ሜዳታት ጎቦታትን ሸንጥሮታትን ትግራይ፣ ኣብ ዲያስፖራን ከተማ ድማ ብመልክዕ ስርዒት ተወዲቡን ተዋዲዱን ብጣዕሚ መሪር፣ ነዊሕን፣ ብዙሕ ውረድ ደይብ፣ ዓቐብ፣ ቁልቁል፣ የማን ፀጋም፣ ንቕድሚትን ንድሕሪትን ብድማር ወዲ ሰብ ክፃወሮ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዘይሕሰብ ሰብ ስራሕን ተፈጥራውን ፀገማት ተፃዊሩ፣ ህዝቢ ትግራይ ብውድብና ህወሓት እናተመርሐ፣ ልዕሊ 60 ሽሕ ናይ ህይወት መስዋእቲ፣ ልዕሊ 100 ሽሕ ድማ ኣካላዊ መጉዳእቲ ብምኽፋል ተቓሊሱ። በዚ እውን ዋርድያ ብሄራዊ ዕብለላ፣ ጭቆና፣ ምዝመዛ፣ ሕሱም ድኽነት፣ ድሕረትን ድንቁርናን ዝነበረ፣ ዘመናዊ መሳርሒ ኾናት ክሳብ ኣፍንጭኡ ዝተዓጠቐን ካብ ኣፍሪካ ቀዳማይ ይበሃል ዝነበረ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ዝሰልጠነ ወታደር ዝነበሮ ፋሽስታዊ ወታደራዊ ደርግ ቅድሚ 34 ዓመታት 20 ግንቦት 1983ዓ/ም ሓመድ ድብ ክኸደን ብምግባር ዕላማ ለካቲት 11 መሊኦም ናብ ነገራዊ ሓይሊ ንምቕያር ዘኽእል ኩነታት ተፈጢሩ ነይሩ እዩ። ናይዚ መሪርን ነዊሕን ጉዕዞ ዓወት ምሽጥር ንህዝቢ ዝረብሕ ህዝባዊ መስመርን ዕላማ ህወሓትን፣ ነዚ ተቐቢሉን ፀገማት ተፃዊሩን ዝተቓለሰን ዝተሰውኡን ህዝቢ ትግራይ ስለዝተቓለሰ እዩ። ከምኡ እውን ብፅኑዕ ዲስፕሊን ተሃኒፁ፣ ክብርታት ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ዓትዒቱ ሒዙ ኣብ ኩሉ ዓውደ ስራሕቲ ብውነን ወነን ዝፍፅም በሊሕ ጫፍ እቲ ቃልሲ ዝኾነ ተጋዳላይ ህወሓት ስለዝተዋደቐ እዩ። ህወሓት ውዳበ ሓይሊ እዩ፣ ዝተወደበ ህዝቢ ተዓዋታይ እዩ፤" ኢሉ ስለዝኣምን ንህዝቢ ዝኸፋፍል ኣጀንዳ ኣምሪሩ ዝቃለስ፣ ዓቕሚ ኩሉ ትግራዋይ ንመጀመሪያ ግዘ ወዲቡ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣረጋጊፁ ናብ ዓወት ዘብፅሐ ህዝባውን ታሪኻውን ውድብ እዩ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

ብቓላት ንምግላፅ ዘፀግም፣ ናይ ህይወት መስዋእትን ኣካል መጉዳእትን ዝተኸፈለሉ ናይ 17 ዓመታት ህዝባዊ ወያነ ትግራይ ከንቱ ኣይተረፈን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ተፃዒኑ ዝነበረ ብሄራዊ ዕብለላን ደርባዊ ጭቆናን ቀንጢጡ ብምድርባይ ብሄራዊ መንነቱን ክብሩን ምሕላው ዝኸኣለ፣ ህዝቢ ትግራይ ካብ ከርፋሕ ናይ ድኽነት ናብራ ዘላቕቕ መንገዲ ዝጀመረ እዩ። ንኢትዮጵያ እውን ካብ ምብትታንን ጉዕዞ ቁልቁለትን ብምውፃእ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክትከል፣ ኣብ መላእ ሃገር ሰላም ክሰፍን፣ ስሉጥ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ልምዓት ተረጋጊፁ ህዝቢ በቢደረጃኡ ፍትሓዊ ተጠቃሚ ክኸውን፣ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዘረጋግፅ ህንፀት ዲሞክራስያዊ ስርዓት-ክጅመር፣ ወዘተ ኣብ ምግባር ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ብብቕዓት ፈፂሞም እዮም።

እቲ ከምዋሕዚ ሩባ ዝፈሰሰ ደም፣ ፎቐዶ ጎቦታት፣ በረኻታት፣ ሸንጥሮታት ዝተዘርአ ኣዕፅምቲ፣ ባዕሉ ድኹዒ ኮይኑ ደኒ ኣብቕሉትግራይ ብደረጃ ዓለም ተሸላሚ ክትኸውን ገይሩ እዩ። ካብ እንዳ መጥሓን ሓሊፉ ትኪ ፋብሪካ ሪኣ ዘይትፈልጥ ትግራይ፣ ናይ ህዝቢ ደኣንትን ውልቀ ሰብ ሃብትን መፍረይቲ ትካላት ዝዕንብበላ ትግራይ ኮይና ነይራ እያ። ብትምህርቲ፣ ጥዕና፣ መስተ ማይ ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብዙሕ ውፅኢት ተመዝጊቡ ነይሩ እዩ። ብመዳይ መሰረተ ልምዓት ማለት ኤሌትሪክ፣ ቴሌፎን፣ ብፍላይ ኣብ እዋን ዕጥቂ ቃልሲ ትግራይ ብመንገዲ ዓይኒ ዓራት ክንገብራ ኢና" ዝበሃል ዝነበረ ጭርሖ ተግባራዊ ኮይኑ ህዝብና ተጠቃማይ መሰረተ ልምዓት መንገዲ ገይሩ እዩ። ብድማር ካብ ፅባሕ 20 ግንቦት 1983 ዓ/ም ክሳብ 24 መጋቢት 2010 ዓ/ም ኣብዝነበሩ 27 ዓመት ትሕቲ ድኽነት ዝነብር ህዝብና ልዕሊ 61% ዝነበረ ናብ ትሕቲ ሲሶ ወሪዱ ነይሩ እዩ። ብሓፂሩ ህወሓት ኩሉ በብደረጃኡ ዝጥቀመሉ ኩለመዳያዊ፣ ስሉጥን ተኸታታልን ምዕባለ ንክረጋገፅ ዕዙዝ ተራ መሪሕነት ተፃዊቱ፣ ህዝብና ብቐጥታ ናብ ጅቡኡ ብዝኣትውን ብተዘዋዋሪ ብሓባር ዝጥቀመሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ተቋዳሳይ ክኸውን ገይሩ እዩ። ነዚ እዩ ህዝብ ትግራይ ህወሓት ዝኾነ ፀገም እንትገጥማ "ውድብናማ ኣይትትንከፍን" ኢሉ ቆፍኡ ከምዝተነኽአ ንህቢ ተላዒሉ ዓንዲ ሑቐን ዋርድያን ኮይኑ ውድብና ኣብ ምድሓን፣ ሎሚ እውን ከምወትሩ ኣብዝሓለፉ 50 ዓመት ዝተፃወቶ መተካእታ ዘይብሉ ተራ ኣብ ምፅዋት ዝርከብ ዘሎ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

መቑሕ ባርነት ንምስባር ብዝተኻየደ መሪር ተጋድሎ እቲ ዋርድያ ድሕረት ዝኾነ ኣሃዳዊ ሓይሊ ካብ ሰሌጣን እኳ እንተተወገደ ብተናፀል ይኹን ብውዳበ ነቲ ዝተረጋገፀ ናይ ስርዓት ለውጢ ምቅዋም ኣቋሪፁ ኣይፈልጥን። ነቲ ለውጢ ኣብ ምምፃእ ግደ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ግልፂ ብምንባሩ እዚ ሓይሊ ምድሕርሓር ኣብ ልዕሊ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዘየቋርፅ ወፍሪ ፀለመን ተግባራት ጥፍኣትን ክካየድ ፀኒሑ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ሃገራዊ ስልጣን ድሕሪ ምጭባጡ መንግስታዊ ዓቕሚን ሃፍቲ ሃገርን ብምጥቃም ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ብህዝቢ ኢትዮጵያ ንክፅልኡን ንክንፀልን ብፅዑቕ ተረባሪቡ ቐሊል ዘይበሃል ምድንጋር እውን ፈጢሩ። ስዒቡ እውን ትግራዋይ ክበሳበስ፣ ብግፍዒ ክቕተል፣ ክፈናቐል፣ ንዓመታት ሰሪሑ ዘፍረዮ ሃፍቱ ክውረር ወዘተ... ተገይሩ ትግራዋይ ኩሉ ዓይነት ኣድልዎ ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሐሉን ካልኣይ ዜጋ ዝኾነሉን ሃገር ናብ ምዃን ተቐይራ።

ከምዝፍለጥ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኢድን ጓንትን ኮይኖም ጠበንጀኦም ናብ ጭኹሮ ቀይሮም፣ ዓይኖምን እዝኖምን ኣብ ሰላም ዲሞክራስን ልምዓትን ገይሮም 27 ዓመታት ብጉዕዞ ህዳሰ ንቕድሚት ኣብዝስጉሙሉ እዋን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተጀመረ ወፍሪን ጥቕዓትን ብሰላም፣ ብሕጊ መንግስቲ ስርዓት ክሕዝ ምእንታን ህዝቢ፣ መንግስቲ ትግራይን ህወሓትን ደጋጊሞም እናሓተቱ ነይሮም እዮም። ይኹን እምበር ኣብ ልዕሊ ትግራይ ይካየድ ዝነበረ ጥቕዓታት ናብ ዝለዓለ ጭካነ ተሰጋጊሩ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ካብ ምድረ-ገፅ ንምጥፋእ ፅንተታዊ ኲናት (ጀኖሳይድ) ተኣዊጁ ንክልተ ዓመት ምሉእ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ፍፁም ከባን ዕፅዋን ኣትዩ ካብ ቀልቢ ዓለም ሰዊርካ ትግራዋይ ንምጥፋእ ዘርዚርካ ዘይውዳእ ግፍዒ ብልፍንታውያን ሓይልታት ተፈፂሙ። እዞም ወረርቲ ህዝቢ ትግራይ ብጭፍሩን ፃዕሩን ዘጥረዮ ኩሉ ሃፍቲ ዘሚቶም፣ ዝቃፀል ኣቃፂሎም፣ ህዝቢ ትግራይ ሓመድ ተኸዲኑ፣ ከውሒ ነዲሉ፣ ዘብቆሎ ደኒ ጠፊኡ ህዝብና ጥራሕ ኢዱ ክተርፍ ገይሮምዎ።

ይኹን እምበር፤ እዚ ውህሉል ናይ ቃልሲ ተመክሮ ዘለዎ ንቑሕ ብመንነቱን ህልውንኡን ፍፁም ዘይደራደር ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃኢን ዝነብር ህፃናት ከይቀረየ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ከምንህቢ ዓሲሉ ከም ኣርቃይ ረቢቡ ሓፂናዊ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ብጅግንነት መኪቱ። ኣብ ሓፂር እዋን ገዚፍ ሰራዊት ሃኒፁ ንዓለም ዘስደመመ ቓልሲ ብምክያድ ጀኖሳይድ ህዝብና ክዕገት ክኢሉ። ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ጨፍሊቕካ ምጥፋእ ከምዘይካኣል ደጊሙ ኣረጋጊፁ።

ኣብ መኸተ ኲናት ጀኖሳይድ ብኣውርኡ፣ ደሞምን ኣዕፅምቶምን ዝገበሩ መሪሕነትን ተዋጋእትን

☞

ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብዋናነት ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈሎ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ከምኡ እውን ብኣስተዋፅኦ ብሄራውያን ውድባት፣ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ክፍረም ብምግባር ህዝብና ካብ ምሉእ ጆኖሳይድ ድሒኑ እዩ። መሪሕ ውድብና ህወሓት እውን ህዝባዊ መኸተና ንክዕወት ግንባርን ደጀንን ንክዋደዱ ኣብ ምትእስሳር ህዝብና ተወዲቡ ሓድነቱ ኣሐይሉ ክምክት መሪሕ ተራ ኣብ ምፅዋት ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ንፍርቂ ክፍለ ዘበን ካብ ህዝባዊ መትከልና ፈተኸ ከይበሉ መራሕትና እኒ ስዩም መስፍንን ክልቲኦም ኣባይን ሓዊስካ(ኣባይ ፀሃየን ኣባይ ነፍሶን)፣ ብኣሸሓት ዝቑፀሩ መራሕትን ኣባላትን ዝተሰውእዎ ህወሓት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ብምዃን መሪሕ ግዲኡ ዝፃወት ፖለቲካዊ ውድብ ምዃንና ደጊሙ ኣረጋጊፁ እዩ።

ብድምር ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ ብዘካየዶ መስተንክራዊ ቃልስን ዝኸፈሎ መስዋእትነትን ስምምዕ ፕሪቶሪያ ክፍረም ብምኽኣሉ ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣቲና ኢና። እዚ ስምምዕነት ናይ ባዕሉ ዕድላትን ፈተናታትን ሒዙ ዝመፀ እዩ። ቶኽሲ ጠጠው ኢሉ ኣብ ዝበዝሑ ከባቢታት ትግራይ ዝነብር ህዝብና ሰላም ምርካቡ ሓደ ዕድል እዩ። ዋላ ከምቲ ክኾኖ ዝግባእ እንተዘይኮነ ህዝብና ዝትፈላለዩ ግልጋሎታት ክረክብ ምኽኣሉ እውን ብእወንታ ዝረአ እዩ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ግን ዘለናዮ መድረኽ ዓበይቲ ፈተናታት እውን ዝሓዘ እዩ። ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብግቡእ ክፍፀም ብዘይምኽኣሉ ጆኖሳይድ ህዝብና ብሰላሕታ ዝቕፅለሉን ስቓዩ ዝተናውሐሉን ኩነታት እዩ ዘሎ።

ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ ፕሪቶሪያ ፈራሚትን ተደራዳሪትን ዝኾነት ውድብ ህወሓት ዝተሰረዘ ሕጋዊ ሰብነት ምምላስ ዘይተኽኣለ ኮይኑ ናብ ዘየድሊ ውጥጥ ዘእቱ ውሳነታት ብምውሳን ስምምዕ ፕሪቶሪያ ናብ ሓደጋ ክወድቕ ዝገብር ተግባር ይረአ ኣሎ።

እቲ ካሊእ ኣብዚ መድረኽ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ገጢሙና ዘሎ ዓብይ ፈተና ኣብ ውሽጢ ውድብና ዘጋጠመ ሓደጋ እዩ። ዋላ እኳ ኣመራርሓን ኣባልን ውድብ ከምኡ እውን መላእ ህዝብና ውድቡ ንምድሓን ብዘካየዶ ዘይሕለል ቃልሲ ንውድብ ካብ ውሽጢ ንምፍራስ ዝነበረ ሽርሒ ክብርዕን እንተኻኣለ እቲ ሓደጋ ግን ከቢድ እዩ ነይሩ። ብዙሕ ሕልኽላኻት ብምስጋር ጉባኤ ድሕነት ብዝብል ዝተሰየመ ታሪኻዊ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤና ውድብና ተመዓራርዩ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ክበፅሕ ገይርዎ እዩ። ሕዚ እውን ግን ህወሓት መድረኽ ዝጠልቦ ብቕዓትን ጥንካረን ንክህልዎ ቐፃላይ ቃልስን ርብርብን ምክያድ ግድን እዩ። ብኣንፃር ህልውና ውድብ ምርግጋፅ እውን ዋላ እኳ ህወሓት ኣብ ልቢ ነብሰ ወከፍ ትግራዋይ ዝሰፈረትን ብቐሊሉ ዘይትፈርስን ውድብ እንተኾነት ተመሳሳሊ ድልየትን ዕላማን ዘለዎም ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ናይ ቀረባን ርሑቕን ተፃባእቲ ሓይልታት እንተኾይኑሎም ህወሓት ንምፍራስ ወይ ንህወሓት ዓርሲ ንምግባር ብኹሉ ዓቕሞም ይረባረቡ ስለዘለው ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ቃልሲ ኣጠናኺርካ ምቕፃል ግድን እዩ።

ብድማር ሕዚ ዘለናሉ ተኣፋፊኑ ዝተሓላለኸን ንኡስ መድረኽ ህዝቢ ትግራይ ኣጋጢምዎ ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህላወ፣ ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ክ/ዘበን ካብ ዘጋጠምዎ ፀገማት ብዓይነቱ ዝተፈለየ እዩ። እዚ ናይ ጥፍኣት ሓደጋ ብጥንቃቐን ብውሕሉል ኣገባብን እንተድኣ ዘይተፈቲሑ ትግራይ ከምስጋ ተበጣጢሳ ስም ትግራይና ካብ መዝገብ ዝሕከኸሉ ህዘቢ ትግራይ ድማ ንዝኸፍአ ህልዊት ዝዳርግ ብኣጋጣሚ ካብዚ ሓደጋ ዝተርፉ እንተሃልዮም ድማ እግሮም ናብ ዝመርሖም ዝስደድሉ ዕድል ከጋጥም ይኽእል እዩ።

እንተኾነ እዚ ሓደጋ ዝኽበሰሉ ዕድልን ዓቕምን ኣሎ እዩ። ንሱ’ውን ስትራቴጂክ ዓቕምታት ትግራይና ዝኾኑ ህዝቢ ትግራይ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ነቲ ዘለናሉ ንኡስ መድረኽ ተረዲኦም ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝወሰንዎም ዓበይቲ ውሳነታት ኣዋዲዶምን ሓድነቶም ኣስጢሞምን ብጊዜ የለን መንፈስ ተረባሪቦም ናብ ነገራዊ ሓይሊ እንተድኣ ቀይሮምዎም ኣንፀላልዩ ዘሎ ደመና ጥፍኣት ከምዝኽበስ ኣየጠራጥርን። ስለዚ ስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይ ምስጊዜ እናተጓየዩ ዝተወሰኑን ዝውሰኑን ውሳነታት ብምትግባር ወርቃዊ እዮቤልዩ ብዓልና እንትንኽብር ኣብ ሰለስቲኡ ምዕራፋት ቃልሲ በጃ ህዘቦም ናይ ዝወደቑ ስውኣት ደቂ ትግራይ ሕድሪ ከይሸራረፍን ንምዕዋት ግቡእና ክንፍፅም በዛ ዕለት ቃልና ክነሕድስ ኣለና።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

ጉዕዞ 50 ዓመታት ህወሓት ሰተሰምሃል እናተረገፀ ብልሙፅ መንገዲ ኣይኮነን ተጓዒዙ። ህወሓት ገና እግሪ ከይተኸለት ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ቀዳማይ ሕንፍሽፍሽ 1969 ዓ/ም፣ ካልኣይ ሕንፍሽፍሽን ከቢድ ሓደጋ ድርቅን ኣብ 1977 ዓ.ም፣ ኣብ ውድብና ዘጋጠመ ደውታን ምንቁልቋልን ኣብ 1993 ዓ/ም ኣብ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዘጋጠመ ናይ ምስንጣቕ ሓደጋ ዳርጋ ካብ ኩሎም ዝኸፍአ ድማ ሕዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ናይ ብሄራዊ ክሕደት ሓደጋ ብኣብነት ምግላፅ ይከኣል እዩ። እንተኾነ ውድብና ህወሓት ኣብ ውሽጢ የጋጥሙ ዝነበሩ ከበድቲ ፀገማት ካብ ህዝባውን ዲሞክራሲያዊ ተፈጥርኡን ባህሪኡን እናተበገሰ እናተምሃረን ብቀንዱ ቅድሚ ቀዳማይ ጉባኤ ብዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤ ሓደ ህፁፅ ጉባኤን 14 ስሩዓት ጉባኤታትን ብምክያድ ውድብና ህወሓት እናደሓነት ፈታውን ፀላእን ዝፈልጦም ተኣምራውን መስደመምን ኩሉ መዳያዊ ዓወታት ብምምዝጋብ ወለዶታት ብቕፃልነት ዝቀባበሉዎ ውድብ ክኸውን በቒዑ እዩ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ዘጋጠመ ፀገም’ውን ምስጋና ንካድረና፣ ኣባልናን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብቀንዱ ብዓል ዋና ህወሓት ንዝኾነ ህዝቢ ትግራይ፤ ህልኽ ዘወድእ ብርቱዕ ቃልሲ ገይሩ ህወሓት መበል 14 ጉባኤ ብምክያድ መሊኣ ክትድሕ መሰረት ኣንቢሩ ኣሎ። ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

ሰላም ናይ ህልውና ጉዳይ’ዩ። ብምዃኑ’ውን ህወሓት ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅ ፃውዒት ሰላም ኩሉ ግዜ ዝብህነ ጉዳይ እዩ። ሰላም ብፅኑዕ ሕድ ሕድ ዕድል ናይ ዝሓሸ ብርኪ ክበፅሕ ህዝቢ ትግራይ ክርባሕን ብሙሉእ ውፉይነት ዝሰርሓሉን ቀንዲ ዓንዲ ቃልሱ እዩ። ቀንዲ ሕቶ ህዝቢ ትግራይን ህዝብታት ኢትዮጵያን ሰላም ብምዃኑ ሰላም ንህዝቢ ትግራይ ሰላም ንህዝቢ ኣምሓራ፣ ሰላም ንህዝቢ ኦሮሞ ካሊእ ህዝቢ እውን ሰላም ክረክብ እንተኾይኑ እንተነኣ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ሰላም ቀፃሊ ብዘግብር ክፍፀም ኣለዎ። ነዚ ደማ ምስ ኩሉ ናይ ሰላም ሓይሊ ብፍላይ ድማ ምስ ዓፋር፣ ኣምሓራ፣ ኤርትራን ሱዳንን ንምስራሕ ትማሊ፣ ሕዚን ፅባሕን ድልዋት ምዃንና ክነረጋግፅ ንፎቱ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

ጥቕልል ብዝበለ ኣገባብ ንምግላፅ ታሪኽን ሕሉፍ ጉዕዞን ምፍላጥን ምምሃርን ቀፃሊ ጉዕዞ ብሩህ ዝገብር’ዩ። ዝተሰርሐ ታሪኽ ብጉጉይ ኣገባብ ምግላፅ ወይ ፀለሎ ምልካይ ወይ ተይፈለጥካ ብዓይኒ ዕሙተይ ንምዓዓዝ ምፍታን ኮምፖስ ከምዘይብላ መርከብ ኣብ ውቅያኖስ ጥሒልካ ምጥፋእ’ዩ። ብምዃኑ ታሪኽ ህወሓት ምፍላጥ ክልተ ስጉሚ ንቕድሚት ክትምርሽ ይሕግዝ። ብሓፂሩ ህወሓት ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመት ንምእማኑ ዘፀግሙ ከበድቲ ፀገማት ዋላ እንተጋጠማ “ከምብል ይበል’ምበር ኣይድፋእን” ከምዝበሃል በዓል ዋና ውድብና ንዝኾነ ህዝብና፣ ኣብ ኵናት ይኹን ሰላም ብተግባር ኣብዝተፈተነ ቅኑዕ ህዘባዊ ዕላማና ኣዕሲላ ነቶም ማኣለያ ዘይነበሮም ፀገማትን ብድሆታትን ሰጊራቶም እያ።

ይኹን ድኣምበር ህዝቢ ትግራይ ታሪክ ይሰርሕ እምበር ኣይፅሕፍን ከምዝበሃል ህዝቢ ትግራይ ኣብ ነዊሕ ጉዕዝኡ ካብ ዝሰርሖም ታሪኻት ከምፀሓይ ብርሃን ዝደመቐ መስተንክር ቅያ 17 ዓመት ህዝባዊ ተጋድሎ ብኣባላት ስርዒት ዲያስፖራ፣ ተጋዳላይ ህወሓትን ብውልቀን ብሓባርን ዝተሰርሑ ተዛራብካን ፅሒፍካን ዘይውድኡ መስደመም ስራሕትን ኣንፀባራቒ ዓወታትን ብዝተበጣጠሰ መልክዕ እንተዘይኮይኑ ጥቕሉል ሙሉእ ስእሉ ዝገልፁ መፃሕፍቲ ኣይተሓተሙን። ብስነ ጥበብን ፊልምን’ውን ኣይጎልሁን። ስለዚ ዓመት ምሉእ ኣብ እናኽብሮ ወርቃዊ እዮቤልዩ በዓልና ዝተወድኡን ዝተጀመሩን መፅሓፍቲ ኣፃፊፍና ታሪኽና ንወለዶታት ንምሕላፍ ክንረባረብ ኣለና። በዚ ኣጋጣሚ ሓዱሽ ወለዶ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይና ካባና ተማሂርኩም ተኣምራዊ ታሪኽኩም ከይተረሰዐ ብትኩሱ ምፅሓፍኩም ዘለኒ ናእዳ ብኽብሪ እንትገልፅ ሓበን ይስመዓኒ። እዚ ኾይኑ ዕላማን ዓወታትን ህዝባዊ ቃልስና ብሓፈሻ ብዝተበጣጠሰ እንተይኮነ ተወዲብናን ተሊምናን ብዝተማልአ ታሪኽና ክንፅሕፍ ፃውዒተይ ብኽብሪ የቕርብ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

ህዝቢ ትግራይ ኣብዘየቋርፅ ናይ ህልውና ሓደጋ ዝተሸመመ ህዝቢ ኮይኑ ዝመፀን ዘሎን’ዩ። ዘዝመፀ ትውልዲ ትግራይ ዝዞረ ዕዳ ህልውና ከረጋግፅ ካብ ምፍታን ወፃኢ ናይ ትውልዲ ናይ ትንሳኤ ተልእኾታት ሒዚ ብምፍፃምን ህልውናና ውሑስ መሰረት ኣየንበረን። ብርግፅ ፈተና ህልውና ኩሉ ግዜ ክመፅእ ዝኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሓሸዋን ኣብ ከውሕን ዝተሰረተ ህልውና ብመሰረቱ ዝተፈላለየ እዩ። ስለዝኾነ ናይ ሕዚ ትውልዲ ከምቶም ሕሉፋት ትውልዲ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅ ኣለዎ። ይኹን’ምበር ነዚ ሰጊሩ ህልውና ትግራይ ኣብ ከውሒ ዝንደቐሉ ሓዱሽ መሰረት ትንሳኤ ትግራይና ብግድን ክሳልጥ ኣለዎ። ብዘመናዊ ፖለቲካዊ ምሕደራ ሰሉጥ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ምስስሉጥ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ብራኸ ብምፍጣር እዚ ትውልዲ ዝጀመሮ ሓዱሽ ውሑስ ናይ ህልውናን ትንሳኤን ቃልሲ ከሐይልን ከሳልጥን ትፅቢት ይግበር።

ስለዝኾነ’ውን ውድብና ህወሓት ነዚ ወድዓዊ ጠለብ ንምምላስ ናይ ፕሮግራምን ሕገ ደንብን ለውጢ (ሪፎርም) ክገብር ግድን ብምዃኑ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ንምርግግፅን ትንሳኤ(ትራንስፎርሜሽን) ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ንምምፃእን ውድብ ኩለ መዳያዊ ሪፎርም ክካይድ እዋናዊ ሕቶን ጠለብን ኮይኑ ኣሎ። ኮይኑ’ውን ቅድም ኢሎም ዝተጀመሩ ናይ ሪፎርም ፅንዓታት ብምምላእን ሓደሽቲ ጠለባት ብምውሳኽን ዝተማልአ ሪፎርም ንምክያድ እዚ ስራሕ ከምፕሮጀክት ክምራሕ ውድብና ህወሓት ቤት ፅሕፈት ኣጣይሹ ናብ ስራሕ ኣትዩ ኣሎ። እዚ ናይ ሪፎርም ጉዳያት ብምስላጥ ውድብ ብጉባኤ ኣቢሉ ቅድሚ ምውሳኑ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዘሎ ትግራዋይ ብምስታፍ እዋናዊ ለውጥታት ክካየዱ እዮም።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

ኣብዚ ዘለናሉ ጊዜ ቅድሚ ኩሉ ዝስራዕ ግን ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብሄራዊ ህላወናን ሉኣላውነትን ትግራይ ምኽባር’ዩ። ህዝብና ካብ ወረርቲ ሓራ ክወፅእ፣ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ምስምሉእ ውሕስንኡ ናብ መረበቱ ክምለስ፣ መሰልናን ዓርሰ ምሕደራናን ባዕልና ብባዕልና ክነረጋግፅ፣ ሰላምን ፀጥታን ክንሕሉ፣ ክንሓዊ፣ እግሪ ክንተክልን ዳግም ክንሃንፅን ክንለምዕን፣ ተሓታትነት ጆኖሳይድ ክህሉ ክንቃለስ ይግባእ። ናይ ብሄረ ትግራይ ብሄረሰባት ኢሮብን ኩናማን ብሄራዊ ህላወን ሉኣላውነትን ናይ ኩሉ ነገር ማእኸል ምግባር ይግባእ። ከምታ ኣብ ኵናት ጆኖሳይድ ኩሉ ዓቕምታት ውሽጥን ወፃእን ትግራይ ንመኸተ ዝወፈረ ሕዚ’ውን ንምርግጋፅ ብሄራዊ ህላወናን ሉኣላውነትናን ኩልና ክንወፍር ነዚ ዝሕግዝ ኣወዳድባታት ክነመዓራሪ ኣለና።

ካብዚ ብምብጋስ፤ ምልኣተ ህዝብና፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ዲያስፖራ ትግራይ፣ ተናሓናሕቲ ውድባት ትግራይ ትከላት ሃይማኖት ሓዊስካ ኩሎም ሲቪክ ማሕበራት ማእኸሎም ጉዳይ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ገይሮም ስምምዕ ፕሪቶሪያ ንክትግብር ሓድነቶም ከጠናኽሩ ብስም ህወሓት ፃውዒተይ የቕርብ። ብፍላይ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ክፍረም ዝፃዓርኩም ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ኣሜሪካ፣ ሕብረት ኣውሮፓ፣ ሕብረት ኣፍሪካ፣ ኢጋድን ካልኦት መዳረግቲ ኣካላትን ኣብ ምፍራም ስምምዕ ፕሪቶሪያ ዝገበርክምዎ ፃዕሪ ዝሰምር እቲ ስምምዕ ተግባራዊ እንተኾይኑ ብምዃኑ ብሕማምን ጥምየትን ዝሃልቕ ዘሎ ህዝብና ከምኡ’ውን ኣብ ስደት ሱዳን ዘሎ ህዝቢ ናብ መረበቱ ንምምላስ፣ ሉኣላውነት ትግራይ ንምርግጋፅ፣ ጆኖሳይድ ዝፈፀሙ ኩሎም ኣካላት ኣብ ዓለምለኸ መጋባእያ ግቡእ ፍርዲ ረኺቦም ፍትሒ ንምንጋስ ሕጋዊ፣ ፖለቲካውን ሞራላውን ግቡእኹም ክትዋፅኡ ንፅውዕ። መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ጉዳይ ትግራይ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ካብ ምፍፃም ወፃኢ ብካሊእ መንገዲ ፈፂሙ ከምዘይፍታሕ ኣሚኑ ንፖለቲካዊ ልዝብ ድሉዊ ኮይኑ ዝፈረሞ ስምምዕ ብእምነት ክትግብር ንፅውዕ።

## ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!!

መሊእና ዘይሰገርናዮ ጉዕዞ ሕሉፍ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ከምወትሩ ተፃዋራይነትን ሓያልነትን ህዝቢ ትግራይ ሒዝና እወንታዊ ሌጋሲታትን ክብርታትን ጉዕዞ ወርቃዊ ጉዕዞ 50 ዓመት 11 ለካቲት ኣስጢምና ብሓዱሽ ወለዶ ትግራይና ተዓቂቡ ውድብና ህወሓት ዝውረስ’ምበር ዝብተን ከምዘይኮነ ተረዲእና ዘይንሰግሮ ፀገም ከምዘይህሉ ብእምነት ጨቢጥና ድሕሪ 25 ዓመት እነኽብሮ መበል 75 ዓመት “ኣልማዝ እዮቤልዩ” በዓል 11 ለካቲት ሕድሪ ስውኣትና ኣብ ሸትኡ ብምብፃሕ፣ ህልውናና ብምውሓስ፣ ትንሳኤ ትግራይ ብምርግጋፅ፣ ህዝቢ ትግራይ መሊኡ ንክድበስ ኩልና ክንረባረብ ንህዝብና ደጊመ ፃውዒት እንተቕርብ ምልኣተ ህዝብና ብውነን ህልኽን ከምዝፍፅሞ ብምትእምማን እዩ።

ኣብ መወዳእታ፤ መበል 50 ዐመት ወርቃዊ እዮቤልዩ በዓልና 11 ለካቲት ምጅማሩ ክነብስር ግቡእ ኣመራርሓ ንዝሃብኩም ኣባላት ምደላው በዓል ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት፣ ብቐንዱ ፍልጠትካ፣ ክእለትካ፣ ጉልበትካ፣ ገንዘብካ ዘወፈኻ ኣብ ውሽጢ ዓድን ዝተፈላለዩ ወፃኢ ሃገራትን እትነብር ህዝብና ከምኡ’ውን መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮ ልምዓታዊ ሰብ ሃብትና ህዝባውን ሙያውን ማሕበራት፣ ዝተፈላለዩ ትካላት እዚ በዓልና ጥራሕ እንተይኮነስ መበል 14 ጉባኤናን ዝተፈላለዩ መድረኻትናን ዘድመቅኩም ከየንቲ ትግራይና፣ ኮሚዩኒኬተራት፣ ጋዜጠኛታት፣ ዩቲዩበራት ብፍላይ ሚድያታት ደደቢት፣ ዛራን ኣሰናን ምስ ወይን ጋዜጣ ተኣሳሲርኩም ዝገበርክምዎን እትገብርዎን ዘለኹም ኣስተዋፅኦ ታሪክ እናዘክሮ ክነብር’ዩ። ከምኡ’ውን ኣብ ዝተፈላለየ ሙያ ዝተዋፈርኩም ደቂ ትግራይ፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ወዘተ ኩልኹም 11 ለካቲት በዓል ዋንኡ ብሓፈሻ ህዝብናን ሕድ ሕድ ወዲ ትግራይን ምዃኑ በዓልና ደሚቑ ሓድነትና ብዘጠናኽር ኣግባብ ክፅንበል ልዑል ኣስተዋፅኦ ስለዘወፈኹም ብስም ውድብና ህወሓት ዘለና ምስጋና እንትገልፅ ኣብ ቀፃሊ’ውን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ቃል ኪዳንና ብምሕዳስ ዕላማታት 11 ለካቲትን ሓደሽቲ ጠለባትን ኣብ ዳርቻኡ ከምዝበፅሕ ይተኣማመን። ደጊመ ሰናይ በዓል ወርቃዊ እዮቤልዩ 11 ለካቲት እንትብል ሓበን ይስመዓኒ።

**ትግራይ ትስዕር!!**

**ዘልኣለማዊ ክብሪ ንኹሎም ስዉኣት ደቂ ትግራይ!!**

**ዋሕስ ህላወናን ብራኸናን 11 ለካቲት እናተኾለዓት ክትነብር እያ!**

# ምስጋና ካብ ዓብዪ ኮሚቴ ምድላው ኣከባብራ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት



መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ልደት ውድብና ህወሓትን ምጅማር ዝተወደበ ብሄራዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን 11 ለካቲት "50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን" ብዝብል መራሒ ሓሳብ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ብድምቀት ተኸቢሩን ይኽበርን ኣሎ።

መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት፤ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝብና ሓራ ክወፅእ፣ ሉኣላውነትና ክኽበር፣ ተሓታትነት ጀኖሳይድ ክረጋገፅን ዳግመ ህንፀት ትግራይ ክጅመርን ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ እነካይደሉ ከምኡ እውን ንፁር ዕላማ ሒዙ ዝተመስረተ ግን ድማ ኣንፃር ዝውሃቦ ዕላማ ዝተሰለፈን ዝጠለመን ስልጣን ጊዚያዊ ምምሕዳር ዝተቖፃፀረ ጉጅለ ረብሓታት ህዝብና ኣብ ዘሀግረሉ ዘሎን ህዝብና ብመስዋእቱ ዓቂብዎም ዝመፀ ክብርታት ንምሽርሻርን ንምህሳስን ቀንዲ ዋኒኑ ጌሩ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉን እዋን ኮይንና ኢና ነብዕሎ ዘለና።በዚ እውን እዚ እነብዕሎ ዘለና መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ባህግታት ህዝብና ክሰምር ብፅንዓት ክንቃለስ ዳግም ቃል እነኣትወሉ እዩ።

እቲ ስልጣን ግዝያዊ ምምሕዳር ዝተቖናጠጠ ጠላም ጉጅለ መቐፀልታ እቲ ዝፍፅሞ ዘሎ ብሄራዊ ክሕደት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ 11 ለካቲት እንተኽኢሉ ከይኽበር እንተዘይክኢሉ ድማ ንምህሳስ ሰፋሕቲ ናይ ፕሮፓጋንዳ ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ኣብ ህዝብና ስግኣት ፀጥታ ክፍጠር ብመግለፅታት ዝተዓጀበ ወፍሪ ኣካይዱ። ህዝብና ነታ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኮይኑ እናኽበራ ዝመፀ በዓሉ ተኣኪቡ ብድምቀት ከየኽብር ዝተፈላለዩ ሽርሒታት ብምእላም ተንቀሳቒሱ። ብሓፈሻ ብተደጋጋሚ መግለፅታት፣ መፈራርሒታትን ካልኦት ዕንቅፋታትን መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ከይኽበር ዘኽኣሎ ኩሉ ጌሩ እዩ።

እንተኾነ ግን፤ መምህር ቃልስና ዝኾንካ ምዑት፣ ለባምን መስተውዐልን ህዝብና ንምፍርራሕ፣ ምድንጋርን ዕንቅፋታትን እቲ ጉጅለ ብምብዳህ ንመበሰሪ እዚ ንሓደ ዓመት ብድምቀት ዝበዓል ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ብድምቀት ብምኽባር ንፈታውን ፀላእን ዘሕለፍካዮ መልእኽቲ ዓብዪ ኮሚቴ ምድላው መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ዘለዎ ናእዳን ምስጋናን ይገልፅ።

ብሰንኪ እቲ ጠላም ጉጅለ ታሪኻዊ በዓልካ ከም ኩሉ ኣብ ሓራ መሬት ትግራይ ዝርከብ ህዝብና ብድምቀት ክተኽብር ዕድል ዝሰኣንካን ኣብ ትሕቲ ፀላእቲ ዘለኻን ህዝብና ነታ ታሪኻዊት በዓልካ ኣብ ገዛኻ እውን ኮይንካ ዘኪርካን ኣኽቢርካን ከምዝወዓልካን ተኽብር ከምዘለኻን ንርዳእ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንምውሓስ ብሄራዊ ህልውናኻን ድሕንነትካን ተካይዶ ዘለኻ ቃልሲ እናነኣድና ቃልስኻ ብዝበለፀ ብምጥንኻር ኩሎም ኣንፃር ረብሓኻ ዝግበሩ ዘለዉ ምንቅስቓሳት ኣብ ምፍሻል ወሳናይ ተራኻ ከምትዋፃእ ንተኣማመን።

ኣብ ውሽጢ ትግራይ ኣብ ዝርከቡ መዕቖቢ ማእኸላትን ኣብ ሱዳን ኣብ ስደትን ኮይንካ ምእንተ ክብርኻን መንነትካን ሕዚ እውን ዋጋ ትኸፍል ዘለኻ ህዝብና ምስ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ወገንካ ብምኳን መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ብድምቀት ኣኽቢርካ ኢኻ እሞ ሞሳን ክብርን ይብፃሕካ።

ነባሪ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ዝኾንካ ዲያስፖራ ትግራይ፤ ሎሚ እውን ከም ትማሊ ብመንፈስ ኣብ ጎኒ ህዝብኻ ኮይንካ ንኹሎም ናይ ምድንጋር ሽርሒታት በዲህካ በዓል 11 ለካቲት ብድምቀት ብምኽባር ኣብ ጎኒ ህዝብኻ ኮይንካ ንእተካይዶ ዘለኻ ቃልሲ ዘለና ናእዳን ክብርን ክንገልፀልካ ንፈቱ።

መላእ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፤ መቐፀልታ ንዝሓለፉ ዓመታት ህልውና ህዝብኹም ንምውሓስ ዝኸፈልኩምዎ መስዋእትን ዝሓለፍኩምዎም ፀገማትን ሕዚ እውን ኣብ ዘይተመቻቸወ ኩነታት ኮይንኩም በጃ ህዝብኹም ብምኳን ንእትኸፍልዎ ዘለኹም ኩለመዳያዊ መስዋእቲ ዘለና ናእዳን ክብርን ንገልፅ። ህዝብና ነዛ ታሪኻዊት በዓሉ ከየኽብር ካብ ውሽጥን ደገን ብዝተዋደደ መልክዑ ክግበር ንዝፀንሐ ምፍርራሕን ተግባራት ራዕድን ከምወትሩ ህዝባውን ተጋዳላይን ባህሪኹም ዓቂብኩም ብትዕግስቲ እታ ወርቃዊት በዓልና ብዘይዝኾነ ይኹን ፀገም ፀጥታ ብሰላም ክትበዓል ለይትን ቀትርን ብምስራሕ ንዝተዋፃእኹምዎ ታሪኻዊ ሓላፍነት ዘለና ናእዳ እንትንገልፅ ዝለዓለ ፍናን ይሰመዓና። ኣብ ቀፃሊ እውን ብቖንዱ ኣብ ምርግጋፅ ሃለዋትን ድሕንነት ህዝብና ከምኡ እውን ዝህልው መድረኻት ኣከባብራ እቲ በዓል ንዘለኩም ዘይትካእ እጃም ኣጠናኺርኩም ከምትቕፅሉ ንተኣማመን።

ከየንቲ፣ ኩሉኹም ሽፋን ዝሃብኩም መራኸብቲ ማዕኸናት፣ ሰብ ዋናን ሰብ ሞያን ማሕበራዊ ሚድያ ንዝገበርኩምዎ ሞያዊ ኣበርክቶ ዓብዪ ኮሚቴ ምድላው መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ብሽም መሪሕ ውድብና ህወሓትን ተቓላሳይ ህዝብናን ከመስግነኩም ይፈቱ።

ብሓፈሻ መላእ ህዝብና፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ኮሚቴታትን ንኡሳን ኮሚቴታን ከምኡ እውን ንድምቀት እቲ በዓል ደገፍ ዝገበርኩም ኣካላት ፣ መበሰሪ በዓል መበል ሓምሳ ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ብድምቀት ክኸበር ንዝነበረኩም ዘይትካእ ወሳናይ እጃም ዓብዪ ኮሚቴ ኣከባብራ እቲ በዓል ዘለዎ ዝለዓለ ምስጋና ክገልፅ ይፈቱ፡፡

***50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!***
***ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !***
***ዓብዪ ኮሚቴ ምድላው መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት***
***ለካቲት 2017***
***መቐለ***

# ሓሶት ብምድግጋም ሓቂ ክኸውን ኣይኽእልን!

## (መግለፂ ህወሓት)

ኣብ ትግራይ ዝቦቐለ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ቅድሚ ኣዋርሕ ዝጠጀአ ሓሶትን ፀለመን፤ ሕዚ ሃገራውን ዓለም ለኻውን መልክዕ ንምትሓዝ ብምፍታን ህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ምስመንግስቲ ኤርትራ ሕቡእ ርክብ ከም ዝጀመሩ ኣምሲልካ ምግዋሕ ፍፁም ካብ ሓቂ ዝረሓቐን ዝኾነ ዓይነት መረዳእታ ክቐርበሉ ዘይኽእልን ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ተቐባልነት ዘይብሉ ጠቐነ እዩ።

ብሽም ኣፍሪካ ኢንተሊጀንስ፣ ኦሮሚያ ሚድያ ኔትዎርክ (OMN) ከምኡ 'ውን ብላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዘለዉ ኣባላት ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን፤ "ህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ኣንፃር መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምስላፍ ምስመንግስቲ ኤርትራ ይራኸቡ ኣለዉ፤" ዝብል መቋረፂ ዘይብሉ ጠቐነታት ብምግዋሕ ኣንፃር ዝተጀመረ መስርሕ ሰላም ቅሉዕ ምንቅስቓስ ክገብሩ ይርኣዩ ኣለዉ። "ክበልዕዋ ዝደለዩ ኣባ ጉምባሕ ዛግራ ይብልዋ" ከም ዝብሃል፤ እቲ ጠቐነ ሕቡእ ሽርሒ ዝተሰከመ ኣንፃር ስምምዕ ፕሪቶሪያ ምኳኑ ህዝቢ ትግራይ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ብግቡእ ክግንዘብዎ ይግባእ።

ህወሓት፣ ሰራዊት ትግራይ ኮነ ህዝቢ ትግራይ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብምሉእነት ብምፍፃም ኣብ ፍትሕን ልዕልነት ሕግን ዝተሰረተ ውሑስ ሰላም ካብ ምርግጋፅ ወፃኢ፤ ካልእ ሕቡእ ድልየት የብሎምን። እንተኾነ ግና ንስምምዕ ፕሪቶሪያ ብግቡእ ብምፍፃም ሃገራውን ከባብያውን ውሑስ ሰላም ዘምፅእ ዕድል ኣብ ክንዲ ምፍጣር "ብዕራይ ወለደ" ዝኾነ ጠቐነ ብምግዋሕ ንህዝብን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ብምድንጋር ካልእ ሕቡእ ድልየትካ ክትፍፅም ምፍታን ፍፁም ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣከያይዳ ምኳኑ ህወሓት ከዘኻኽር ይደሊ።

ህወሓት፣ ሰራዊትን ህዝብን ትግራይ ካብ ምፍራም ስምምዕ ፕሪቶሪያ ክሳብ ሕዚ፤ ንሰላም ዘለዎም ባህግን ቆራፅነትን ብተግባር ንምርኣይ ንኹሉ ዓይነት በደላትን ፀገማትን ተፃዊሮም ብተስፋ እዮም ዝፅበዩ ዘለዉ። "ኣብ መስርሕ ሰላም ተስፋ ኣይንቖርፅን" ኢልና ንውሽጣውን ግዳማውን ሽርሒታት ተፃዊርና ኣብ እንሰርሖሉ ኩነታት እናሃለና፤ ሎሚ 'ውን ከም ትማሊ ዘይኮነ ምስሊ ብምትሓዝ ኣንፃር መስርሕ ሰላም ዝግበር ምንቅስቓስ ቀልጢፉ ክእረም ይግባእ።

ከምውድብ፤ ሕዚ 'ውን ንሰላም ዘለና መትከላዊ መርገፂ ብዝኾነ መልክዕ ኣይልወጥን። ካብ'ዚ ብምብጋስ ምስ ኩሎም ናይ ጎረባብቲ ክልላትን ሃገራትን ህዝብታት ሰላምና ንምርግጋፅን ንምውሓስን ፃዕርና ክቕፅል እዩ። ክልላዊ፣ ሃገራውን ከባብያውን ፀገማትና ንምፍታሕ እቲ ቁልፊ ነገር ድማ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ብኣግባቡ ምፍፃም ስለዝኾነ፤ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ ንኽሰርሑ ፃውዒትና ነቕርብ።

***ዘለኣለማዊ ክብርን ምገስን ንሰውኣትና!***
***ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)***
***19 ለካቲት 2017 ዓ.ም***
***መቐለ***

## ኣብዚኣማ

**እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ**

# ኣስናን ሓራግፅ ዘይበድሆ ጉዕዞ...

*መንክር ካብ መቐለ*

ብብርኪ ኣፍሪካ ተጣይሾም ነዊሕ ዕድመ ዘቑፀሩን ዝተጣየሸሉ ዕላማ ብተግባር ኣግሂዶም ሰላምን ልምዓትን ብምምፅእ፣ ብመረፃ ስልጣን ዝተሓዝ መንግስቲ ዝመስረቱን ውድባት ተባሂሎም ክጥቃሱ ዝኽእሉ ህወሓትን ኤኤንሲን እዮም። "ኤኤንሲ" (African National Congress) ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዘሎ ልዕሊ 60 ዓመት ዝገበረ ውድብ እዩ። ኣብ ኣፍሪካ ብዘይተለመደ መልክዑ ገሊኦም ውድባት ንሃገሮም ካብ ባዕዳዊ ወረርቲ ኣውፂኦም እውን ብናይ ባዕሎም ፀገም እንትፈርሱ ገሊኦም ድማ ናብ ገዛእቲ ደርቢ እንትቕየሩ፣ እዞም ውድባት ግን ካብ ባህርያት ውድባት ኣፍሪካ ወፃኢ ኮይኖም ሕልኽልኽ ዝበለ ፖለቲካዊ ኩነታት ሓሊፎም ነዊሕ ዕድመ ኣቑፂሮም ኣለዉ። ናይዚ ቀንዲ ምሽጥር ድማ ህዝባዊ ዕላማ ሒዞም ስለዝተበገሱን ነዚ መሰረት ገይሮም ስለዝተጓዓዙን እዩ። ህወሓት ን17 ዓመት ኣንፃር ስርዓት ደርግ ተቓሊሱ ኣብ 1983 ዓ/ም ናብ ስልጣን እንትትመፅእ ኤኤንሲ ድማ ዓመት ተቓሊሱ ኣብ 1984 ዓ/ም ምኺኑ እዩ።

እዞም ክልተ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም ውድባት ዘፈላልዮም ግን ኣሎ። ቃልሲ ኤኤንሲ ህዝቢ ደቡብ ኣፍሪካ ካብ 1940 ዓ/ም ጀሚሩ የሳቕዮም ካብ ዝነበረ ዘርኣዊ መግዛእቲ "ኣፓርታይድ" (መግዛእቲ ፀዓዱ) ሓራ ከውፅእ ንከባቢ 30 ዓመት ዝተቓለሰ ውድብ እዩ። ህወሓት ድማ ካብ መግዛእቲ ባዕዳውያን ሓይልታት ዘይኮነስ፣ ንልዕሊ 800 ዓመት ናይ ዝማፀይዎ ውሽጣውያን ደርብታት ቀንበር ንምስባር እዩ መሪር ቃልሲ ዘካየደ። ስለዚ ቃልሲ ህወሓት ብዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ዓዲ ምስዘይመሳሰል ባዕዳዊ ገዛኢ ዘይኮነስ ምስደቂ ሃገርን ብዘርኢ፣ ብባህልን ሃይማኖትን ተመሳሰልቲ ብዝኾኑን ብዝተፈላለዩ ድሕረታት ንህዝቢ ምስዝቖረኑን ገዛእቲ ሓይልታት እዩ ነይሩ።

ቃልሲ ህወሓት ፍሉይ ዝገብሮ ን800 ዓመት ዝገወደ ሓይሊ ትምክሕቲ ኣብ 1983 ዓ/ም ካብ ስልጣን እንተውገድ፣ ሓይሊ ትምክሕቲ ዳግም ከንሳእርር ብምዕላም "ፎረም 84" ብዝብል ይኹን ካሊእ ውዳበ እናፈጠረ ኣትሪሩ ክቃለስ ፀኒሑ እዩ። ከምዝፍለጥ ትግራዋይ ነዛ ዓዲ ደምዩ፣ ተሰዊኡ፣ ኣካሉ ጎዲሉን ጊዜኡን ሃፍቱን መስዋእቲ ከፊሉን "ንዑ ሓቢርና ንዕበ" ዝበለ እዩ። ይኹን እምበር ሓይልታት ትምክሕቲ መዓር እንተዝነብካሎም እውን "ዕረ እዩ" እናበሉ ብምቅዋም ብግሁድን ብስውሩን ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ንምጥፋእ "ላሕ" ክብሉ እዮም ፀኒሖም። ንኣብነት፣ "ቴዲ ኣፍሮ" ኣብ 1997 ዓ/ም "ኣዲስ ንጉስ እንጂ ለውጥ መቼ መጣ" ኢሉ ዝደረፎ ይዝከር እዩ። ሓይልታት ትምክሕቲ ሃገር ካብ ረግረግ ድሕረት ናብ ሰገነት ከምዝደየበት እናረኣዩ፣ ዓይኖም ብጨው ሓፂቦም "ለውጢ የለን" ክብሉ ፀኒሖም። እዞም ኣካላት በብእዋኑ ካብ ዝዘርግሕዎም ዘደንፀዉ ፅሑፋት ሓደ ኣብ 2010 ዓ/ም ዝተሓተመ መፅሓፍ ከስዕብ።

እቲ መፅሓፍ "የዓባይ ዕዳ ለኣዲሱ ትውልድ" ዝብል ርእሲ ዘለዎ ብልኡል ኔታ ዝበሃል ትምክሕተኛ ዝተፅሓፈ ኮይኑ፣ ተጋሩ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ፀረ ልምዓትን ሰላምን ከምዝኾኑ እዩ ከፀልም ፀኒሑ። ናብ ውድብ ህወሓት/ኢህወዴግ ሰጊሩ እውን ካብ 25 ክሳብ 27 ገፅ ኣብ ዘሎ ትሕዝቶኡ ከምዚ ይብል። "ትግራዋይ ይኹን ህወሓት ካብ ሰናይነቱ እኩይነቱ፣ ካብ ዕብየቱ ዕንወቱ፣ ካብ ኢትዮጵውነቱ ክሕደቱ፣ ካብ ተኣማንነቱ መጭበርባራይ ጉሕለቱን፣ ካብ ህርኩትነቱ ሽልኹልኽ በሃላይነቱ፣

***"ህወሓት መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ዘረጋገፀ ውድብ እዩ" እንትብሃል፣ ብሄር ብሄረሰባት ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት መሰሎም ተገፊፉ፣ መንነቶም ተካሒዱ፣ ዓንዲ ህልውናኦም ዝኾነ ቋንቋኦም ንክጠፍእ ተሰሪሑ እዩ። ከምዝፍለጥ ኣብዛ ሃገር "በይንትና ክንነብር ኣለና" ዝበሉ ሓይልታት ትምክሕቲ፣ ብሄር ብሄረሰባት እዛ ሃገር "ኣፎም መለፍለፎም ዘይፍለጥ" እናበሉ ብቋንቋኦም ከይዛረቡን መንነቶም ከይገልፁን እናገበሩ መዒኦም እዮም። ካብቲ ዝተገበረሎም ፀቕጢ ዝብገስ ከምባሻ፣ ዶቦና፣ ጋፋትን ወይጦን ዝበሉ ቋንቋታት ኢትዮጵያ ኣሰሮም ጠፊኡ እዩ። ከምኣርጎባ፣ በይሶ፣ ጊዲቶ፣ ቅማንትን ኣገውን ዝበሉ ቋንቋታት ድማ ኣብ ጫፍ ምጥፋእ ከምዝበፅሑ ሰነዳት ታሪኽ የረድኡ።***

ካብ ሃገር ምህናፁ ኣዕናውነቱን በንጫርነቱን ይበዝሕ። ..... ህወሓት /ኢህወዴግ/ ንኢትዮጵያ ዘምፅኦ ጥፍኣት እምበር ዝጠቕም ሰናይ ተግባር ኣይሰርሐን። እዚ ውድብ 27 ዓመት ምሉእ ሃገር ንምፍራስ ጥፍኣትን ውዲትን ክፍሕስ ፀኒሑ። ... ወፍሪ ፅልኣትን ጥፍኣትን ዝተፈፀመ ኣብ ሚኒልክ፣ ሃይለስላሰ፣ ወይ ከኣ ኣብ ደርግ እንተይኮነስ ኣብ ኢህወዴግ እዩ" እናበለ ትግራዋይ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንክንፀል መርዚ ይነዝሕ ነይሩ።

ህወሓት ከምዚ ዝበለ ስራሕቲ ምፅልእላእ ብትምክሕተኛታት ብተኸታታሊ እናተኻየደሉ፣ ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ንምጥፋእ ኩናት ፅንተት ተወሊዕሉ እናሃለወ ከምቶም ብብርኪ ኣፍሪካ ተመስሪቶም ዝሓቐቑ ወይ ናብ ውልቀ መለኸቲ ዝተቐየሩ ውድባት ንምንታይ ዘይኮነ? ብዙሓት መሰናኽላት እናሰገረ 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዮ ከኽብር ምኽኣሉ ምሽጥሩ እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽውን። እቲ ምሽጥር ዝተሓንገጦ ህዝባዊ ዕላማ እዩ። ህወሓት ህዝባዊ ዕላማ ተሓንጊጡ ንዘጋጥምዎ ከበድቲ ፈተናታት ብድጋፍ ህዝቢ ትግራይ እናመከተ መፂኡ ኣሎ፣ ክቕፅል እውን እዩ። ካብቶም ህዝባዊ ዕላማታት ዝበሃሉ ዓርሰ ምሕደራ፣ ፍትሓዊ ተጠቃምነት መሰረተ ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራስን ይርከብዎ። እቶም ብብርኪ ሃገር ዘለዉ ሓይልታትን ኣብ ውሽጥና ዘለዉ ኮራኹሮምን ዓይኖም ብጨው ሓፂቦም ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ዘፀልምዎ ንምቅላዕ እዞም ዓበይቲ ነጥብታት ንእሽተይ ፍርኺ ኣቢልካ ምርኣይ ከድሊ እዩ።

ኣብዚ "ህወሓት መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ዘረጋገፀ ውድብ እዩ" እንትበሃል፣ ብሄር ብሄረሰባት ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት መሰሎም ተገፊፉ፣ መንነቶም ተካሒዱ፣ ዓንዲ ህልውናኦም ዝኾነ ቋንቋኦም ንክጠፍእ ተሰሪሑ እዩ። ከምዝፍለጥ ኣብዛ ሃገር "በይንትና ክንነብር ኣለና" ዝበሉ ሓይልታት ትምክሕቲ፣ ብሄር ብሄረሰባት እዛ ሃገር "ኣፎም መለፍለፎም ዘይፍለጥ" እናበሉ ብቋንቋኦም ከይዛረቡን መንነቶም ከይገልፁን እናገበሩ መዒኦም እዮም። ካብቲ ዝተገበረሎም ፀቕጢ ዝብገስ ከምባሻ፣ ዶቦና፣ ጋፋትን ወይጦን ዝበሉ ቋንቋታት ኢትዮጵያ ኣሰሮም ጠፊኡ እዩ። ከምኣርጎባ፣ በይሶ፣ ጊዲቶ፣ ቅማንትን ኣገውን ዝበሉ ቋንቋታት ድማ ኣብ ጫፍ ምጥፋእ ከምዝበፅሑ ሰነዳት ታሪኽ የረድኡ። ስለዝኾነ ህወሓት ን17 ዓመት መሪር ብረታዊ ቃልሲ ብምክያዱ ንትግርኛ ሓዊሱ ኣብ ጫፍ ምጥፋእ ዝነበሩ ቋንቋታት (ብሄራት) እዛ ሃገር ክድሕኑ ክኢሎም እዮም። ብምኳኑ በዚ ተግባር ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ክምስገኑ እዩ ነይሩዎም።

ኣብዚ፣ ሓደ ብሄር ክጠፍእ ካብ ዝገብሩ ምኽንያታት ሓደ እቲ ዝዛረበሉ ቋንቋ ብዘይ ተዛራቢ እንትተርፍ እዩ። ምኽንያቱ ቋንቋ ማለት ከምቲ ብዙሕ ግዘ ዝግለፅ ሓቂ "መረዳድኢ" ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ሓደ ህዝቢ መንነቱ፣ ባህሉ፣ ፍልስፍንኡ፣ ታሪኹ፣ ውቑር ስነልቦናኡ ወዘተ ዝቐፅረሉ ማዕኸን እዩ። ብምኳኑ ህወሓት መሪር ብረታዊ ቃልሲ ብምክያድ ብሄረሰባት ዓርሰን ከመሓድራን ባህለንን ቋንቋኣንን ከማዕብላ ገይሩ እዩ። ስለዝኾነ ህወሓት እንተዘይምስረት ነይሩ፣ ይትረፍ እቶም ካልኦት ብሄረሰባት ህዝቢ ትግራይ እውን ከሕቕቕዎ ኣብ ጫፍ በፂሖም ከምዝነበሩ ኣብ ዕለታዊ ብትግርኛ እንገብሮ ዘረባ ዝስምዑ ቃላት ኣምሓርኛን ብኣምሓርኛ ዝፅርሑ ኣሽማት ተጋሩን እኹላት መርኣይታት እዮም።

እቲ ካሊእ ብህወሓት ዝተረጋገፀ፣ ፍትሓዊ ተጠቃምነት ልምዓት እዩ። እቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ህዝቢ ከምቁርዲድ ደሙ እንትማፅዩ በብከባቢኡ ንዘቕምጥዎም ምስሌነታት ክጥቀምሉ እምበር ንህዝቢ ኢሎም ዝሰርሕዎ መሰረተ ልምዓት ኣይነበረን። ነዚ እውን እዩ ኣብ መዋእል ሃፀይ ሚኒልክ ብሚስዮናውያን ከምዝተኣታተወ ዝንገረሉ ዘመናዊ ትምህርቲ፣ ፅርግያን ግልጋሎት ማይን ክሳብ 1983 ዓ/ም ኣብ ውሽጢ 100 ዓመት እዚ ዝበሃል ምዕባለ እንተይተርኣየሉ ዝፀንሐ። ንኣብነት፣ ብመንግስቲ ፈረንሳይ ካብ ጅቡቲ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ዝተዘርግሐ መንገዲ ባቡር ብመሪሕነት ህወሓት እዩ ንዘመኑ ብዝምጥን ዳግም ተሰሪሑ ኣገልግሎት ዝሃበ። ብተወሳኺ 34 ኪሎሜትር ቀሊል መጓዓዝያ ባቡር ኣዲስ ኣበባ ንፈለማ እዋን ዝተሰርሐ ኮይኑ፣ 404 ኪ.ሜትር ኣዋሽ- ኮምቦልቻ- ወልድያ፣ 268 ኪሎ ሜትር ወልድያ መቐለ ኣብ ከይዲ ህንፀት ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ 1983 ዓ/ም ብብርኪ ሃገር ሓጋይ ምስ ክረምቲ ዘገልግሉ 19 ሽሕን 017 ኪሎ ሜትር ዝነበረ ፅርግያ፣ ክሳብ 2009 ዓ/ም ናብ 121 ሽሕን 196 ኪሎ ሜትር ዓብዩ ኣሎ። ከምክልል ትግራይ እንትንርኢ ድማ ክሳብ 1983 ዓ/ም ኣስፋልትን ፀፀርን መንገድታት 906 ኪሎ ሜትር ዝነበረ፣ ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 6365 ኪሎ ሜትር ዝዓበየ ኮይኑ ሕዚ እውን 1192 ኪሎ ሜትር እውን ኣብ ከይዲ ህንፀት ኣሎ።
ብመዳይ ዘፈር ትምህርቲ እንትንርኢ ድማ ኣብ 1983 ዓ/ም ብብርኪ ሃገር ክልተ ዩኒቨርሲቲ ጥራሕ ዝነበራ ኣብ 2010 ዓ/ም ልዕሊ 50 መንግስታዊ ዩኒቨርሲትን ብኣማኢት ዝቑፀራ ኮሌጃትን ተሰሪሐን እየን። ብውልቀ እውን ብዙሓት ዩኒቨርሲታትን ብኣማኢት ዝቑፀራ ኮሌጃትን ተሰሪሐን እየን። ብብርኪ ትግራይ ክሳብ 1983 ዓ/ም ሸውዓተ ካልኣይ ብርኪ ዝርከበኦ 138 ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ህዝቢ ብጉልበቱ፣ ገንዘቡን ናውቱን እናደገፈ፣ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማልት) ኣብ ውሽጢ ትግራይን መላእ ኢትዮጵያን ንዘሎ ህዝብን ዲያስፖራ ተጋሩን እናተሓባበረት፣ መንግስቲ ካብ ዘለዎ በጀት ቀዳምነት እናሃበ ብምኻዱ ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 265 ካልኣይ ብርኪ ዝርከብኦ 2492 ኣብያተ ትምህርቲ ተሃኒፀን እየን። ኮሌጃት ዝምልከት እንትረአ ድማ ካብ ባዶ ብምብጋስ 44 ናይ መንግስቲ፣ 89 ናይ ውልቀ ኮሌጃትን ትካላት ቴክኒክን ሞያን ከምኡ እውን ኣርባዕተ ዩኒቨርሲቲ ተሃኒፀን እየን።

ከምክልል ኣብ ጥዕና ዝተመዝገበ ምዕባለ እንትንርኢ፣ ኣብ 1983 ዓ/ም ኣርባዕተ ሆስፒታልን 102 ክሊኒክን ጥራሕ ነይረን። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ድማ ክልተ ሪፈራል ሆስፒታል፣ 14 ሓፈሻዊ ሆስፒታል፣ 224 ጣብያ ጥዕናን 760 ኬላታት ጥዕናን ተሃኒፀን ግልጋሎት ኣብ ምሃብ ፀኒሐን እየን። ብመዳይ ሰራሕተኛታት ጥዕና እንትርአ እውን፣ ኣብ 1983 ዓ/ም ካብ 600 ዘይበዝሑ ዝነበሩ በዝሒ ሰራሕተኛታት ጥዕና፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን 85 ስፔሻላይዝድ፣ 600 ሓፈሻዊ ሓካይም (ዶክተራት)፣ 1,375 መዋልዳን 3,765 ሓፈሻዊ ነርስ፣ 1,041 መኮነናት ጥዕና፣ 779 ፋርማሲስት፣ 1,222 ሰብ ሞያ ጥሙር ጥዕና ዝርከብዎም ብድምር 20 ሽሕን 900 ሰራሕተኛ ጥዕና ግልጋሎት ኣብ ምሃብ ይርከቡ።

ይኹን እምበር እቶም ደመኛታት ፀላእትና እዚ ዝኣክል ተኣምራዊ ዕብየት ኣመዝጊብና እናሃለና "ለውጢ ዝበሃል ኣይነበረን" ይብሉ ኣለዉ። ነዚ ክሕደት ዘፈሽል ተወሳኺ መወከስቲ መረዳእታታት ንምርካብ ኢልና ፅብፃባት መበል 13ን 14ን ውድባዊ ጉባኤ እንትንፍትሽ ግን ዘሐብኑ ውፅኢታት ተመዝጊቦም ምንባሮም ክነረጋግፅ ንኽእል። ንኣብነት ኣብ ስልኪ፣ መብራህትን መንገዲ ኣየርን ዝተመዝገቡ ለውጥታት ክንውስኽ። ብብርኪ ሃገር ኣብ 1983 ዓ/ም ዝበዝሕ ኣዲስ ኣበባ ግልጋሎት ዝህባ 132 ሽሕን 500 መደበኛ ስልኪ ነይረን። ኣብ መፋርቕ 2010 ዓ/ም ድማ ናብ ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልዮን መደበኛ ስልኪ፣ 63 ነጥቢ ሸሞንተ ሚልዮን ሞባይል ስልኪ፣ ልዕሊ 16 ሚልዮን ኢንተርኔት ግልጋሎት ናብ ዝህበሉ ብርኪ በፂሑ እዩ። ብብርኪ ክልል እንትንርኢ፣ ኣብ 1983 ዓ/ም ብብርኪ ትግራይ ኣብ መቐለ ጥራሕ ግልጋሎት ዝህብ 1000 ወገናት ዝጥቀምሉ መደበኛ ስልኪ ዝነበረ፣ ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 75 ሽሕን 83 ዓማዊል ዝጥቀምሉ መደበኛ ስልኪ፣ 500 "ታወር" ኔትዎርክ ብምዝርጋሕ ልዕሊ ሰለስተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ወገናት ዝጥቀምሉ ሞባይል ስልኪ፣ ንግልጋሎት ኢንተርኔት ዝውዕል 12 ሽሕን 364 ገመድ ብሮድባንድ ብምዝርጋሕ ክሳብ ክልተ ሚልዮን ዝኾኑ ወገናት ተጠቀምቲ ኢንተርኔት ኾይኖም እዮም።

ብተመሳሳሊ ኣብ 1983 ዓ/ም ብብርኪ ሃገር 330 ሜጋ ዋት እናመንጨወ ን400 ሽሕን 785 ወገናት ግልጋሎት ዝህብ ዝነበረ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ኣብ 2009 ዓ/ም ናብ 4315 ሜጋዋት ብምዕባይ 216 ሽሕን 424 ኪሎ ሜትር መስመር ብምዝርጋሕ 57 ሚኢታዊ ህዝቢ እታ ሃገር ተጠቃሚ መብራህቲ ክኾን ተገይሩ እዩ። ከምኡ እውን ልዕሊ 6000 ሜጋ ዋት ሓይሊ ከፈልፍል ብስሉጥ እናተሰርሐ ዝነበረ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ሓዊስካ ካልኦት ከም መፈልፈሊ ሓይሊ ግቤ ቁፅሪ 1፣ 2ን 3 ዝኣመስሉ ግድባት

ናብ ገፅ 11 ይዘውር

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ዛንታ ዋዕሮታት ኣብ ተሳጋሪ ገድሊ



ተጋዳሊት ሮማን ገብረስላሰ መርኣያ ቃልስን ፅንዓትን ዋዕሮታት ትግራይ

ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ኣብ ልዕሊኦን ንዝበፅሐን ውሽጣውን ግዳማውን ወፀዓን ጭቆናን ንምውጋድ ካብ ቀዳማይ ውድባዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክሳብ እቶም ዝሓለፉ ናይ ሃለዋትን መንነትን መኸተ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ቃልስን መኸተን ኣካይደን እየን። ካብ ደጀን ክሳብ ቅድመ ግምባር ምስ ደቀንን ሰብኡተንን ተሰሊፈን ክቡር መስዋእትን ከቢድ መጉዳእቲ ኣካልን ከፊለን። በቲ ዝኸፈለአ መስዋእትን ኣካል መጉዳእትን ድማ ኣብ ምምስራትን ምኽባርን ሕገ መንግስታዊ ስርዓት፣ ብሄራዊ መንነት፣ ፍትሒ፣ ዲሞክራስያዊ መሰል፣ ፆታዊ ማዕርነትን ካልኦት መሰረታዊ ረብሓታትን መሰረታዊ ለውጢ እዛ ሃገር ኣብ ምርግጋፅ እምነ ኩርናዕ ኣንቢረን እየን።

ካብተን ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ልዑል ግደ ዝነበረን ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮ ተጋዳሊት ሮማን ገብረስላሰ ሓንቲ እያ። ተጋዳሊት ሮማን ከም ማንም ሰብ ተማሂራ ኣብ ስራሕ ተቆፂራ እኳ እንተነበረት እዋኑ ደርባዊ ስርዓት ዝነገሰሉ፣ ድኽነት፣ ጭቆናን መርሸንትን ህዝቢ ትግራይ ዝዓብለሉን እዋን ብምንባሩ ሽው ይኻየዱ ካብ ዝነበሩ ተቃውሞን ሕቡሕ ምንቅስቓስ ተምሃሮ ዩኒቨርስታትን፣ ካብ ስድራቤታን መሓዙታን እትሰምዖም ብዝነበሩ ናይቲ ስርዓት በደላትን ወፀዓን ተላዒላ ኣንፃር እቲ ስርዓት ንምቅላስ ሓምለ 1968 ዓ.ም ምስ ከምኣ ዝበላ ሙሁራት መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ገድሊ ትግራይ ተፀምቢራ። ቡምበት ኣብ ዝበሃል ከባቢ ባድመ ድማ ተዓሊማ።

ተጋዳሊት ሮማን ናብ ታዕሊም ምስ ኣተወት ኣብ ከይዲ ታዕሊም ዝውሰዱ ስልጠናታት ስፖርት፣ ነዊሕ ጉዕዞ፣ ጉያ፣ ፃምእ፣ ጥምየትን ካልኦት ወታደራዊ ታዕሊምን ንምልማዶም ብዙሕ ይከብዳ ከም ዘይነበረ ትዝክር። ብዓርሰ ተበግሶኣ ናብቲ ቃልሲ ስለ ዘንቀደትን ነቲ ቃልሲ ዘለዓዕሉ ወይን፣ ዕጠቕ፣ ዝብሉን ካልኦት ፅሑፋት እናምበበትን ተወሰኽቲ ናይ ተጋደልቲ ምንቕስቓስ እናተዓዘበትን ስለ ዝፀንሐት ነቲ ቃልሲ ድልውቲ ብምንባራ ናይ ታዕሊም ፈተና ብቐሊሉ ከም ዝተዋፀኣቶ እውን ተረድእ። ድሕሪ ታዕሊም ናብ ክፍሊ ሕክምና ተመዲባ ንተጋደልቲ እናሓከመት ነይራ። ብተወሳኺ ድማ ተጋደልቲ ናብ ዝነበርሉ ከባብታት እናተንቀሳቐሰት ክፍሊ ህዝቢ ኮይና ምስ ከምኣ ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ እንታይነት መበገሲ፣ ዕላማ፣ መቃለሲ ምኽንያትን ገድልን ንህዝቢ ናይ ምርዳእ፣ ግንዛበ ምፍጣር፣ ምልዕዓልን ትሰርሕ ነይራ። ብፍላይ ድማ ንሓረስቶት ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ኣብ ልዕሊኦን ተዳዕኒኑ ዝነበረ ፆታዊ ኣድልዎን ወፀዓን ንምግላህ ምስ ህዝበን ኮይነን ተወዲበን ንክቃለሳ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝእከባሉ በዓልን ኣጋጣምን እናኸዳ እተን ደቂ ኣንስትዮ ክቃለሳን ነቲ ቃልሲ ክድግፉን የለዓዕላ ነይረን። በዚ ድማ ተጋደልቲ ትግራይ ንፍትሒ፣ ሓርነት፣ ብሄራዊ መሰልን ረብሓን ህዝቢ ዝቓለሱ ምኻኖም ኣብ ምርዳእ ዓብይ ስራሕ ከም ዝሰርሓ ተዘንቱ። ነዚ ተረዲአን ድማ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ናብቲ ቃልሲ ምስ ደቀንን ሰብኡተንን ከም ዝተሰለፋን ካብኣተን ሓንቲ ደሃብ ተስፋይ እትበሃል ነባሪት ዓዲ ነብርኢድ ዝነበረት ምስ ስድረአን ካብ ዝተቃለሳ ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ከምዝኾነት ትገልፅ።

ኩነታት እቲ ቃልሲ ከምኡ እናበለ ድሕሪ ምፅንሑ ድሕሪ 1973 ዓ.ም ውዳበታት ደቂ ኣንስትዮ እናጠንከረ ብምምፅኡ ደቂ ኣንስትዮ ብበዝሒ ናብ ሜዳ እናተሰለፋ ዝመፃሉ ኩነታት ብርኪ በፂሑ እዩ። ድሕሪኡ ይካየዱ ኣብ ዝነበሩ ግድመ ግምባራት ድማ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል እናኾነ መፂኡ። ብፍላይ ድሕሪ ኣብ ከባብታት ዛናን ወልቓይትን ንደቂ ኣንስትዮ ዝወሃብ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ “ማርች ኣይት” ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ቃልሲ ብዝግባእ ኣሚኒናሉ ድሌተንን ተሳትፎአን ዝያዳ እናሓየለን መፀኡ እዩ። በዚ ድማ ኣብ ሕድሕድ ዝተካየዱ ዓውደ ግምባራት ማዕረ ወዲ ተባዕታይ ተዋጊአን ኣዋጊአንን ተሰዊአንን እየን። ካብቶም መስዋእቲ ዝኸፈላሎም ዓበይቲ ዓውደ ግምባራት ኣብነት ኣብ ከተማ ሽሬ ምስ ኢድዩ ኣብ ዝተገበረ ውግእ፣ ኣብ ደደቢት ዝተኻየደ “ኵናት ፆመ ኣርባዓ” እናተብሃለ ዝፍለጥ ራብዓይ ወራር፣ ኣብ ገደል ኣመንቲላ ፀዲፈን ዝተሰወኣን ኣብ ክልል ዓፋር ብከቢድ ማይ ፅምኢ ዝተፈተናን መስዋእቲ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ብፍሉይ መልክዑ ይዝከር ዝኸፍላን። ኣብቲ ናይ ቀረባ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኵናት እውን ኣሰር ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ብዘወራርስ መልክዑ ማዕረ ወዲ ተባዕታይ ምስ ሽሾ ፀላእቲ ገጢመን መስተንክራዊ ዓወት ሓፊሰንን መስዋእቲ ከፊለንን እየን።

ደሚርካ እንተርኢ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ኣብዛ ሃገር ንዝነበረ ደርባዊ ስርዓት ኣብ ምውጋድ ኮነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንዘጋጥሙ ተደጋገምቲ ወራራት ንምምካት ምስ ስድረኣን ተወዲበን ተቓሊሰን እየን። ክፍሊ ህዝቢ ኮይነን ህዝቢ ኣነቓቒሐን፣ ኣባል ስርዒት ኮይነን ቃልሲ ኣቀፃፂለንን፣ ኣታኣሳሲረን ካብኡ ሓሊፈን እውን ካብ ቡኸሪ ክሳብ ሕሳስ ደቀን ባዕለን ናብ ቃልሲ ብምስላፍ ኣብ ግምባር ገጢመን ተሰዊአንን እየን። ውፅኢቱ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ መንነቱ ከኽብር፣ ከም ሃገር ድማ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ሰለማውን ለውጥታት ኣብ ምርግጋፅ ግደ ኣምበሳ ተፃዊተን። ምስ መሰል፣ ኣወዳድባ ረብሓን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ ምምስራትን ሃገራዊ ፖሊሲ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያን ካልኦት ኩለመዳያ ተሳትፎነን ተረባሕነትን ልዑል ተሳትፎአን ኣረጋጊፀን እየን። ስለዝኾነ ሐዚ እውን ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ከም ትማሊ ኣብ ጎኒ ዝኣመናሉ ዕላማን ውዳበን ተሰሊፈን ንብሄራዊ ክብረን፣ ዴሞክራስያዊ መሰለንን ማዕርነታዊ ረብሐኣንን ክቓለሳን ክውደባን ይግባእ ዝብል መልእኽትና እዩ።

---

### ኣስናን ...ካብ ገፅ 10 ዝዞረ

ሃይድሮ ኤሌክትሪክ፣ ንፋስን ሃፋን ኣብ ከይዲ ህንፀት ነይሮም። ብብርኪ ትግራይ እንትንርኢ ድማ ኣብ 1983 ዓ/ም ከምክልል ኣብ ኣርባዕተ ከተማታት ንውሱን ሰዓታትን ንውሑድ ህዝብን ግልጋሎት መብራህቲ ዝህባ ብነዳዲ ዝሰርሓ ጀነሬተራት ጥራሕ ዝነበራ ኮይነን፤ ኣብ 2012 ዓ/ም ናይ መሰቦ መከፋፈሊ ጣብያ (ሳብስቴሽን) እንተይሓወሰ ብ14 መከፋፈልቲ ጣብያ 270 ሜጋ ዋት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናብ ተጠቀምቲ የከፋፍል ኣሎ። እዚ መጠን ሓይሊ ኤሌክትሪክ ካብ 60 ክሳብ 230 ኪሎ ቮልቴጅ ዝሰከም 1052 ነጥቢ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር መስመር ብምዝርጋሕ ንብርከት ዝበላ ትካላትን ፋብሪካታትን ሓዊሱ 355 ሽሕን 852 ቆፀርቲ ብምዝርጋሕ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ህዝቢ ተጠቃሚ ክኾን ክኢሉ እዩ። እዚ ድማ እታ ሃገር ሳላ ቓልስን ዓወትን 11 ለካቲት ብኩለመዳይ ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ ትሕምበብ ምንባራ ሓደ መረጋገፂ እዩ።

እቲ ካልእ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ዝምልከት ኮይኑ፤ ኣብ 1983 ዓ/ም 580 ሽሕ ዓመታዊ ተጓዓዝቲ ዘብፀሐሉ 42 ዓለም ለኻዊ መብፅሒ ዝነበሮ፤ ኣብ 2010 ዓ/ም 11 ነጥቢ 8 ሚልዮን ተጓዓዝቲ ዘብፀሐሉ 115 ዓለም ለኻዊ መብፅሒ ነይሩዎ። ነዚ ዘመን ዘይምጥና ብቑፅሪ 31 ዝነበራ ነፈርቲ እውን ንሰን ንናይ ውሽጢ ሃገር ግልጋሎት ክውዕላ ብምግባር ኣብ 2010 ዓ/ም 105 ናይ መወዳእታ ቴክኖሎጂ ውፅኢት ኣቬሽን እዚ እዋን ዝተዓጠቓ ክውንን ክኢሉ እዩ። ዓመታዊ ትርፉ ዝምልከት ድማ ኣብ 1983 ዓ/ም ካብ ዝነበሮ 18 ነጥቢ 8 ሚልዮን ብር ኣብ 2010 ዓ/ም ናብ 89 ነጥቢ 6 ቢልዮን ብር እዩ ዓብዩ ነይሩ።

ህወሓት፤ ሰላምን ዴሞክራስን ዝተሓንገጠ ውድብ ብምዃኑ እዚ ዕላማ ብተግባር ብምሽራፍ ከምካልኦት ውድባት ተራእዩ እንተይጠፍአ ፅምብል 50 ዓመት የኽብር ኣሎ። ኢትዮጵያ መግለፂ ሕሱም ጥምየትን ድኽነትን ዝነበረት ሃገር ብመሪሕነት ህወሓት መርኣያ ልምዓትን ሰላምን ክትኸውን ክኢላ እያ። ስለዝኾነ ብመዳይ ልምዓት ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣብ ቅልጡፍ ዕብየት ካብ ዝርከባ ሃገራት ቀዳመይቲ ከምዝነበረት ፀብፃብ ዓለምለኻውያን ትካላት ዝመስከርዎ እዩ። ብመንፅር ሰላም ድማ እኒ ኣሜሪካ ዘንፀርፀረ ኣልሸባብ እንተይተረፈ ካብ ከባቢና ብምውጋድ ዓቃቢ ሰላም ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪካ ብምዃን ሰላምን ምርግጋእን እናተውሓሰ ዝመፀ ውድብ እዩ፤ ህወሓት።

እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ፤ ልኡልን ከምልኡል ዝበሉ ትምክሕተኛታት ነዚ ኹሉ ውፅኢት ጠቐር ክኸድንዎ ይፍትኑ። ኣብቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ መፅሓፉ ካብ ገፅ 33 ክሳብ 36 ኣብ ዘሎ ከምዚ ክብል መርዛዊ ሓሳቡ እንትተፍእ ይረአ፤ እቲ መዓር ዘይጥዕሞ ትምክሕተኛ። “ህወሓት-ኢህወዴግ ናብ መንበረ ስልጣን ካብ ዝቈናጠጥ ኣብ ህንፀት ዓባይ ትግራይ ኣድሂቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ምዃኑ ንምርኣይ ሃፍቲ ሃገር ጉሒሉ ዘቐምጠሉ ትእምት ኣጣይሹ። .... ቁጠባ ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ብምውሳድ፣ ትግራይ ማእኸል መስሕብ ቱሪዝም ኣፍሪካ ንምግባር ዝሓዞ ዕላማ እዩ። .... ህወሓትን ተሓጋገዝቱን ኢትዮጵያ ናብ ዕግርግር ንምኹኣብን ካብ ፍርዲ ንምህዳምን ቁጠባኦም ኣብ ምሓዝ ይርከቡ። ንብረቶም ናብ መቐለ ካብ ምድሃል ጀሚሩ ቅርሾም ኣብ ምቕባርን ካብ ዝኾነ ይኹን ተሳትፎ ምህዳምን ጀሚሮም። .... ብምዃኑ እውን ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ነገራት ብትኹረት ዝርኢ በዓል ኣርባዕተ ዓይኒ ምዃን ይግባእ” ዝበሎ ተጠቃሲ እዩ።

ትምክሕተኛታት ንህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ኢዶም ብምቕሳር ኣብ ዘይሰማዮም ከፀልሙ ድሕሪ ምፅናሕ ኣብ መወዳእታ ድማ ካብ ገፀ መሬት ንምጥፋእ ፆታ፣ ዕድመን ሃይማኖትን እንተይፈለዩ ስፍሪ ቁፅሪ ዘይብሎም ተጋሩ ሓሪዶምን ረሺኖምን እዮም። እቲ ዝተኻየደ ኲናት ፅንተት ከይኣክል ድሕሪ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ እውን እቲ ፅንተት ህዝብን ምሕቓቕ ውድብን ብዝተዋደደ መልክዑ ይቕፅል እዩ ዘሎ። እንተኾነ ግን ህወሓት ይኹን ህዝቢ ትግራይ፤ ነቶም ዝተዋደዱ መጥቃዕትታት ብምምካት መበል 50 ዓመት ፅምብል ኢዮቤልዩ እናኽበሩ ይርከቡ። እዚ ክኾን ዝኽኣለ ድማ ህወሓት ህዝባዊ መስመር ብምሓዝ ህዝቢ ዋልታ ስለዝኾነ እምበር ዕድመ ስለዘቑፀረ ጥራሕ ኣይኮነን። ህወሓት፤ ገና ካብ መፈጠሩ ጀሚሩ ብመጠን ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመፁዎ ፈተናታት እንትርአ፤ ይትረፍ መበል 50 ዓመት ልደቱ ከኽብር ህልውናኡ እውን ዘየረጋገፀሉ ኩነታት እዩ ክፍጠር ነይሩ። ነዚ እውን እዩ ንኣስናን ሓራግፅ ዝበድሀ ናይ ፅንዓትን ዓወትን ጉዕዞ ቓልሲ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ደው ክብል ወይ መንገዱ ክፀድፍ ዘይከኣለ።።

## ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

# ቅድሚ እኹሊ ማይ ይተዓቖር!

በብመድረኹ፣ "ማይ ህይወት እዩ" ዝብል ተደጋጋሚ መብርሂ ይወሃብ እዩ። ኣብዚ ትርጉም ማይ ብውነ ብብርኪ ህይወትነት እንተዝረአ ነይሩ፣ ትርጉም ህይወት ዝግለፅ ምስሰኣንናዮ ዘይኮነስ እናሃለወ ብውሕሉል ኣጠቓቕማ እንትንጥቀም እዩ። ማይ ብውሕሉል ምጥቃም እንትበሃል 75 ሚኢታዊ ትሕዝቶ ሰብነትና ማይ ስለዝኾነ እዩ። ስለዚ ነዚ ተረዲእና ካብ ብኽነት ብዝነፀሀ መንገዲ ክንጥቀም ይግባእ። እቲ ግንዛበ ስለዘየለ ግን ኣብ ቁፅሩ ዘይነዓቑ መሪሕነት፣ ወሃቢ ግልጋሎት ሰራሕተኛን መብዛሕቲኦም ነበርትን ሰፋሕቲ ክፍተታት ኣለዉ። ንሰለስቲኦም ክፍተታት ፈላሊና ንርኣዮም።

ብፅምኢ ማይ ዝሳቐ ዘሎ ነባሪ 70 ካሬ (ሚዘር) ንምፍታሕ ከምከተማ መቐለ፣ ብሓደ ነጥቢ ሓደ ቢልዮን ብር ዝርገሐ መስመር ማይ ንምውጋን ኣብ 2016 ዓ/ም መደብ ሒዙ ነይሩ። እዚ "ኣብ ሓፂር ጊዜ ክስራሕ እዩ" ተባሂሉ ቃል ዝተኣተወ ፕሮጀክት፣ ክሳብ ሕዚ እዚ ዝበሃል ለውጢ ኣየምፅኣን። ነዚ ስራሕ ሕዚ ተለቒቑ ዘሎ 200 ሚልዮን ብር እውን ዝግባእ ስራሕ ዘጀምር ኣይኮነን። ነዚ መሰረት ገይርና እቲ ፕሮጀክት ማይ ንምንታይ ተጓቲቱ? ኢልና ንመካየዲ ስራሕ ግልጋሎት ማይ ከተማ መቐለ ዶ/ር ኣሸናፊ ዘኣብርሃ ሓቲትናዮም ነይርና። እቲ ምኽንያት ቤትማዘጋጃ "መደብቲ በጀት ንሕና ስለዝኾንና ንሕና ኢና ንተኾናታሪ ንቆፃፀሮ" እንትብሉ፣ ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ መቐለ ድማ "ብዝተመሓየሸ ኣዋጅ 257/2007 እቲ ስልጣን ንዓና እዩ ተዋሂቡ" ብዝብል ምስሕሓብ ስለዝነበረ እዩ። ቤት ማዘጋጃ ኣብ ዘይስልጣኑ እቲ ፕሮጀክት ክቆፃፀር ብዘይምኽኣሉ ሕዚ እውን ነቲ ህይወት ዝተብሃለ ማይ ቀዳምነት ሂቡ ዝግባእ በጀት ኣይመደበን። በዚ ዘይምዕሩይ ስራሕ ነበርቲ 70 ካሬ እቲ "ህይወት" ዝበሃል ማይ ስኢኖም ንሓደጋ ይቃልዑ ኣለዉ።

እቲ ኣብ ማይ ዘሎ ፀገም ርድኢት በዚ ጥራሕ ዝግለፅ ኣይኮነን። ህዝቢ ከተማ መቐለ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልዮን ከምዝበፅሖን፣ ነዚ በብመዓልቱ ልዕሊ 120 ሽሕ ኲቢዩክ ሜትር ማይ ከምዘድሊ ካብ ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ መቐለ ዝረኸብናዮ መረዳእታ የመላኽት። ኮይኑ ግን ሕዚ ብተግባር ዝቐርብ ዘሎ መጠን ማይ 34 ሽሕ ኲቢዩክ ሜትር ጥራሕ እዩ። እዚ መጠን ማይ ናብ 40 ሽሕ ኲቢዩክ ሜትር ንምዕባይ ትልሚ እንተተትሓዘ፣ ካብቲ ዝወፅእ ማይ እቲ ርብዒ ኣብ መንገዲ ይባኽን ኣሎ። እዚ ድማ "ኣብ ርእሲ ሕፈሰን ሰሙን ፅግዕ ..." እዩ። እቲ ምንታይ ንሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ብሒሳብ 80 ሊትሮ መሰረት ንነባሪ ከተማ መቐለ 120 ሽሕ ኲቢዩክ ሜትር ማይ ክቐርብ እናተገብኦ፣ ካብቲ ዝወፅእ 34 ሽሕ እቲ 8500 ኲቢዩክ ሜትር ማይ ኣብ መንገዲ ዝባኽን ምዃኑ እዩ። ስለዚ እቲ ዝቐርብ ዘሎ መጠን ማይ በቲ ክበፅሖ ዝግበኦ "ስታንዳርድ" እንትረአ 21 ነጥቢ 25 ሚኢታዊ እዩ። እዚ ድማ ልዕሊ 78 ሚኢታዊ ህይወት ነባራይ ከተማ መቐለ ንክጎድል ዝገብር ምዃኑ እዩ።

ኣብዚ ብዛዕባ ህይወትነት ማይ ብውነ ዝርዳእ እኹል መሪሕነት እንተዝህሉ፣ እዚ እናረኣየ ሃሪሱ ክሓድር ኣይኽእልን። ብምዃኑ እዚ ጉዳይ ንሓደ ቤት ዕዮ (ግልጋሎት ማይን ፈሳስን) ዝድርበ ዘይኮነስ ኩሉ መሪሕነት ህራስ ስኢኑ እዩ እቲ ፀገም ከቃልል ነይሩዎ። ብርግፅ ከምከተማ መቐለ ፀገም ማይ ንምፍታሕ ብዙሓት ፃዕርታት ይግበሩ እዮም። ንኣብነት፣ ኣብ ከተማ መቐለ 38 ዓበይቲ ጎዳጉዲ (ካብዚኣን 31 ዝሰርሓ)፣ ኣርባዕተ መድፍኢ ናቑጣ፣ 27 ገንኢ መጠራቐሚ ማይ ሓደ ማእኸላይ ግድብ ከምዝተሰርሑ ዶ/ር ኣሸናፊ ይገልፁ። ነዘን ትካላት እናመሓደሩ ግልጋሎት ዝህቡ 530 ቀወምትን ኩንትራትን ሰራሕተኛታት ተቖፂሮም ኣለዉ።



**ዝርገሐ መስመር ማይ ከተማ መቐለ**

ካብዚ ሓሊፉ እተን 31 ዓበይቲ ጎዳጉዲ ዘድልይወን ናውታት ብምምላእ መጠን ማይ እታ ከተማ ናብ 40 ሽሕ ኲቢክ ሜትር ንምብፃሕ ይስራሕ ኣሎ።

ካብዚ ሓሊፉ ካልኣይ ብርኪ ምዝርጋሕ መስመር ማይ ግድብ ገረብ ሰገን ብምውዳእ፣ እቲ በብመዓልቱ ዝወፅእ መጠን ማይ ንክውስኽ ይስራሕ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ቅድሚ ኲናት ፅንተት 30 ሚእታዊ ህንፀቱ ተወጊኑ ዝነበረ ግድብ ገረብ ግባ፣ ዳግም ናብ ስራሕ ንክእቶ ምስ መንግስቲ ፌደራል ኣብ ምርድዳእ ይርከብ። ዶ/ር ኣሸናፊ፣ ኩንትራት ዝወሰደ ቻይናዊ ትካል ብምኽንያት ኲናት ንዘጋጠሞ ዕንወትን ስርቅን ንብረት ግምታዊ ካሕሳ ንክወሃቦ ብዘቐረቦ ሓሳብ መሰረት ኮሚቴ ተጣይሹ ብምፅናዕ ናብ ሚኒስተር ፋይናንስ ተላኢኹ ከምዘሎ የረድኡ። ስለዚ እቲ ተኾናታሪ ናይ ዝዓነወ ንብረቱ ካሕሳ እንተረኺቡ ቀልጢፉ ስርሑ ክጀምር ተስፋ ኣሎ። ገረብ ግባ እውን ንማእኸላይ ጊዜ መፍትሒ ፀገም ከተማ መቐለ እምበር ድሕሪ 10 ዓመት ህዝቢ ከተማ መቐለ ክልተ ሰለስተ ዕፅፊ እንተኾይኑ ሕፅረት ማይ ከጋጥም ይኽእል እዩ። ነዚ ዘላቒ መፍትሒ ዝኾን ካብ ግድብ ተከዘ ናብ ሃገረሰላም ስሒብካ ብምድያብ ብ"ግራቪቲ" ንግልጋሎት መስተ ማይ ከተማታት ውቕሮ፣ መቐለን ዓዲ ጉደምን ዝውዕል ምቕራብ ከምዝከኣል ተገሊፁ እዩ።

ከምዚ ፀገም ማይ ከተማ መቐለ ብሓፂር፣ ማእኸላይን ነዊሕን ጊዜ ኢልካ መፍትሒ ሓሳብ ምንፃር ፅቡቕ እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ከተማ መቐለ ዘሎ ዕድሎት ማይ ረጊፅካ ንተከዘ ምጥማት ብመንፅር ዝሓቶ በጀት፣ ዝወስዶ ጊዜን ዝጠልቦ ቴክኖሎጂካዊ ዓቕምን እንትርአ፣ ፀገም ህዝቢ ብቕልጡፍ ዝፈትሕ ኣይኮነን። ኣብዚ ክሳብ ተከዘ ንክንከድ ዘገድድ ዝቐርብ ምኽንያት እውን "ማይ ከርሰ መቐለ መሬት ከተማ መቐለ እናተወደአ ብምምፃኡ ሽውዓተ ዓበይቲ ጎዳጉዲ ደው ኢለን ኣለዋ። እተን ግልጋሎት ዝህባ ዘለዋ ጎዳጉዲ እውን እንተኾነ ቅድሚ 10 ዓመት ዝህብኦ ዝነበራ መጠን ማይን ሕዚ ዝህብኦ ዘለዋ እንትነፃፀር ዝቐነሰ እዩ" ዝብል እዩ ዝቐርብ። እቲ ዝምልከቶ መሪሕነትን በዓል ሞያን ዘይተገንዘቦ ነገር፣ ከምቲ ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ ዝበልዎ "መሬት ዝደለኻዮ ነገር እንትህበካ ቻርጅ ብዝገበርካያ መጠን እዩ" ዝብል ወርቃዊ ሓሳብ እዩ። ስለዚ ኣብ ከርሰ መሬት ዘሎ መጠን ማይ ክንዲ እንጫጉዖ መጠን ዝናብ ክረምቲ ናብ ከርሰ መሬት ክሰርግ ክስራሕ ኣለዎ። ብምዃኑ በብመዓልቱ 34 ሽሕ ኲቢዩክ ሜትር ማይ ክነውፅእ እንትንሓስብ፣ ነቲ ኣብ 365 መዓልቲ እንወስዶ መጠን ማይ ዝምጥን ዝናብ ክረምቲ ናብ ከርሰ መሬት ዝኣትወሉ ጥበብ ምጥቃም ኣድላዪ እዩ። እዚ እንትንሰርሕ ናብ ተከዘ ዘጓዪ የብልናን።

እቲ ካሊእ ክስራሕ ዘለዎ ሕድሕድ ካንሸሎ ታንከር መጠራቐሚ ዝናብ ክረምቲ ብምትእትታው ንዝሓፅቦ ክዳንን ኣቑሑን ከውዕሎ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ሕድሕድ ቆፃሪት ማይ ዘለዎ ሰብ 10 ሽሕ ሊትሮ ማይ ዝናብ ክረምቲ እንተዝዓቁር፣ ኣብ ከተማ መቐለ 70 ሽሕ ቆፃሪት ስለዘለዋ 700 ኲቢዩክ ሜትር ማይ ይተሓዝ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብዚ ዝናብ ማይ ብጣዕሚ ንፁህ ስለዝኾነ ብሓሙሽተ በርሚል ማይ መቐለ ዝሕፀቡ ክዳውንቲ ብሓደ በርሚል ማይ ዝናብ ክሕፀቡ ከምዝኽእሉ እዮም ዶ/ር ኣሸናፊ ዘረድኡ። ብምዃኑ 700 ኲቢክ ሜትር ማይ ማለት 4200 ኲቢዩክ ሜትር ማይ ቤት ማዘጋጃ ማለት እዩ። ኣብዚ ክስመረሉ ዘለዎ 4200 ኲቢዩክ ሜትር ናብ ተጠቀምቲ ክበፅሕ እንተኾይኑ እቲ ኣብ መንገዲ ዝባኽን 25 ሚኢታዊ ወሲኽካ 5600 ኲቢዩክ ሜትር ይኾን ኣሎ ማለት እዩ። እዚ መጠን ማይ ንምሕካም፣ ሓይሊ ኤልክትሪክ ተጠቒምካ ብድፍኢት ናብ ተጠቀምቲ ንምብፃሕ ዝሓቶ በጀት ይቕንስ። ኣብ መንገዲ መስመራት ስለዝፍንድኡ ንዕኡ ፅገና ዝወፅእ ገንዘብ እንትግበጥ ብዙሕ ከምዘድሕን ዶ/ር ኣሸናፊ ይገልፁ።

ዝናብ ክረምቲ ምዕቛር መንግስቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ተጠቃሚ እውን እዩ ዝሸስብ። ምኽንያቱ ሓደ፣ ንሓሙሽተ በርሚልን ንሓደ በርሚልን እተውፅኦ ሳሙናን እተባኽኖ ጉልበትን ማዕረ ኣይኮነን። ካልኣይ፣ እቶም ኣቑሑ (ክዳን) እናሓፀብካዮም እንትትውዕል ተፈሓፊሖም ዕድሚኦም ንክሓፅር ዝገብር ዝነበረ ዝቕንስ እዩ። እዚ ዛዕባ ከምዚ ዝበለ ረብሓ እንተሃልይዎ ንምንታይ ዘይተኣታቶ? እንተኢልና ነዚ ዝኾነ ሕጋዊ ማዕቀፍ ሕጊ ከምዘየለ እዮም ዶ/ር ኣሸናፊ ዝገልፁ። ሕጋዊ ማዕቀፍ እንተዝህቡ ግን ሃገረ እስራኤል ኣብ ዓመት ካብ 70 ክሳብ 80 ሚሊ ሊትር ዝዘንባ ማይ ብኣግባቡ ብምጥቃም ንዓለም ዝኾን ምህርቲ ሕርሻ ተፍሪ ኣላ። ንሕና ግን ካብ 650 ክሳብ 750 ሚሊ ሊትር ዓመታዊ ዝናብ ስለዘለና፣ ዝናብ ክረምቲ ብኣግባቡ እንተንጥቀም ኣሸንኳይ ንዓና ንካሊእ ከምንተርፍ እዮም ዶ/ር ኣሸናፊ ዘረድኡ።

እቲ መበል ካልኣይ ነጥቢ ማይ ህይወት ምዃኑ ብውነ ዘይርዳእ ኣካል፣ ኣብ መሓውር ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ዘሎ ሰራሕተኛ እዩ። ማይ ህይወት ምዃኑ ቁፅሩ ዘይነዓቕ ብውነ ስለዘይርዳእ እውን እዩ ብውፍይነት ኣብ ምግልጋል፣ ዝፍንድኡ ማያት ሓበሬታ እንትበፅሖ ብፍጥነት ኣብ ምብፃሕ፣ እተን ዝቐርባ ማያት ብፍትሓውነት ናብ ተጠቃሚ ኣብ ምክፍፋል ክፍተት ዝረአ። እዚ ፀገም በብእዋኑ ኣብ ቤት ምኽሪ ዝለዓልን ከምቤት ዕዮ እውን ዝተገምገመን እዩ። እቲ ሓቂ እዚ ብምዃኑ እተን ዝዳለዋ ማያት ኣብ ገሊኡ ከባቢ መዓልታዊ እንትትመፅእ ኣብ ገሊኡ ከባቢ ድማ ኣብ ክልተ ወርሒ እውን ዘይትመፅሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብዚ እቲ ቁልቁል ዝኾነ ከባቢ መዓልታዊ ማይ እንትረክብ፣ እቲ ብርኽ ዝበለ ከባቢ ግን ማይ እናተዋህለለ ኣዋርሕ ይፀንሕ።

ኣብቲ ሰራሕተኛ ፀገም ውፍይነት እንተዘይህሉን ማይ ህይወት ምዃኑ ብዝግባእ እንተዝርዳእን ነይሩ፣ ነቲ ዘሎ ሕፅረት ማይ ኣብ ግምት ኣትዩ ማይ ዝበፅሖ ክፉል ማሕበረሰብ መስመር እናዓፀወ ናብቲ ዘይበፅሖ ብማዕርነት ክብፅሕ ምገበረ ነይሩ። እቲ ግንዛበ ስለዘየለ ግን ኣብ ተመሳሳሊ ስነ ምህዳር ኮይኑ እውን ገሊኡ ማይ እንትረዊ፣ ገሊኡ ንኣዋርሕ ማይ ቃዕቃዕ እናበለ ይፀምእ ኣሎ። ንኣብነት፣ ኣብ ክፍለ ከተማ ዓዲ ሓቂ ከባቢ ደብረዳሞ (ገበሬ ማሕበር) ብከባቢ ኣስፋልትን ናብ እንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ ዘለዉ ነበርቲ ዝሓሸ ማይ እንትረኽቡ ኣብ ማእኸል ግን ንልዕሊ ክልተ ወርሒ ማይ ዘይረኽበሉ ኩነታት ከምዘሎ ነባሪት እቲ ከባቢ ወ/ሮ ሰሰን ምሩፅ የረድኣ። እቲ ፀገም ኣብቶም ታሕተዎት ሰራሕተኛ ዘሎ ናይ ቅንዕናን ተወፋይነትን ከምዝኾነ ድማ ይገልፃ።

እቲ መበል ሳልሳይን ዝዓበየን ፀገም ርድኢት እንታይነት ማይ ከዓ፣ ኣብቲ ነባሪ ዘሎ እዩ። ሓደ ሰብ 75 ሚኢታዊ ኣካሉ ማይ እንተኾይኑ ካብ ዝዓቐሮ ነገር ነቲ 75 ሚኢታዊ ኣካሉ ዝኾነ እዩ ከቐድም ነይሩዎ። ስለዚ እቲ ንመተሓፃፀብን ካሊእን ዝውዕል ዝናብ ክረምቲ ካብ ምዕቋር ብተወሳኺ እታ መንግስቲ ዘቕርባ እውን ብኽነት ብዘወግድ መልክዑ እዩ ክጥቀሙላ ዝግባእ። ብተግባር ግን ማይ ቤት ማዘጋጃ ክዓቁር ሮቶ የተኣታቱ እምበር ዝናብ ክረምቲ ዝዓቁር ነባሪ ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። እቲ ፀገም በዚ ጥራሕ ዝግለፅ ኣይኮነን። ብክንደይ ድኻም ዝመፅ ማይ ኣብ ቡንቧ ፈሲሱ ዝተርፍ፣ ንመስተ ጥራሕ ክውዕል እናተገብኦ ንኮንስትራክሽንን ላቫጆን ዝጥቀም ቀሊል ኣይኮነን። እሞ ድማ ንላቫጆን ኮንስትራክሽንን ክውዕላ ዝኽእላ በብከባቢኡ 561 ጒዳጉዲ ማያት እናሃለዋ እዩ። ኣብዚ እቲ ካብ ማይ ቡንቧ ንኮንስትራክሽን ዝጥቀም በለፀኛ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ከምኡ ክጥቀም እናረኣዩ ኣብ ጎረባብቱ ዘለዉ ሰባት ሱቕ ምባሎም እዩ። እዚ ድማ ከምቲ ልዕል ኢልና ዝገለፅናዮ ማይ ህይወት ስለዝኾነ ሕድሕድ ሰብ ብህይወቶም ይቕልድ ኣሎ ማለት እዩ።

እቲ ካሊእ ነጥቢ ኣብ ማሕበረሰብ ዘሎ ፀገም ንብረታት ግልጋሎታት ማይን ፈሳስን ከተማ መቐለ ከምንብረቱ ቆፂሩ እኹል ሓለዋ ዘይገብር ምዃኑ እዩ። ንኣብነት፣ ከምሲኖትራክ ዝበላ ዓበይቲ መኻይን ክሓልፍኦ ብዘይግባእ ጎደና እናኸዳ ዝፍንድእ መስመር ማይ ብዙሕ እዩ። እቲ ፀገም ኣብቶም ገናሕቲ መኻይን ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ነባሪ እውን እዩ። ካልኣይ፣ ብርጋፅ መኻይን ይኹን ካሊእ ምኽንያት ማይ እንትፈስስ፣ ህይወትነት ማይ ተገንዚብካ ቀልጢፍካ ኣብ ምሕባር እውን ክፍተት ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉ ማይ ክሸይጥ ዝግበኦ ብግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ መቐለ ጥራሕ እናሃለወ፣ ማይ ዝሸጡ ሰባት እናረኣኻ ንዝምልከቶ ኣካል ብመረዳእታ ኣደጊፍካ ሓበሬታ ኣይወሃብን። እዚ ድማ እቲ ማይ ህይወት ምዃኑ ብውነ ዘይምግንዛብ ዝወለዶ ከምዝኾነ ዶ/ር ኣሸናፊ የረድኡ።

ኣብ ልዕሊ ናውቲ ግልጋሎት ማይን መብራህትን ዝበፅሕ ስርቅን ዕንወትን ተገዲስካ ዘይምክልኻል ካሊእ ፀገም እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ከባቢ ላጪ ዝነበረ ንኣዋርሕ ዝወሰደ ፀገም ማይ፣ ኣብ ናውትታት ማይን መብራህትን ብዘጋጠመ ጉሕለት እዩ። እቲ ፀገም እቶም ዝጉሕሉ ሰባት ወለዶምን ኣሕዋቶምን ሓዊሱ ህይወት ደቂ ሰባት ይጉሕሉ ምህላዎም ዘይምርዳእ እንትኾን፣ እቲ ነባሪ ሕብረተሰብ እውን ኣብ ህይወቱ ዝለዓለ ትርጉም ዘለዎ ንብረት ኣብ ምሕላው ዘለዎ ክፍተት ዘርኢ እዩ። ካልኣይ፣ እቲ ዝጎሓል ንብረት ኣብ ገዛ ገይፂ ኮይኑ ዝቕመጥ ዘይኮነስ ኣብ ዕዳጋ ዝሸየጥ እዩ። ስለዚ ዝተሰረቐ ንብረት እሞ ድማ ምስህይወት ደቂ ሰባት ዝተሓሓዝ ተቐቢሉሎም ዝሸይጡ ስሩዓት ነጋዶ፣ ህይወት ሰባት ይቐጥፍ ከምዘሎ ዘይምርዳእ እዩ። ብድምሩ ፀገማትና ዝፍታሕ ናብ ግዳማዊ ኣካል ምምልኻት ዘይኮነስ ንባዕልትና ውሽጥና እንትንርኢ እዩ እሞ ነገራት ብውነ ንረዳእ ንብል። ልዕል ኢልና ዘልዓልናዮም ሕድሕድ ዛዕባታት ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ መቐለ ተረዲኡ ፍታሕ እንተቐሚጥሎም ድማ ፃውራ ፀገም ማይ ክቃለል ከምዝኽእል ብምእማን እዩ። ስለዚ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ነገር እቲ ዝዓበየ ኣብ ምድሪ ይኹን ገዛና ክንዓቑሮ ዘለና ማይ እዩ እሞ፣ ማይ ክንዓቁር ይግበኣና።



ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

# እንግዶት

# “ካብ ፀላኢ ንላዕሊ ዝኸፍአ ፀላኢ እዩ ገጢሙና ዘሎ።”

## “ሓሙሽቲኣን ውሳነታት ማይ ኣባይ ናብ ቦትኣን ክምለሳ ኣለወን፤”

ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ



*ውድብ ህወሓት ኣብ እዋን ዕጥቂ ቃልሲ ህዝቢ ኣንቂሑን ወዲቡን ፈታኒ ዝበሃል ቃልሲ 17 ዓመታት መሪሑ ናብ ዓወት ኣብፂሑ እዩ። ድሕሪ 1983 ዓ/ም እውን እንተኾነ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣፅዲቑ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን እታ ሃገር ብሰላም ክነብሩ፤ ካብ ልምዓት ሃገሮም ተጠቀምቲ ክኾኑን ካብኡ ሓሊፉ ኣብታ ሃገር ዴሞክራሲ ክሰፍሕን ብኡ ልክዕ ኣብ ሰላም፣ ልምዓትን ህንፀት ዴሞክራሲን ዓብይ ግደ ዘበርከተ ውድብ እዩ። ድሕሪ ምፍራስ ኢህወደግ እውን እንተኾነ ነቲ ዝነበረ ሃገራዊ ኩነታት ተረዲኡ ህዝቡ ወዲቡን ኣለዓዒሉን ካብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ክሳብ ኣንፃር ነቲ ዝተኸፈተ ወፍሪ ፅንተት ህዝቢ ክምክት ዝገበረ ውድብ ምኻኑ ምስክሩ ባዕሉ ህዝቢ ትግራይ እዩ።*

*ድሕሪ መኸተ ኣንፃር ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶርያ ብውድብ ህወሓትን ፌደራል መንግስትን ዝተፈረመ ዉዕሊ ስምምዕ ሰላም ምስ ፀገማቱ መቃለሲ ንግበሮ ኢሉ፤ ውዕሊ ፕሪቶርያ ንህዝቢ ትግራይ ብዝጠቅም መልክዑ ከይተሸራረፈ ክፍፀም ለይትን ቀትርን ይሰርሕ ኣሎ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣጋጢሙም ዘለው ሕልኽላኻት ብዓይነቶም ዝተፈለዩ እንተኾኑ እውን በቲ ልሙድ ናይ ቃልሲ ተመኩርኡን ህዝባዊ ባህሪኡን ንምፍተሖም ምስ ህዝቢ ይሰርሕ ኣሎ።*

*ብድምቀት ዝኽበር ዘሎ መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዩ ለካቲት 11 ምኽንያት ብምግባር ምስ ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ ቃለመሕትት ኣካይድና ኣለና። ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ ካብቶም መስረትቲ ውድብ ህወሓት ሓደ ኾይኑ ንብርክት ዝበሉ ዓመታት ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት ኮይኑ ዝተቓለሰ እዩ። ‘ኣቦይ’ እናተብሃለ ብቕፅል ሽሙ ዝፅዋዕ ተጋዳላይ ስብሓት ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ይነብር። ኣብዚ ዓምዲ ተጋዳላይ ስብሓት ውድብ ህወሓት ካብ ምስረትኡ ጀሚሩ በብእዋኑ ዘጋጠምዎ ዓወታትን ፈተናታትን እንታይ ይመስሉ ነይሮም? ኣበይን መዓዝን እዮም እቶም ፈተናታት ኣጋጢሞም? እቶም ዘይስገሩ ዝመስሉ ፈተናታት ብኸመይ ተሰጊሮም? ክብርታትን እምነታትን ውድብ ህወሓት እንታይ እዮም? ዝብሉን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ ዝበለ መብርሂ ሂቡና ኣሎ። ሰናይ ንባብ።*

**ወይን፦** *ተጋዳላይ ስብሓት ብቕዳምነት ነዚ ቃለመሕትት ክትህበና ፍቃደኛ ብምዃንካ ነመስግን። ብሽም ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ድማ እንኳዕ ንምስረታ ውድብ ህወሓት መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዩ ክብረ በዓል ብሰላም ኣብፀሐካ።*

**ተጋዳላይ ስብሓት፦** ኣነ እውን ንመላእ ህዝቢ ትግራይን ኣባላትን እንኳዕ ንመበል 50 ዓመት ምስረታ ዉድብና ኣብፀሐኩም ክብል ይፈቱ።

**ወይን፦** *ህዝቢ ትግራይ ኩነታት ጥዕናኻ ክፈልጥ ይደሊ ኣሎ፣ ኩነታት ጥዕናኻ እንታይ ይመስል?*

**ተጋዳላይ ስብሓት፦** ናይ ጥዕናይ ኩነታት ዝምልከት ፀገም ኩላሊት ኣለኒ። ኮይኑ ግን ናብ ስግኣት ዝወስድ ኣይኮነን። ቐፃልነት ዘለዎ ሕክምና ይወስድ ስለዘለኹ ኣብ ደሓን ኩነታት ኣለኹ። ሳላ ፃዕሪ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ጥዕና ኣለኹ።

**ወይን፦** *ኣጀማምራ ቃልሲ ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ እንታይ ይመስል? ምኽንያቱን ሕልኽላኻት ዝበዝሖ ጉዕዞኡን እንተትገልፀልና? ምስ ውድባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዝነበሮ ርክብ ከ ከመይ ክትገልፀልና ትኽእል?*

**ተጋዳላይ ስብሓት፦** ኣነ ቁሩብ ታሪኽ ይፈልጥን የንብብን እየ። ‘why nations fail’ ኣብ ዝብል መፅሓፍ ‘ኢትዮጵያ ሓደ ሽሕ ዓመት ንዓለም ረሲዓ፤ ዓለም እዉን ንኢትዮጵያ ረሲዕዋ።’ ይብል ፀሓፋይ ጊበን። ኢትዮጵያ ዳርጋ ኣብ ዓለም ኣይነበረትን ምባል ይከኣል። እቶም ናይ ትግራይ መሳፍንቲ ይኹኑ ናይ ኢትዮድያ ግን ኣብ ዓለም ከምዘለናን ዝሓሸና ከምዝኾናን ገይሮም እዮም ዝዛረቡ ነይሮም። እቲ ናይ ኢትዮጵያን ዓለምን ኹነታት ዘይምርዳእ ድማ ነይርዎም። ጫማ ምስራሕ ዘይትኽእል ዓዲ እናሃለወት “ኣለና” ትብል ነይራ። ጃፓን ሽዑ መርከብ እንተሪእዮም ኣበይ ተሰሪሓ? ከመይ ተሰሪሓ ኢሎም ኽልተ ሚኢቲ ሰብ ናብ ሩስያን ኣሜሪካን ንኽመሃሩ ይልእኹ ነይሮም። ንሕና ድማ ብረት እናቐጥቀጠና ካበይ እያ ተሰሪሓ ኣይንብልን። ፀሓፊ ጊበን እዉን “ብፀላኢ ተኸቢቦም እናሃለዉ ኣለና እዮም ዝብሉ” ኢልዋ እዩ ኣብታ መፅሓፉ። መሳፍንቲ ዋላ ብፀላኢ ተኸቢቦም እናሃለው “ኣለና መን ከማና” እዮም ዝብሉ ነይሮም። ስለዚ ማገብት (ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ) ነዚ ዝተሰሓሓተ ኣረኣእያ ኣብ ግምት ዘእተወ ቃልሲ እዩ ኣነፂሩ።

ካብቶም ኣብታ ዓዲ ዝነበሩ ውድባት ከም ማገብት(ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ) ዝኣመሰለ ኣዐርዩ መሬት ዝረገፀ ውድብ ኣይነበረን። ነዚ ኩነታት እዚ መንቀሊኡን መፍትሒኡን እንታይ እዩ እንተይልና ኢህኣፓን መኢሶንን ፈቲኖምዎ ዘይፈልጡ ኣካይዳ ስለዝተፈተነ እዩ። በቲ እዋን እቲ ዋና ፀገም ህዝቢ ትግራይ ዝነበረ እቲ ፊውዳል ስርዓት እዩ።

ማገብት ቃልሲ እንትጅምር ኣብቲ መበገሲ ዕላማ ቃልሲ ኩነታት ትግራይ ጥራሕ እንተይኮነስ ኩነታት ኢትዮጵያን ትሕቲ ሰሃራ ዘለዋ ሃገራትን ሪኡ እዩ ቃልሲ ጀሚሩ። “ኣብ 1962 ዓም መግዛእትን ወራርን ኣፍሪካዉያን ክዕፆ ከሎ ‘ኣፈሪካዉያን ንኣፍሪካዉያን ’ ኢሎም ዘቐመጥዎ ፍኖተ ሓሳብ መሰረት ገይርና ዓዲ ክንምስርት ኢና” ኢሎም እዮም ናብ ቃልሲ ወፊሮም። ኣብ ኢትዮድያ ዝነበረ ኣተሓሳስባ እዉን ኣብ ግምት ዘእተወ ቃልሲ እዩ፣ ካብ ፈለማ ብማገብት (ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ) ተወሊዑ።

ኣብ ምስረታ እቲ ቃልሲ “ሻዕብያ ፣ ጀብሃን ኢህፓን ብሓባር ኮይኖም ትግራዋይ ዝበሃል ናብ ኤርትራ ክኣትው የብሉን ጃሱስ” እዩ ይብሉ ነይሮም። ኢህኣፓ እዉን “ትግራዋይ ናብ ዝኾነ ቦታ ክኸይድ የብሉን” ዝብል እምነት ዝነበሮም እዮም። ቅድሚ 1971 ዓም ጀብሃን ኢህኣፓን ኣሎ ዝበሃል ሓይሎም ተጠቒሞም ወጊኦምና። ኢድዩ ምስ ጀብሃን ኢህኣፓን ተሓባቢሮም ወጊኦምና። ንትግራዋይን ንህወሓትን ዘናእስ ሓሳባት የልዕሉ ነይሮም። “ንስኹምስ ጠምዩና ኢልኩም ትኾቡልና እንተበልኩም እምበር፤ መንግስቲ ክንተክል ኢና፤ ዴሞክራሲ ክነምፅእ ኢና ምባል ኣየጥዕመልኩምን። ብዛዕባ ፓለቲካ ክተዋግዑ ኣይትሓፍሩን ዲኹም?” ይብሉና ነይሮም። ስለዚ ከም ህዝቢ ይኹን ከም ውድብ ቆላሕታ ዝወሃቦ ኣይነበረን። ምግላል ብሰፊሑ ነይሩ። ናይ ደገ ሓይልታት ግና ንደርግ ካብ ኢትዮጵያ ከጥፈኦ ዝኽእል ብሕታዊ ውድብ ህወሓት እዩ ኢሎም ይኣምኑ ነይሮም። ኢድዩ ንደርግ ንምዉዳቕ ሰለስተ ሻዕ ፈቲኑ ኣይኮነሉን። ካልኦት እውን ፈቲኖም ኣይክኣሉን። ህወሓት ግና ናይ ህዝቢ መሰረት ስለዝነበሮ ኣብ ኢትዮጵያ እውን ተቐባልነቱ እናዓበየ ስለዝኸደ ናይ ደገ ሓይልታት እውን “ንስኹም ኢኹም ንደርግ ካብ ኣዲስ ኣበባ ትምሕዉዎ” ዝብል እምነት ስለዝነበሮም ከምቲ ዝበልዎ ብሓይሊ ህዝቢ ህወሓት ዓወት ኣምፂኡ።

ካብኡ ሓሊፉ ምስ ካልኦት ውድባት ዝነበረ ዝምድና እንተኾነ እውን ህወሓት ምስ ዓፋር ነፃነት ግምባር ቀልጢፉ እያ ናብ ስምምዕ በፂሓ። ምስ መራሒ ዓፋር ዓሊሚራሕ ዝነበረና ፀገም ክንእርሞ ንኽእል ኢና ብዝብል ተሰማሚዕና። ኦሮሞ ድማ ኣብ ኣሶሳ ውድብ ክንምስርት ኢና ኢሎም። ዉድብ ህወሓት ድማ ዝሕግዝዎም ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰዲዳትሎም። ካብ ባዶ ሽዱሽተ፣ ባዶ ሸውዓተ፣ ካብ ባዶ ሓሙሽተ ዝሕግዝዎም ሰባት ተላኢኾም። ካብኣቶም ሓደ ክንፈ ገብረመድህን ዝመርሖ ጉጅለ ልኢኽና ብዙሕ እዉን ፅዒርና፤ ኣይቀንዐናን። ክንፈ ገብረመድህን “ኣይቀንዐንን” ምስበለ እዉን ኮለኔል ታደለ ገብረስላሰ ልኢኽናሎም። ንኦሮሞ ነፃነት ግምባር ክነጠናኽሮም ብሓባር ክንሰርሕ ብዙሕ ፅዒርና ኣይኮነልናን። ንሳልሳይ ግዘ ኣባ እስቲፋኖስ ተስፋይ ምስ ላኣኽና ነቶም ቅድሚኡ ዝተልኣኹ ንክንፈ ገብረመድህንን ንኮለኔል ታደለ ገብረስላሰን ናታትኩም ድኽመት እዩ ኢልና ነቒፍናዮም። ሽዑ ሻዕብያ ምስ ፀጥታ ሱዳን ኮይኖም ይሰርሑ ስለዝነበሩ እንተደሊኹም ንደቡብ ሱዳን ኬድኩም ተዋግኡ እምበር ጉዳይ ኦሮሞ ኣይምልከተኩምን ኢሎምና። ኦነግ(ግምባር ነፃነት ኦሮሞ)፣ ሻዕብያን ፀጥታ ሱዳንን ዉፅኡ ካብ ኣሶሳ ኢሎም ተቓዊሞምና። ንሕና ግና ብዘይ ኦሮሞ ናብ ናይ ደገ ዝርርብ ኣይንኸይድን ዝብል ዉሳነ እዩ ነይሩና። ኣብቲ እዋን ንሳቶም ንኣሶሳ ንሕና ድማ ንኣዲስ ኣበባ ንፅጋዕ ነይርና። ድሕሪ ብዙሕ ፃዕርን ድኻምን ግና ንኦነግ(ግምባር ነፃነት ኦሮሞ) ሒዝና ምስ ናይ ደገ ሓልታት ንምዝርራብ ናብ ለንደን ኬድና። ኣብታ ናይ ስግግር ግዘ ግና ኦነግ(ግምባር ነፃነት ኦሮሞ)ን ሻዕብያን ወጊኦምና። ዘይተፈተነ ተንኮል ጥፍኣት ኣይነበረን ኣብ ልዕለይና። ንዓና ከም ሰብ ገይሩ ዝሪኣና ዝነበረ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኢትዮጵያን ጥራሕ ነይሩ። በዚ ድማ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ነቲ ኹሉ ፈተናታት በዲሁ ሃገር መስሪቱ።

**ወይን፦** *ከምዝፍለጥ ተጋዳላይ ስብሓት ነጋ ካብቶም ፈለምቲ ቃልሲ ዝነበሩ ውሑዳት ተጋደልቲ ሓደ ኢኻ። ከም በዓል ታሪኽን ንፍርቂ ክፍለ ዘመን ኣብ ቃልሲ ወያነ ትግራይ ምፅናሕኻ እንታይ ይስመዐካ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት፦** ኣብዚ 50 ዓመታት ቃልሲ ወያነ ትግራይ ዝረኸብክዎ ፍልጠት ናይ ህዝቢ ትግራይ ፍልጠት እዩ ኢለ እየ ዝኣምን። ካብ ህዝቢ ትግራይ ዝተረኸበ ፍልጠት መበገሲ ገይረ ንውድብ ህወሓት ምምረሐይ ይኹን ምቅላሰይ ኣዝየ ሕጉስ እየ። ንፍርቂ ክፍለ ዘመን ካብ ናይ ህዝቢ ትግራይ እምነት ከይገለስኩ ምፅነሐይ እውን ድሕነት ገይረ እየ ዝወስዶ። ኣብ ናይ ነዊሕ ዕድመ ቃልሰይ ናብ ሰንፈላልን ክሕደትን እንተይኣተኹ ካብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን እናተምሃርኩ ፀኒሐ እየ። ካብ እምነት ህዝቢ ወፂአ ብሓሳብ ከይተንሳፈፍኩ ምፅነሐይ ፍሉይ ታሕጎስ ይስመዐኒ። ህወሓት ኣብ መላእ እዛ ሃገር ዘናስሕ ስራሕ ዘይሰርሐ የግዳስ ዘኹርዕ ውድብ እዩ። ኣብ ፃንሒት ቃልሰይ ኣብ ማገብት፣ ተሓህት ድሓር ድማ ህወሓት ኣብ ዝፀናኹሉ እዋን ወርቃዊ ግዘ ኣሕሊፈ ኣለኹ። ዘናስሕ ነገር ኣይብለይን። ናይዚ ውድብ እዙይ ታሪኽ ተኻፋላይ ምዃነይ ኩል ግዘ የሐጉሰኒ፣ እኾርዐሉ እውን።

**ወይን፦** *ኣብ መስራቲ ጉባኤ ውድብ ህወሓት መን ኣቦ ወንበር ኮይኑ ተመሪፁ? ንስኻ ኸ መዓዝ ኢኻ ኣቦመንበር እቲ ውድብ ኮይንካ? ብድሕሪኡ ኸ ንመን ስልጣን ኣቦወንበርነት ኣረኪብካ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት፦** ማገብት(ማሕበር ገስገስቲ

☞



ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ብሄረ ትግራይ) መጀመርያ ቃልሲ ክጅመር እንከሎ ኣብ ከተማ ትሽዓተ ማእኸላይ ኮሚቴ መሪዖም። ድሕሪ እዚ ገሊኦም ኤርትራ ኸይዶም ክዕለሙ መደብ ሒዞም። ገሊኦም ድማ ናብ ቆላ ኣድያቦ ክወርዱ ተሰማሚዖም። ከምኒ ስሑል፣በሪሁ፣፣ ግደይን ኣባይ ፀሃየን ናብ ኣድያቦ ከይዶም ነይሮም። ንኤርትራ ዝኸዱ ድማ ስዩም መስፍን፣ ኣግኣዚ፣ ስየ ነይሮም። ኣነ(ስብሓት) ድማ ሓደ ዓመት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስራሕ ተባሂለ። ኣልኣሚን ከዓ ናብ ደቡብ ኢትዮጵያ ክሰርሕ ተመዲቡ። ንዓይ ድማ ነተን 17 ውድባት ከፅንዕ መደብ ተዋሂቡኒ። ነቶም ሓደ ሓደ ድማ ኣብ ትግራይ ቃልሲ ይጅምር ከምዘሎ ክነግሮምን ኣብኡ እናሃለኹ እውን ኣብ ደርግ ኣባላት ንዝነበሩ ወገናት ስርዒት ክሰርዕን ስራሕ ተዋሂበ። ይኹን እምበር ሓደ ዓመት ዝኸውን ኣይሰራሕኩን። ሸዱሽተ ወርሒ ምስ ሰራሕኩ እቲ ዝሰርሖ ዝነበርኩ ከይቃላዕ ስግኣት ስለዝሓደረኒ ናብ ሜዳ ወሪደ። እንተኾነ እኒ ስዩም ኣነ ኣብ ሓፂር ግዘ ናብ በረኻ ምምፃእና ኣይፈተዎን። ኣባላት ማግብት እውን ኣይተሓጎሱን። ብድሕሪኡ “በልሞ እቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ ስራሕ ኣብ ማይጨው ኮይንካ ስርሓዮ” ኢሎምኒ። ኣመፃፅኣይ ግና ናብ ደደቢት ንምኻድ እዩ ነይሩ። ስዩም ኣቋሪፅዎ ዝነበረ ቃልሲ ክቕፅል ናብ ኤርትራ ምስ ኸደ ኣነ(ስብሓት) ንማይጨው ምኻድ ገዲፈ ናብ ደደቢት ከይደ። ናብ ደደቢት ምስከድኩ በሪሁ ኣረጋዊ “ስብሓት” ዝብል ሽም ሂቡኒ። ስብሓት ማለት ወዲ ደጃዝማት ዉነህ እዩ። ትዉልዶም እንተጮ እንተኾን ንጥላሁን ይግዛው ከድሕን እንትንቀሳቐስ ብስርዓት ሃይለስላሴ ዝተቐተለ እዩ። በዚ ቅፅል ሽም እዚ ናብ ናይ ሜዳ ቃልሲ ምስ ኣተኹ ኣልኣሚን እውን ናብ ደደቢት ስዒቡኒ መፂኡ። ናብ ደደቢት ምስ ከድኩ ማገብት ዝመረፆም ትሽዓተ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣቦ ወንበሮም ድማ በሪሁ ኣረጋዊ እዩ ነይሩ። ቀፂሉ ብድሕሪ እቲ ኣብ ደደቢት ዝተጀመረ ቃልሲ ብ 1968 ዓ/ም ኣብ ዲማ ማርዋ መስራቲ ጉባኤ ተኻይዱ። ኣብኡ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ኮይነ ተመሪፀ። ኣብ 1975 ዓ/ም ድማ ናይ ህልዉና ጉባኤ እንትነካይድ ኣቦ መንበር ተመሪፀ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ 1977 ዓ/ም ጉባኤ ውድብ እንትካየድ ክወርድ ደልየ እንተነበርኩኣ ክትቃለስ ኣለካ ዝብል ናይ ኣባላት ድፍኢት ስለዝነበረ ቀፂለ። ኣብ ኣቼራ ድማ ንካልኣይ ግዘ ኣቦመንበር ውድብ ገይሮም መሪፆምኒ።

ናብ መዋፈሪ ማእኸል ሃገረሰላም ምስቀየርና ንመለስ ዜናዊ ኣቦመንበር ክኸዉን ክምረፅ ከምዝኸእል ኣባላት ይዘራረቡሉ ከምዝነበሩ ይዝክር። መለስ ግና ኣቦ ወንበር ክኸውን ድልየት ኣይነበሮን። ይኹን እምበር ኣነ ካብ ኣቦ ወንበር ውድብ ህወሓት እንትወርድ መለስ ዜናዊ ኣቦ ወንበር ዉድብ ህወሓት ኮይኑ ብማእኸላይ ኮሚቴ ስለተመረፀ ናይ ዉድብ ኣቦ ወንበርነት ተረኪቡኒ።ኣብ ጎኒ ዉድብካ ኮይንካ ክትሕግዝን ክትቃለስን ኣለካ ስለዝተብሃልኩ ድማ ኣብ ጎኒ መለስን ካልኦት ብፆተይን ኮይነ ንዉድበይ ከገልግል ክኢለ እየ።

***ወይን:-*** *ውድብ ህወሓት ኣብ ሕሉፍ 50 ናይ ቃልሲ ዓመታት ብርክት ዝበሉ ፈተናታት ኣብ ውሽጡ ከምዘጋጠምዎ ይዝከር እዩ። እንተኾነ እቶም ፈተናታት በብግዚኡ ይለዓሉን ይስገሩን ነይሮም። እቶም ፈተናታት መዓዝ? ኣበይን ንምንታይን እዮም ኣጋጢሞም ንምንታይ ከ ይደጋገሙ ነይሮም?*

**ተጋዳላይ ስብሓት:-** ካብ 1969 ክሳብ 1971 ዓ/ም ዝነበሩ ዓመታት ንውድብና ናይ ፀልማት ግዘ እዩ ነይሩ። ካብ 1969 ዓም ክሳብ 1971 ዓ/ም ኩሎም ዉድባት ኣብ ልዕሊ ህወሓት ፅልኣት ዘሕደሩሉ ፤ኣውራጃውነት ብሰፊሑ ዝተልዓለሉ፤ ኢድዩ ኣዐርዩ ዝጠንከረሉ፤ “ውድብ ክትህልው ድያ ኣይትህልውን” ዝብል ስግኣት ዝተፈጠረሉ እዋን እዩ ነይሩ። ኩሎም ውድባት ዘሎን ዘየሎን ዓቕሞም ጠርኒፎም ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ንተሓህት( ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ)ንምጥፋእ ተረባሪቦም። ‘እምበርከ እታ ዉድብ ክትቅፅል ድያ?’ ዝተብሃለሉ ግዘ እዩ። ናይ ህዝቢ ድጋፍ ግና ካብ መጠን ንላዕሊ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ሓያል እዩ። “ እዚ ግበሩ እዚ ኣይትግበሩ” ይብለና ነይሩ። ኣብ ሓፂር ግዘ እቲ ቃልሲ ክዕወት ኣታዓጣጥቓና እውን እዩ ዝከታተል ዝነበረ። ህዝቢ ትግራይ ባይቶ ምትካል ኣብ ዝጀመረሉ ጐና ጐኒ መሬት ምምቃል እዉን ይካየድ ነይሩ። ሽዑ ውድብ ኣብ ባዶ ሰለስተ ግልጋሎት ሕክምና ምሃብ ተጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ባዶ ዓሰርተ ሓደ ውን ትምህርቲ ቀቁሩብ ተጀሚሩ። እቲ ህዝቢ እውን ኩሉ ኩነታት ተረዲእዎ ናብ ቃልሲ እናኣተወ ‘ድፈሩ! ቀልጥፉ!’ ዝብል ሓቦ የስንቐና ነይሩ። ቅቡልነት ህዝቢ እናዓዘዘ ኣብ ዝመፅኣሉ ግዘ ኣብ ማይ ኣባይ ናይ ህልዉና ጉባኤ ተኻይዱ። ኮይኑ ግና ኣብቲ እዋን ከቢድ ጭንቂ እዩ ተሓሊፉ።

እቲ ዋና ፈተና ኣብ ውድብ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኣዉራጃውነት እዩ። ኣብ ገለ ገለ ሰባት ዝነበረ ሓደገኛ ኣረኣእያ ነቲ ውድብ ብኣውራጃውነት ከፋፊልካ ውድብ ኣፍሪሰኻ ነናብ ገዛካ ምኻድ እያ ነይራ እታ ድልየት። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ኩሎም ዝበሃሉ ፀገማት ኢኮኖሚ ፣ ርክብ ምስ ፖለቲካዊ ውድባት ፣ ምብልሻው ኣባላት ካብ 1969 ዓ/ም ክሳብ 1971 ዓ/ም ንውድብና ሓደጋ ኮይኖምዎ። ዝነበሮም ኣማራፂ እንተኾይኑሎም ንውድብ ብኣውራጃውነት ከፋፊልካን ኣፍሪስካን እምበር ህዝቢ ከምዘይቕበሎም ይፍለጥ እዩ። እቶም ሰባት ውን ውድብ ኣፍሪሶም እምበር ውድብ እናሃለወት ከይዶም ናብ ከባቢኦም ብሰላም ከምዘይነብሩ ይርድኡ እዮም ነይሮም። ህዝቢ ስለ ዝኣመንናን ህዝቢ ስለዘይተቐበሎምን ግና ተሰጊሩ።

እቲ ካልእ ንውድብ ዘጋጠማ ፈተና ብ1977 ዓ/ም ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ እዩ። በሪሁ ኣረጋውን ግደይ ዘርኣፅዮንን ኣብ ፖለቲካውን ወታሃደራውን ስራሕቲ ንዝነበሩ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ፣ ሳሞራ የኑስ፣ ስየ ኣብርሃን ካልኦትን “ይሕንፍሹና ኣለው፤ ኣይእዘዙናን” ዝብል ስምዒት ነይርዎም። ብፍላይ በሪሁ ወይ ኣረጋዊ ውልቃውነት ነይርዎ። ነቶም ዝጠቀምኩዎም ሰባት ንእሰሮም ኢሉ ረቢሹኒ ኣነ ግን ኣይኾንን ኢለ ኣብየዮ። ምክትለይ ዝነበረ ግደይ ዘርኣፅዮን እውን ምስ በሪሁ ወጊኑ ስለዝነበረ ክኣምኖ ኣይከኣልኩን። ግደይ “ሃፍታም ሓረስታይ ስትራተጂክ ፀላኢና እዩ” ይብል ነይሩ። ደሓር በዚ ምስተፈላለና በሪሁ ንሱዳን ከይዱ። ግደይ እውን ‘ካልእ ውድብ ክምስርት እየ’ ኢሉ ካብቲ ውድብ ተሰናቢቱ። ድሕሪ እዚ ቅርሺ፣ ዓጀብትን መኪናን ተዋሂቡ ናብ ሽራሮ ከይዱ ውድብ ክምስርት ፈቲኑ። ዕዳጋ ዓርብን ሳምረን እውን ከይዱ። ይኹን እምበር ህዝቢ ካብ ውድብ ወፃኢ ንኻልእ ከምዘይቕበል ምስ ፈለጠ ግደይ እውን ናብ ደገ ኸይዱ።

እቲ ኻልእ ንህወሓት ዘጋጠሞ ፈተና ናይ 1993 ዓ/ም እዩ። እኒ ተጋዳላይ ስየ ኣብርሃ፣ ኣለምሰገድ ገ/ ኣምላኽ ፣ ገብሩ ኣስራት ፣ ቢተው በላይ፣ ሓሰን ሹፋን ካልኦትን ዓሰርተ ሸዉዓተ ኮይኖም ከይዶም። እቲ ጠንቂ ናይ ኤርትራ ኲናት ምስ ሰዓርና ዝመፀ ፈተና እንትኾን እቲ ምኽንያት “ተምበርኻኽነት” ዝብል እዩ። ተምበርኻኽነት ማለት ንኤርትራ ዘይተቖፃፀርናያ ስለዝበሉ እዩ። እዚኦም ቅድሚ እቲ ኲናት ክራይ ኣካብነት እውን ነይርዎም እዩ። ድሕሪ እታ ኲናት ድማ እታ ስልጣን ደልዮምዋ። ተፀበይቲ ስልጣን ኮይኖም። ብምኽንያት እዚኦም ዝፈጠርዎ ፀገም ንወርሒ መመላእታ ምይይጥ ተኻይዱ። ካብቲ ዝነበረ ሰላሳ ማእኸላይ ኮሚቴ ዓሰርተ ሓሙሽተ ብዓሰርተ ሓሙሽተ ተመቓቒሎ። ውድብ ፈሪሳ ተባሂሉ። ደሓር ናብ መቐለ ተመፂኡ ካድረ ተኣኪቡ። ጉባኤ ዝበለ ይበለና ክንቕበላ ኢና ክንኣትው ኢና ተባሂሉ። ህወሓት “ኣብ መቐለ ተኣኪቡ ኣብ ዝቕፅል ጉባኤ ይወሰን” ኢሉ። ኢህወደግ ውን ነቶም ሓደ ወገን ኣይቕበሎምን ኢሉ። ድሕሪ እዚ ህወሓት ብመተሓዳደሪ ደምበይ ነዚ እየ ወሲነ ክብል ቅዋሙ ኣፍሊጡ። እቶም ካብ ህወሓት ዝወፁ ከም ኣጋጣሚ ሰለስተ ሻዕ ኣኼባ ረጊፆም ዝወፁ እዮም። ኣብ ማእኸላይ ኮሚቴ እቶም ክልተ ስለዘይነበሩ ዓሰርተ ሓሙሽተ ብዓሰርተ ሰለስተ ስለዝስዓርናዮም ኣኼባ ረጊፆም ወፂኦም። ኣብ መቐለ ኣኼባ ናይ ካድረ እውን ረጊፆም ወፂኦም። ኣብ ናይ ኢህወደግ ኣኼባ እውን ተቐበሉና ኢልና ምስኸድና ኣብኡ ውን ንሳልሳይ ግዘ ረጊፆም ከይዶም። ድሓር በቲ ሓሳብና ዝተስማዕምዑ ተጋዳላይ ሓሰን ሹፋ፣ ሙሉጌታ ገብረሂወት (ጫልቱ)ን ፣ ቢተው በላይን መፂኦም። ቀፂሉ ድማ ኣባይ ፀሃየ መፂኡ።በዚ ድማ እቲ ክፈርስ እዩ ዝተብሃለ ውድብ ተኣኻኺብና ኣድሒናዮ። ስለዚ ውድብ ህወሓት በቢምዕራፉ ከበድቲ ዝበሃሉ ግና ዝስገሩ ፈተናታት ኣጋጢሙዎ እዩ።



***ወይን:-*** *ሓደ ተደጋጊሙ ዝስማዕ ነገር ኣሎ። ብ1977 ዓ/ም ከባቢ ኣረጋዊ በርሀ ንተጋዳላይ መለስ ዜናውን ካልኦት ተጋደልትን ኣይእዘዙንን ብዝብል ምኽንያት ክቕተሉ ኣለዎም ዝብል ደብዳበ ፂሒፉልካ ምንባሩን ነቲ ዝተፃሕፈ ደብዳበ ዓቂብካ ብውሕሉል መንገዲ ነቲ ፀገም ከምዝኣለኻዮን ይስማዕ። እዚ ክሳብ ክንደይ ሓቂ እዩ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት:-** ብ1977 ዓ/ም ኣረጋዊ በርሀ “ኣይእዘዙንን” ንዝበሎም ወታሃደራዊ መራሕቲ ከም እኒ ተጋዳላይ ሓየሎም ኣርኣያ፣ ሳሞራ የኑስ፣ መንጁር (ተካ ፍትዊ)ን ካልኦትን ካብ ፖለቲካዊ መራሕቲ ድማ ከም ተጋዳላይመለስ ዜናዊ፣ ኣለምሰገድ ገብረኣምላኽ፣ ጃማይካን ካልኦትን ስጉምቲ ንክውሰደሎም ይዛረበኒ። እቲ ዋና ምኽንያቱ ድማ እኒ መለስ ዜናዊ ማገብት ዝነበሩን ዘይነበሩን ንኣረጋዊ በርሀ ብፖለቲካዊ ፍልጠት እናበለፅዎ ምስ ከዱ ዝፈጠረሉ ስግኣት ምኺኑ ኣነ ተረዲኡኒ እዩ። ድሓር እዞም ስሞም ዝተፀርሑ ተጋደልቲ “ንዓኻ፣ ንኣባይ ፀሃየ፣ ንግደይ ዘርኣፅዮንን ንዓይን ኣይእዘዙናን ዘለው። ስለዚ ክንቀፅዮም ኣለና። ክቕተሉ ኣለዎም።” ይብለኒ ኣረጋዊ በርሀ። በብግዚኡ ድማ “መምርሒ ይጥሕሱ ስለዘለው ስጉምቲ ንውሰደሎም” ዝብል ተደጋጋሚ ዘረባ ይዛረበኒ። ምክትለይ ዝነበረ ግደይ ዘርኣፅዮን እውን “ንምንታይ ዘይትቕበሎ ንበሪሁ? ቅድም ኢልካ ንቑሕ ነይርካ ሐዚ ግን ክትነቅሕ ኣይከኣልካን” ዝብሉ ዘረባታት እናተዛረቡ እቲ ስጉምቲ ንኽውሰድ ሓያል ድፍኢት ይገብሩ ነይሮም። ምሸት፣ ምሸት ኣብ ጥቓና ናብ ዝርከብ ጎቦ እናደየብና ምስ በሪሁ ንማኸር ነይርና። ሓደ ሻዕ ምስ በሪሁ እናዋጋዕና “ስማዕንዶ በሪሁ ንብፆትና ንምንታይ ንቕትል? እስኪ ዘክሮም ብሓባር ዘሕለፍናዮም ዓወታት እቲ ውድብ? ኣብ ዓድና እናሃለና ኸ ናብዚ ክንበፅሕ ኢልና ሓሲብና ንፈልጥ ዶ? ኩሉ ንዘክር እስኪ” ኢለ ይመኽሮ።

ድሓር ኣረጋዊ “ሓቅኻ ኢካ ኣሚነካ እየ። ይቕሬታ ግበረለይ “ ኢሉኒ በዚ ሓሳብ ተፈላሊና። ንፅባሒትኡ ንጉሆ እንታይ ሓሲቡ ከምዝሓደረ ኣይፈለጥኩን ሓዱሽ ሓበሬታ እንተሃልዩ ኣብ ዝሓተትኩሉ እዋን “ኣነ ድሕሪ ሐዚ ኣይከታተሎምን። ሓንቲ ናይ ሬድዮ መልእኽቲ ክሰምዕ ኣይደልን። ኩሎም ክቕተሉ እዩ ዘለዎም “ይብለኒ። ድሕሪ እዚ “ቅዋምካ እዚ እንተኾይኑ ሓሳብካ ፅሒፍካ ሃበኒ” ኢለዮ። ኣረጋዊ ድማ ንተጋዳላይ መለስ ሓዊሱ ክቕተሉ ኣለዎም ዝበሎም ወታደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ፅሒፉ ሂቡኒ። እዚ እንትኾን እታ ኣረጋዊ በርሀ ዝሃበኒ ፅሕፍቲ ንሓደ ዓመት ዝኣክል እንተየጥፋእኹዋ ኣብ ጁባይ ሒዘያ ፀኒሐ ኣለኹ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ምስ ምስረታ ማሌሊት ተኣሳሲሩ ኣኼባ ኣብ ዝገበርናሉ እዋን ባዕሉ ኣረጋዊ ጥፍኣት ንዘለዎም መራሕቲ ስጉምቲ ክወስድ ኣይከኣለን ኢሉ ክሲ ኣቕሪቡለይ። ኣነ ድማ ነቲ ተኣካባይ “በሉ ኣረጋዊ በርሀን ግደይ ዘርኣፅዮንን ወታሃደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ንኽቕተሉ ኣዚዞም ነይሮም እዮም። ኣነ ግና ንብፆትና ክንእርም እምበር ክንቕትል ትኽክል ኣይኮነን “ ኢለ ሓሳብ

☞

ኣቕሪበ። ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ድማ እታ ኣረጋዊ በርሀ "ይቀተሉ " ኢሉ ዝፀሓፉ ደብዳበ ማእኸላይ ኮሚቴ ምስ ተኣከብና ተነቢባ። ናሃቱ ኢድ ፅሕፍቲ ምዃና ምስ ተረጋገፀ ድማ ክልቲኦም ካብ ኣመራርሓ ክወርዱን ካብ ውድብ ውን ክባረሩን ተወሲኑ። እታ "ይቀተሉ" ኢሉ ዝፀሓፉ ደብዳበ ዝጠፈኣትኒ ስለዝመሰሎ ኣረጋዊ በርሀ ብጣዕሚ ደንጊፁ። ንስየ ኣብርሃ ግን ብዘይ ፍቓድ ክቕትሎ ደልዩ ነይሩ። እቶም ማእኸላይ ኮሚቴ ዘይተፀበይዎ ስለዝነበረ ካብ ውድብ ይባረር ተባሂሉ ተወሲኑሉ። ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ግና "ምሳይ መድብዎ እሞ ኣነ ክሃንፆ እየ" ኢሉና ነይሩ። ንሕና ድማ ሓደጋ ከይህልዎ ስለዝሰጋእና ምስ ብፃይ መለስ ዜናዊ ከይምደብ ተኸራኺርና። ኣብ መወዳእታ ግና ኩነታት ስለዘይጠዓሞ ኣረጋዊ በርሀ ንሱዳን ሓፍቱ ክርኢ ኢሉ ምስኸደ ብኡ ኣቢሉ ካብ ውድብ ገሊሱ።

***ወይን:-*** *ኣብ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ናይ ቃልስን ዓወትን እዋናት ውድብ ህወሓት ዘይስገሩ ዝመስሉ ፈተናታት እናበድሀ፣ እቶም ፀገማት ድማ ምስ ኣባላቱን ህዝብን ብምምኽካር መፍትሕታት እናቐመጠን ፈተናታት እናሰገረን መፂኡ እዩ። ብውሽጥን ብደገን ፈተናታት ብዘይምቁራፅ ዘጋጥሙዎ ዘለው ውድብ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ ትብል? ፈተናታት ናይ ምስጋር ተኽእልሉ ኸ ምሽጥሩ እንታይ እዩ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት:-** ውድብ ህወሓት ንሓምሳ ናይ ቃልሲ ዓመታት ፈተና ዝበዝሐሉ ቑንዲ ምኽንያት ኣብ ዝስርሑ ዝነበሩ ስራሕቲ ዕግበት ብምንባሩ እዩ። ህወሓት ድሕሪ ዕጥቃዊ ቓልሲ ድሕሪ ደጊም ቃልሲ ተወዲኡ እዩ ዝመፅእ ነገር ኣይህሉን ዝብል ዕግበት እናርኣየ ምምፅኡ ንፈተናታት ክሳጣሕ ገይርዎ እዩ። እንተዓጊብካ ድማ ንቐፃሊ ዝመፅእ ፈተና ኣይረኣየካን። ኣብ ውሽጥና ብንሰርሖ ነገር ብቐሊሉ ምዕጋብ ብናይ ደገ ፀላእቲ ድማ ዝተሰሓሓተ ርድኢት ምህላውን ንውድብ ህወሓት ፈተናታት ኮይኑ እዩ። ብቐንዱ ሽግር እቲ ናይ ውሽጥና ኮይኑ እቶም ናይ ደገ መጋደድቲ እዮም ነይሮም። ካብኡ ሓሊፉ ምስ ዕግበት ተዛሚዱ ክርእ ዝኽእል ብፍላይ ምዕራባውያን "ኮሚኒስት እዮም። ፀጋም እዮም።" ይብሉና ነይሮም። ነዚ ድማ ንሕና "ከምቲ ትብሉና ኣይኮናን ፧ኢልና ክነረድኦምን "ምሳኹም ሓበራዊ ድልየት ኣለና" ክንብሎምን ኣይከኣልናን። ስለዚ እቲ መንቀልን እቲ መጋደድን ሽለል እናተብሃለ ስለዝመፀ ፈተናታት ክደራርቡና ምኽንያት ኮይኑ እዩ። እዚ ግና ድኽመት እምበር ክሕደት ኣይኮነን። ኣብ ውድብ ህወሓት ድኽመት እምበር ካብ መስመር ፈተኽ ምባል የለን። ድኽመት ግና ውሽጣዊ ፀገማት ቐልጢፍካ ዘይምርዳእ ናይ ደገ ፀገማት እውን ዘይምርኣይ እዮም ህወሓት በብግዚኡ ፈተናታት ክገጥምዎ ዝኸኣሉ። በለፀኛ ሓይሊ ድማ ነዚኣን እናረኣየ እዩ ዝኸይድ።

ኮይኑ ግና ኣብ ውድብ ህወሓት ፈተናታት እንተጋጥም ምድንጋፅ፣ ምፍራሕን ምንብርካኽን ዝበሃል የለን። ንምንታይ እዩ ምፍራሕን ምንብርካኽን ዘየለ እንተይልና ውድብ ህወሓት ካብ ህዝቢ ኣይርሕቕን። ህዝቢ ዋላ ኽፉእዎ እንተነበረ መፃኢት ትግራይ እዩ ዘማዕዱ ነይሩ። ምምሕዳሩ ባዕሉ የመሓድር። ውድብ እውን ፈተናታት እንተጋጥሞ ናብቲ በዓል ዋና ዝኾነ ህዝብን ኣባሉን ወሪዱ እዩ ዝማኽርን ዝላዘብን። ኣብ ውሽጡ እውን ብዘይቶም ዝኸድዑ እቶም ካልኦት ሰጢሞም ይዓስሉ፤ ካብቲ ህዝቢ ድማ ኣይፍለዮን። ንቲ በዓል ዋና ዝኾነ ህዝቢ ኣለዓዒሎም ኣንቂሖም ይኸዱ። በዚ ምኽንያት ፀላኢ እቲ ዝሓሰቦ ኣዐዊቱ ኣይፈልጥን። ካብ ምሕሳብን ምፍታንን ግና ዓዲ ውዒሉ ኣይፈልጥን። ፀላኢ ዝሓሰቦ ኣየዐውትን ማለት ግና ኣየኽስርን፤ ግዘ ኣየጥፍእን ማለት ኣይኮነን። ክተፍርዮ ዝነበርካ ይዓግተካ እዩ። ክሳራ የምፅእ እዩ። ውግንና ህዝቢ እንተዘይሃልዩ ግና የኽስር እምበር ዓወት ኣየምፅእን። ህዝቢ ሒዝካ ግን ዘይውፃእ መዓት የለን። ስለዚ ውድብ

እቲ ሐዚ ኣብ ህወሓት ኣጋጢሙ ዘሎ ፈተናን እቶም ቅድሚ ሐዚ ዘጋጠሙን ብባህሪኦም ይፈላለዩ እዮም። ዝተፈፀሙ ነገራት እንተርኢና በዝሖምን ክብደቶምን ተኣምር እዩ። ክግበር ዘይግበኦ ይገብር እንተይኮነስ ክግበር ዝግበኦ እውን ይገድፍ ነይሩ። እቲ ናይ ሐዚ ክግበር ዘይግበኦ ዝገብር ጀኖሳይድ ዝፈፀሙ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚኢቲ ገበነኛታት ከምልጡ ዝገበረ እዩ። ከምቶም ዝሓለፉ ተራ ወንበር ዝደሊ ጥራሕ ኣይኮነን። ብሕገ መንግስቲ መሰረት ክፍፀም ዝግበኦ እናሃለወ "ካውንስል" ይብል። ኣብያተ ምኽሪ ጣብያን ወረዳን እናፍረስካ እዩ ካውንስል ክጣየሽ ዝድለ ዘሎ። ካብዚ ንላዕሊ ንህዝቢ ክሕደት የለን።

ፈተናታት እንተጋጥማ ሳላ ፅኑዕ ቃልሲ ህዝቢ እያ በዲሃቶም እትወፅእ።

***ወይን:-*** *ውድብ ህወሓት ብመንፅር ተመኩሮ ካልኦት ሃገራት ንፍርቂ ክፍለዘመን ክብርታቱን እምነታቱን ዓቂቡ ዝፀንሐ ውድብ እዩ። ብመንፅር እዚ ኣብቶም 50 ናይ ቃልሲ ዓመታት ዝተጠረዩ ክብርታት ከመይ ተዓቂቦም?*

ተጋዳላይ ስብሓት :- ካብቶም ክብርታት ህወሓት ሓደ ህዝባውነት እዩ። ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ነገራትን ተምሃራይ ውድብ እዩ። ህወሓት ፀገማት እንተጋጥሙ ዝፈትሐሉ መንገዲ እውን ፍሉጥ እዩ። ፀገም ኣብ ውሽጡ እንተጋጥሞ 'ዝኸኣለ ይጉየ፣ ዘይከኣለ ይሳለ፣ ዝተሸኸለ ይተኣለ' ዝብል ኣካይዳ ይጥቀም ነይሩ። ዘይከኣለ እንተጋጢሙ ወይ እንተተሸኺሉ ዝሓዞ ንብረት ኣቕሚጡ ካብቲ ውድብ ምውፃእ እዩ ዝፅበዮ። እቲ ዘሎ እውን "እንተተጋገኹ ይእረም" ዝብል ፅኑዕ እምነት እዩ ዝወስድ። ኣብ ገዛ ህወሓት ዴሞክራሲ ኩሉ ግዘ ኣሎ። ህወሓት ብተምሃራይነቱ፣ ብህዝባውነቱ፣ ብዴሞክራሲያውነቱ እዩ ዝፍለጥ።

ኢህኣፓ ክልተ ዓመቱ እንተይመልአ እዩ ብሓሳብ ንዝተፈለዮ ስጉምቲ ዝወስድ ዝነበረ። ካልኦት ውድባት እውን ከምኡ። ኣብ ህወሓት ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ኣይነበረን። ዝኾነ ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎ ኣካል እውን ነታ ሓሳቡ ኢኻ ትቃወማ እምበር ስጉምቲ ኣይውሰድን። ኣብ ህወሓት ዝተለመደ ነገር እንተሃለወ ምስ ዝተብኣስካዮ ሰብ ሰላምታ ኣይግደፍን። ሰላምታ ምስ ኩሎም ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎም ኣይቋረፅን። ኣብ ካልኦት ውድባት ከምዚ ዝበለ ባህሊ የለን። ህወሓት ስልጡንን ከኣላይን ውድብ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ህወሓት ዝሕሽከር ውድብ ኣይኮነን። ናይ 1977 ዓም ይኹን ናይ 1993 ዓም ኣፈላላያት እንተርኢኻ ተዓሲቦም ዝፈጠርዎ ኣይኮነን። በቲ ሽዑ ዝነበረ ኣፈላላያት ናይ ውልቆም ስልጣን ድልየት ንምምላእ እምበር ተገዚኦም ኣይኮኑን። ህወሓት ድማ ነዚ ብውነን ኣዐርዩን ይርደኦ።

***ወይን:-*** *ሓደ እዋን "ውድብ ህወሓት ዘጋጠምዎ ኩሎም ዓይነት ፀገማት እናሰገረን እናፈትሐን መፂኡ እዩ። ኾይኑ ግና ፈተናታት ካብ ምፍታሕ ብዝዘለለ ተገማሚዑ ኣይፈልጥን" ኢልካ ኔርካም እዚ እንታይ ማለት እዩ? ቅድም ኢሎም ኣብቲ ውድብ ዘጋጥሙ ዝነበሩ ናይ ሓሳብ ኣፈላላያት ምስቲ ሐዚ ኣብ ውሽጥና ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ እንትነፃፀሩ ብመንፅር ክብደቶም ከመይ ክግለፁ ይኽእሉ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት:-** እቲ ሐዚ ኣብ ህወሓት ኣጋጢሙ ዘሎ ፈተናን እቶም ቅድሚ ሐዚ ዘጋጠሙን ብባህሪኦም ይፈላለዩ እዮም። ዝተፈፀሙ ነገራት እንተርኢና በዝሖምን ክብደቶምን ተኣምር እዩ። ክግበር ዘይግበኦ ይገብር እንተይኮነስ ክግበር ዝግበኦ እውን ይገድፍ ነይሩ። እቲ ናይ ሐዚ ክግበር ዘይግበኦ ዝገብር ጀኖሳይድ ዝፈፀሙ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚኢቲ ገበነኛታት ከምልጡ ዝገበረ እዩ። ከምቶም ዝሓለፉ ተራ ወንበር ዝደሊ ጥራሕ ኣይኮነን። ብሕገ መንግስቲ መሰረት ክፍፀም ዝግበኦ እናሃለወ "ካውንስል" ይብል። ኣብያተ ምኽሪ ጣብያን ወረዳን እናፍረስካ እዩ ካውንስል ክጣየሽ ዝድለ ዘሎ። ካብዚ ንላዕሊ ንህዝቢ ክሕደት የለን። ብጋህዲ፣ ብኣዋጅ ኣብይ እውን ሕገ መንግስቲ ጥሒስ ኣይበለን። ብተግባር እዩ ዝፍፅሞ።

ሐዚ እቲ ዝድለ ዘሎ ህወሓት ናብ ውድብ ብልፅግና ንምቕያር ጥራሕ ኣይኮነን ዝስራሕ ዘሎ። ብሄረ ትግራይ ከይህሉ ዝድምስስ ሓይሊ እዩ ዘሎ። እቲ ሐዚ ኣብ ትግራይ ገጢሙ ዘሎ ገማማዒ ጥራሕ እንተይኮነስ ታሪኽ፣ እምነትን ባህልን ተጋሩ ዝድምስስ እዩ። ካብ ፀላኢ ንላዕሊ ፀላኢ እዩ ገጢሙና ዘሎ። ንምንታይ እዮም ከምዚ ዝገብሩ ዘለዉ እንተይልና እቲ ዝቕበሉዎ ቅርሺ እዩ ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ። እቲ ቅርሺ በዚሑ እንተይኮነስ ስለዝሃርፍዎ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ከምዚእም ዝኣመሰሉ ከዳዓትን ገማማዕትን ሪኡ ኣይፈልጥን። ደምሰስቲ ብሄረ ትግራይ እዮም ክበሃሉ ዘለዎም። ህዝቢ ምብትታን ጥራሕ ኣይኮነን ዕላምኦም። ህዝቢ ንምድምሳስ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ኣጋጢሙዎ ኣይፈልጥን። እዚ ንህዝቢ ትግራይ መደንገፂ እዩ። ፃድቃን ንህወሓት ከጥፍእ ብ1993 ዓ/ም እዩ ኣባል "ሲኣኤ" ኮይኑ። ኣነ እቲ ሰነድ ረኺበዮ እየ። ኣምባሳደር "ቲቦርናገ" ምክትሉ ዝነበረ እቲ ሰነድ ሂቡኒ እዩ። ደሓር ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ንፃድቃን ኣዘራሪበዮ። ኣባልነት ሲኣይኤ ኣይገድፎን ኢሉኒ። ካልኦቶም ውን ከምኡ እዮም። ከምዚ ዓይነት ፀገም ኣብ ህወሓት ጥራሕ ኣይኮነን ነታ ሃገር እውን ገጢምዋ ኣይፈልጥን።

***ወይን:-*** *ብዋናነት እቲ ሐዚ ውድብ ህወሓት ገጢሙዎ ዘሎ ፈተና ምኽንያቱን ሳዕቤኑን እንታይ እዩ? ውድብ ህወሓት ነቲ ሐዚ ገጢሙዎ ዘሎ ሕልኽላኽ ፈተና ኸመይ ክፈትሖ ኣለዎ ትብል? እቲ መዋፅኦ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት:-** ኣብ ውሽጢ ፈተናታት እንተጋጥሙ ከመይ ይፍታሕ ዝብል ማገብት(ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ) ተሓህት (ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ)ን ህወሓትን ይፈልጥዎ ነይሮም። እታ ዋና መፍትሒት ፀገም ካብ ህዝብኻ ዘይምፍላይ እያ። ህዝቢ ትግራይ ዘለዎ ትፅቢት መፃኢት ትግራይ እውን ምስትውዓል የድሊ። ሐዚ እውን ናይ 1971 ዓም ናይ ማይ ኣባይ ውሳነታት ምውሳን ከድሊ እዩ። ማለት እውን ሓሙሽተ 'ም' ተቐሚጠን ነይረን። ህዝቢ ምንቃሕ፣ ምውዳብ፣ ምዕጣቕ፣ ምውፋርን ምግምጋምን እየን። ናይ ማይ ኣባይ ሓሙሽቲኤን ዉሳነታት ሐዚ ክምለሳ ኣለወን። ምስቲ ሐዚ ዘሎ ኩነታት ተዛሚዱ ሰገንን ብርኪ ሰገንን እንከይተረፈ ክነቅሕ ኣለዎ።

ካብኡ ሓሊፉ ህወሓት በይኑ እዩ ነቲ ፊውዳል ስርዓት ኣውዲቑዎ። ክኸውን ዝነበሮ ኣብ ዓለም ንመስፍን ዝድርብይ ብርኸዋ እዩ። ናይ ኢትዮጵያ ግን ፋሉይ እዩ። እቲ ሰራሕተኛ እዩ ኣውዲቑዎ። ፖለቲካ ብዘይ መደብ ክኸውን ኣይኽእልን። ስለዚ ጥንኩርን ዝተወደበን ውዳበ ክህሉ ኣለዎ። ውድብ ናይ ስርዓት ዓምዲ እዩ። እቲ ምሁር ወይ ናብቲ ተወዲቡ ዘሎ ህወሓት ክኣትው ነይርዎ፤ ወይ ድማ ነቲ ጎዲሉ ዘሎ ክውድብ እዩ ዝግባእ። ሐዚ ዘለው ውድባት ናይ ወረዳ ኣስመላሽ ኮሚቴ ዝነበሩ እዮም፤ ወይ ድማ ብሽም ብሄር ዝተወደቡ እዮም። ፖለቲካዊ ውዳበታት ኣይኮኑን። መደብ መሰረት ዘይገበሩ ውድባት እዮም። በዓል ሃፍቲ ተበግሶ ወሲዱ ምስ ህዝቢ ትግራይ ክሰርሕን ክውደብን ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ኣሜሪካ ዴሞክራቲክን ሪፐብሊካንን ኣለው። ዴሞክራቲክ ናይ ታሕተዎት እዩ። ሪፐብሊካን ናይ ሃፋትም እዩ። እንግሊዝ እንተርኢናዮ ሌበርን ኮንሰርቫቲቭን ዝበሃሉ ኣለው። ጀርመን እንተርኢና ሶሻል ዲሞክራቲክን ክርስቲያን ዲሞክራቲክን ዝበሃሉ ኣለው። ኣብ ትግራይን ኢትዮጵያን ድማ ብዙሓት ውድባት ኣለዋ። ልክዕ ከምዚኣን ኣብ ትግራይ እዉን ካልኣይ ውድብ ክፍጠር ኣለዎ። እቲ ዘሎ ውድብ እውን ክጠናኸር ኣለዎ። ድኽመት ሓደ ውድብ እናጋነንካ መፍትሒ ምምፃእ ኣይከኣልን። ህዝቢ ትግራይ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ክስለፍ ኣለዎ። ከይተሰለፍካ ዝመፅእ ለውጢ የለን። ክንውደብ ኣለና። ውድብ እውን ብቑልጡፍ ፀርያ ክትከይድ ኣለዋ።

እቲ ካልእ መዋፅኦ ዝብሎ እንተሃለወ ስርዓት ፌደራሊዝም ንዓለም ዘደነቐ ስርዓት እዩ። ናይ ክንደይ ዓመት ቃልሲ ውፅኢት እውን እዩ። እታ ዝነበረት ኢትዮጵያ ንፈልጣ ኢና። "ኩሉኹም ኣምሓርኛ ተዛረቡ" እያ ትብል ነይራ። ኢትዮጵያ ማለት ኣምሓራ ማለት እያ ነይራ። እቲ ቃልሲ ዘምፀኦ ሕገ መንግስቲ ከ እንታይ ይብል? 'ንሕና ብሄራትን ብሄረሰባትን ኢትዮጵያ' ይብል። ንብሄራት ኣፍልጦ ሂቡ እዩ ማለተይ እየ። ንሕና ብቛንቛ ትግርኛ ምምሃር ኣየርከብናሉን። ሐዚ ግን ብዕሊ ትግርኛ ቛንቛ ናይ ስራሕ ቛንቛ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ሕገ መንግስቲ ይመለስ። እታ ብደም ኢትዮጵያውያን ዝተሃነፀት ሓዳሽ ኢትዮጵያ ትመለስ። ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም እቲ ዘደንቕ ሕገ መንግስቲ ብምዃኑ ክኽበርን ክምለስን ክንፅዕር ኣለና።

ብተዛማዲ ክንርደኦ ዘለና ህዝቢ ፀላኢ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ተጨቑይኖም ዝነበሩ እዮም። ንሶም ዘቖምዎ መንግስቲ ኣይነበረን። ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ስለዚ ምስ ፀላኢ ዘይምስላፍ የድሊ። ህዝቢ ኦሮሞ ይኹን ህዝቢ ኣምሓራ ግና ፀላኢና ኣይኮነን። ምስ ህዝብታት ምስላፍ ማለት ምስ ፀላኢ ምስላፍ ማለት ኣይኮነን። እቶም ካልኦት ህዝብታት እዉን ሓግዙና እዮም ዝብሉ ዘለዉ። ስለዚ ኩሉ ህዝቢ ፀላኢ ስለዘይኮነ ምስ ካልኦት ህዝብታት ተኣሳሲርካ ምቅላስ የድሊ።

***ወይን:-*** *በዚ ኣጋጣሚ ንመሪሕነት ውድብ፣ ንመላእ ኣባላት ህወሓት ከምኡ እውን ንመላእ ህዝቢ ትግራይ እተመሓላልፎ መልእኽቲ እንተሃልዩ?*

**ተጋዳላይ ስብሓት:-** "ኩልሻዕ ካብ ህዝብና ከይንፍለ። ምስ ህዝብና ንሕበር ምስ ህዝብና ንምከር። ህዝብና ዝሓለፎ ስቓይ ኣይነቐፅል።" እየ ዝብል። ድኽመት ናይ ሓደ ውድብ ኣይነግዝፍ። ከይንበታተን ልዑል ጥንቃቐ ንግበር። ዝና ከይትሓልፈና ኢልና ከይንብተን ምውዳብ ከድሊ እዩ። ከምዚ ዝበለ ዕድል ብደምና ዘረጋገፅናዮ ስለዝኾነ ከየምልጠና ንጠንቀቕ። እዚ ንምግባር ህወሓት ወሳናይ ተራ ክፃወት ኣለዎ። ዝተፈላለዩ ሃገራት ብዙሓት እናሃለው ይውደቡ ኣለው። ንሕና እውን ብውሑድና ከይንብተን ንተኣከብ። ኣብዚኣ ህወሓት ተበግሶ ይውሰድ። ህዝቢ እውን ንህወሓት ይስመዓዮ። ህወሓት እውን ትርግታ ልቢ ህዝቢ ትግራይ የዳምፅ።

***ወይን:-*** *ንዘለካ ፀገም ጥዕና ተፃዊርካን ክቡር ግዜኻ ሰዊእኻን መብርሂ ስለዝሃብካና ብስም መንበብትን ዋና ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን የቐንየልና፣ ዕድመን ጥዕናን ድማ ንምነየልካ!*

**ተጋዳላይ ስብሓት :-** ኣነ እውን የቐንየለይ።

## ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ዘይሕጋዊ - ስደት ንለውጢዶስ ንሞት?

ኣብ ትግራይ ቅድሚ ፅንተታዊ ኲናት ምክያዱ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ሃገራት ስዑዲ ዓረብ፣ ሱዳን፣ ግብፂ፣ ሊብያን ካልኦት ሃገራትን ይስደዱ ምንባሮም መፅናዕትታት ይሕብሩ። እዚ ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዝነበረን ዘሎን ልዑል ስእነት ስራሕ ብፍሉይ ኣብ መናእሰይ ዝርኣ ፍልሰት ኮይኑ ስደት ከም ኣማረፂ መፍትሒ ገይርካ ናይ ምውሳድ ዘሎ ጉጉይ ዝንባለ እዩ። እዚ ከዓ እቶም መናእሰይ ኣብ ሓፂር ግዘ ሃፍቲ ንምርካብ ካብ ዘለዎም ድሌታትን ዘይሕጋውያን ደላሎ ዝፈጥርዎ ፅልዋን ይብገስ። በዚ ምኽንያት ቁፅሮም ዘይነዓቑ ተጋሩ መናእሰይ ውሑስና ህይወት ብዘየብሉን ብዘይሕጋዊ መንገድን እንትስደቱ ኣብ ዝሓሰብዎ እንከይበፅሑ ፈቖዶ በረኻታት ሊብያ ግዳይ ሞት፣ ማእሰርቲ፣ ኣካላዊ መጕዳእቲ፣ ፆታዊ ዓመፅን ከቢድ ስነልቦናዊ ሃሰያን ተሳጢሖም እዮም። ገሊኦም ድማ ብሸፋቱን ዘይሕጋውያን መኾብለልትን ተጨውዮም ተኣሲሮም እና ተገረፉን ስቓያት እናበፅሖምን ግዳይ ሞትን ኣካል መጕዳእትን እናኾኑ ይርከቡ።

ከም ትግራይ ካብ 2009 ዓ.ም ክሳብ 2011 ዓ.ም ካብ ዝተገበሩ መፅናዕትታት እንትርአ ብማእኸላይ ልዕሊ 17,600 መናእሰይ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ናብ ስደት ከም ዝኸዱ ካብ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይ ትግራይ ዝተረኸበ ሓበሬታ የመላኽት። ድሕሪ እቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኲናት እውን እንተኾነ እቲ ዘይሕጋዊ ስደት ብዝልዓለ መጠን ዝቐፀለ ኮይኑ ኣብ 2016 ዓ.ም ልዕሊ 32,500፤ ኣብ መፋርቕ 2017 ዓ.ም ድማ ልዕሊ ሽዱሽተ ሽሕ መናእሰይ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ከም ዝተሰደዱ እቲ መረዳእታ ይሕብር። ካብዚ ዝተገለፀ ኣሃዝ እቲ ዝለዓለ ቁፅሪ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝግለፅ ኮይኑ ብዋናነት ካብ ዞባ ምብራቕ፣ ደቡብ፣ ደቡብ ምብራቕ፣ ዞባ ማዕኸልን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ ዝኸዱ እዮም። ቀንዲ መንቀሊኡ ድማ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናትን ስዒቡ ዘጋጠመ ዓብይ ስእነት ስራሕ ፣ ቁጠባዊ ውድቀት፣ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኮታስ ኩነታት ትግራይ ናብ ንቡር ዘይምምላሱን ዝፈጠሮም ኣሉታዊ ፅልዋታት ዝብገስ እዩ።



**ኣይተ ዳዊት ሃይለማርያም**
**ኣብ ቢሮ ቴክኒክ ፣ ሞያ ትምህርትን ስልጠና ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ምውፋር ስራሕ ወፃእ ዓዲ**

ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ዘይሕጋዊ ስደት ንምክልኻልን ስእነት ስራሕ ንምቅላልን ኣብ 2017 ዓ.ም መናእሰይ ብበዝሒ ናብ ስራሕ ንምትእስሳር ኣማራፅታት ንምቕማጥ እናሰርሐ ይርከብ። ኣብ 2017 ከም ትልሚ ንልዕሊ 250 ሽሕ መናእሰይ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ዓሊሙ ዝበዝሓ ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ትግራይ ብዝተፈላለዩ ሞያን ክእለትን ናይ ሓፂርን መደበኛን ስልጠናታት ክህባ ምድላዋት ከገብራ መምሪሒ ኣውሪዱ ነይሩ። ካብኣቶም ብሓፀርቲ ስልጠናታት ዝወሃቡ ዘለዉ ሞያትታት ብ ናይ ገዛ ስራሕ፣ ምሕብሓብን ምክንኻንን ህፃውንትን ዓበይትን ሓደ እዩ። በዚ ድማ ኣብዞም ሽደዱሽተ ኣዋርሕ ከባቢ ክልተ ምኢቲ መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ኣሰልጢነን ኣለዋ። ኣብ 2010 ዓ.ም ከም ሃገር ዝወፀ ዝተመሓየሸ ኣዋጅ 923 ዜጋታት ውሑስን ሕጋውን ብዝኾነ መንገዲ ናብ ወፃእ ዓዲ ከይዶም ብዝተፈላለየ ሞያ ስራሕ ዝሰርሕሉ መንገዲ ፈቒዱ እዩ። ብመሰረት እዚ ምስ መረጋገፂ ብቕዓት ሰርቲፊኬት፣ ፓስፖርት፣ ኣሰር ኣፃብዕቲ (ዓሽራ) ዝተኣሳሰሩ ስራሕቲ ኣብ ትግራይ ወዲኦም ብኦንላይን ምስ ኤጀንሲ ምውፋር ስራሕ ወፃእ ዓዲታት ዝራኸብሉ መስርሕ ተኣታትዩ ኣሎ። በዚ ድማ ነናብ ዝደልይዎ ዓድን ቦታን ከም ስዑዲ ዓረብ፣ ኳታር፣ ሊባኖስ፣ ኩዌትን ካልኦት ዓድታትን ንምኻድ ኤጀንስታት ኣስራሕን ሰራሕተኛን ብሕጋዊ መንገዲ ንምልኣኽ ዓሊሙ እናተንቀሳቐሰ ይርከብ። ብመሰረት እዚ እቲ ቢሮ ምስ ምኒስተር ስራሕን ክእለትን ኢትዮጵያ ይሰርሕ ምህላው ኣብ ቢሮ ቴክኒክ ፣ ሞያ ትምህርትን ስልጠና ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ምውፋር ስራሕ ወፃእ ዓዲ ኣይተ ዳዊት ሃይለማርያም የረድኡ።

ኩነታት ምውፋር ስራሕ ናብ ወፃእ ዓዲ ቅድሚ ኲናት ፅንተት እውን ኣብ ትግራይ ተጀሚሩ ነይሩ እዩ። ናይዚ መቐፀልታ ኣብ 2016 ዓ.ም ልዕሊ ትሽዓተ ምኢቲ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ናብ ወፃእ ዓዲ ተላኢኸን እየን። ነዚ ቀፃሊ ንምግባር እውን ቢሮ ቴክኒክ ፣ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ስትራክቸር ቀሪፁ፣ ሓይሊ ሰብ ወዲቡ ብዋናነት ድማ ን 93 ሓለፍትን መተሓባበርትን ወረዳን ዲን ኮሌጃትን ኦሬንቴሽን ብምሃብ ሕብረተሰብ ናይ ምልዕዓልን ምንቓሕን ስራሕቲ ክስራሕ ገይሩ። በዚ ድማ ቅድሚ ሐዚ የሰልጥና ዝነበራን ሕዚ እውን የሰልጥና ዘለዋን ኮሌጃት ማለት እውን ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ኣክሱም፣ ኮሌጅ ጥላሁን ይግዛው ፣ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጃት መቐለ፣ ማይጨው፣ ኮሌጅ ዓዲ ጉደምን ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅን ውቕሮን ብኣብነት ይጥቀሳ። ምስቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኲናት ተኣሳሲሩ በዝሒ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ብምህላዉ ከም ትግራይ ልዕሊ 14 ሽሕ መናእሰይ ብናይ ወፃእ ዓዲ ስራሕ ንክስልጥኑን ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ወፃእ ዓዲ ስራሕ ክዋፈሩን ትልሚ ተታሒዙ ይሰራሕ ኣሎ።

ብመንፅር ኣፈፃፅማ እንትርአ ምስቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ደሚርካ ክረአ እንተሎ ዛጊድ ልዕሊ ክልተ ሽሕ መናእሰይ እየን ሰልጢነን ዘለዋ። እዚአን ኩሉ ዓይነት ናይ ቅድመ ምድላዋት ስልጠና ወዲአን ናብ

ናብ ገፅ 23 ይዘውር

# መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሕፈሮም

ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሕፈሮም ንመላእ ህዝቢ ትግራይ፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይን ዲያስፖራ ተጋሩን እንቋዕ ንመበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮብልዮ ምስረታ ውድብ ህወሓት ዝኾነት 11 ለካቲት 2017 ዓ/ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና እናበለ ሰናይ ትምኒቱ እንትገልፅ ልዑል ፍናን ይስምዖ።

ወረዳና ወረዳ ኣሕፈሮም ልዕሊ 110 ሽሕ ህዝቢ ዝነብረላ ኮይና ብወረዳታት ዓድዋ፣ ሓሓይለ፣ እምባስነይቲ፣ ብዘት፣ እገላን ኣሕሰኣን እትዋሰንን ልዕሊ ኣርባዕተ ኣማራፂ ፅርግያታት ዘለዉዋን ወረዳ እያ። እዞም መስመር ፅርግያታት ድማ ካብ መበገሲ ወረዳ ቤት ፅሕፈት ንመስመር ዓድዋ፣ እገላ፣ ሓሓይለ፣ እምባስነይቲን ብዘትን ናይ ኣስፓልትን ደረጃኡ ዝሓለወ ፀፀር ፅርግያን ዝወነነት ወረዳ ኮይና ዝተፈላለዩ ሃፍትታት ተፈጥሮ ማለት እውን መዓድናት ወርቂ፣ ንሓፂን ዝኾኑ ክቡራት ኣእማን፣ ንብርጭቆ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሑፃን ዝተዓደለት ወረዳ እያ። ብዓይኒ መስሕብ ቱሪዝም እውን ታሪኻዊ ቦታታት መዝብር ቤተ ሰማእትን ኣዳራሽ ዓዲ ኣሕፈሮምን ከምኡውን ዓበይቲ ቅርስታትን ገዳማትን ኣብ ውሽጣ ዝሓቖፈት እንትትኮን ዝተፈላለዩ ዓይነታትት ምህርቲ ሕርሻ፣ ሃፍቲ እንስሳን ካልኦት ሃፍተ ገነታትን ዝወነነት ምዃና ክንገልፅ ንፎቱ። ንኢንቨስትመንት ሕርሻ፣ ዝተፈላለዩ እንስሳ ንምርባሕን ንምህጣርን ምቹውነት ዘለዎ ፀባይ ኣየርን ኣቀማምጣ መሬትን ዝወነነት እውን እያ። ወረዳ ኣሕፈሮም ክልተ ቤት ማዘጋጃ ዘለወን ዕሸል ከተማታትን ኣርናዕተ ዓበይቲ ዕሸል ከተማታትን ዝሓቖፈት ወረዳ እያ።

ወረዳና፣ ወረዳ ኣሕፈሮም ቅድሚ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ጀኖሳይዳዊ ወራር ኣብ ክልልና ልዑል ዕብየት ካብ ዝነበረን ወረዳታት ሓንቲ እያ። ህዝቢ ወረዳ ኣሕፈሮም ኣብ መኸተ ልዑል ኣስተዋፅኦ እናገበረ ፀኒሑ ጥራሕ ዘይኮነስ ከምህዝቢ ተቓሊሱን ኣቃሊሱን እዚ ሕዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ንምምፃእ ኩሉ ነገሩ ኣወፍዩ እዩ። ስለዝኾነ ሕዚ እውን እንተኾነ ነቲ ገጢሙና ዘሎ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሕልኽላኽ ብዝለዓለ ወነን ሕራነ ፈቲሕና ገፅና ናብ ምርግጋፅ ልምዓትን ምፍታሕ ፀገም ሰናይ ምምሕዳርን ንምግባር ልዑል ምንቅስቓስ እናገበርና ንርከብ። ኣብዚ ከይዲ እዚ እቲ ለባም፣ ደላዪ ሰላምን ልምዓትን ዝኾነ ህዝብና ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድቡ ህወሓት ተሰሊፉ ዝገብሮ ዘሎ ታሪኻዊ ቃልሲ ብወርቂ ቀለም ተፃሒፉ እናተኾለዐ ዝነብር ታሪኻዊ ፍፃመ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ክንገልፅ ንፎቱ። ሕዚ እውን እንተኾነ እቲ ዝገብሮ ዘሎ ኩለመዳያዊ ቃልሲ ኣብ ሸቶኡ ክሳብ ዝበፅሕ ኣበርቲዑ ክቕፅለሉ ንላቦ።

ነቶም ልዕል ክብል ዝገለፅናዮም ኣብ ወረዳና ዝርከቡ ፀጋታትን ኣማራፅታትን ተጠቒምኩም ኣብ ዝተፈላለዩ ዘርፍታት ኢንቨስትመንት ምንቅስቓስ ክትነጥፉ እትደልዩ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዘለኹም ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ዘድሊ ኩሉ ኣዳሊና በርና ከፊትና ንፅበየኩም ከምዘለና በዚ ኣጋጣሚ እንትንሕብረልኩም ዓድኹም እናልማዕኹም ንባዕልኹምን ህዝብኹምን ክትረብሑ ተስፋ ብምግባር እዩ።

ደጊምና እንቋዕ ንመበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዮ ምስረታ ውድብና ህወሓት ዝኾነት 11 ለካቲት ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ንብል።

***ዘለኣለማዊ ክብርን ምጎስን ንሰማእታትና!!***
***ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሕፈሮም***



## በዓል ዋና ታሪኽ ውድብና ሓፋሽ ህዝብና!!

## ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ዳግመ ትኹረት ዝደሊ ዳግመ ሕውየት!



**ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈዮ**
**ምክትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ**

ውድብ ህወሓት ዝመርሖ ልምዓታውን ዴሞክራስያውን መስመር ዓለማውን ከባብያውን ኩነታት ማእኸል ገይሩ ብዘቐመጦም ፖሊስታትን እስትራተጂታትን ኣብ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዝለዓለ ለውጢ ክምዝገብ ክኢሉ እዩ። ቅድሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ኣብ ዝነበሩ ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ሕምብርቲ ፖሊሲ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ምክልኻል ለውጢ ኩነታት ኣየርን ምርግጋፅ ውሕስና ምግብን ዘማእኸለ ነይሩ። ካብዚ ብተወሳኺኣብ ምሕዋይ ብዝሃ ህይወት፣ ሰንሰለታዉ ርክብን ቁጠባዊ ረብሓ ተጠቃምነትን ንምዕባይ ዕላማ ዝገበረ እዩ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ብቐዳምነት ስራሕቲ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ዓለማዊ ጉዳይን ኣጀንዳን ብምዃኑን ኩሎም ሃገራት ኮነ ዓለም ለኻዊ ትካላት ትኹረት ገይሮም ይሰርሕሉኣለዉ።

ካልኣይ ዘለናሉ ከባቢ ምብራቕ ኣፍሪካ ብክልተ መንገዲ ንምልውዋጥ ኩነታት ኣየር (ክሊማ) ተቓላዒ እዩ። ብዋናነት ተቓላዓይ ዝገብሮ 70 ሚኢታዊ መሬት ኣፍሪካ ዝተደረቐን ሕፅረት ጠሊ ዘለዎን ብምዃኑ እዩ። ካብዚ ዝብገስ ሕፅረት ዝናብን መፍረያይነት ሕርሻን ብጣዕሚ ድኹም ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ። ከምኡ እውን ናብ ውቅያኖስ ህንዲ ዝቐረብና ምስምዃና ተኣሳሲሩ ኣብኡ ዝፍጠር ምሟቕን ምዝሓልን ኣየር ን"ኢሊኖ"ን "ላኒኖ"ን ዝበሃሉ ምዝባዕ ለውጢ ክሊማዝወለዶም ሓደጋታት ብስፍሓት እንቃልዐሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ማለት ብሓደ ወገን በዝሒ ዝናብን ውሑጅን ዘዕለቕልቐሉ ብኻልእ ገፅ ድማ ሕፅረት ዝናብን ድርቅን ዝፍጠረሉ፣ ዝሐሸ ዝናብ ፀኒሑ ኣብማእኸል ዘቋርፀሉ፣ ወራር ባልዓት ብስፍሓት ዝርአየሉ ከባቢ ምስቲ ምዃኑ ተቓላዓይነት እቲ ፀገም የዛይዶ።

ሳልሳይ መበገሲ ኩነታት ትግራይ እዩ። ትግራይ ብመንፅር እቲ ዓለማውን ከባብያውን ኩነታት ተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣን መልክኣ ምድሪ ንለውጢ ኣየር ኣዐርዩ ተቓላዓይ ዝኾነ ከባቢ እዩ። ናይዚ መርኣያ 90 ሚኢታዊ ተደራቒ፣ 75 ሚኢታዊ ዘይሕረስ መሬት፣ 62 ሚኢታዊ ኣፃድፍ፣ ጎቦን ጉህምን ዝበዝሖ ቅርፂ መሬት ዘለዎምዃኑ ይፍለጥ። ካብዚ ብተወሳኺ ተደጋጋሚ ኲናት ዝተኻየደሉ ከባቢ ምስቲ ምዃኑ ንሕፅረት ዝናብን ድርቅን ዝተሳጠሐ ይገብሮ። ብመሰረት እዚ በቢእዋኑ ዝፍጠር ለውጢ ኣየር ንምቁፅፃርን ውሕስነት ምግቢ ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅን ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ምሕዋይ ትኹረት ዝገበረ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ምስራሕ ግድን ይኸውን። ኣብ ዘፈር ሕርሻ እንትግበሮም ፖሊስታትናን ስትራተጂታትናን እውን ካብዚ ዝብገሱን ብቐንዱ ድማ ውሽጣዊ ፀገማትና ንምፍታሕ ዕላማ ዝገብሩን ምዃኖም ምክትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ኣለምብርሃን ሃሪፈዮ የረድኡ።

ብመሰረት እዚ ቅድሚ እቲ ኲናት ኣብ ዝነበሩ 30 ዓመታትኩነታት ለውጢ ኣየር ዓለምን ትግራይን ኣብ ግምት ብምእታውኣብ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ መሰረት ዝገበረ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ንምውጋን ዘኽእል ስትራተጅን ኣንፈትንተቐሚጡ እናተሰርሐሉ ከምዝፀንሐ ይፍለጥ። ንኣብነት፣ ህዝቢ ትግራይ ብነፃ ጉልበት፣ ፕሮግራማት ሴፍቲኔት ውሕስና ምግብን ካልኦት ፕሮጀክትታትንብምውዳድ በቢዓመቱ ካብ 20 ክሳብ ኣርበዓ መዓልቲ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን እናሰርሐ መፂኡ እዩ። በቶም ወፍርታት ድማ ሓደ ነጥቢ ሽዱሽተ ሚልዮን ሄክታር (30 ሚኢታዊ)መሬት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ክሸፈን ኪኢሉ እዩ። ብውፅኢቱ ድማ ሽፋን ደኒ ትግራይ ኣብ 1983 ዓ/ም ካብ ዝነበሮ ትሕቲ ሰለስተ ሚኢታዊ ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 17 ሚኢታዊ ዝዓበየሉ ኩነታት በፂሑ ነይሩ። ምስዚ ዝተኣሳሰረ ፍግረ መሬትን ብርሰት ኣግራብን ክቐንስ ዝኽኣለሉ፣ ሓምለዋይነት ዝወሰኸሉ፣ ናብ ምድረበዳ ተቐይሮም ዝነበሩ ከባቢታት ናብ ልምዓት ዝተቐየርሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ናይዚ ድምር ውፅኢት መፍረይነት ዝራእቲ፣ ሃፍቲ እንስሳን ካልኦት ስራሕቲ ሕርሻንክውሰኽ፣ዕድል ስራሕ ወገናት ብዝሓሸ መንገዲ እናሰፍሐ ክኸይድ፣ መጠን ድኽነት ኣብ 1983 ዓ/ም ካብ ዝነበሮ 65 ሚኢታዊ ናብ 29 ሚኢታዊ ክወርድ ኣኺሉ እዩ።

ይኹን እምበር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመወራር ፅንተት ኣብቶም ቀንዲ መሰረታውያን ዓቕምታት ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ከቢድ ጉድኣት ኣብፂሑ። ጉድኣት ጥራሕ እንተይኮነስ ክንሰርሖምን ክንበፅሖምን ዝነበርና ስራሕትን ለውጥን ዝሃሰየሉ ኩነታት ኣሎ። ብሰንኪ ፀላእቲ ዝፈፀምዎ ወራር ፅንተት ኣብ ልዕሊ እንስሳን ናውቲ ሕርሻን ዝበፅሐ ስርቅን ዕንወትን ኩሉ መዳይ ዓቕምታትህዝቢ ዘሪፎምን ኣዕንዮምን ብምዃዶም፣ ሓረስታይ ትግራይ ዋላ እኳ መሬት እንተሃለዎ ከልመዐሉ ኣብ ዘይኽእለሉ ኩነታት ይርከብ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ መጠን ድኽነት ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ 29 ሚኢታዊ ወሪዱ እንተነበረ እውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ዋላ እኳ ንፁር መረዳእታ ኣይሃሉ መጠን ድኽነት ዝወሰኸሉ፣ ስእነት ዕድል ስራሕ ዝገፍሐሉን ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። እቲ መሬት ዘይብሉ መንእሰይ ጥራሕ እንተይኮነስ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ትግራይ ካብ መሬቱ ተመዛቢሉ ብምህላዉ ካብ ስራሕ ወፃኢ ኮይኑ ናብ ተፀባይነት ሬድኤትን ልመናን ተቓሊዑ እዩ። ብድምር ኣብ ትግራይ ቅድሚ እቲ ኲናት ፅንተት 20 ሚልዮን ኩንታል ኣብ ዓመት ምህርቲ ዝርከብ ዝነበረ እንተኸውን ድሕሪ እቲ ኲናት ግና ናብ ትሕቲ ሓሙሽተ ሚልዮን ኩንታል ወሪዱከምዘሎ ኣይተ ኣለምብርሃን የገንዝቡ።

ፀላእቲ ካብ ዝፈፀምዎ ጨፍጫፍ ብተወሳኺ ኣብቲ እዋን ኲናትን ስዒቡ ዝመፀ ከባን ዕፅዋን ሕብረተሰብና ኣግራብ እናቖረፀ ዕንፀይትን ፈሓምን ከምሓደ ፍልፍል ነዳድን እቶትን ክጥቀም ምግዳዱ እዩ። ከምኡ እውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ዘይሕጋዊ ዕደና ማዓድን ንምክያድ ኣብ ግልጋሎት ዝውዕሉ ዘለዉ ኬሚካላትን ማሽነሪታትን ኣብ ሽፋን ደኒ ትግራይ ዘብፅሕዎ ዘለዉ ጉድኣት ኣዝዩ ከቢድ ይገብሮ። ስለዚ ብሓደ ወገን ብኲናት፣ ብኻልእ ወገን ብምኽንያት ከባን ዕፅዋን ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ትግራይ ዝበፅሐ ብርሰትን ጥፍኣትን ብጣዕሚ ገዚፍ ቁጠባውን ተፈጥሮኣውን ዕንወት በፂሑ።

ካብዚ ጭቡጥ ኩነታተ ተበጊስካ ነቲ ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምድረበዳነትን ንምክልኻልን ብዳግመ ግረባን ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ኣቢልካ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ ናብ ንቡር ንምምላስቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ከምቁልፊ መደብ ገይሩ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ካብ 2016 ዓ/ም ጀሚሩ ብዝተሰርሑን ይስርሑ ብዘለዉ ዝተዋደዱ ስራሕትን ብርክት ዝበላ ተሳዒረን ዝነበራ መፋስሳትን ደንታትን ክኽለላ፣ ሓለዋን ስሪትን ክወፀለንን ዋንነተን ክረጋገፅን ዝተገበረሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብቲ እዋን ኲናት እተን ሕብረተሰብ በዓል ዋና ዝኾነለን ከባቢታት ዝሓሸ ሓለዋን ክንክንን ይግበረለን ብምንባሩ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ምፅንሐን ከም ሓደ መርኣያ ይውሰድ። እተን ካልኦት ናይ ሓባር ዝኾናን ዋንነት ዘይብለንን ግና ከቢድጉድኣት በፂሐወን ከምዘሎ ብተግባር ተራእዩ እዩ።ስለዝኾነ ኣብዚኣን ዘሎ ተሞክሮ ብምውሳድን ኣብ ካልኦት ዘሎ ፀገም ንምፍታሕን ኩሎም መፋስሳትን ደንታትን ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ክውነናን ክሕለዋን ከም መደብ ተወሲዱ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት በቢ ከባቢኡ ዘሎ መንእሰይን ሓረስታይን ተወዲቦም ስራሕ ዝፈጥርሉ፣ ነቶም መፋስሳትን ደንታትን እናተኸናኸኑ ዘልምዕሉን ዝጥቀመሉን ኩነታት ንምፍጣር 392 መፋስስ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ተጣይሸን ናብ ተግባር ኣትየን እየን።

ብኻልእ መዳይ ጣብያታት ፈልሲ ናብ ስራሕ ክኣትዋ ብዝተገበረ ፃዕሪ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዘመሓድረን ከባቢታት ካብ ዘለዋ 217 ማእኸላት ውሱን ናውቲ ሕርሻ ብምምላእ 192 ዝኾና ጣብያታት ፈልሲ ናብ ስራሕ ክኣትዋ ክኢለን ኣለዋ። በዚ ኣቢልካ እውን ከባቢ 30 ሚልዮን ፈልሲ ብምፍላስ ናይ ተኸላ ስራሕቲ ዝተኻየደሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ኣብዚ ከይዲ ዘሎ ክፍተት ብመጠን እቲ ዝትከል ዘይምፅዳቑ እዩ። እዚ ድማ ተኽሊ ምትካል ጥራሕ እንተይኮነስ ዝተተኸለ ተኽሊ ንኽፀድቕ ምስራሕን ምክትታልን ከምዘድልዩ እዩ ዘመላኽት። ብመሰረት እዚ ሕሉፍ ተሞክሮ ከምመበገሲ ብምውሳድ ቅድሚ ተኽሊ ምትካል፣ ኣብ እዋን ተኽላን ድሕሪ ተኽላን ክትግበሩ ዝግብኦም ስራሕቲ ብዝተወደበ መንገዲ ከምፓኬጅ ምትግባር ከምዝግባእ ትምህርቲ ተወሲድሉ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብ 2017 ዓ/ም "ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ንዘላቒ ልምዓትናን ሓድነትናን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ኣብ 2016 ዓ/ም ዝነበሩ ፅቡቓት ተሞክሮታት ብምጉልባትን ዝተርኣዩ ክፍተታት ብዝፈትሕን መንገዲ ንምፍፃም ብዕሊ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ። ብመሰረት እዚ ክሳብ መወዳእታ ጥሪ 2017 ዓ/ም ሰፋሕቲ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው እናተወገኑ ፀኒሖም እዮም። ብነፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝሸፈን ስፍሓት መሬት፣ ፅንዓት ሓይሊ ሰብ፣ መሳርሒ፣ መፋስስ፣ ምውዳብን ምልዕዓልን ሕብረተሰብ ከምኡ እውን ኣብ ቤት ምኽሪ ናይ ምፅዳቕን ካልኦት ስራሕትን ብምሉእነት ተሰሪሖም ኣለዉ። ከምኡ እውን ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ዘጠናኽሩ ምስፕሮግራም ሴፍቲኔትን ካልኦት ፕሮጀክታትን ተኣሳሲሮም ዝስርሑ ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን እውን እናተሰርሑ ፀኒሖም እዮም።

ብዘይካ እዚ ዓቕምታት ናይ ምህናፅ ስራሕቲ ብዋናነት ኣብ ወረዳን ጣብያንዝርከቡ ሰብ ሞያ ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ሃፍቲ እንስሳን ዝራእትን ከምኡ እውን ሕርሻ ካድረን ሓንፀፅትን ብርክት ዝበለ ስልጠናታት ክወስዱ ተገይሩ ኣሎ። እቲ ወፍሪ እዚኦምን ከምዚኦምን ዝበሉን ዝተዋደዱ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው እናተገበረ ድሕሪ ምፅንሑ ኣብ መንፈስ መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዮቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ብምዃን 25 ጥሪ 2017 ዓ/ም ብወፍሪ ሰማእታት ተጀሚሩ እዩ። ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ድማ "ምስስራሕቲ ሕርሻ በልጊ ከይፃብኦም" ኢሎም ኣቐዲሞም 19 ጥሪ 2017 ዓ/ም ነፃ ወፍሪ

ናብ ገፅ 23 ይዘውር



ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

## ትእምት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

# ማእገር ህዝቢ፣ ተስፋ ሕውየት!




ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናት ትእምት ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ብዋናነት ንስድራ ስውኣት፣ ጉዱኣት ኲናት፣ ደቂ ስውኣትን ካልኦት ማሕበራውን ሰብኣውን ፀገማት ሕብረተሰብ ትግራይ ኣብ ምፍታሕ ብዘለዎ ዓቕሚ እናሓገዘ መፂኡ። ከምኡ እውን ብርክት ዝበላ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ፣ መሰናድኦ፣ ትካላት ቴክኒክን ሞያን፣ ከምኡ እውን ትካላት ጥዕናን ካልኦትን ብምህናፅ ማእገር ህንፀት ወለዶ ትግራይ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ካብ መረበቶም ንዝተመዛበሉ ወገናትን ሃለዋት ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅን መስዋእቲ ንዝኾኑ ስድራ ስውኣት ኣብ ምድባስ ከምኡ እውን ኣካላዊ መጉዳእቲ ንዝበፅሖም ሓርበኛታት ኣብ ምሕጋዝ ይርከብ። ብመሰረት እዚ ንሎሚ ንኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይን ሆስፒታል ፊስቱላ ሃምሊን መቐለን ዝተገበረሎም ደገፍ ኣመልኪትና ምስኣመራርሓ እቶም ትካላት ፃንሒት ገይርና ኣለና። ከም ዝስዕብ ተዋዲዱ ቀሪቡ ኣሎ።

ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ኣብቲ ሕሉፍ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ወራር ስርዓት ሻዕብያን መውጋእቲ ዝጋጠሞም ተጋደልትን ስድራ ስውኣትን ዝጥምት ትካል ከምዘድሊ ብምርዳእ ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ከም ሓደ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ክጣየሽ ተወሲኑ። ይኹን እምበር ኣብ 2013 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ስዒቡ እቲ ትካል እንተይተጣየሸን ናብ ተግባር እንተይኣተወን ፀኒሑ። ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተፈጠረ ሃዋህው ሰላም ድማ እቶም ነባራት ጉድኣት ኣካል ተጋደልቲ፣ ስድራ ተጋደልትን ኣብዚ ናይ ሎሚ መኸተ ኣንፃር ፅንተት ትግራይ ኣካሉን ህይወቱን ዝኸፈለ ሓርበኛን ሓዊሱ ንምሕብሓብን ንምድጋፍን ዘኽእሉ ተወሰኽቲ መፅናዕቲታት ብምግባር ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2015 ዓ/ም ብዕሊ ተጣይሹ ስርሑ ጀሚሩ።

ብመሰረት እዚ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ነቶም ምእንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ ክብሉ መስዋእቲ ዝኾኑ ስድራ ስውኣትን ጉዱኣት ኣካልን ንምሕጋዝ ዕላማ ገይሩ ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ብሕማም፣ መጉዳእትን ካልኦት ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ብኽብሪ ዝተመለሱ ተጋደልትን ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡን ክጣየሹን ምግባር ትኹረት እቲ ትካል እዩ። ስለዚ ጉብኦም ፈፂሞም ብኽብሪ ካብ ሰራዊት ዝተሰናበቱ ተጋደልቲ፣ ከምኡ እውን መጉዳእቲ ኣካል ኣጋጢምዎም ኣብ ዝተፈላለዩ ማእኸላት ሕክምና ዝርከቡ ሓርበኛታት ኣብ ምሕብሓብን ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ኣብ ምግባርን ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ ኣሎ።

እቲ ኮሚሽን ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ነቶም ዝዓሞም ዘሎ ስራሕቲ ንምዕዋት ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብዝገበሮ ዝተዋደደ ርክብ ብርክት ዝበሉ ኣካላት ክድግፍዎ ገይሩ። ካብዚኣቶም ድማ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ብቀዳምነት ይጥቀስ። ትእምት፣ ትካል ህዝቢ ትግራይ ከምምኧኑ መጠን ቅድሚ እቲ ኲናት እውን ንስድራ ስውኣት ደገፍ እናገበረ ከምዝመፀን ኣብዚ ሐዚ እዋን እውን ብፍላይ ንጉዱኣት ኲናት ተጋደልቲ ዝሐሸ ደገፍ ይገብረሎም ከምዘሎን ዳይሬክተር ርክብ ህዝብን ምልላይን ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ገ/ሚካኤል ግሩም ይገልፅ።

ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣብ ኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ካብ ዝገበሮም ደገፋት ኣብ ከተማ መቐለ ዝተጣየሸ ማእኸል መሐብሐቢ ጉድኣት ኲናት ኣብ ምህናፅን ናብ ግልጋሎት ክሰግር ኣብ ምግባርን ዝለዓለ ብፅሒት ከምዝነበሮ ምጥቃስ ይከኣል። ናይቲ ማእኸል መሐብሐቢ መደቀሲ ክፍልታት፣ መመገቢ ኣዳራሽ፣ ጉዱኣት ወገናት ኣብ ዝንቀሳቐስሉ እዋን ንኣኣቶም ዘምችው ስራሕቲ መንገዲ ኣብ ምስራሕን ምፅጋንን ትእምት ሓላፍነት ወሲዱ ሰሪሑ እዩ። ብተወሳኺ እቶም ጉዱኣት ኣካል ተጋደልቲ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ፣ ክትትልን ክንክንን ክግበረሎም፣ ከምኡ እውን ኣብ ስራሕቲ ሕውየት ዝለዓለ ግደ ዘለዎ ንግልጋሎት "ፊዝዮትራፒ" ዝኸውን ማእኸል ብምህናፅን ምሉእ ናውቲ ብምምላእን ናብ ተግባር ክሰጋገር ብምግባር እውንታዊ ብፅሒት ተፃዊቱ።

ብድምር ኣብቲ ማእኸል ንጉዱኣት ኣካል ዝኾኑ መደቀሲ ክፍልታት ኣብ ምፅጋን፣ ማዕፆን መስኮትን ኣብ ምስራሕ፣ እቲ መንገዲ ንውልቸር ብዝጥዕም ኣብ ምህናፅ፣ ማእኸል "ፊዝዮትራፒ" ኣብ ምምላእን መመገቢ ኣዳራሽ ኣብ ምህናፅን ኣርባዕተ ዓበይቲ ዕማማት ወጊኑ። ክሳብ ሐዚ ብዘሎ ኣፈፃፅማ ድማ እቲ ማእኸል መሐብሐቢ ሓርበኛታት ትግራይ ካብ ዝጣየሸ 2015 ዓ/ም ጀሚሩ ንህንፀቱን ምምላእ ውሽጣዊ ናውትን ልዕሊ 180 ሚልዮን ብር ወፃኢ ዝተገበረሉ እንትኸውን ካብዚ እቲ ልዕሊ 92 ሚልዮን ብር ዝግመት ብገንዘብ፣ ናውትን ጉልበትን ወፃኢ ብምግባር ሓላፍነቱ ተዋፂኡ።

*እዚ 17 ጉዱኣት ገፅን ምንጋጋን ዘጋጠሞም ተጋደልቲ ካብ ህንዲ ብዝመፁ ሰብ ሞያ ሕክምና ኣብ መቐለ ግልጋሎት መጥባሕቲ ክካየደሎም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ክሕከሙ ዘይኽእሉ 32 ጉዱኣት ገፅን ምንጋጋን ናብ ህንዲ ብምልኣኽ ምሉእ ሕክምና ንምግባር ተዳልዮም ይርከቡ። እተን ካብ ምግባረ ሰናይ ትእምት ተረኺበን ዘለዋ ውሱናት ደገፋት ብምሉእነት ኣብ ገፅን ምንጋጋን ጉዱኣት ንዝበፅሖም ሓርበኛታት ግልጋሎት ሕክምና ከምዝውዕላ የረጋግፅ።*

ብዘይካ እዚ ኣብ 2016 ዓ/ም ብኮሚሽን ሓርበኛታት ትግራይ ንዝፍፀም ንግልጋሎት ሕክምና እቶም ሓርበኛታት ዝውዕል 55 ሚልዮን ብር ብምምዳብ ናብ ተግባር ኣውዒሉ እዩ። ብመሰረት እዚ 140 ኣብ ዓይኖም ጉድኣት ዝበፅሖም ተጋደልቲ ዝሐሸ ሕክምና ንክረኽቡ ምሉእ ወፃኢኦም ብምሽፋን ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምውሳድ ዝተሓከሙን ኣብ ሕክምና ዝርከቡን ኣለዉ። ክሳብ ሕዚ ብዘሎ ከይዲ ሕክምና እውን ብርክት ዝበሉ ጉዱኣት ኣካል ብርሃን ዓይኖም ከምዝተመለሰሎምን ኣብ ዝሓሸ ብርኪ ሕክምና ከምዝርከቡን ተጋዳላይ ገ/ሚካኤል የረድእ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን (ኣብ 2017 ዓ/ም) ድማ ኣንፃር ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝተገበረ መኸተ ኣብ ገፆምን ምንጋጋኦምን ጉድኣት ንዝበፅሖም ሓርበኛታት ግልጋሎት ሕክምና ዝውዕል 90 ሚልዮን ብር መዲቡ ኣሎ። እቲ ዝተመደበ ገንዘብ ብኢድ ኣካቢ በዓል ሓደራ ቦርድ ትእምት ኣይተ ቴድሮስ ሓጎስ ኣቢሉ ኮሚሽን ኮሚሽነር ሓርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ናስር መምሑር ኣረኪቡ እዩ።

ብመሰረት እዚ 17 ጉዱኣት ገፅን ምንጋጋን ዘጋጠሞም ተጋደልቲ ካብ ህንዲ ብዝመፁ ሰብ ሞያ ሕክምና ኣብ መቐለ ግልጋሎት መጥባሕቲ ክካየደሎም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ክሕከሙ ዘይኽእሉ 32 ጉዱኣት ገፅን ምንጋጋን ናብ ህንዲ ብምልኣኽ ምሉእ ሕክምና ንምግባር ተዳልዮም ይርከቡ። እተን ካብ ምግባረ ሰናይ ትእምት ተረኺበን ዘለዋ ውሱናት ደገፋት ብምሉእነት ኣብ ገፅን ምንጋጋን ጉዱኣት ንዝበፅሖም ሓርበኛታት ግልጋሎት ሕክምና ከምዝውዕላ የረጋግፅ። ቀፂሉ ድማ ትእምት ነተን ብፀላእቲ ዝዓነዋ ትካላት ዳግም ናብ ስራሕ ንምእታው ኣብ ከይዲ ጅማሮ እናሃለወ ንግልጋሎት ሕክምና እቶም ጉዱኣት ዝገብሮ ዘሎ ደገፍ ብምምስጋን ሓርበኛታት ትግራይ ዘለዎም ጉድኣት ዝለዓለ ምዃኑን ቀፃሊ እውን ብዝኽእሎ ዓቕሚ ክድግፍ ከምዝግባእን ኣተሓሳሲቡ። ብካልእ መዳይ ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ (ትእምት) ኣብ ትሕቲኡ ብዘጣየሾ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ኣቢሉ ደገፍ ዝገብረሉ ትካል ማእኸል ሕክምና "ፌስቱላ ሃምሊን" ሆስፒታል መቐለ እዩ። ከምዝፍለጥ ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ብርክት ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ፆታዊ መጥቃዕቲ በፂሑወን ንሕማምን ሞትን ተሳጢሐን እየን። ካብዚኣን ቁፀረን ዝይነዓቕ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ነቲ ዝበፅሐን ፆታዊ ጥቕዓት ሓቢኣን ጠንቂ ቃንዛን ስቅያትን ኮይነን ኣለዋ። እተን ውሱናት ርእሰን ኣቕኒዐን ዝበፅሐን ፆታዊ ጥቕዓት ግልፂ ገይረን ግልጋሎት ሕክምና ክረኽባ ዝወፃ ድማ ኣብ ማእኸል ሕክምና "ፌስቱላ ሃምሊን" መቐለ ሕክምና እናተኸታተላ ይርከባ።

ካብዚ ብምብጋስ ትእምት ማእገር ኣዴታት ትግራይ ብምዃናን ነዘን ኣብ ከቢድ ስቓይ ዝርከባ ወገናት ንግልጋሎት ሕክምና ዝውዕል ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ብምምዳብ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2016 ዓ/ም ናብቲ ሆስፒታል ኣታዊ ገይሩ እዩ። ብምዃኑ እተን ግዳያት ፆታዊ መጥቃዕቲ ዝኾናን ንሕማም ፌስቱላን ምልቆ ማህፀንን ዝተቓልዓ ኣዴታት ትግራይ ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ዝረኽባሉ ዕድል ተፈጢሩ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብቲ ማእኸል ዝወሃቡ ግልጋሎታት ምግቢ፣ መጓዓዝያን ካልኦት ወፃኢታትን ከምኡ እውን ግልጋሎት ምኽርን ሕውየት ስነልቦናን ምሉእ ብምሉእ በቲ ሆስፒታል ዝሽፈኑ ምዃኖምን ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ዝመደበሎም በጀት ዝለዓለ ሓገዝ ከምዝኾኖም ዳይሬክተር ማእኸል ሆስፒታል ፌስቱላ ሃምሊን መቐለ ዶክተር መልኣኩ ኣብርሃ የረድኡ።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ኣብ 2017 ዓ/ም እውን ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ብሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ወፃኢ ኣብቲ ሆስፒታል ምሉእ ናውቲ ላብራቶሪ ዝተማለአሉ ማእኸል ላብራቶሪ ብምህናፅ ናብ ተግባር ክሰጋገር ገይሩ እዩ። እቲ ማእኸል መመርመሪ ደም (CVC)፣ መመርመሪ ውሽጣዊ ሕማማት (Photometer)፣ መፃረዪ ደምን (Centrifuge) "ማይክሮስኮፕ"ን ዘማልአ እንትኸውን እዚ ከዓ ዓብዪ ሕፀረት እቲ ሆስፒታል ዝፈትሐ ሰናይ ተግባር ምዃኑ እቶም ዳይሬክተር ኣብ እዋን ስነ-ስርዓት ምረቓን ርኽክብ እቲ ማእኸልን ገሊፆም እዮም።

ብሓፈሻ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶሪያ ብዝተረኸበ ተነፃፃሪ ሰላም ብፍላይ ድሕሪ ወርሒ ጥሪ 2015 ዓ/ም ትእምት ኣብ ትሕቲኡ ብዝተጣየሸ ቤት ፅሕፈት ምግባረ-ሰናይ ኣቢሉ ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምቅላል ዝለዓለ ብፅሒት ወሲዱ ኣብ ምድጋፍ ይርከብ። ስለዚ ድማ ብሰንኪ እቲ ወራር ኣጋጢምዎ ካብ ዝነበረ ዕንወት ቀስ ብቐስ እናወፀ እተን ካብ ብርሰት ዝተረፋ ውሱናት ትካላት ናብ ዳግመ ሕውየት ክኣትዋን ዳግማይ ስራሕ ክጀምራን ኣብ ምግባር ዝለዓለ ርብርብ ይገብር ኣሎ። ካብዚኣተን ብዝርከብ ውሱን እቶት ድማ ብመንፅር ዝተጣየሸሉ ዕላማ ኣብ ሕውየት ህዝቢ ትግራይ ክውዕላ እናደገፈ ይርከብ። እዚ ድማ መርኣያ ህዝባውነት እቲ ትካል ምዃኑ ጭቡጥ መርኣዩ እዩ። ትእምት ህዝባዊ ሓላፍነት ተሸኪሙ ዝገብሮ ዘሎ ደገፍ መብዛሕቲኡ ሰብ ዝፈልጦ እኳ እንተኾነ ገሊኡ ብጉርሒ ገሊኡ ብገርሂ ኣብ ልዕሊ እዘን ማእገር ቁጠበዊ ሕውየት ህዝቢ ትግራይ ዝኾና ትካላት ዘሎ ወፍሪ ፀለመ ግን ኣዝዩ ክኹነን ዘለዎ ተግባር ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ። ትካላት ትእምት ካብ ምፅላምን ምስ ፀላእቲ ኮይንኻ ንክጠፍኣ ካብ ምስራሕን ወፂና ዘለወን ጉድለት ክእርማ፣ ዝገብርኦ ደገፍ ክጠናኸራ፣ ኣብ ህንፀት ዳግመ ሕውየት ትግራይን ኣብ ምፍጣር ዕድል ስራሕን ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ክገብራ ክንሰርሕ ይግባእ ዝብል መልእኽቲ ክነመሓላልፍ ንደሊ።

ዓውደ - ትምህርቲ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ካብ ዝወደቕናዮ ተሲእና ናብ ብራኽ!

ኣብ ትግራይ ቅድሚ 1983 ዓ/ም ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ጉዳይ ፍትሓውነትን ተበፃሕነት ሽፋንን ጥራሕ ዘይኮነ ብቋንቋኻ ንምምሃር እውን ዘይፍቀደሉ፣ ኩለመዳይ ዓፈናን ጭቆናን ብሰፊሑ ዝፍፀመሉ ዝነበረ እዋን እዩ። ብፍላይ ምስተበፃሕነት ኣዛሚድካ እንትርአ ምስፍሕፋሕ ኣብያተ ትምህርቲ ኣይነበረን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብተን ዝነበራ እውን እንተኾነ ተጋሩ ካብ ራብዓይን ሻድሻይን ክፍሊ ንላዕሊ ክመሃሩ ኣይፍቀድን ነይሩ። ንኣብነት፣ ኣብ ከተማ ሃገረሰላም ቅድሚ ምድምሳስ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ዝመሃሩላ ሓንቲ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ እያ ነይራ። ካብ ሻድሻይ ክፍሊ ንላዕሊ ክትመሃር እንተተፈቒዱልካ እውን ናብ ከተማ መቐለ ከይድካ እንተዘይኮይኑ ኣብ ከባቢኻ ትምህርቲ እትረኽበሉ ዕድል ኣይነበረን።ካብዚ ብዝተፈለየ ዕድል ምምሃር ዝረኸቡ ደቂ መሳፍንትን ሃፍታማትን ጥራሕ እዮም። እቲ ኻሊእ ግን ናብ መቐለ ከይዱ ንምምሃርስ ይትረፍ ኣብቲ ከባቢ እኳ ምስቲ ዝነበረ ጭቆና፣ ድኽነትን ድሕረትን ክመሃር ዕድል ዝረክብ ሰብ ኣዝዩ ውሑድ ከምዝነበረ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ከተማ ሃገረ ሰላም መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ስታንዳርድ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ መምህር ሃይላይ ዘርኣይ ይገልፅ።

እቶም ዝነበሩ ድሑራት፣ ጨቆንትን ፋሽስታውያንን ስርዓታት ብከቢድ ተጋድሎን መስዋእትን ህዝቢ ትግራይ ምስተሰዓሩ ግና ብህወሓት ዝምራሕ ሓዱሽ ዲሞክራስያውን ልምዓታውን ስርዓት ብምትካሉ ናብ ሰላምን ልምዓትን ዝኣተወሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ካብዚ ዝብገስ ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ዝተመዝገበ ውፅኢት እኳ እንተርኢና ኣብቶም ዝሓለፉ 27 ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ዝመፀ ለውጢ ኣዝዩ ዝነኣድ ነይሩ። ከምከተማ ሃገረሰላም ሰለስተ መዋእለ ህፃናት፣ ክልተ ቀዳማይ ብርኪ፣ ክልተ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ከምኡ እውን ሓደ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ተሰሪሖም ኣብ ህንፀት ወለዶ ዓብዪ ብፅሒት ኣብ ምብርካት ይርከቡ።

ብዓይኒ ሽፋን ትምህርቲ እንትርአ ድማ ቅድሚ ወራር ፅንተት ናብ 100 ምኢታዊ ተፀጊዑ ነይሩ እዩ። ሓደ ተምሃራይ ብማእኸላይ ርሕቐት ኣብ ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ቤት ትምህርቲ ናይ ምርካብ ዕድል ተፈጢሩሉ ፀኒሑ። ኣብ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ድማ ኣብ ሸውዓተ ነጥቢ ሓደ ኪሎ ሜትር ትምህርቲ ብቐረባ ይረክብ ነይሩ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝመሃሩ በዝሒ ተምሃሮ እውን ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ናብ 40 ኣብ ካልኣይ ብርኪ ድማ 43 (ማእኸላይ ስታንዳርድ) ዝመሃርሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ተበፃሕነት መምሃሪ መፅሓፍቲ እውን ብማእኸላይ ሓደ መፅሓፍ ንክልተ ተምሃሮ ዝበፅሐሉ ዕድል ተፈጢሩ ምንባሩ መምህር ሃይላይ ዝሃቡና መረዳእታ የመላኽት።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ብሳላ እቲ ብወርቃዊት ዕለት 11 ለካቲት ዝተጀመረ ዝተወደበ ብሄራዊ ዕጥቃዊ ቃልሲ፤ ህዝቢ ትግራይ ካብ ድሕረትን ድንቁርናን ተናጊፉ ናብ ዝሓሸ ኣነባብራን ኣተሓሳስባን ክሰጋገር ክኢሉ እዩ። ንኣብነት፣ ተበፃሕነትን ፅሬትን ትምህርቲ ካብ እዋን ናብ እዋን እናዓበየ ብናውትን ቴክኖሎጅን እናተደገፈ ዝኸደሉ ፅቡቕ ለውጥን ምዕባለን ዝተርኣየሉ ነይሩ ምባል ይከኣል። ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ፣ ኮምፒተራትን ፕላዝማታት ክማልአለን፣ ሜላ ኣመሃህራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናብ ዝበለፀ ደረጃ ክዓብን ክምዕብልን፣ ምስይግበአና በሃልቲ ኣካላትን ሕብረተሰብን ተዋዲደን ክሰርሓ እናተገበረ እዩ መፂኡ። በዚ ምኽንያት እቲ ዝተመዝገበ ለውጢ ኣዝዩ ዝነኣድ ክኸውን ክኢሉ፡፡

ኣብ 2013 ዓ/ም ግና እቶም ህዝቢ ትግራይ ሰላምን ራህዋን ክረክብ፣ ክለምዕን ሰሪሑ ክልወጥን ዘይብህጉ ደመኛታት ፀላእቲ፣ በቲ ኣብ 27 ዓመታት ዝተመዝገበ ለውጢ ዓይኖም ደም መሊኡ ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ወራር ፅንተት ፈፂሞም እዮም። ብሰንኪ እዚ ድማ ንሰማዕን ረኣዩን ብዘደንፁ ጭካነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ግፍዒ፣ ጨፍጫፍን ዕንወትን ብብዙሕ መንገዲ ፈፂሞም። ናይዚ መቕፀልታ ኣብ ከተማ ሃገረ-ሰላም እውን ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ሞትን ዕንወትን ክበፅሕ ገይሮም። ንኣብነት፣ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘብፅሕዎ ዕንወት እንተርኢና ክልተ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ ፀላእቲ ደብዳብ ከቢድ ብረት ዓንየን እየን። ብዘይካ እዚ፣ ነተን ክልተ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ እውን መዓስከር ሰራዊት (መዋፈሪ) ስለዝገበሩወን ኩሉ ዝነበረን ንብረት ኣዕንዮምዎን ዘሪፎምዎን እዮም። ኣብ ልዕሊ እዚ ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃር ተምሃራይን መምህርን እውን ብስነ-ልቦና ከቢድ ሃሰያ በፂሑዎ እዩ። ስለዚ ሓይልታት ፅንተት ንህዝቢ ትግራይ ናብ ድሕረትን ድንቁርናን ንምምላስ ዘፈር ትምህርቲ ምዕናው ከምቁልፊ ስትራቴጂ ገይሮም ይሰርሑ ከምዝነበሩ እዮም መምህር ሃይላይ ዘረድኡ።

እቲ ወራር ፅንተት ጥቅምቲ 2015 ዓ/ም ብሓያል መኸተ ህዝቢ ትግራይ ተኸቢሱ ናብ ድርድርን ሓበራዊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያን ምስሰገረ ትግራይ ዓንያ ክትተርፍ ስለዘይግብኣ ከምህዝብን ሸው ዝተጣየሸ ግዝያዊ ምምሕዳርን ናብ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ምእታው ኣገዳሲ ነይሩ። ምጅማር ትምህርቲ ድማ ኣካል ማሕበረሰባዊ ሕውየት ተገይሩ ዝውሰድ ምኳኑ ንማንም ግልፂ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2015 ዓ/ም ትምህርቲ ክጅመር ከምዝተወሰነ ይፍለጥ። እንተኾነ ግና እተን ኣብያተ ትምህርቲ ህንፀአንን ንብረተንን ዓንየንን ተዘሪፈንን ስለዝፀንሓ ዳግም ተምህሮ ተቐቢለን ትምህርቲ ንምጅማር ኣዝዩ ከቢድ ፈተና ኣጋጢሙወን። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ እቶም ተምሃሮ ብሰንኪ እቲ ኩናት ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ብምፅንሖም ዝተፈጠረ ናይ ዕድመን ደረጃ ክፍልን ኣፈላላይ ነይሩ።

ነዚ መበገሲ ገይሩ ብዝተዳለወን ዝተተግበረን ፅማቕ ስርዓተ ትምህርቲ ድማ ተምሃሮ ኣብ ዓመት ክልተ ደረጃ ክፍሊ ተማሂሮም ዝሓልፍሉ ከይዲ (ፕሮግራም ዝተሳለጠ ትምህርቲ) ተመቻችዩ እዩ። ከይዲ ኣተገባብርኡ ድማ ኣብቲ መፅሓፍ ዝተቐመጠ ኩሉ ዘይኮነስ ኣብ ዝተመረፁ ምዕራፋትን ርእስታትን ጥራሕ ትኹረት ገይርካ ብምምሃር ተምሃሮ ክሕዝዎ ዝግባእ ፍልጠት ንክሕዙ ብዝኽእል ኣግባብ እዩ ተፈፂሙ። በዚ ድማ ተምሃሮ ንዕድሚኦም ዝምጥን ደረጃ ትምህርቲ ክበፅሑ ተገይሩ። ኣብዚ መዳይ መምህራን እውን ብዛዕባ ኣፈፃፅማ እቲ ፕሮግራም ቀዲሞም ስልጠናታት ክወስዱ ዝተገበረ እንተኾነ ተምሃሮ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንክኸቱ እውን ስራሕቲ ምልዕዓል ብሰፊሑ ተሰሪሑ እዩ። በዚ መንገዲ ዋላ እኳ በቲ ዝድለ መጠን ኣይኹን ተምሃሮ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሊሶም ፍልጠት ክሸምቱ ዝኽእል ኩነታት ተፈጢሩ። በቲ ዝተሳለጠ ፕሮግራም ትምህርቲ ዝሓለፈ ተምሃራይ ድማ ሕዚ ምስዕድሚኡ ዝምጥን ደረጃ ክፍልን ፍልጠትን ሒዙ ናብቲ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተሰጋጊሩ ይርከብ።

ኣብዚ ተምሃሮ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ምምላስን ንዕድሚኦም ዝምጥን ደረጃ ትምህርቲ ክህልዎምን ዝተገበረ ፃዕሪ ከምዘሎ ኮይኑ ሳዕቤን እቲ ኲናት ፅንተት ዝኾኑ ዛጊድ ዘይተፈትሑ ፀገማት ድማ ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ሕፅረት ሓይሊ ሰብ (መምህራን) ኣሎ። ከምዝፍለጥ እተን ትምህርትን ስልጠናን ዝህባ ዝነበራ ኮሌጃትን ዩኒቨርስቲታትን ትግራይ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ጠጠው ኢለን ፀኒሐን እየን። እቲ ካሊእ ፀገም ሕፅረት ናውቲ እዩ። ላፕቶፕ፣ ኮምፒተር፣ ፕላዝማ፣ መፅሓፍ፣ መምሃሪ ሓገዝ፣ ማእኸላት ሳይንስን ቴክኖሎጅን፣ ላይብረሪ ኮታስ ኩሉ እቲ ተጠርዩ ዝነበረ ሃፍቲ ብፀላእቲ ብምዕናዉ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ከቢድ ሕፅረት ናውቲ ኣጋጢምወን ይርከብ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ከምማሕበረሰብ ብፍላይ ከዓ ኣብ መምህራንን ተምሃሮን ዝበፅሐ ስነ- ልቦናዊ ሃስያ ኣሎ። ብፍላይ መምህራን ዘይተኸፈሎም ውዙፍ መሃያ 17 ኣዋርሕ ምህላዉ ነቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሓደ ከቢድ ፈተና እዩ። ኣብዚ መዳይ ብውሱን መልክዑ ንመምህራን ዕብየት ብምሃብ ናይ መምህራን ፀገም ንምቅላል ቢሮ ትምህርቲ ዝጀመሮ ፅቡቕ ምንቅስቓስ ኣሎ። ሕፅረት ናውቲ ትምህርቲ ንምፍታሕ እውን ብትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝግበር ዉሱን ሓገዝ ዋላ እኳ እንተሃለወ ነቲ ዘሎ ፀገም መሊኡ ዝቕርፍ ግን ኣይኮነን። ስለዝኾነ ኣብዞም ዛጊድ ዘይተማልኡ ፀገማት ትኹረት ገይርካ ምስሕብረተሰብ፣ ትካላት ገበርቲ ሰናይ፣ ቢሮ ትምህርትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ተዋዲድካ ምስራሕ ኣብ ዝጠልብ ኩነታት ከምዘለዉ እዮም መምህር ሃይላይ ዘገንዝቡ፡፡

መምህር ሃይላይ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝኽበር ዘሎ መበል 50 ዓመት ምጅማር ዝተወደበ ብሄራዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ታሪኻውን ዓብዪ ትርጉም ዘለዎን በዓል ከምዝኾነ ይገልፁ። ኣብዚ ዕለት ብዝፈለመ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዙሓት ዓወታት ተመዝጊቡ እዩ። ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ሕርሻ ኮታስ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘርፍታት ዓበይቲ ዓወታት ተመዝጊቦም እዮም። ስለዝኾነ ነዚ ክቡር ብሄራዊ በዓል እንትነኽብር ንዘለዉና ጥንካረታትን ዓወታትን ዓቂብና ዘለውና ፀገማት ንምፍታሕ ብሓዱሽ መንፈስ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ንምብፃሕ እንረባረበሉ ዕድል ምፍጣር የድሊ።



**መምህር ሃይላይ ዘርኣይ**
**ኣብ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ከተማ ሃገረ ሰላም መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ስታንዳርድ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ**

በዚ መንፈስ፣ ከምቤት ፅሕፈት፣ ኣብ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ኣብያተ ትምህርቲ ዓበይቲ ስራሕቲ ንምስራሕ ምስህዝቢ ተዋዲድካ ክስርሑ ዝግባእ ትልሚ ኣውፂእኻ ንምስራሕ ዝተገበረ ምድላው ኣሎ። ኣብዚ በዓል ዝፍጠር ልዑል መንፈስ ሕራነ ተጠቒምካ ምስሕብረተሰብ፣ ኣመራርሓ ትምህርትን ካልኦትን ዓብዪ ስራሕ ንምስራሕ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ። ስለዚ እቶም ዘለው ፀገማት ቀስ ብቐስ ብቐፃልነት እናፈታሕኻ ብምኻድ ናብቲ ቅድሚ ኲናት ዝነበርሉ ብርኪ ንምብፃሕ ፃዕርታት እናተገበሩ እዮም።ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ብ11 ለካቲት ዝተረኽቡ ውፅኢትን ዓወታትን ብምዝካርን ብምኽባርን ሕብረተሰብ ኣብ ጎንኻ ኣሰሊፍካ ልዑል ርብርብ ምግባር ይጠልብ። በዚ መዳይ ህዝቢ ከተማ ሃገረሰላም እውን ኣብ ፅቡቕ መንፈስን ሕራነን ከምዝርከብ የረድኡ።

ካብዚ ተበጊስና ሎሚ መበል 50 ዓመት ምጅማር ዝተወደበ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ልደት ህወሓትን ዝኾነት ወርቃዊት ዕለት 11 ለካቲት እንትነኽብር ብሕራነ ካብ ዝወደቕናዮ ተሲእና ብሓድነት ንቕድሚት እንስጉመሉ ክኸውን ኣለዎ። ከምቲ ሕሉፍ ታሪኽ ውድብና ዘምህረና ለካቲት ናይ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን ወርሒ እያ። ስለዝኾነ ሐዚ እውን ኣብ ውሽጢ ኮነ ካብ ደገ ኣጋጢሙና ዘሎ ፈተና ብብልሕን ፅንዓትን ሰጊርና ብዓወት መሰስ ከምንብል ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ንክኸውን ግና ክብርታት 11 ለካቲት ዓቒብና ብሓድነት፣ ስኒትን ሕብረትን ተለዓዒልና ትግራይ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ንምስግጋር ሓሪንና ክንረባረብ ይግባእ።



በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

# መስዋእቲ እምበር መግዛእቲ ዘይፃወር እንግድዓ “ወጀረቶት”

ካልኣይን መዛዘምን



ጀጋኑ ምልሻታት ወጀራት ዒስራ ዓዲ ኣብ እዋን መኸተ 2013 ዓ/ም

ብምኽንያት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ 11 ለካቲት “50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!” ዝብል መሪሕ ጭርሖ ተሓንጊጥና መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓት ክነኽብር እንተለና፤ በዓል ዋና ናይዚ ታሪኽ ብህወሓት ዝምራሕ ህዝቢ ትግራይ እዩ። መላእ ህዝብና ሓቀኛ መስመርን ዕላማን ኣብ ዝሓዘ ውድብ ህወሓት ዓሲሉ ብሓድነትን ፅንዓትን ሳላ ዝተቓለሰ በብግዚኡ ካብ ውሽጥን ደገን ንዝገጠምዎ ፈተናታት መኪቱ ከይተንበርከኸ ክቡር ዋጋ እናኸፈለ እናተዓወተ ህልውንኡ ንምውሓስ ዝኸኣለ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ወጀራት ዒስራ ዓዲ እውን ኣካል እዚ ታሪኻዊ ቓልስን ፍፃመን ኮይኑ ብውድቡ እናተመርሐ መስተንክራዊ ዓወታት እናመዝገበ መፂኡን ይርከብን ኣሎ። ብመሰረት እዚ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዒስራ ዓዲ ኣብቲ ናይ 2013 ዓ/ም ሸሞንተ ወርሒ እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ነቲ ወራር ፅንተት ንምምካት ብዝለዓለ ፅንዓትን ጅግንነትን ተቓሊሶም ዓበይቲ ዓወታት ከምዝዓተሩ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ምቕራብና ይዝከር። ንሎሚ ድማ ናይ መወዳእታ ክፋሉ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።
ከምቲ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዕስራ ዓዲ ንውዕለኦም መሰረት ገይሮም ባዕሎም ዝገለፅዎ ብዛዕባ ጅግንነቶም ኣይኮነን ፈታውስ ፀላኢ እውን ባዕሉ ይምስክረሎም እዩ። ናብ ሕድሕድ እዞም ኣናብር ቀሪብካ ገፆም እናረኣኻ ብዛዕባ ውዕሎኦም ካብ ኣንደበቶም ዝወፅእ ቃላት ክትሰምዕ እንተለኻ ኣብ ጓይላ ውዒሎም ዝሓደሩ እምበር መስዋእቲ ንምኽፋል ናብ ኲናት ኣትዮም ዝነበሩ ኣይመስሉን። ካብዚ ብምብጋስ እቶም ወረርቲ ሓይልታት ኣብ ቅድሚ እቶም ምእንተ እቶም ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ክብርቲ ህይወቶም ክህቡ ዝተዳለዉ ጀጋኑ ደው ኢሎም ክፀንሑ ከምዘይኽእሉ ትርዳእ።

ወያናይ ሓየሎም በርሀ ኣብቶም በብግዚኡ ዝተገበሩ ውግኣት ዝነበሩ ፈተናታት እንትገልፅ፣ እቲ ዝዓበየ ቀረብ እኽለ ማይ ኮይኑ ካብኡ ቀፂሉ ባንዳታት ንስድራ ወየንትን ምልሻን እናሃደኑ ብምስቓይ ርእሱ ንኪድንን ዝገበርዎ ከንቱ ፈተነ እዩ። እቲ ምልሻ ግና ነዞም ፀገማት በብግዚኡ እናገምገመ እናሓረነ ደኣ ቀፀለ እምበር ፈፂሙ ኣይተንበርከኸን። ምኽንያቱ ብህወሓት ዝምራሕ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እቲ ክኽፈል ዝግበኦ መስዋእቲ ብምኽፋል ክዕወት ከምዝኽእል ዝጠራጠር ወያናይ፣ ምልሻ ይኹን ህዝቢ ኣይነበረን። ህዝቢ ወጀራት እውን ብፍላይ ካብ 19 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ንዳሓር ደሃይ ናይቲ ወያናይ፣ ምልሻ ኢሉ እውን ናይቲ ጅግና ሰራዊትን መሪሕ ውድብን ምስ ሰምዐ ነቲ ቃልሲ ብዝያዳ ከጎሃህሮ ክኢሉ እዩ። ብመሰረት እዚ ደቁ መሪቑ ናብ ቃልሲ እናሰደደ፣ ናብ ድፋዕ ኣትዩ እኽለ ማይ እናቕረበ፣ “ኣየኹም” እናበለ ከምዝተቓለሰ ወያናይ ሓየሎም የረድእ። ሐዚ እውን ኩሎም ፀላእትና መሊኦም ክሳብ ዝቃበፁ ኩሉ ወያናይን ምልሻን ከምወትሩ ድልው ከምዘሎ ብምግላፅ ደቅናን ደቂ እማትናን እውን ኣሰር ወለዶምን ዓበይቲ ኣሕዋቶምን ሒዞም ክቃለሱን ክጋደሉን ኣለዎም ብምባል የተሓሳስብ።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ኣብ መእተዊ ዝተገለፀ ሕሉፍ ቃልሲ ህዝቢ ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት እንትግለፅ ካብ ስርዓት ሃይለስላሴ ጀሚሩ በቢእዋኑ ንዝመፁ ገዛእቲ ደርብታት ውሽጢ ዓድን ወፃእን እናተቓለሰ መሰሉን ሃለዋቱን ዝዓቀበ ህዝቢ ምዃኑ መዛግብቲ ታሪኽ የረድኡ። ህዝቢ፣ ወየንትን ምልሻታትን ወጀራት ንስርዓት ሃፀይ ሃይለስላሰ ብምቅዋም ብ1933 ዓ/ም ቀዳማይ ወያነ እንትምስረት ጀሚሩ ኣብ ቃልሲ ኣንፃር መግዛእቲ ብጅግንነቱ ዝጥቀስ ምዃኑ ታሪኽ ዘረጋግፆ ሓቂ እዩ። ቀፂሉ እውን ኣብ ሕሉፍ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ምስ ውድቡ ተሰሊፉ ዓብይ መስተንክር ዝሰርሐ ህዝቢ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ወያነ ኣሻሓት ጀጋኑ ዘፍረየ ህዝቢ ወጀራት ኣብ ካልኣይ ወያነ ኮነ ኣብዚ መዋእል ከምኒ ኣስሮ ተስፋይ፣ ከላሊ ረውሶ፣ ካሕሱ ኪሮስ፣ ኣብርሃ ሕሉፍን ካልኦትን ወየንቲ መግለፂ ጅግንነት እቲ ከባቢ ምዃኖም ወያናይ ገብሮ ገብረህይወት ዝሃበና ሓበሬታ የረጋግፅ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ወየንትን ምልሻን ወረዳ 20 ዓዲ ውዳብኦም ብምስጣም ኣብቶም ዝሓለፉ ሸሞንተ ናይ መኸተ ኣዋርሕ (2013 ዓ.ም) ብርክት ዝበሉ ገድልታት እናፈፀሙ ፀኒሖም እዮም። ኣብ ሓይሊ ኣርባዕተ ዝተወደቡ ወየንትን ምልሻታትን ጣብያታት ባሕሪ ፀባን ሰበበራን ሓደ ኣካል እቲ ቃልሲ መኸተን ኣንፀባረቕቲ ዓወታትን ነይሮምን ኣለዉን። እታ ሓይሊ፣ ሰለስተ ኣመራርሓ ሓዊሱ 148 በዝሐ ሓይሊ ሰብ ዘለዋ እንትትከውን ከምተን ካልኦት ሓይልታት እታ ወረዳ በይኖምን ምስ ሰራዊት ትግራይን ብምዃን ኣንፃር ወረርቲ ሓይልታት ተኳሺሖም ድሙቕ ታሪኽ ብደሞም ፅሒፎም። ብመሰረት እዚ ኣብቲ ሸሞንተ ወርሒ ናይ ወራር እዋን ወየንትን ምልሻታትን ጣብያታት ባሕሪ ፀባን ሰበበራን (ሓይሊ ኣርባዕተ) ተወዲቦም ኣብ ሓሙሽተ ዓውደ ውግኣት ተሳቲፎም እዮም።

እታ ሓይሊ ንመጀመርያ እዋን ምስ ፀላኢ ፊት ንፊት ዝተዋግኣት 28 ሕዳር 2013 ዓ/ም እንትኸውን እዚ ድማ ብወገን ዓዲ ቀይሕ ምስ ዝመፀ ሓይሊ ፀላኢ ነይሩ። ቀፂሉ ድማ ሸሞንተ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ኣብ ዝተገበረ ውግእ ሓይሊ ሰለስተ እውን ከምዝተሳተፈት ኣብቲ ሕሉፍ ስርሒት ኣመልኪትና ዘዘራረብናዮ ኣባል ኣመራርሓ እታ ሓይሊ ወያናይ ገብረማርያም ሃይሉ ይሕብር።

ካብዚ ብተወሳኺ ወየንትን ምልሻታትን እታ ሓይሊ፣ ኣርባዕተ ጥሪ 2013 ዓ/ም “ጎንካ” ካብ ዝበሃል ጣብያ ናብ ከተማ ባሕሪ ፀባ ብምእታው ድብያ ብምፍፃም ኣብ ፀላኢ ድንጋፀን ራዕድን ፈጢሮምሉ እዮም። ፀላእቶም ምቕጥቓጥ ዝልማዶም ወየንትን ምልሻታትን ዕስራ ዓዲ ወጀራት ሓይሊ ሰለስተ ካብ ፀላኢ ዝማረኽወን ሓንቲ ድሽካ፣ ክልተ ብሬን፣ ዝተረፈ ክላሽን ብምሓዝ ሓሙሽተ ጥሪ 2013 ዓ/ም እውን ፍሽነ ኣብ ዝበሃል ከባቢ ኣብ ልዕሊ ሸሾ ሰራዊት ፀላኢ ድብያ ኣካይዶም ሓንቲ መኪና ኣቃፂሎም እዮም። ኣብዚ ውግእ እምባታት ወጀራት እውን ሓገዝቲ ብምንባሮም 33 ወተሃደራት ፀላኢ እንትሃድሙ ናብ ገደል ፀዲፎም ሞይቶም እዮም።

ብዘይካ እዚ ትሽዓተ ጥሪ 2013 ዓ/ም ኣብ ጣብያ ሰናዕለ ፀላኢ፣ ንዕኡ ዝውክል ኣመሓዳሪ እታ ጣብያ ንክመርፅ መደብ ከምዝሓዘ ምስተሰምዐ ነዚ ንምትእጉዳል ካብ ሓይሊ ኣርባዕተ 15 ወየንቲ ዝሓዘት ክርቢት ተላኢኻ ከይዳ። እታ ክርቢት ኣብቲ ቦታ ምስበፅሐት ትሽዓተ ኦራል ወታደራት ፅዒነን እንትመፃ ፊት ንፊት ተራኺባ። መራሒ እታ ክርቢት ወያናይ ገብረማርያም ኣብቲ እዋን ዝነበረ ኩነታት እንትገልፅ፣ ”ንሕና 15 ሰብ ኢና፤ ንሳቶም ድማ ትሽዓተ ኦራል ምሉእ ወተሃደር እዮም። ስለዚ እንታይ ንግበር? ኢልና ተማኺርና” ይብል። ኣብቶም ወየንቲ ብዝነበረ ሕራነ “ንኹለን ንውቀዓየን” ብዝብል ምርድዳእ ምስተገበረ ናብታ ቀዳመይቲ ኦራል ምስ ተኮሱላ እተን ሸሞንተ ንድሕሪት ተመሊሰን ኣምሊጠን። እታ ሓንቲ ኦራል ግና ናህሪ ወሲኹ ክሃድም ክብል ምስ ዝሓዘቶም ወታደራት ተገልቢጣ እያ። ኣከታቲሎም ቡንቧ ምስ ደርበይሎም ንሓደ ኮሬኔል ሓዊሱ 27 ወተሃደራት ፀላኢ ምውቱን ቁሱልን ከኾኑ ገይሮም እዮም እቶም ጀጋኑ ወየንቲ።
ካብዚ ብምቕፃል ካብ 23 ክሳብ 25 መጋቢት 2013 ዓ/ም ኣብ ዙርያ ከተማ ባሕሪ ፀባ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ሓይሊ ኣርባዕተ እውን ኣካል እቲ መኸተ ነይራ። ኣብዚ ዓውደ ውግእ ፀላኢ ሸሞንተ ታንኪ፣ ሽዱሽተ ‘ዞ 23” ብምሓዝ ምሉእ መካናይዝድን ሓደ ሻለቃ ኮማንዶ ሰራዊት ኢሳያስን ዘሳተፈ ብኣሽሓት ዝቑፀር ወተሃደር ብወገን ዳዕረይታ ናብ ከተማ ባሕሪ ፀባ መፂኡ። ነዚ ሸሾ ሰራዊት ንምምካት 130 ዝኾኑ ወየንትን ምልሻታትን ኣባላት ሓይሊ ኣርባዕተ እታ ዝዓበየት ብሬንን ነፍሲ ወከፍ ክላሽን ብምሓዝ ምስ ታንኪ፣ መድፍዕ ከምኡ እውን ምስ ነፋሪት ፊት ንፊት ንኣስታት 11 ሰዓት ዝኣክል ተዋጊኦም ኣብ ፀላኢ ድማ ከቢድ ክሳራ ኣብፂሖም እዮም። ፀላኢ እናተስዓረ እውን ሸሾ ሰራዊት ብምስላፉ ንጀጋኑ ወየንትናን ምልሻታትናን ናብ ከባቢ ሰበበራ ብምድፋእ ነቲ ከባቢ ክቆፃፀሮ ኸኢሉ ነይሩ። ይኹን እምበር ብመስተክራዊ ስርሒት ወየንትን ምልሻን ዕስራ ዓዲ ወጀራት ዝተደናገፁ ወተሃደራት ኣብፁን ዕሱብ ሰራዊት ኢሳያስን ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ካብቲ ከባቢ ተፀራሪጉ ወፂኡ እዩ።

☞

ብድምር ወየንትን ምልሻታትን ባሕሪ ፀባን ሰበበራን (ሓይሊ ኣርባዕተ) ኣብ ዘካየድዎም ልዕሊ ሓሙሽተ ዓውደ ውግኣት ልዕሊ 100 ዕሱብ ወተሃደር ፋሽሽቲ ኣብዪ እንትቐትሉ፣ 17 ማሪኾም፣ ሓሙሽተ ድማ ኣቑሲሎም እዮም። ብወገን ኣፅዋር እውን 35 ክላሽን፣ ኣርባዕተ ስናይፐር፣ ሸውዓተ ብሬን፣ ሓሙሽተ ኣፈሙዝ ብሬን ከምኡ እውን ኣርባዕተ መራኸቢ ሬድዮ ብምምንዛዕ መስተንክራዊ ዓወት ተጓናፂፎም።

እዞም ጀጋኑ ወየንቲ ኣብ ግምባራት ካብ ምኩሻሕ ብተወሳኺ ኩሉ ዝከኣሎም ደገፋት ነቲ ስሩዕ ሰራዊት ክበፅሕ እናገበሩ ፀኒሖም እዮም። ንኣብነት፣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2013 ዓ/ም 29 ኣጣል፣ ሸውዓተ ኩንታል ሕሩጭ፣ ሓደ ኩንታልን ፈረቓን ሽኮር፣ ሓደ ኩንታል ጥሕኒ ብምሓዝ ናብ ግንባር ከይዶም ንሰራዊት ትግራይ ሓቦ ኣስኒቖም ሐዚ እውን ዕጥቀም ከምዘይፈትሑን ኣብ ጎድኖም ከምዘለዉን ኣረጋጊፆም ከምዝተመለሱ መራሒ ሓይሊ ኣርባዕተ ወያናይ ኣባዲ ወለንቸአል (ኣቦ ብሬን) ይገልፅ።

ወየንትን ምልሻታትን ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት ፋሽስቲ መንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድ፣ ተስፋሕፋሓይ ሓይሊ ትምክሕቲ ኣምሓራን ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቅን ተዋዲዶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀምዎ ወራር ብዝለዓለ ሕራነ እናመከቱ ፀኒሖም እዮም። ኣብቶም ዝሓለፉ ሸሞንተ ናይ መኸተ ኣዋርሕ ንበይኖም ተወዲቦምን ምስ ሰራዊት ትግራይ ተዋዲዶምን በቢግዚኡ ፈተንቲ ናይ ደባይን ፊት ንፊት ውግኣትን ብምክያድ ዝንተ እለት ብወርቂ ቀለም ተሰኒዱ ዝነብር መስተንክራዊ ዓወታት ኣመዝጊቦም።

እዚ ክገብሩ እንተለዉ ህዝቢ ትግራይ ተቓሊሱ፣ ትግራይ ከም እትዕወትን ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ትግራይ ናብ ቦትኡ ከምዝምለስን ብምትእምማን እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ኩሉ ዝነበረ ፀገም ተፃዊሮም ኣንፃር ፀላእቲ ተኸታተልትን ከበድትን ውግኣት ኣካይዶም። ብመሰረት እዚ ኣብ ጣብያታት ሰናዕለን ጎንካን ቅድሚ እቲ ወራር ምምፅኡ "ሓይሊ ሰለስተ" ብዝብል ሽም ሰለስተ መራሕቲ ሓይሊ ዘለውዎ 202 ምልሻ ተወዲቦም ፀኒሖም። ፀላኢ ናብቲ ከባቢ ምእታው ምስ ጀመረ ድማ ካብ ከተማ ናብ ገጠር ብምውፃእ ቀትሪ ምስ ለይቲ ፈቐዶ ጎቦ፣ ሽንጥሮን ኩርባን ብምስፋር እናመከቱ ዕረፍቲ ኣስኢነምዎ። ኣብ ውሽጦም ነባራት ዓቕሚ ስለዝነበሩ ነዚ ከም ዕድል ተጠቒሞም ቀፃሊ ከመይ ተወዲቦም ክንቀሳቐሱ ከምዝግባእ በብመዓልቱ ምርድዳእ እናፈጠሩን ውዳበኦም እናስጠሙን መፂኦም። ኣብቲ ሽዑ ዝተገበረ ገምጋምን ምፅራይን እውን ኣብ ውሽጦም ሓደ ናይ ብልፅግና ተላኣኣኺ ኮይኑ ዝፀንሐ ምልሻ ተረኺቡ እዩ። እቲ ባንዳ እንታይነቱ ምስተፈለጠ ግና ሰሊሙ ናብ ፀላኢ ኣትዩ። ድሕሪ እቲ ዝተገበረ ምፅራይ ዳግመ ምትዕርራይ ብምግባር ካብቶም 201 ምልሻን ወየንትን እቶም 36 ብረቶም ሓቢኦም ኣብ ውሽጢ ፀላኢ ኮይኖም ምስቲ ሕብረተሰብ ብምንቅስቓስ ናይ ክትትልን ስርዒትን ስራሕ ክሰርሑ ተገይሩ። እቶም 165 ምልሻን ወየንትን ድማ ናብራኦም በረኻ ብምግባር ቃልሶም እናካየዱ ፀኒሖም እዮም።

ምልሻን ወየንትን ጣብያታት ሰናዕለን ጎንካን (ሓይሊ ሰለስተ) በይንቶምን ምስ ሰራዊት ትግራይን ብምዃን ብርክት ዝበሉ ውግኣት ብምክያድ ዝሰርሕዎም መስተንክራዊ ዓወታት ዳርጋ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ምልዓል እዩ። ንኣብነት 28 ሕዳር 2013 ዓ/ም ፋሽሽት ስርዓት ኣብዪ ዘራያት ዓዲሙ፣ ልዕሊ ሸውዓተ ኦራላት ምሉእ ሰራዊት ኣሰሊፉ፣ ሓንቲ ታንክን ክልተ መድፍዕን ዝርከበኦ ዘመናዊ ዕጥቂ ተንተርኢሱ ህዝቢ እናበሳበሰን ቁሸታት ብከበድቲ ብረት እናዕነወን ብክልተ ኣንፈት ማለት ብወገን ዓዲ ቐይሕን ዓዲ ጉደምን ናብ ከባብታት ዕስራ ዓዲ ወጀራት ተሚሙ። ይኹን እምበር "ህዝብናን መረበትናን ኣይነድፍርን" ዝበሉ ወየንትን ምልሻታትን ጣብያታት ሰናዕለን ጎንካን፣ "ጎነቕ" ኣብ ዝበሃል ክሳድ ዓሪዶም ብምፅናሕ ፊት ንፊት ገጢሞምዎ። ፀላኢ ነዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ክባ ኣእትዩ ጨፍሊቑ ንምሕላፍ ተደጋጋሚ ፈተነ እንተካየደ እውን እናተፀፍዐ ብወገን ዓዲ ጉደም ዝመፀ በታ ዝመፃ ክምለስ ተገዲዱ። ብኣንፈት ዓዲ ቀይሕ ካብ ዝመፀ ሸሾ ዕሱብ ሰራዊት ኣብዪ እውን ንመጀመርታ እዋን ከባቢ 53 ወተሃደራት ተቐቲሎም፣ ትሽዓተ እንትማረኹ ዝተረፉ ድማ ናብ ዓዲ ቀይሕ ተመሊሶም እዮም። ብስርሒት እቶም ጀጋኑ ወየንትን ምልሻን ዝሓረቐ ፀላኢ ጋዕ ገልጠም ወሲኹ፣ ብወገን ዓዲ ቀይሕ ዝነበረ እውን ሓዊሱን ሓይሊ ኣጠናኺሩን ዕለት 30 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ብኣንፈት ዓዲ ጉደም ዳግማይ ናብቲ ከባቢ ተመሊሱ ብዝነበሮ ሓይሊ ሰብ ዓብላልነት ነቲ ከባቢ ክቆፃፀሮ ከምዝኸኣለ፤ ይኹን እምበር ሓያል ክሳራ ከምዝወረዶ ኣባል ኣመራርሓ ሓይሊ ሰለስተ ወያናይ ካሕሳይ መድሕን ገሊፁልና እዩ።

ሸሞንተ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ካልኣይ ቀብሪ ወያናይ ኣስሮ ተስፋይ ኣብ ዝግበረሉ እዋን እውን ብርክት ዝበለ ዕሱብ ፀላኢ ምስ ምሉእ ዕጥቁ ናብ ከባቢ ገንቲ ብምምፅኡ ሓይሊ ሰለስተ ምስ ካልኦት ወየንትን ምልሻን እቲ ወረዳ ኮይኖም ብፅንዓት ተዋጊኦም እዮም። ኣብቲ ውግእ ልዕሊ 32 ወተሃደራት ፀላኢ ምውታት፣ ሸሞንተ ቑሱላት እንትኾኑ ሸውዓተ ድማ ተማሪኾም እዮም። ከምኡ እውን ሓደ ድሽካ፣ ሓደ ብሬን፣ ብርክት ዝበሉ ከላሽን ዘለዎም ኣፅዋራት ተተኮስትን ንመጀመርታ እዋን ብምምራኽ ታሪኽ ሰሪሖም። ኣብቶም ዓውደ ውግኣት ምልሻታትን ወየንትን ወረዳ ዕስራ ዓዲ ወጀራት ፀላኢ ብ"ሲማኖፍ" ዝበሃል ድሑር መሳርሒ ኩናት ኣቢሎም ብሬንን ድሽካን ዝማረኽሉን ፀላኢ ዘርዐድሉን ስርሒት ነይሩ።

እቶም ዓውደ ውግኣት እንትካየዱ ኣብ ወገን ዝነበረ ሓይሊ ሰብን ኣፅዋርን ምስ ፀላኢ ሒዝዎ ዝመፀ በዝሕን ሰራዊትን ዝተዓጠቖ ዓይነት ኣፅዋርን ዝመጣጠን ኣይኮነን። ልዕል ክብል እናተገለፀ ከምዝፀንሐ ፀላኢ ብበዝሒ ሰራዊት ዘዕለቕለቐ፣ ታንክታትን መድፍዕን ሓዊሱ ብዝተፈላለዩ ድሩዓትን ከበድቲ ኣፅዋራትን ዝተደገፈ ነይሩ። ይኹን እምበር ብወገን ዝነበረ ሓቦን ስምዒት ኣይንብርከኽን እንትምዘን ኣብዚ እቶ ዝበሃል ኣይኮነን። ከምዚ ብምዃኑ እዩ ድማ ወየንትን ምልሻታትን ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት ፀላኢ መእተውን መውፅእን ክስእን ብድብያን ፊት ንፊትን ብምግጣም ታሪኽ ሰሪሖም ዓወት ዘመዝገቡ።

ወየንትን ምልሻታትን ጣብያታት ሰናዕለን ጎንካን ኣብቶም ዝሓለፉ ሸሞንተ ናይ መኸተ ኣዋርሕ (2013 ዓ/ም) ኣርባዕተ ጊዜ በይንቶም ምስ ፀላኢ ፊት ንፊት ገጢሞም እዮም። ቃልሲ ሓይሊ ሰለስተ ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት ኣብዚ ኣየብቀዐን። ካብ ዕለት 23 ክሳብ 25 መጋቢት 2013 ዓ/ም ምስ ሰራዊት ትግራይ ብምዃን ኣብ ዝተገበሩ ውግኣት ብጅግንነት ተዋዲቖም። ፀላኢ እውን ካብቲ ወረዳ ብክፉል ብፍላይ ድማ ካብ ዋና ከተማ ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት ዝኾነት ከተማ ባሕሪ ፀባ (ደቡብ) ርዑኡ ጠቕሊሉ ክወፅእ ተገዲዱ እዩ። ብድምር ሓይሊ ሰለስተ ኣብ ዝገበረቶም ልዕሊ ሓሙሽተ ዓውደ ውግኣት በታ ሓይሊ ጥራሕ ኣርባዕተ ብሬን፣ ሓንቲ ዲሽካ፣ 26 ክላሽ ካብ ኢድ ፀላኢ ከምዝተመንዝዐ ኣመራርሓ ሓይሊ ሰለስተ ወያናይ ግደይ ኣለመን ዝሃበና መብሪሂ የረጋግፅ።

ወያናይ ግደይ፣ ኣብቶም ዝተኻየዱ ዓውደ ውግኣት ካብ ዝተሰርሑ መስተንክራት ዘጋጠመ ፍሉይ ተጓንፎ ኣመልኪቱ ሓሳቡ ኣካፊሉና። ኣርባዕተ ጥሪ 2013 ዓ/ም ፀላኢ ብክልተ ግንባር ማለት እውን ዳግማይ ብወገን ዓፋርን ብኣንፈት ዓዲ ቀይሕን ዝመፀ ሰራዊት ወየንቲ ሓይሊ ሰለስተ ኣብ ምሉእ ክባ ከምዝኣተዉ ይዝክር። እታ ዕለት ከምዕንቀኑ ፀቢባቶም ምንባራ እውን ይገልፅ። ይኹን እምበር እቶም ጀጋኑ ወየንቲ ነቲ ብገፅ ዓፋር ዝመፀ ፀላኢ ወቒዕኻ ካብ ክባ ንምውፃእ ብዝገብርዎ ምርድዳእን ብዝወሰንዎ ውሳነን መስተንክራዊ ስርሒት ሰሪሖም ብዘይምንም መስዋእቲ ካብ ክባ ፀላኢ ፈንፂሖም መሰስ ከምዝበሉ የዘንቱ።

ብዘይመስዋእትን መቑሰልትን ዓወት ከምዘይርከብ ተረዲኦም ሓንቲ ህይወቶም ንህዝቢ ትግራይን ንዓዶም ትግራይን ከወፍዩ ናብ መኸተ ዝኸተቱ ወየንትን ምልሻታትን ወጀራት ዕስራ ዓዲ ኣብቶም ዝተመዝገቡ ድሙቕ ዓወታት ህይወቶም ብጅግንነት ገቢሮም እዮም። ብምኽንያት እዚ እውን ወየንትን ምልሻታትን ሓይሊ ሰለስተ ኣብ ዘካየድዎም ልዕሊ ሓሙሽተ ዓውደ ውግኣት ካብ 201 በዝሒ ኣባላት እታ ሓይሊ 12 ብመስዋእቲ እንትፍለዩ፣ 33 ድማ ከቢድን ቀሊልን መጉዳእቲ ኣጋጢምዎም እዩ።

ኣብቶም ዓውደ ግንባራት ብርክት ዝበሉ መስተንክራዊ ጀግንነት ዝፈፀሙ ወየንትን ምልሻታትን ኣለዉ። ካብዚኣቶም ሓደ ስውእ ኣቦ ብሬን ወያናይ ሓጐስ ኣበረሀ ኣብቶም ዝተሳተፍሎም ውግኣት ብጣዕሚ ንፉዕ ተኳሲ ብሬን ከምዝነበረ ኣብ ጎድኑ ዝዋዓሉ ጀጋኑ ወየንቲ ይገልፁ። ወያናይ ሓጎስ ቅድም ክብል ካብ ዝነበሮ ኣባል ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ብኽብሪ ተሰናቢቱ ፀኒሑ። ደሓር እቲ ኩነታት ምስተፈጠረ ድማ ኣብ ሓይሊ ሰለስተ ብነባር ዓቕሚ ተወዲቡ እዩ። ሸሞንተ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ሓይሊ ሰለስተ ብክላሽንን ሲሞኖፍን ተዋጊኣ ብሬን ምስ ማረኸት ሓጎስ ነታ ዝተማረኸት ብሬን ሒዙ ክዋጋእ ተገይሩ። ድሕሪኡ እታ ሓይሊ ኣብ ዝገበረቶ ውግእ ሓጎስ ልዕሊ 10 ወታደራት ብምቕታል፣ ፀላኢ ክርዕድን ክሃድምን ይገብሩ ካብ ዝነበሩ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ሓደ ነይሩ። ብድምር ወያናይ ሓጎስ ኣብ ኣርባዕተ ዓውደ ውግኣት ተሳቲፉ መስተንክራዊ ስርሒት ዝሰርሐ እንትኸውን ወየንትን ምልሻን ወጀራት ኣርባዕተ የካቲት 2013 ዓ/ም ኣብ ዳዕረይታ ምስ ፀላኢ ኣብ ዝገበርዎ ከቢድ ግጥም እንትዋደቕ ብጅግንነት ተሰዊኡ።

ምልሻታትን ወየንትን ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት ኣብ ግንባር ፊት ንፊትን ብድብያን ፀላኢ እንትሕምሽሹን ዕረፍቲ እንተስእኑን ብርክት ዝበሉ ፀገማት እናጋጠምዎም ፀኒሖም እዮም። ሓደ ምስ ፀላኢ እንትነፃፀር ዓብዪ ዋሕዲ ሓይሊ ሰብ ብምንባሩ ዳርጋ ሓደ ን20 ምስ ምሉእ ኣፅዋሩ ዝገጥምሉ ኩነታት ነይሩ። ካልኣይ ካብ ቤተሰቦም ርሒቖም ኣብ በረኻ ብምስፋሮም ናይ ስንቂ ፀገም ከምዝነበረ ሒዞምዎ ዝተበገሱ ኣፅዋር እውን ድሑርን ውሑድ ጥይትን ብምንባሩ ምስ ፀላኢ ምንፅፃር ዘየኽእል ዓብዪ ሕፅረት ኣጋጢሙ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ምስ ፀላኢ ፊት ንፊት ኣብ ዝገጥምሉ እዋን ምስ ወገን ዘራኽብ ሬድዮ ርክብ ብዘይምንባሩ ኩነታት ፀላኢ ይኹን ኩነታት ወገን ሓበሬታ ንምሃብን ንምርካብን ዓብዪ ፀገም ነይሩ።

ይኹን እምበር እዞም ፀገማት እንተጋጥሙ ንኹሉ ተፃዊሮም ቀፃሊ ዝምዝገብ ሃለዋት ህዝቢ ትግራይን ራህዋን ተረዲኦም ብሓቦን ኒሕን ሓደ ኢዶም ውቑዕ ሓደ ኢዶም ብረት ብምሓዝ ተኳሺሖምን ተዓዊቶምን እዮም። ብፍላይ ደሓር ድማ ካብ ፀላኢ ዝመንዝዕዎም ናውቲ ኩናትን ጠያይትን እናተጠቐሙ ብሕራነ ቀፂሎም። ነባራይ ህዝቢ ወረዳ ዕስራ ዓዲ ወጀራት እውን ኣብ ጎኖም ተሰሊፉ እዩ። ህዝቢ እቲ ከባቢ ብለይቲ ልዕሊ ኣርባዕተ ሰዓት እናተጓዓዘ ስንቂ የቐብሎም፤ ኣብ ዓውደ ውግእ ዝተጎድኡ ወገናት ኣብ ገዛውቱ ወሲዱ እናሓከመን እናሓብሐበን ክድሕኑ ብምግባር መስመር ወየንቲ ወጀራት ከይዛሪ ፀኒዑ ይቃለስ ነይሩ። ነዚ ድማ እዩ እቶም ጀጋኑ ወየንቲ ሓቦን ኣይንምብርከኽን በሃላይነትን ህዝቢ ወረዳ ዕስራ ዓዲ ወጀራት ሰኒቖም መስተንክራዊ ስራሕ ሰሪሖም ዝተዓወቱ።

ብሓፈሻ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዕስራ ዓዲ ኣብቲ ዝሓለፈ ሸሞንተ ወርሒ (2013 ዓ.ም) ዝነበረ መግለፂ ዘይብሉ ወራራት፣ ጥምየት ፃምእን ካልኦት ፀገማትን ተፃዊሮም ብዝተወደበ መንገዲ ኣብ ልዕሊ እቶም ንህዝቢ ትግራይ ከምህዝቢ ከብርሱ ዝመፁ ወረርቲ መሪር ውቅዒት ብምዕራፍ ንውሉድ ወለዶ ዝሰጋገር መስተንክራዊ ጅግንነት ፈፂሞም። እዞም ጀጋኑ፣ ኣብ ሓቀኛ መስመርን ዕላማን መሪሕ ውድቦምን መንግስቶምን ተሰሊፎም ሳላ ዝተቓለሱ ፀላእትና ብምድምሳስ ተደራረብቲ ዓወታት ክዓትሩ ክኢሎም እዮም። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዝበፅሐ ክሳራ እንትርአ ብድምር 915 ምውት፣ 319 ቁሱል፣ 88 ምሩኽ ኮይኑ፤ ብኣፅዋር መዳዩ ድማ ሓደ ድሽካ፣ 22 ብሬን፣ 179 ክላሽን፣ ክልተ ኣርበጅ፣ ሓደ ሞርታር፣ 11 ስናይፐርን 13 ርክብ ሬድዮን ማሪኾም እዮም። ከምኡ እውን ክልተ 120 ሚሊ ሜትር መድፍዕ፣ 11 ተሽከርከርቲ መኻይን ተቓፂለን እየን።

እቲ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዝበፅሐ ክሳራ ምስቲ ኣብ ወየንትን ምልሻን ዝበፅሐ እንትነፃፀር ፈፂሙ ኣይራኸብን። ኣብ ኩሎም ዓውደ ውግኣት ብወገን ዘጋጠመ ክሳራ 47 ስውኣት፣ 70 ቁሱላት ምዃኖም ተጋዳላይ ረዳኢ ይገልፅ። እዚ ድማ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ከኽፈል ዝግብኦ ክቡር መስዋእቲ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ንኣስታት ሸሞንተ ወርሒ ኣንፃር ወረርቲ ሓይልታት በብግዚኡ ዝተኻየዱ ውግኣት ኣብቲ ወያናይን ምልሻን ከምኡ እውን ኣብ መላእ ህዝቢ ወጀራት ዒስራ ዓዲ ዝተርኣየ ጅግንነት ዝተፈለየ እዩ። እቲ ቃልሲ ኩሉ ተወዲቡ በብዝተመደቦ ዝተሳተፈሉን ዝተቓለሰሉን ስለዝኾነ ሓደ ካብቲ ካልእ ዝተፈለየ ጅግንነት ነይርዎ ኢልካ ምድምዳም ኣይከኣልን።

ተጋዳላይ ረዳኢ፣ ሐዚ እውን ኩሉ ወያናይን ምልሻን እታ ወረዳ ብረቱ ከምዘየውረደ የረድእ። በቲ ሳላ ቓልሱ ዝረኸቦ ተነፃፃሪ ሰላም ጎድና ጎድኒ ጣጣ ጎጅኡ እናሳለጠ ብዝተወደበ መልክዕ ፀጥታ ከባቢኡ ኣብ ምክትታልን ምሕላውን ከምቀደሙ ኣብ መስርዑ ኣሎ። ከም ወረዳ 24 ቀወምቲ ናይ ሓለዋ ቦታታት ዝተነፀሩ እንትኾኑ፣ 32 ድማ ከም ኣኽራናት፣ በዓቲ፣ ሩባታት፣ ዝካረዩ ዓራታትን ካልኦትን እናተንቀሳቐስካ ፈተሻ ዝግበረሎም ከባቢታት ብምንፃር ፀላኢ ኮነ ፀጉረ ለወጥ ሰላሊ ሸሊኹ ከይኣቱ ብንቕሓት ይሕሉ ከምዘሎ ተጋዳላይ ረዳኢ ገሊፁልና እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ይትረፍ ኣብዚ መበል 21 ክፍለ ዘመን መሪሕ ውድብ፣ ዓርሱ ዝመረፆ መንግስትን ስልጡን ኣተሓሳስባን ሒዙ እቲ ቀደም ምዕቡላት ብዝበሃላ ሃገራት እንትውረር እኳ ፈፂሙ ኣይተምበርከኸን። ኣምበርኪኹ እምበር። ጀጋኑ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዕስራ ዓዲ እውን ነቲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመፀ ታሪኻዊ ጅግንነትን መስተንክር ሰራሓይነትን ህዝቢ ትግራይ መበገሲ ገይሮም ነቶም ሓደሽቲ ወረርቲ ናይዚ ዘበን ብተግባር መኪቶም ከምዝሰዓሩ ዝገለፅዎ ሓቂ ነቲ ሕሉፍ መንነትናን ታሪኽናን ዘረጋግፅ እዩ።

ፋሽስታዊ ጉጅለ መንግስቲ ኣብዪ፣ ዕሱብ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስን ተስፋሕፋሕቲ ሓይሊ ኣምሓራን ኣብዚ መዋእል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘካየድዎ ወራር፣ ዝፈፀምዎ ግፍዕን በደልን ዋላ እኳ ዘይርሳዕ እንትኾነ፣ ሕልምን ባህግን ናይዞም ወረርቲ ሓይልታት ግና ሳላ ቅልፅምና እናፈሸለ እዩ። ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብመሪሕ ውድብ ህወሓት ኣብቶም ዝሓለፉ ሸሞንተ ኣዋርሕ ሓደ ልቢ ኮይኖም ብዘካየድዎ መስተንክራዊ ቃልሲ መኸተ ፀላእቲ ተሳዒሮም ክወፁ ብምኽኣሎም ዝዓበየ ክፉል ትግራይ ውሑስ ኮይኑ ኣሎ። ይኹን እምበር ሐዚ እውን ገለ ከባብታት ትግራይ ኣብ ትሕቲ ፀላእቲ ብምህላዎም ጥራሕ እንተይኮነ እዞም ወረርቲ እዚኦም ቀፃሊ ስግኣት ህዝቢ ትግራይ ብዘይኾንሉ መንገዲ ንምድምሳስ ሕዚ እውን ሰራዊትና ኣብ ቅድመ ግምባር እናተዃሸሐ ይርከብ። ስለዚ ድማ ኩሎም ፀላእቲ ካብ መላእ ትግራይ ክፀራረጉ ምግባር ጥራሕ እንተይኮነ መሊኦም ክሳብ ዝጠፍኡ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርከብ ትግራዋይ ቃልሱ ብዝያዳ ኣጠናኺሩ ናብ ሙሉእ ዓወት ክብፅሖ ይግባእ። መልእኽቲ ወየንቲ ወጀራት እውን ንሱ እዩ።

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ዘይተበተኸ ሕልኽላኽ ውሻጠና

ኣብ ትግራይ ብመዳይ ፀጥታ ቅድሚ ኲናት ፅንተት ካብ ኣወዳድባ ሓይልታት ፀጥታ (ህዝባዊ ፖሊስ፣ ፍሉይ ሓይልን ምልሻን) ብተወሳኺ ሕብረተሰብ ኣሳቲፍካ ዝተዋደደ ስራሕ ይስራሕ ነይሩ። ኩሎም ስራሕቲ ፀጥታ ሕብረተሰብ ብሓሳብ፣ ጉልበትን ፍልጠትን ደጊፉዎም ይፍፀሙ ምንባሮም ድማ በቢከባቢኡ ዉሑስ ሰላም ንክህሉ ውፅኢታዊ ክኾኑ ኣኽኢሉዎም እዩ። ማሓውር ፖሊስን ምልሻን ትግራይ በቢከባቢኡ ምስዘሎ ነባሪ ሕብረተሰብ ተዋዲዱ ዝሰርሖም መርኣያ ዝኾኑ ተግባራት ነይሮም። ይኹን እምበር ኲናት ፅንተት ኣብ ትግራይ ምስተፈፀመ ኣብ ህወትን ንብረትን ብዙሕ ዕንወትን ክሳራን ወሪዱ እዩ። ብሰንኪ እዚ እቶም ዝነበሩ ኣወዳድባታት መሓውር ፀጥታ እውን ፈሪሶም እዮም። ካብዚ ዝብገስ ፀገማት ፀጥታ ኣብ መላእ ትግራይ ክብሃል ዝከኣል እናተበራኸቱን ስግኣታት እናበዝሑን ከምዝኸዱ ብግልፂ እናተርኣየ መፂኡ እዩ።

ከምከተማ መቐለ ነዚ ፀገም ፀጥታ ንምእላይ ቅድሚ ስምምዕ ፕሪቶርያ ጀሚሩ ጎና ጎኒ ስራሕቲ መኸተ ውሽጣዊ ፀጥታ እታ ከተማ ናብ ንቡር ንምምላስ ዝግበሩ ፃዕርታት ነይሮም። ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ እውን ብቢሮ ሰላምን ፀጥታን እናተመርሐ ፖሊስ፣ ምልሻን ሓይልታት ፀጥታን ትግራይ ተዋዲዶም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ነዚ ስዒቡ ኣብ ምቕናስ ገበንን ምሓዝ ተጠርጠርትን ዝተርኣዩ ለውጥታት ኣለዉ። እዚ ኮይኑ ግና ኣብ ሞንጎ ብዝፍጠር ምቁርራፅ ኣፈፃፅማ ስራሕቲ ፀጥታ እቶም ዝረኣዩ ገበናትን ስግኣታትን መሊእኻ ምቑፅፃርን ምክልኻልን ኣይተኽኣለን። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብቲ ማሓዉር ፀጥታ እውን ምንኣስ ዓርሰ እምነትን ስግኣታትን ዝሓድርሉ ኩነታት ተፈጢሩ ከምዝነበረ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ ተጋዳላይ ረድሀይ ፍስሃ ይገልፅ።

ካብዚ ዝብገስ ኣብ ከተማ መቐለ ኮነ ኣብ ካልኦት ከባብታት ትግራይ ኩሉ ዓይነት ገበን ይፍፀም ነይሩ። ኣብዚ ዝጥቀሱ ቀንዲ ምኽንያታት ድማ ኣለዉ። ንኣብነት፣ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ፀገም ከምሓደ መበገሲ ፀገም ፀጥታን ዘይምርግጋእን ገይርካ ይውሰድ። ካልኣይ ድማ እቲ ማሓውር ፀጥታ ካብቲ ዘሎ ፖለቲካዊ ፅልዋ ወፂኡ ተሞክሮኡ መሰረት ገይሩ ኣብ ምስራሕ ጉድለት ኣለዎ። ህዝቢ ኣሳቲፍካ ኣብ ምስራሕ እውን በቲ ዝድለ መጠን ኣይኮነን። ብሰንኪ እዚ ህዝቢ ንሓደጋ ፀጥታ ተቓሊዑ፣ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሱ እውን ንኽሰግእን ውሕስና ከይስምዖን ገይሩዎ ይርከብ። ብመሰረት እዚ፣ ነቲ ህዝቢ ካብ ስግኣት ንምውፃእ ካብ ኣካላት ፀጥታ ብተወሳኺ ህዝቢ እውን ሓጋዛይ ክኸውን ንምግባር ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ። ሕዚ ኣብ ፀጥታ ካብ ክልል፣ ዞባ፣ ወረዳ፣ ጣብያ፣ ቀጠና(ቑሸት)ን ብሎክን ውዳበታት ተፈጢሮም እዮም። ንኣብነት፣ ማሕበረሰብ ፎረም ክፍለ ከተማ፣ ጣብያ፣ ቀጠናን ብሎክን ዝበሃሉ ተጣይሾም ኣለዉ። ብተመሳሳሊ ኣወዳድባ ፖሊስ እውን ክሳብ ቀጠና ፖሊስ ኮሚኒቲ መሓውር ዘርጊሑ ማሕበረሰብ ማእኸል ገይሩ ብቐረባ ከገልግል ተገይሩ ኣሎ።

ኣብ ከተማ መቐለ 33 ጣብያታት፣ 173 ቀጠናታትን 964 ብሎካትን ኣለዋ። ኣብዚኦን እቲ መሓውር ፀጥታ ብኣወዳድባኡ ክሳብ ታሕቲ ዝወረደ እዩ። ንኣብነት፣ ጥሙር ኮሚቴ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ፖሊስ፣ ምልሻን ከምኡ እውን ዘፈር



**ተጋዳላይ ረድሀይ ፍስሃ**
**ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ**

ሰላምን ፀጥታን ተዋዲዶም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። እዞም ኣርባዕተ ኣካላት ጭቡጥ ኩነታት ፀጥታ ከተማ መቐለ ብምግምጋም ሓባራዊ ትልሚ ኣዳልዮም ናብ ተግባር ኣትዮም ከምዘለዉ ተጋዳላይ ረድሀይ የገንዝብ። ከም ኣገላልፃ ተጋዳላይ ረድሀይ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ከተማ መቐለ ብዋናነት ከበድቲ ገበናት ቅትለት፣ ምንጠላ፣ ምትላል፣ ተወዲብካ እምባጓሮ ምልዓል ዝኣመሰሉ ፀገማት ፀጥታ ከምዘለዉ ተገምጊሙ እዩ። ኣብ ሸውዓቲኦን ክፍለ ከተማታት ክሳብ ቀጠና ዘለዉ ሕድ ሕድ ቦታታት ስግኣት ተነፂሮም እዮም። ብወገን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ እንታይ ይስራሕ፣ ፖሊስን ምልሻን እውን እንታይ ከምዝሰርሑ ንፁር ኣንፈት ተቐሚጡ ኣሎ። እዚ ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ብሎክን ቀጠናን ዘሎ ኣወዳድባ ህዝቢ በዓል ዋና ክገብር ኣለዎ። ኣብዚ ብኣካላት ፀጥታ ክስርሑ ዝግብኦም ዓበይቲ ስራሕቲ ፈተሻ ዘድልዮም ቦታታት ተዋዲድካ ንምስራሕ ዝተትሓዙ መደባት ኣለዉ። እዚ ተኸታታሊ፣ ሃንደበታውን ስሩዕን ፈተሻ፣ ኣብ ኬላታት ፈተሻ ተሸከርከርቲ ወዘተ የጠቓልል።

ከምክልል እውን ነቲ ኣብ ከተማ መቐለ ዘሎ ፀገም ፀጥታ ብምርኣይ ዝተዋደደን ሓበራውን ስራሕ ንምስራሕ ኣንፈት ተቐሚጡ ኣሎ። ብመሰረት እዚ፣ ኣካላት ፀጥታ ካብ ዝኾነ ዓይነት ጎናዊ ፅልዋ ነፃ ኮይኑ ውግንንኡ ንምኽባር ሕግን ህዝብን ገይሩ ክሰርሕ ዘኽእሉ ጅማሮታት ኣለዉ። ህዝቢ እውን ኣብ ጎኒ ኣካላት ፀጥታ ኮይኑ ክሕግዝ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ እዩ። እቶም ስራሕቲ ሰሙናዊ ብብርኪ ከተማ፣ ብብርኪ ክፍለ ከተማታት ድማ በቢክልተ ሰሙን ክግምገምን ዘለዉ ፅቡቓት ነገራት እናጉላህኻ ጉድለታት ድማ እናኣረምካ ንምኻድ ዘኽእል ኣንፈት ተቐሚጡ ኣሎ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ከም ኣካላት ፀጥታ ተወዲብካ እንተኣቲኻ እቲ ህዝቢን ብፍላይ ከዓ መንእሰይ ሓጋዚ ከምዝኾን ኣብቲ ዝተገበረ ዉሱን ምንቅስቓስ ብተግባር ተራእዩ እዩ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ግና፣ ገበን ካብ ሕሉፍ ዓመት ብዓይኒ ስግኣት ይኹን ብቑፅሪ ወሲኹ እዩ። ኣብ ህዝቢ ፍርሕን ስግኣትን ብሰፊሑ ይርኣ ኣሎ። ብፍላይ እቲ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ምስተፈጠረ ኩነታት ፀጥታ እውን እናኸፍአ እዩ ከይዱ። ስለዝኾነ እቲ ጥሙር ኮሚቴ ምስህዝቢ ብዝርዝር ዘትዩን ግንዛበ ፈጢሩን ነቶም ፀገማት ንምስትኽኻል ይስራሕ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ስራሕ ቅድሚ ገበን ምፍፃሙ ምክልኻል፤ እንተተፈፂሙ ከዓ ነቲ ገበን ዝፈፀመ ኣካል ኣብ ቁፅፅር ኣውዒልካ ብሕጊ ክረአ ምግባር እዩ። ንኣብነት፣ ኣብዚ ዓመት ዝነበሩ ዓበይቲ በዓላት ካብ ኣሸንዳ ጀሚሩ ሓዱሽ ዓመት፣ መስቀል፣ ዓበይቲ ክልላዊ ሃይማኖታውን መንግስታውን መድረኻት ኩሎም ብሰላም ሓሊፎም እዮም። እዞም ዓበይቲ በዓላት እንትመፁ ኩሉ ናይ ፀጥታ ኣካል፣ መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮን ነባር ዓቕምን ተዋዲዱ ግቡኡ እናተዋፅአ እዩ መፂኡ። ይኹን እምበር እቲ በዓል ምስሓለፈ ኣብቶም በዓላት ዝተሰርሑ ፅቡቓት ስራሕቲ ዓቂብካ ዘይምኻድ ኣሎ።እዚ ከምዓብዪ ክፍተት ገይርካ ዝውሰድ እዩ፡፡

ከምከተማ መቐለ ኣብ መዳይ ፀጥታ ዘይተሰገሩ ዝበሃሉ ፀገማት ኣለዉ። ሓደ፣ ካብቲ ሐዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልውላው ፖለቲካ እቲ ፀጥታ ምሉእ ብምሉእ ወፂኡ ናብ ልኡኹ ክኣቱ ዘይምኽኣሉ እዩ። ኣጀንድኡ ምውሓስ ፀጥታ ጥራሕ ክኸውን እናተገብአ ካብ ልኡኹ ወፃኢ ኣካል ፖለቲካዊ ቅልውላው ኮይኑ ዝኸደሉ ተርእዮታት ኣለዉ።

ስለዚ እተን ዘለዋ ከበድቲ ስግኣታት ህዝቢ ንገለገሊኦን ንፖለቲካዊ ጥቕሚ መሳርሒ ክገብር ዝደሊ ሓይሊ ኣሎ። “ብሓይልኻ ኢኻ ትርባሕ፣ ተልዓል፣ ዓምፅ፣ ድፋእ” እናበለ ንመናእሰይ እናለዓዓለ ብሓይሊ ክጥቀም ዝደሊ ሓይሊ ኣሎ። ንኣብነት፣ መንእሰይ መምርሒ መሰረት ገይሩ መጠሻ መሬት ክረክብ ኣለዎ። ንፀጥታና ዝህውኽን እቲ መንእሰይ ግቡኡ ከይረክብን ብውሽጢ ዝሰርሑ ሓይልታት ኣካል መሓንቖ ፀጥታ እዮም። ካብዚ ሓሊፉ ሕጋዊ ውዳበታት ጉልባብ ገይርካ ህውከት ንክፍጠር ዝግበሩ ምንቅስቓሳት ኣለዉ። ከምኣብነት፣ ብሃይማኖት ኣቢልካ ዝፍፀሙ ተግባራት ምጥቃስ ይከኣል። ነዚ እውን ሕጊን ሕገ-መንግስትን ማእኸል ገይርካ ንክፍታሕ መራሕቲ ሃይማኖት እውን እናደገፉ መፂኦም እዮም። ካሊእ መሰረታዊ ፀገም እቲ ስራሕቲ ፀጥታ ብመስርሕ ገምጋም ክምራሕ ዘይምኽኣል እዩ። እዚ መስርሕ ገምጋም ቅድሚ ሕዚ እውን ተጀሚሩ ነይሩ፤ እንተኾነ ግን ምቁርራፅ ኣለዎ። እዚኦምን ካልኦትን ኣብቲ መሓውር ፀጥታ ዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕ ድማ ብትኹረት ይስርሐሉ ከምዘሎ ይገልፁ፡፡

ተጋዳላይ ረድሀይ፣ ከተማ መቐለ ናይ ኩሉ ማእኸል ዝኾነት ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያውን ምንቅስቓስ ዝካየደላ ከተማ ምዃና ይገልፅ። ብኡ ልክዕ ዝረአዩ ፀገማት ፀጥታ ብትኹረት ርኢኻ ምፍታሕ ኣገዳሲ እዩ። ዘይሕጋዊ ንግዲ፣ ዘይሕጋዊ ዝውውር ደቂ ሰባት (ኩብለላ)፣ ዘይሕጋዊ ምንቅስቓስ ዕጥቂ፣ ቁጠባዊ ምንጋዕን ናህሪ ዕዳጋን ነቲ ናይ ህዝብና ዕለታዊ ምንቅስቓስ ዘዳኽም እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ኩሎም ስግኣት ዘለዎም ከባብታትን ቦታታትን ዝህሉ ኣወፋፍራ ኣካላት ፀጥታ ዝተናበበ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት፣ ዓበይቲ ፈተሻን ሓለዋ ሸፋን ዝግበረሎም ቦታታትን ተነፂሮም እዮም። ብበዝሒ ገበን ዝፍፀመሎም ቦታታትን ሰዓቱን እውን ተፈልዩ ኣሎ።ብመሰረት እዚ፣ ኣብ መቐለ ዘሎ ሓይሊ ፀጥታ ክሽፍኖ ዝግባእ ክሽፍን ኣብቲ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ድማ ተሓጋጊዝካ ስራሕቲ ሓለዋን ፈተሻን ንምፍፃም ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ። በዚ ኣቢልካ እቶም ዝፍፀሙ ዘለዉ ገበናት ንምቕናስ እቶም ኣብ ሕብረተሰብ ከቢድ በሰላ ዝፈጥሩ ገበናት ምሉእ ብምሉእ ንምድራቕ እናተሰርሐ ይርከብ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ መሓውር ፀጥታ ክሳብ ታሕቲ ኣወዳድባ ፈጢሩ ኣሎ። ሕብረተሰብ እውን ኣብ ጎኒ እቲ ናይ ፀጥታ ኣካል ኮይኑ ንቕድሚት እናተጠናኸረ ንክኸይድ ሓገዝን ደገፍን ክገብር ኣለዎ። ሕብረተሰብ ኣለዓዒልካ በዓል ዋና ፀጥታ ዝገብር ምንቅስቓስ ምስራሕ ይሓትት። በዚ እንተዘይኮይኑ ምሉእ ከተማ ናይ ሓይሊ ፀጥታ ብምምዳብ ዝወሓስ ሰላምን ፀጥታን ክህሉ ኣይኽእልን። ሕብረተሰብ ዝውንኖን ዝከታተሎን ክኸውን ምግባር የድሊ። ገበን ዝፅየፍ ማሕበረሰብ እንትፍጠር ድማ እታ ከተማ ዘለዋ ምንቅስቓስ ኩሉ ውሑስ ይኸውን። ምኽንያቱ ኣብ ስግኣት ኮይንካ ናይ ልምዓትን ማሕበረ ቁጠባውን ምንቅስቓስ ክህሉ ስለዘይኽእል። እቲ ሎሚ እነኽብሮ ዘለና መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዮ በዓል 11 ለካቲት ዝተወረረ መሬትና ኣብ ዘይተመለሰሉ፣ ዝተሰደዱን ዝተመዛበሉን ወገናትና ናብ መረበቶም ኣብዘይተመለስሉ፣ ብሰንኪ ኲናት ፅንተት ብጣዕሚ ዝተጎሳቖለ ህዝቢ ኣብ ዘለሉ ፈታኒ ኩነታት ኮይንና ኢና። ኣብ ትግራይ ኣብ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ዝተመዝገበ ድምር ልምዓት ኩሉ ውፅኢት 11 ለካቲት እዩ። ቅድሚ 11 ለካቲት ኣበይ ነይርና? ድሕሪ 1983 ዓ/ም ኣብ ዝነበሩ ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ከ ናበይ ብርኪ በፂሕና? ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ካብቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ፀገም ንምውፃእ ቃልና ኣሐዲስና እንወፅሉ ዓብዩ ብሄራዊ በዓል ይገብሮ። ሕብረተሰብ ደጋፊ ዘይኮነስ ቀንዲ በዓል ዋና ሰላምን ፀጥታን ክኸውን ኣለዎ። ብፍላይ ከዓ ኣብዛ ታሪኻዊት ዕለት ቃሉ ኣሐዲሱ ብሓዱሽ መንፈስ ተለዓዒሉ ከተማኡ ከተማ መቐለ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ምሉእ ትግራይ ውሕስ ፀጥታ ንክህልዋ ምስ ኣካላት ፀጥታ ተዋዲዱ ክሰርሕ ይግባእ።



መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

## ጦፈኛ

# ደደቢትን ታባ ፅንዓትን ኣብ ሰሌዳ ታሪኽ




**ዑደት መናእሰይ ኣብ ድሮታት 11 ለካቲት ኣብ ታሪኻዊ ቦታታት ትግራይ**

ቅንያቱ ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ልደት ውድብ ህወሓትን ምጅማር ዝተወደበ ብሄራዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን 11 ለካቲት ዝኽበረሉ ሰሙን እዩ። ብምኽንያት እዚ ኣብ በረኻ ደደቢትን ጎቦ ታባ ወያናይ ፅንዓትን ዑደት ኣካይድና ነይርና። ካብ ዩንቨርሲቲታት ትግራይ፣ ኣባላት ሰራዊትን ውዳበታት መናእሰይን ዝተውፃእፃእና 400 እንኸውን መናእሰይ ኣብቲ ዑደት ኣለና። ኣብዛ ታሪኻዊት በረኻ ደደቢት ኮይነ ኣብ መንጎ ዑደትና ካብ ሰብ ታሪኽ ተጋደልቲ ዝሰማዕኹዋ ዛንታ ከካፍለኩም።

ድምቀት ሓደ ቦታ ሰማይ ጠቀስ ህንፃታት፣ ኣእላፍ ዘመናዊ ተሽከርከርቲ፣ ሰጣሕ ምዕሩጋት ጎደናታትን ብሙብራህቲ ዘግየፁ ኣብያተ ንግድን ካልኦት ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎትን ይመስለኒ ነይሩ። ይኹን እምበር ልዕሊ እዚ ርዝነት ዘለዎ ፅባቐ ዘለዎ በረኻ ኣሎ፤ በረኻ ደደቢት። ትርጉም ታሪኽ ብልክዑ ንዝርዳእ ሰብ ደደቢት ከምዓለሙ በረኻ ኣይኮነን። ቃላት ዘይገልፆ ፅባቐ ዝወነነ ዓርሱ ዝኸኣለ ክብርን ታሪኽን ኣለዎ። ካብዚ ተበጊሰ እየ "ፅባቐ ደደቢት ፅባቐ ትግራይን ፅባቐ ኣህጉር ኣፍሪካን" እዩ ዝብል እምነት ዘሕደርኩ። ስለዚ ንዓይ! ሓቀኛ፣ ሓሳባዊ፣ መትከላዊ፣ ፅንዓት፣ ህዝባውነት ምልክታት ፅባቐ ክሳብ ዝኾኑ በረኻ ደደቢት ካብ "ከተማነት" ንላዕሊ ትፅብቐ።

ታሪኻዊ በረኻ ደደቢት ብኣእዋም በረኻ ዝተሸፈነ ምውዓል ዓጋዘን፣ መፍለስ፣ ሰስሓን ጤለበዱን ዝነበረ ሒዚ ሓፀርቲ ቆጥቋጣት ዝረኣየሉ ዓረቤታይ (ሰፊሕ) መሬት እዩ። ኣብ ዙርያኡ ሽመልባ፣ ፀሊምን ዓዲ መሓመዳይን ዝበሃላ ቁሸታት ኣለዋ። ሐዚ ንኣንፈት ደቡብ ምዕራብ ዝተደኮነት ዕሸል ከተማ ደደቢት ኣላ። ካብታ ፀምፀም በረኻ ዛንታ ሓደ ዘይተዘመረሎም ጅግና ክሳድ ጋባ ካሕሳይ ሌኒን ዝሰማዕኹዎ ታሪኽ ከዋገዐኩም።

ቃልሲ ምስተጀመረ ኣብ ካልኣይ ወርሑ እዩ። ኣይተ ካሕሳይ ገብረመድህን ናብ ኣኽራናት ደደቢት ወፂኦም ሃደን ሰስሓን ሜዳቕን እናኣለሹ ማይ ፃድቃናት ናብ ዝበሃል ሩባ ወረዱ። ኣብ ወሓዚ ሩባ ማይፃድቃናት ካብ ካልኦት እዋናት ብዝተፈለየ ክልተ ሰባት ኣብ ሩባ ሩባ ሓዊ ኣንዲዶም ቅጫ እናሰንከቱ ረኣዩ።

"መን ኢኻ? ካበይ ኢኻ?" ምስተበሃሃሉ፤ ኣይተ ካሕሳይ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ሰብ ሕዉስ በሎም። እቲ ሰብ ኣብቲ ዝነብርሉ ክሳድ ጋባ ሰፊሕ ሕርሻ ዝነበሮ፣ ኣብ ከተማ ሽረ በዓል ሃፍቲ ዝኾነ፣ ወካሊ ህዝቢ ኮይኑ ተመሪፁ ኣብ ቤት መንግስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝኣትው ዝወፅእ ብዙሕ ትግራዋይ ዝፈትዎን ዘኽብሮን ተጋዳላይ ስሑል እዩ ነይሩ። ስሑል ኣኽብሮትን ትሕትናን ብዝተመልአ ፍሽኽታ "ኣንሕና ተጋደልቲ ትግራይ ኮይንና ኢና መፂእና" በሎም።

ዘረባ ስሑል ሓዱሽ ዋላ እኳ እንተኾኖም፤ ግን ኣየደናገፆምን። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ 1967 ዓ/ም ካብ ሕርሻኡ ዝተሓፈሰ እኽሊ ብግመል ፅዒኖም ሓቢሮም ሽረ ደይቦም ነይሮም እዮም። በዓልቲ ቤት ስሑል ወይዘሮ ሮማን ዘቕረባሎም እንጀራ እናበልዑ ስዋ ዳጉሻ እናሰተዩ ኣብ ሓደ መኣዲ ኣዕሊሎም ነይሮም። ነቲ እዋን ብዓይነ ሕልናኦም እናሰላሰሉ እቲ ትኩር ኣጠማምትኡ ልዕሊ ኩሉ በሊሕ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ዘከሩ። ብረቱ ኣብ ሰለፉ ኣደጊፉ ከባቢኡ ይሕሉ ምንባሩ ተርኣዮም።

ካብዚ ባሕሪ ሓሳቦም ስሑል ብዝቐፀሎ "ንሕና ተጋደልቲ ትግራይ ኢና፤ መነባብሮ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንምምሕያሽ ነዊሕ ቃልሲ ክነካይድ ኢና ናብዚ መፂእና ዘለና። ከምዚ እትርእየና ዘለኻ ሎሚ ውሑዳት ኢና፤ ፅባሕ ግን ብዙሓት ክንከውን ኢና። እንተኽኢልካ ንስኻ እውን ምሳና ተሓባበር" በሎም። ነዚ ዝሰምዑ ኣይተ ካሕሳይ ልቦም ብታሕጓስ ምስተመልአ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ሕሩጭ ምሸላ ኣካፈልዎም። ንገዛ ተመሊሶም ድማ 20 ታኒካ ሕሩጭ ሒዞምሎም መፁ። ኣብ ከይዲ ድማ እቲ ዕሸል ገድሊ ብሸፋቱ ከይጉበጥ ሓለዋ ብምክያድ ከምዕለታዊ ዋኒን ሓዝዎ።

ኣብ በረኻ ደደቢት ዝሰማዕኹዎ ሓፂር ታሪኽ በዚ ከምቢተ ሕዚ ድማ ናብ ጎቦ ታባ ወያናይ ፅንዓት ዝበሃል ቦታ ዝቐሰምኩዎ ካልእ ታሪኽ ከካፍለኩም። እዚ ቦታ ብክልቲኡ ኣንፈታት ናብ እንዳስላሰ ሽረ ቅልቅል እንትትብል ብወገን ደቡብ ዝረአ እምባ ኮይኑ "ታባ ወያናይ ፅንዓት" ዝብል ስም ግን ድሕሪ 1980 ዓ.ም እዩ ተዋሂብዎ። እቲ ጎቦ ጀነራላት ደርግ ዝምክሕሉ መበል 604 ኮር ብጆጋኑ ደቂ ህዝቢ ተጋደልቲ ህወሓት ዝተደምሰሰሉ ስፍራ እዩ።

ኣስታት 40 ሽሕ ሰራዊት ከምዝነበሮ ዝዝረበሉ እዚ ኮር፤ ብበርቃዊ መጥቃዕቲ ተጋደልቲ ህወሓት ተደምሲሱ ጭርሑ ደኒሉ ምስሃደመ ትግራይ መሊኣ ካብ ስርዓት ደርግ ሓራ ወፂኣ። ኣብቲ ዓውደ ኲናት ብዝተረኣየ መስተንክራዊ ጅግንነት ተጋደልቲ ህወሓት፤ ንዕንወት ስርዓት ደርግ ዘቀላጠፈ መቐይሮ ነጥቢ ተገይሩ እውን ይውሰድ።

ዛንታኡ ከምዚ እዩ። ሽዑ ታባ ወያናይ ፅንዓትስ ኣብ ኢድ እቲ ዱልዱል ክፉል ከቢድ ብረት መበል 17 ክፍለ ሰራዊት ደርግ እያ ነይራ። ንዋና ቤት ፅሕፈት ኣዛዚ መበል 17 ክፍለ ሰራዊት ጀነራል ኣርኣያ ዘርኣይ ኣብ ኢደን ዝጨበጣ ኣሃዱታት ህወሓት፣ ንጎቦ ዓጣሪት እንተይሒዛ ዕረፍቲ ከገብራ ማለት ዳርጋ ዓርሰ ቕትለት እዩ ነይሩ። ሰዓቱ ኣኺሉ፤ ሰራዊት ህወሓት ብመሳግር ምሕማስ ለማንን፣ ብወገን ዓዲፍልሖን ዝግዛግ እናወቐዐን እናተሃንፈፀን ንጓል እምባ ተጠምጠማ። እቲ መእተዊ መሳጥሕ ድኣ ይኹን እምበር ዕድመ ንቀላሚንጦስ ሽረ፤ ተጋዳላይ ብዙሕ ጉድኣት ከይበፅሖ ኣብ ሽንጥን መዓንጣን እታ ጎቦ ተገደመ።

ኣብ መረብረቢ ውግኣት ዝቐነየ ተጋዳላይ ወየድኣ ዘይውድኦ ዕማም ዘይጅምር ሓይሊ ኮይኑ እዩ እምበር፤ ብርኩ ረውረው፣ ጎረርኡ ቃዕቃዕ ከብዱ ብጥምየት ሸለውለው ይብሎ ነይሩ። ሓቦ ወለዱን ሕድሪ ስውኣቱን ዘየዕብር ጅግና ሓይሊ ኮይኑ እምበር እቲ ፀገምስ ልዕሊ ዓቕሚ ወዲ ሰብ እዩ ነይሩ። ብርኪ "ይኣክል"ኢላ እንትትዕፀፍ መትኒ ንቕድሚት እናመርሐት እንትትስሕብ፤ ተጋዳላይ ብሓቦን ብህልኽን እንትምርሽ ሞት ኣብ ቅድሚኡ ትፀንሖ ኣይትመስልን። ተማናጠል ዕርዲ ቀፂሉ። መድፍዕ፣ ሚንጣዓትን ሞርታራትን ንመሬት ሽረ ከንቀጥቅጥኣ ጀመራ። እንተኾነ እውን ንእምባታት፣ ቆየፃ፣ ጎልጎላት ማይ መሳኑ፣ ታባታት ዓድግዳድ፣ ጎቦታት እንዳጀወርግስን ኣንጠልጢላን ንሜዳታት ጨማይን ማይድሙን እንተዘይኮኑ ነቲ ኣብ ኣፍ ደገኣን ዝኹሕኹሕ ዝነበረ ተጋዳላይስ ዓረራተን ኣይረኸበኦን። እኳድኣስ ብወገን መዕረፎ ነፈርቲ ዝሃድም ንዝነበረ ናይ ደርግ ሓይሊ ድኣ ፀርገፈኦ። እቶም ወለዲ "እታ ብልሓት ልክዕ ከምታ ውግእ ጉራዕ እያ ነይራ" ዝብሉ ብዙሓት ተጋደልቲ ከምዘለዉ እዮም ዘረድኡ። እዚ ዛንታ"ተጋሩስ ንውግእ ሳይንስን ስነጥበብን ይገብሩዋ" ክብል ኣሜሪካዊ ኮሌኔል ዊሊያም ዳይዝገለፆ እዩ ኣዘኻኺሩኒ።

**ብኤልያብ ኣግኣዚ**
**ካብ ደደቢት**

**ዘይሕጋዊ ... ካብ ገፅ 16 ዝዞረ**

ወፃኢ ዓዲ ንስራሕ ንክኸዳ በረራ ኣየር ይፀበያ ከም ዘለዋ እቶም ዳይሬክተር ይገልፁ። እዚ ኣሃዝ ምስቲ ዝተተሓዘ ትልሚ እንትርኣ ኣዝዩ ዝነኣሰ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ኩለን ኮሌጃት ዘድልዩ ናይ ቅድመ ምድላዋት ስራሕቲ ብፍላይ መሰልጠኒ ናውቲ ብዘይ ምህላዎም መናእሰይ ብቐሊሉ ኣብ ቀረበኦም ክስልጥኑ ኣይከኣሉን። ነዚ ንዘይምፅባይ መናእሰይ ብበዝሒ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ይስደዱ ምህላዎምን ነዚ ንምፍታሕ እውን ብዝተኸኣለ መንገዲ ምስ መንግስቲ ፌደራል ብምርድዳእ ካብ ስልጠና ጀሚሩ ክሳብ ናይ በረራ ኣብ ትግራይ ንክጅመር ልዑል ፃዕሪ እናተገበረ ይርከብ።

ብድምር ኣብ ትግራይ ብዝፀንሐ ሰፊሕ ስራሕ ስእነት ምኽንያት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ናብ ወፃእ ሃገራት ዓረብ ዝተሰደዱ እንትኾኑ ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓማውቲ ድማ እቲ ዘይሕጋዊ ስደት ብዕፅፊ ዝወሰኸሉን ናብ ዘተሓሳስብ ብርኪ ዝበፅሐሉን ኩነታት በፂሑ ይርከብ። እዚ ብሰንኪ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ኵናት ዘስዓቦ ምዝባዕ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ቅልውላው ዝፈጠሮ ኮይኑ ብፍላይ ድማ ሉኣላዊ መሬት ትግራይ ብዘይምምላሱን ዳግመ ሕውየት ትግራይ ዘይምጅማሩን ድማ ቀንዲ ምኽንያት እዩም። ብሰንኪ እዚ መናእሰይ ትግራይ ኣብ በረኻታት ሊብያን የመንን ከይዶም ኣካላዊ መጉዳእትን ትርጉም ዘይብሉ ህልቀትን ይሳጥሑ ኣለዉ። ብሰንኪ ዘይሕጋውያን መኾብለልቲ ተታሊሎም ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ብዘእቱ መንገዲ ናብ ስደት ብምኻድ ግዳይ ሞት፣ ኣካላዊ መጉዳእትን ስነልቦናዊ ሃሰያን እናኾኑ ይርከቡ። እዞም መናእሰይ ኣብ ውሽጥ ደገን ዘለዉ ዕድላት ብምግንዛብ ናብ ወፃእ ዓዲ ከይዶም ክሰርሑ ድሌት ንዘለዎም በቲ ናይ ወፃእ ዓዲ ስራሕ ምውፋር ዝወፀ መስርሕን ከይድን ተጠቀምቲ ክኾኑንን ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ዝደለይዎ ዓዲ ክኸዱንን ይግባእ መልእኽትና እዩ።

**ዳግመ ትኹረት ... ካብ ገፅ 17 ዝዞረ**

ዕቀባ ሓመድን ማይን ጀሚሮም ፀኒሖም ኣለዉ። ካብዚ ቀፂሉ ድማ ካብ 3 ለካቲት 2017 ዓ/ም ንኣስታት 20 ናይ ስራሕ መዓልታት ዝካየድ ነፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ኣብ መላእ ትግራይ እናተሳለጠ ይርከብ። ከምመርኣያ ድማ ላዕለዎት ሓለፍትን ሰብ ሞያን ፌዴራል፣ ክልልን ወረዳን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ወረዳ ሓውዜን ጣብያ መጋብ እቲ ወፍሪ ብዕሊ ተበሲሩ ኣሎ። ስለዚ ሎሚዘበን ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዓበይቲ ፈተናታት ዘለውዎ ግን ድማ ዓበይቲ ተሞክሮታትን ምድላዋትን ዝተተግበረሉ ብምኻኑ ብምሉእነት ከምዝዕወት እቶም ተጀሚሮም ዘለዉ ስራሕቲ ከምዘመላኽቱኣይተ ኣለምብርሃን ይገልፁ።

ኣብዚ ወፍሪ ልዕሊ 896 ሽሕ ህዝቢ ብዝተወደበ መንገዲ መዓልታዊ ክኸትትን 30,000 ሄክታር ብነፃ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን፣ ምስ ፕሮጀክታት ተኣሳሲሩ ድማ 32,000 ሄክታር ብድምር 62,000 ሄክታር መሬት ክስራሕ ከም ሸቶ ተታሒዙ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ጎድና ጎድኒ እቲ ወፍሪ 71 ሚልዮን ፈልሲ ክፈልስ፣ ነዚ ዝኸውን ጠሊ ዓቀብቲ ዛላታት ክስርሑ ከምመደብ ተቐሚጦም እዮም። ካልእ ኣብ ምክልኻል ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብዋናነት ምስ ዘይሕጋዊ ዕደና ተኣሳሲሩ ዝረአዩ ዘለዉ ሓደገኛ ተርእዮታት ጠጠው ዝብልሉ መንገዲ ንምፍጣር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ። ውድብ ህወሓት ከምውድብ ብኬሚካልን ማሽነሪታትን ተሓጊዝካ ዝግበር ዘይሕጋዊ ዕደና ጠጠው ክብል ወሲኑ ስለዘሎን ናይ ህዝቢ ጠለብ እውን ንሱ ስለዝኾነን እዚ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ክሰግር ንምግባር ቅልጡፍ ተግባራዊ ስራሕ ይጠልብ።



ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

## ማህደር ፎቶ

# ምርኢት መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ
# በዓል ልደት ህወሓት - 2017 ዓ/ም (ብኸፉል)





















ንምልክነት ምምካት ፅኑዕ ቃል ኪዳን ቓልስና እዩ!!